NATIONAL UNION OF ERITREAN YOUTH & STUDENTS

# መንእሰይ

መጽሔት ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ

2021
67
MARCH

- ቅድሚ ኢድና ምውጥዋጥና
- ዋርሳይ ኣብ ከበድ ከቢዱ
- ኣመታት መጻኢ ጉዕዞና
- ነገር'ያ "መሓዛይ"
- ዘመናዊ ሞያ



ክልተ ወርሓዊት መጽሔት
ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ

መጋቢት 2021 ቁ.67

መሸጢ ዋጋ ኣብ ኤርትራ 10 ናቕፋ

ዋና ኣሰናዳኢ
መስፍን ገብረሂወት

ዲዛይን ሕብራዊ ገበር
ከማል ዲኖ

ስእሊ
ኣርካይቭ ሃግመተኤ

ናብ መጽሔት መንእሰይ ክትሰዱዎ እትደልዩ ርእይቶ፡ ሓበሬታ፡ ኣበርክቶ፡ መኣረምታ፡ ነቐፌታ ወዘተ. በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትልእኩልና ትኽእሉ።

መጽሔት “መንእሰይ”
ቁ.ሳ.ጶ 1042
ቁ.ስልኪ. 202592
ፋክስ 291-1- 125981

መርበብ ሓበሬታ ማሕበር
www.eriyouth.org

ዘርጋሒ መጽሔት
ቁ.ስልኪ. 200454

መጽሔት መንእሰይ ብተወሳኺ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.shabait.com (menesey magazine) ክትረኽብዋ ትኽእሉ ።

# ትሕዝቶ

ቃል ኣሰናዳኢ 2
ደሃይኩም 3
ደሃይ ማሕበር 7
- ኣብ መኸተ ለበዳ ኮሮና ብኣተኩሮ ተሰሪሑ
ጉዳያት 9
- እዋን ኮሮና ዘድመቖ ክብርታትና
- ኣመታት መጻኢ ጉዕዞና
- ቅድሚ ኢ.ድና ምውጥዋጥና!
ተመስጦ 15
- ዋርሳይ ኣብ ከቢድ ከቢዱ
ሓሳባት 21
- “ታሪኽ ምፍላጥ እንታይ ይዓብሰለይ?”
- ምዕዶን መንእሰይን
ሞያን ስራሕን 25
- ዘመናዊ ሞያ
ኣካዳሚ 28
- ኮሮና ንተመሃሮ ዝፈጠሮ ዕድል
- ስለምንታይ ኢና እንመሃር?
- መለሳ ኣካዳሚ
ሕብረተሰብ 33
- ነገር’ያ “መሓዛይ”
- ወልፊ ሕሜት ከመይ ነወግዶ?
ሓንቲ ሕቶ ኣላትኒ 37
- ጽልዋ ኣመጋግባ ኣብ ቅርጺ ሰብነት
ባህልን ስነ–ጥበባትን 40
- ወግዒ ምስ ኣርቲስት ስዒድ ኣንዋር
- ወግዒ ምስ ኣርቲስት ኤደን ቴድሮስ
- “ስነ-ጽሑፍ፡ ኣመዓባብላኡን ተራኡን ኣብ ሰውራ”
ሳይንስን ቴክኖሎጅን 48
- ነገራት ብኢንተርነት
- ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ
- መርበባዊ ኩናት
ስፖርት 54
- ብንያም ግርማይ
መለሳ 59
- ኣየነይተን ተስሕቕ
- ቅኔ ትግርኛ
- ዜሰደምሙ ሓቅታት

# ቃል ኣሰናዳኢ

ብርሃን ብሩህ መጻኢና ዝያዳ ቀሪቡ ኣብ ዝርኣየሉ መድረኽ በጺሕና ኣለና። ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ እዋን፡ ኣብዚ ሃገርዚ ክፍጠር ዝኽእል ዕድላትን ክመጽእ ዝኽእል ሱር በተኽ ቁጠባዊ ለውጢን ዕብየትን ኣዝዩ ብሩህ ኮይኑ ኣሎ።

ናብ'ዚ ትስፉው ግዜ'ዚ ንምብጻሕ ዝተሰግረ መስገደላት ግን፡ እምበረ መጠን በዓዊን ዓቕሊ ዝፈታተንን እዩ ነይሩ። ሳላ'ቲ ከምህ ዘይብል መኸተና፡ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣውራ ድማ፡ ሳላ ውፉይ ጻዕሪን መስዋእቲን መንእሰያት ግን፡ ነቲ ልዑል ተጻዋርነት ዝሓተተ ጸዋግ ግዜ ሰጊርና፡ ናብ ድሙቕ ብርሃን ዝወስድ ውሑስ መስመር ረጊጽና ኣሎና።

ናይ ቀረባ መጻኢና ኣዝዩ ብሩህን ትስፉውን ይኹን'ምበር፡ ሕጂ እውን እንተኾነ፡ ነዚ ኣብ ቅድመና ዘሎ ባና ትስፉው መጻኢና ንምድማቕ፡ ሓጺር ናይ ጻዕርን ተወፋይነትን መድረኽ ከሓተና ምዃኑ ክዝንጋዕ ኣይግባእን። ፖለቲካዊ ብቕዓትን ንቕሓትን ኣዕሪግና፡ ግዝያዊ ጸገማት እናበዳህና፡ ጸዓትና ኣወሃሂድና ተተሓሒዝናዮ ኣብ ዘሎና ኩሉመዳያዊ መደባት ልምዓትን ድሕነትን ከነኽትት ኪድሊ እዩ።

ናይ ሎሚ ሕታም መጽሔት መንእሰይ፡ ቀዳምነታት ልምዓታዊ መደባትን ኣብ ውሽጡ ንመንእሰያት ዓቕርዎ ዘሎ ሰፊሕ ዕድላትን ኣመልኪታ፡ "ኣመታት መጻኢ ጉዕዞና" ብዝብል ኣርእስቲ ኣማቲ ጽሑፍ ኣቕሪባ ኣላ። ንተራን ኣበርክቶን ዋርሳይ ኣብ ልምዓታውን ድሕነታውን መዳይ ዝድህስስ ትሕዝቶ'ውን ብመልክዕ ተምሳጥ ኣእንጊዳ ኣላ።

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ምስ ኩሎም መሻርኽቲ ብምውህሃድ መንእሰያት ንቕሓቶም በሪኹ ኣብ መስርሕ ክካየድ ዝጸንሐን ዘሎን ማሕበረ-ቁጠባዊ ለውጢ ቀዳሞት ተዋሳእቲ ብምዃን ኣበርከትትን ረባሕትን ናይ'ቲ ዝሰላሰል ዘሎ መስርሕ ኩሉ ጎድናዊ ህንጻት ከኾኑ ሓያል ጻዕሪ ኣብ ምክያድ ይርከብ። ማሕበር ኣብ ዓመተ 2020 ሒዝዎ ዝተበገሰ መደባትን፡ ምስ ክስተት ኮሮና፡ እንታይ ዓሚሙ እንታይ ከም ዝተርፎን መጻኢ መደባቱን ኣመልኪቱ፡ ኣቦመንበር ማሕበር፡ ንመጽሔት መንእሰይ ናይ ዝሃቦ ሓበሬታ ጽማቕ ትሕዝቶ ኣብ ዓምዲ ደሃይ ማሕበር ቀሪቡ ኣሎ።

ዘሎናዮ መድረኽ፡ ተመሃሮን መማህራንን ኣብ ትሕቲ ቅሱንን ሰላማዊን ህይወት፡ ኣቓልቦኦም ብኻልእ ስክፍታታት ከይተገዝአ፡ ልቦም ኣውዲቖም፡ ኣብ መስርሕ ምስትምሃርን ምምሃርን ዝጽመድሉ ክኸውን ምዃኑ ፍሉጥ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ንእገዳስነት ትምህርቲ ኣብ ውልቃዊን ሕብረተሰብኣዊን ህይወት ብሓፈሻ፡ ንኢድላይነትን ወሳንነትን ትምህርቲ ኣብዚ ኣቲናዮ ዘለና ሓድሽ ናይ ሰላምን ዕብየትን መድረኽ ድማ ብፍላይ ዘዘኻኽር ትሕዝቶ ኣብ ዓምዲ ኣካዳሚ ቀሪቡ ኣሎ። እዛ ዓምዲ፡ ተመሃሮን መንእሰያት መምህራንን ንምምእዛን ዓሊማ እትዳሎ ብምዃና፡ ገዳይምን ምኩራትን መምህራን ነዚ ናይ ሕጂ ወለዶ ተመሃራይን መምህርን ዘማእዝን ሓሳባት ብምሃብ ተሳትፎኹም ክተዕዝዙላ ጸውዒት ዘድልዮ ኣይኮነን።

ትስፉው ጉዕዞ ተክኖሎጂ ኣብ ትስፉው መጻኢት ኤርትራ ክህልዎ ዝኽእል ተራን እጃምን ብሕልፊ መንእሰያት ብግቡእ ክፈልጥዎ ስለዝግባእ፡ ኣብ መጽሔት መንእሰይ ብተኸታታሊ ክወጽእ ጸኒሑ ኣሎ። ኣብ ናይ ሎሚ ሕታም፡ ነገራት ብኢንተርነት ብዝብል ኣርእስቲ ሰፊሕ ትሕዝቶ ተዳልዩ ኣሎ።

ኣብ ዓምዲታት ሞያን ኣፍራይነትን፡ ባህሊን ስነጥበብን፡ ስፖርት፡ መለሳ፡ እናኣዘናግዑ ዝምህሩ ዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ቀሪቦም ኣለዉ። መጽሔት መንእሰይ ኣብዚ ትስፉው ናይ ህንጸትን ምዕባለን መድረኽ እጃማ ንምዕባይ፡ ተሳትፎን ኣበርክቶን ግዱሳት ኣንበብታ ከይፍለያ ናይ ወትሩ ለበዋኣ እዩ።

# ደሃይኩም

## መሃሪን ኣዛናዩን ወግዒ

መጽሔት መንእሰይ ኣብ ዝሓለፈ ሕታማ ሓደ ዓብዪ ሰብ ሒዛትልና ምውጻኣ ሞሳ ይግበኣ። ደራስን ተመራማሪ ታሪኽን ኣቶ ኣለምሰገድ ተስፋይ፡ ኣብ ታሪኽና ሓያል ምርምር ብምክያድ ንውሉድ ወለዶ ተዓቂቡ ዝነብርን ዝሰጋገርን ዝድነቕ ስራሕ ዘበርከተ ንንየተሉ ናይ ታሪኽ ሊቕ (historian) እዩ። በዓል ታሪኽ ክንሰኻ፡ ታሪኽካ ከይነገርካ ምሕላፍ ሃየንታ ምዃኑ ኣብ ዕላሉ ነጊሩና ኣሎ፡ ኣቶ ኣለምሰገድ። እዚ ነቶም ሰብ ታሪኽ ታሪኾም ክንገሩ፡ ጸሓፍቲ ድማ ብርዖም ክስሕሉ ንኽልቲኡ ወገን ዓብዪ ሓላፍነት ዘሰክም እዩ።

ደራሲ ኣለምሰገድ ተስፋይ፡ ቅድሚ ገለ ዓመታት ኣብ ጁንየር ክሉብ "ፕረዘንተሽን" ከቕርብ ተኸታቲለዮ ነይረ። ብትሕዝቶን ኣቀራርባኡን ኣዝዩ ክምስጠኒ እዝክር። ስለዚ ምቁር ወግዒ ደራሲን ተመራማሪ ታሪኽን ኣለምሰገድ ተስፋይ፡ ኣብ መጽሔት ከይተሓጽረ፡ ብድምጺን ስእልን እውን ከውግዓና ከዘኻኽሮ ክብሪ እስመዓኒ። ሃማመተኤ ድማ ብዕቱብ ሒዞ ክሰርሓሉ እላቦ።

*ቅሳነት መንግስትኣብ*
*ካብ ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን*

## ዘይመውት ትሕዝቶ

ሳላ ኮሮና፡ ንንባብ ዝኸውን ኣኽል ተረፍ ግዜ ምስ ረኸብኩ፡ ኣብ ቅድመይ ዝጸንሓኒ ሕታማት መጽሔት መንእሰይ ከንብብ ጀሚረ። እቲ ዘገርም፡ ነቲ መዓልቱ ኣሕሊፉ ኢለ ኣቓልቦ ዘይገበረሉ ዝነበርኩ፡ ልክዕ ከም ሓድሽ ሕታም ዘንብብ ዘለኹ ኮይኑ'ዩ ተሰሚዑኒ። ዘልዓልክዋ መጽሔት፡ ከይወዳእክዋ ናብ ቦታኣ መሊሰ'ያ ማለት ዘበት! እቶም ቀደም ክዓትቡኒ'ዮም ኢለ ዝሰግሮም ዝነበርኩ ዓምድታት፡ ተመሊሰ ክግንጽሎም ምስ ጀመርኩ፡ እኳ ደኣ ዝሓሹን ዝበለጹን ኮይኖም ጸኒሖምኒ።

መጽሔት መንእሰይ ዝመውት ትሕዝቶ የብላን። ኣብ ገጻታ እተውጽኦም ዛዕባታት፡ ትንታነታት፡ ሓሳባት፡ ቃለመጠይቓት፡ ሓጺር ዛንታታት፡ ዘልኩ ደኣ ናይ ሳንድያጎ፡ ሞዛይክ ወዘተ. ደጊምካ ምስ እተንብቦም ሃውሃዋ ዝመልስ መቕረት'ዩ ዘለዎም።

ስለዚ ብልጫ መጽሔት መንእሰይ እተዛነቕ ትሕዝቶታት ዝቐርበላ፡ ከም መወከሲ ዘገልግል ብዙሕ ሓበሬታ፡ ትምህርቲ፡ ምዝንጋዕ ትቋደሰላ፡ ከም እዋናዊ (periodical) መጽሔት ጥራሕ ዘይኮነ፡ እንተላይ ናይ መጽሓፍ ባህርዪ ዘለዋ ስለዝኾነት፡ ሓበን ይሰማዓያ።

ኤስሮም ክብሮም ካብ ገዛባንዳ (ከባቢ ማይጥምቀት)

## ቈላሕታ ኣብ ፊልምታት

መስርሕ ፊልም ኣብዚ እዋን'ዚ ከም ኣካል ጥበባዊ ስራሕን ኢንዳስትርን ኮይኑ፡ ኣብ መላእ ዓለም ብዝለዓለ ደረጃ የስፋሕፍሕ ኣሎ። ብመገዲ ፊልም ዝግበር ጽልዋ ድማ ብኡ መጠን እናዓበየ ይመጽእ ከም ዘሎ ዘካትዕ ኣይኮነን። ኣብ ውሽጢ ሃገርን ደገን ብዘለዉ ዜጋታት ዝፈርዩ ዘለዉ ፊልምታት ኣዝዮም ብዙሓት'ዮም። ብሕልፊ ብተበግሶ ውልቀሰባት ፈርዮም ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝዝርግሑ ዘለዉ ፊልምታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናበርከቱ ይመጹ ኣለዉ።

መጽሔት መንእሰይ፡ ጽልዋ ፊልም እናዓበየ ይኸይድ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ "ፊልምታትና ናበይ ገጾም?" ብዝብል ኣርእስቲ ምኩራት ሰባት እናዓደመት መኣዲ ዘተ እተኣንግደሉ ዓምዲ ክትከፍት እዋን ዝጠልቦ ምዃኑ ኣዘኻኽር። ቅድሚ ሕጂ ነዚ ዓውዲ ዝምልከት ሰፊሕ ዘተ ኣኣንጊዳ ምንባራ እዝክር'የ።

*ብርሃነ ገብረመድህን ካብ ዓዲ ሰጉዶ*

## ባህሊን ስፖርትን

ኣብ ባህልን ስፖርትን እግደስ እየ።




መጽሔት መንእሰይ ድማ ንባህልን ስፖርትን ኣተኩሮ ሂባ ብዘይ ብኩራት ትሰርሓሉ ምዃና ሕጉስ እየ። ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ምስ ገዲም ደራሲን ተመራማሪ ታሪኽን ኣቶ ኣለምሰገድ ተስፋይን ምስ ተዋሳኢትን ዲዛይነርን ሞዴሊስት ዊንታ ገረዝሄርን ዝተኻየዱ ዕላላት መሰጥቲ ነይሮም። ቅሩብ ደኣ እዋናውነት ይጎድሎም ኮይኑ እምበር፡ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ትሕዝቶታት ስፖርት እውን ኣገዳሲ ነይሩ።

ኣብ ክልቲኡ ዓምዲታት ብመልክዕ ዘተን ትንታነን ዝቐርቡ ንባህልን ስፖርትን ሃገርና ክሕይል ዝድርኹ ትሕዝቶታት ምቕራብ ክትቅጽሎ ጽቡቕ ነይሩ። ኣብቲ ዝያዳ ዝግደሰሉ እየ ኣተኮረ እምበር፡ መጽሔት መንእሰይ ኩሉ ትሕዝቶኣ ኣገዳስን መለሳ ዘለዎን እዩ።

ሱሌማን ሳልሕ ካብ ባረንቱ

## ኮሮናን ምድንጓይን እንታይ ኣራኸቦ?

መጽሔት መንእሰይ ጠፊኣትና። ጉዳይ ኮሮና እንተኾይኑ፡ ኮሮናን ምድንጓይን እንታይ ኣራኸቦ፧ እኳ ደኣ ሕጂ'ያ ኣብ እዋን ኮሮና ዝያዳ ክትጉስጉስን ክተነቓቕሕን ዝግበኣ። ብዝኾነ ናፊቕና'ያ ኣሎና'ሞ፡ ኣብ ቀረባ መጻኢ ተቋደስታ ክንከውን እትስፎ።

ሂባ ጓል ኣኽርያ

# ወግዒ መንእሰይ

## ምስ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፍወርቂ




“እዚ ዝካየድ ዘሎ መኸተ፡ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ፡ መን ወዲብዎ? መን ኣልይዎ? መን መሪሕዎ እንድሕር ኢልካ እቲ መንእሰይ እዩ።

“እዚ ኹሉ መንእሰይ ኣብ ግንባራት ዘሎ፡ እዚ ኹሉ ጸገም ተጻዊሩ ዝኸይድ ዘሎ፡ ዘይንገር ተኣምራታት ዝሰርሕ ዘሎ መንእሰይ ንዕኡ ብጸግዒ ገዲፍካ ኑቲ በጻብዕ ዘይቁጸር በትከ፡ ዝሃደሙ፡ ዝሓመቐ ንዕኡ ከም ኣብነት እናወሰድካ ንኹሉ መንእሰይ ብኸምኡ ክትመዝኖ መሰረታዊ ጌጋ እዩ።”

“ከም መንእሰይና ዝዓበየ ተመኩሮ ዝረኸበ መንእሰይ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ይትረፍ ኣብ ኤውሮጳ እውን የልቦን።”

“ንመንእሰይ ፍልጠት ሓደ ካብ መሰረታዊ ህይወቱ እዩ። ጽባሕ ንግሆ ምእንቲ ዕዳ ከይኮኖ፡ ግዜ እንከለካ ፍልጠት ናይ ምውህሃል ዕድል ኣይተጥፍእ እየ ዝብሎ።”

“ቀጻሊ ፍልጠት ወሰኽ፡ ፍልጠት ወሰኽ ክብለካ ከለኹ፡ ኣበየናይ ደረጃ እዩ እቲ ባህግኻ እንተ ኢልካዮ፡ ደረት የብሉን ባህጊ ናተይ።”

“ኪንዮ ኣድማስ ክትርኢ ከለኻ፡ ከምዚ ክኸውን ኣለዎ ንእትብሎ ነገር ናብኡ ክትበጽሕ ምእንቲ፡ ትሰርሕ።.... እምበር ብሕልሚ ነፊርካ ናብኡ ክትበጽሕ ኣይትኽእልን ኢኻ።”

“መንእሰይ ብሰለስተ ኩርናዕ ወይ ዳይመንሽን ክርኢ ክኽእል ኣለዎ። ልዕሊ ኹሉ ኸኣ ፍልጠት ቀሲሙ፡ ሞያ ወይ ክእለት ሃልይዎ፡ ኣብ መውዳእታ ብደረጃ ስነ-ምግባር (Ethics) ኣብ ዝለዓለ ክብርታት ክበጽሕ ክኽእል ኣለዎ። ኩሉ'ዚ ድማ ባዕሉ ሰሪሑ ክምጽኦ ዘለዎ ምኳኑ ክፈልጥ ኣለዎ። መንእሰይ ባዕሉ እዩ ክወርስ ዘለዎ።”



ብኣጋጣሚ 3ይ ሃገራዊ ፌስቲቫል መንእሰያት፡ ክቡር ፕረዚደንት ኣሳያስ ኣፍወርቂ ምስ መጽሔት መንእሰይ ካብ ዘካየዶ ቃለመጠይቕ ፡ ሓምለ 2008

መጽሔት መንእሰይ ቁ. 19



# ክብርታት ዓወትና ብቕዓትና

“ሓደ ወለዶ ናብ ተካኢ ወለዶ ክሰጋግሮ ዝኽእል ዝኸበረ ውርሻ እንተሎ ንብረት፡ ገዛ ወይ ካልእ ንዋት ዘይኮነ፡ ብቐንዱ ክብርታት እዩ። ኣብ ሰውራ ዝተመሃርናዮም ክብርታት ሓድነት፡ ውህደት፡ ምክብባርን ምትሕግጋዝን እዮም። ህዝባዊ ግንባር ውጽኢት ናይ’ዞም ክብርታት’ዩ። ኣብ እዋን ቃልሲ ኮነ ኣብ ግዜ ሓርነት ዘዐወቱና ክብርታት ንሳቶም እዮም። ሕጂ’ውን እቶም ክብርታት ንሳቶም’ዮም፤ ኣይተቐየሩን።

“ዝሓለፍናዮ ተሞኩሮ ምስ እንውክስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ብሓይሊ ዘይመጣጠኖ፡ ብዝተፈላለየ ዞባዊን ዓለማዊን ረቛሒታት ዝተጠናነገ ኲነታት ከመይ ገይሩ ሰጊሩ ክዕወተሉ ክኢሉ? ኣንጻር ገዚፍ ሓይሊ ብኸመይ’ዩ ተዓዊቱ እንተድኣ ኢልና፡ ክብርታት’ዩ መሰረቱ።

“ንሓደ ገዚፍ፡ ዘይመዛዘኖኻ ሓይሊ ከመይ ጌርካ ክትገጥሞ ትኽእል? እቲ ዘደኸመ ነቲ ዝሓየለ ከመይ ገይሩ ይስዕሮ? እቲ ዘውሓደ ነቲ ዝበዝሐ ከመይ ገይሩ ከሰንፎ ይኽእል? እቲ ዘውሓደን ዝደኸመን ክዕወት እንተኾይኑ፡ ሓይሉ ዘዕብየሉ መራብሒ (multiplier) ክረክብ ክኽእል ኣለዎ። እቲ መራብሒ ኸኣ ፍልጠት’ዩ።

“ፍልጠት ንመሃዘት ክትጥቀመሉ እንክሎኻ፡ ፍልጠት ብዓቢ እናማሓየሽካዮን እናሓየልካዮን ክትከይድ እንክሎኻ፡ ንውሑድ ቁጽሪ የራብሖ፡ ንድኹም ሓይሊ የሐይሎ። ነቲ ራእዩ (vision) እውን ዝያዳ የሐይሎ። ስለዚ ፍልጠትን መሃዘትን ርእሱ ዝኸኣለ ክብሪ ኮይኑ፡ ወሳኒ ረቛሒ ናይ ዓወት እዩ።

ካብ ሰሚናር ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፍወርቂ
ኣብ ገይ ሃገራዊ ፌስቲቫል መንእሰያት፡ 17 ሓምለ 2016፡ ሳዋ

መጽሔት መንእሰይ ቁ. 52





# ንገዚፍ ስራሕ እንብገሰሉ መድረኽ

“ኣብ ኢትዮጵያ ተፈጢሩ ዘሎ ኩነታት፡ ናይ ብሓቂ ናብ’ቲ ልዕሊ 20 ዓመታት ተኸሊፉ ዝጸንሐ ባህጊ ክንምለስ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኪናኡ’ውን ንወለዶታት ዝኸይድ ለውጢ ከምጽእ ተስፋ ዝሁብ እዩ።

“እዚ ተኸሲቱ ዘሎ ሓድሽ ምዕባለታት’ዚ ሰኽ ኢሉ፡ ብሃንደበት ዝመጸ ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ መንእሰይ ኤርትራ ድማ ብፍላይ ብዙሕ ክቃለሰሉ ዝጸንሐ፡ መስዋእቲ ዝተኸፍሉ፡ ዕድል ዝጠፍኦ እዩ።

“ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢይ ብሰፊሑ ዝተዘራረብናሉ፡ ኑቲ ዝኸሰርናዮ ዕድላት ኣምሊስና ብኸመይ ብዝሓየለ ደረጃ ንቕድሚት ንኸዱ እዩ። እዚ ድማ እዚ ሃገር’ዚ፡ እዚ ህዝቢ’ዚ ክዓለወሉ ኣለዎ።

“ኣብ ከባቢና ዘሎ ኩነታት ከይቀየርና ንሕና ናይ በይንና ኩነታት ጥራይ ቀይርና ኣለና እሞ፡ ኩሉ ነገር ብጽቡቕ ክኸይደልና እዩ ኢልና ክንዛረብ ኣይንኽእልን። ንኡብረሉ ዘለና ጎደቦ ክቐስን ክኽእል ኣለዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሓቢሩ ምሳና ክጓዓዝ ስለዘለዎ፡ ንሱ እውን ኣብዚ ናትና መደብ ኣእቲና ክንሰርሓሉ ኢና።

“ነዚ ኣብ ቅድሜና ተገቲሩ ዘሎ ዕድላትን ብድሆታትን ብግቡእ ክንሰርሓሉ፡ ቅድም ቀዳድም ናይ ህዝቢ፡ ብቐንዱ ኸኣ ናይ መንእሰያት ድሉውነት ክህሉ ኣለዎ።

“ስራሕና ዝኸበደን ዝዓበየን ገሲጋስና ድማ ዝቐልጠፈን’ዩ ክኸውን ዘለዎ። ሰላም መጺኡ፡ ቀሲንና ተሓጒስና ኢልና ክንዛነ ኣይኮናን። ኩሉ ጸገማት ተወዲኡ እዩ ኢልና ንዛነየሉ መድረኽ ዘይኮነ፡ ኣብዚ ተኸፊቱ ዘሎ ሓዲሽ ምዕራፍ ብዝያዳ ሓይሊ፡ ብዝያዳ ተገዳስነት፡ ክንሰርሕ ሓላፍነት እንስከመሉ ግዜ እዩ።

“ዘለናዮ ግዜ ንገዚፍ ስራሕ ቅሩብነት ዝሓትት እዩ። ቅድሚ ዝኣገረ መንእሰያት ናይ’ዚ ሃገር ኣብ ቅድሚኦም ዘሎ ሓላፍነት ብግቡእ ክግንዘብዎ ኣለዎም። ንወለዶታት መሰረት ኣንጺፎም ዝሓየለን ዝበለጸን ኩነታት ክፈጥሩ ስለዘለዎም፡ ማዕረ’ቲ ዝጽበዮም ዘሎ ሓላፍነት ኮይኖም ክርከቡ ኣለዎም።

ካብ ሰሚናር ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፍወርቂ
8ይ ሃገራዊ ፌስቲቫል መንእሰያት፡ 11 ሓምለ 2018፡ሳዋ

ደሃይ ማሕበር

# ኣብ መኸተ ለበዳ ኮሮና ብኣተኩሮ ተሰሪሑ



ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ኣብ 2020 ዝበዝሐ ግዚኡ ኣብ መድረኻዊ መኸተ ለበዳ ኮሮና ኣተኩሩ ክሰርሕ ምጽንሑ፡ ኣቦመንበር ማሕበር ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን ንመጽሔት መንእሰይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ገሊጹ።

ማሕበር ራኢኡን ዕላማታቱን ንምጭባጥ በብእዋኑ ስትራተጂያዊ ውጥን እናሰኣለ ክሰርሕ ምጽንሑ ዝገለጸ ብጻይ ሳልሕ፡ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመታት፡ ኣብ'ቲ ምስ ሃገራዊ መደባት መኸተን ልምዓትን ተሳንዩ ዝወጸ፡ ክሳዕ 2021 ዝዝርጋሕ ስትራተጂያዊ ውጥን ስራሕ ተመሪሑ ክኸይድ ምጽንሑ ኣረዲኡ።

ኣብ ዓመተ 2020፡ ማሕበር ብመሰረት ስትራተጂያዊ ውጥን ስራሕ፡ ኣብ መድረኻዊ ተልእኾ ፖለቲካን ልምዓትን ብምትኳር፡ መንእሰያት ንዘሎ መድረኽ ዝበቕዖ ኮይኖም ክርከቡ ዘኽእሎም ዕጥቂ ንምዕጣቐም ዘኽእል ንቡር መደብ ስራሕ ሓንጺጹ ንስራሕ ተበጊሱ እኳ እንተነበረ፡ ብሰንኪ ዘጋጠመ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ዝተኸስተ ምዕጻው ኣብያተ ትምህርቲ፡ ኣብያተ ጽሕፈትን ምድራት ምንቅስቓሳትን ክሳዕ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት እንተዘይኮይኑ፡ ብኽምቲ ዝተወጠና ክኸይድ ኣይተኻእለን።

ብጻይ ሳልሕ፡ ካብቲ ዝተወጠነ፡ ኣብ ቀዳማይ ርብዒ ዓመትን ምስ መምርሒታት መኸተ ለበዳ ኮሮና ተሳንዩ'ም፡ መንእሰያት ኣብ ምውዳብ፡ ምንቃሕን ምዕጣቕን ዝተኻየዱ መደባት ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፥

ውዳበ መሰረታዊ ረቛሒ ንዕዉት ውጽኢት እዩ። ሓይልን ምዕባለን ሓደ ሕብረተሰብ ብዘለዎ ደረጃን ኣገባብን ውዳበ ይውሰን። ንሓይሉን ጸጋታቱን ብግቡእ ክውድብ ዝኽእል ሕብረተሰብ፡ ቀጻልነቱ የውሕስ፡ ጽልዋኡ የዕቢ፡ ረብሓታቱ የረጋግጽ። መንእሰያት ኣገደስቲ ካብ ዝበሃሉ ጸጋታት ሕብረተሰብ እዮም። ኣብ ዙርያ ሓደ ራእዩን ዕላማን ምስ ዝውደቡ ድማ፡ ኣገዳስነቶም ዕዙዝ ትርጉም ይህልዎ።

ምሕያልን ምስፋሕን ኩሉ ቀጻላታት ውዳበ ኣካል ስትራተጂያዊ ውጥን ማሕበር ኮይኑ ክሰረሓሉ ጸኒሑ ኣሎ። ምዕባይን ምውሓስን ጉጅለታት ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ፈተውራሪ፡ ሕመረትን ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ካድርን መንእሰያት ሰራሕተኛታትን ቀዳምነት ተዋሂብዎ ተሰሪሕሉ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ኩለን ዞባታት 60 ጉጅለታት ቀያሕቲ ዕምባባ ክውደቡን ክስልጥኑን ከለዉ፡ 173 ጉጅለታት ፈተውራሪ ምስ ስልጠና ፈተውራሪ ዝቐሰሙ፡ ኣብ ንጥፈት ጸኒሖም። 163 ጉጅለታት ሕመረት ዳግመ ውዳበን ስልጠናን ወሲዶም ኣብ ንጥፈት ጸኒሖም። ብዘይካ'ዚ ኣብ 65 ጉጅለታት ካድር (ማእከላይን፡ ካልኣይ ደረጃ) ዝጥርነፉ 1594 ኣብ ንጥፈት ጸኒሖም። ብጸቢብ ውዳበታት ብሓፈሻ፡ ኣስታት 3 ሽሕ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ክካይዱ ከለዉ፡ ኣስታት 267,000 መንእሰያት ዝተሳተፍዎ ነይሩ።

ሃማመተኤ፡ ኤርትራውያን መንእሰያት ታሪኾምን ባህሎምን ብግቡእ ብምግንዛብ ብመንነቶም ክሕበኑን ሃገራውነቶም ክኹልዑን በቲ ሓደ ወገን፡ ብሰንኪ ምስፍሕፋሕ ዓውለማ ይኽሰት ንዘሎ ባህላዊ ወራር፡ ምጽናትን ምትሕንፋጽን ባህሊታትን ናይ መንነት ቅልውላውን ንምምካት ድማ በቲ ካልእ ወገን፡ ምስ መሻርኽቱ ብምትሕብባር ሓያል ወፍሪ ኣብ ምክያድ ይርከብ። ገለ ካብ'ቲ ብዙሕ ድማ፡ ደረጃ ንቕሓት መንእሰያት ንምሕያል ስሩዕ ሲቪካዊ ትምህርቲ ክካይድ ጸኒሑን ኣሎን።

እዚ ግቡእ ካሪክለም ብምድላው ዝወሃብ ትምህርቲ እተፈላለየ ኣርእስታት ማለት፡ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ታሪኽ ብረታዊ ገድሊ፡ ምሕደራ፡ መባእታ ፖለቲካ፡ ኣምራት ሕግን ስነ- ምግባርን፡ ዓውለማን ጽልዋኡን ....ወዘተ፡ ዘጠቓልል ክኸውን እንከሎ፡ ንመንእሰያት ብዘሳትፍ መገዲ ብሓባራዊ ዘተ፡ ክትዕን መዘናዊ ምጽልላውን ኣወሃሂዱ ዝወሃብ'ዩ።

በዚ መሰረት፡ ንጥፈታት ሲቪካዊ ስልጠና ኣብ ኩሎም ውዳበታት ተኻይዱ። 3,768 መንእሰያት ተመሃሮ ስልጠና ፈተውራሪ፡ 2,701 ስልጠና ሕመረት፡ 595 ስልጠና ማእከላይ ደረጃ ካድር ክወሃቦም ከሎ፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመት ብድምር 4,200 መንእሰያት ሲቪካዊ ስልጠና ወሲዶም ኣለዉ። ስልጠና ካድር ብደረጃ ማሕበር ኣብ ኮለጃት ዓዲቐይሕን ሓመልማሎን ክካየድ እንከሎ፡ ከም መቐጸልታ ናይ ካልኣት ዓመታት ድማ ኣብ ሳዋ ናይ ማእከላይ ደረጃን ካልኣይ ደረጃን ካድር ን33፡ 34 ዙርያታት ተዋሂቡ።

ኣብ ንጥፈታት ሰፊሕ ውዳበ ምስ

እንምልከት፡ ፖለቲካዊ ንቕሓት ዘዕብዩ፡ ተገዳስነት ትምህርቲ ዝኹስኩስ ማሕበራውን ጥዕናውን ንቕሓት ዘዕብዩ ኣስታት 67 ሽሕ ናይ ክልቲኡ ጾታ መንእሰያት እተሳተፍዎ ልዕሊ 200 ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ተኻይዶም።

ምስ'ዚ ኣብ ዝተኣሳሰር፡ ማሕበር ኣብ ሲቪካዊ ስልጠና ክጥቀመሎም ዝጸንሐ 35 ኣርእስትታት ዝሓዘ መምሃሪ ጽሑፋት ዳግም ተመሓይሾምን ተኸሊሶምን ኣብ መስርሕ ምጽፋፍ ይርከቡ።

ኣብ'ዚ ዘለናዮ እዋን፡ ኩሉ መዳያዊ ንቕሓት፡ ቅድመ-ኩነት ንኹለንተናዊ ምዕባለ እዩ ክብሃል ይከኣል። ሰውራ ኤርትራ ብሓይሊ ብረትን ብዝሒ ሰብን ዘይኮነ፡ ብሓያል ንቕሓትን ግብራዊ ተሳትፍነትን ኩሉ ቀጻላታት ሕብረተሰብ ብፍላይ ከኣ መንእሰያት ክዕወት ከም ዝኽኣለ ታሪኽ ምስክር'ዩ። ፖለቲካ ኣካል መዓልታዊ ሂወትና ምኳኑ ኩሉ ሰብ ዝግንዘቦ ሓቂ እዩ። ካብ ፖለቲካ ተነጺልካ ምንባር ማለት፡ ካብ ሂወት ከባቢኻን ሕብረተሰብካን ሃገርካን ዓለምን ተፈሊኻ ምንባር ማለት'ዩ። መንእሰያት ነቲ ህሉዊ መድረኽ ብዓቢኡ ክግንዘቡን፡ ንድሌታትን ጠለባትን ሕብረተሰቦም ብግቡእ ክምልሱን ፖለቲካዊ ንቕሓቶምን ተሳታፍነቶምን ክዓዝዝ ልዑል ኣገዳስነት ኣለዎ። ፖለቲካዊ ንቕሓት ንዝኽሰቱ ፍጻሜታት ብመንጽር ሃገራዊን ህዝባዊን ረብሓታት ክትርድኦም ምኽኣል ክምልከት ከሎ፡ ፖለቲካዊ ተሳታፍነት ድማ፡ ነዞም ረብሓታት ንምጭባጥ ቀጥታዊን ዘይቀጥታዊን ተሳታፍነት ምህላው የመልክት።

ማሕበር፡ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ተሳታፍነትን መንእሰያት ንምዕባይ ዝተፈላለዩ መደባት ከተግብር ጸኒሑ እዩ። ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ሰሚናራት፡ ኣስተምህሮታት፡ ዜናዊን ባህላውን ስርሓት ነዚ ዕላማ'ዚ ንምጭባጥ ብቐጻሊ ዝካየዱ መደባት እዮም። ሓደ ካብ'ቲ ኣብ ሰፊሕ ውዳበ ዝዓበየ ኣገባብ ንቕሓት መንእሰያት ክብ ንምባል ዝጥቀመሉ ኸኣ እቲ ብመንገዲ መራኸቢ ብዙሓን ዝካየድ መማእዘኒ መደባት እዩ። መንእሰያት ናይ ትምህርቲ፡ ሓበሬታን ምዝንጋዕን ኣገልግሎት ንክረኽቡ፡ እንተላይ ምስ ሚኒስትሪ ዜና ብምውህሃድ ዝተፈላለዩ ኣገባባት መራኸቢ ብዙሓን ብምጥቃም፡ ሓያል ጻዕሪ ክካይድ ጸኒሑን ኣሎን።

ብሕልፊ ኣብዚ ለበዳ ኮሮና ኣብ ዓለም ኣስፋሕፊሑ ዘለወሉ እዋን፡ ዝተደጀተለ ኣገባብ መራኸቢ ብዙሃን ምጥቃም ዕዙዝ ኣገዳስነት ኣለዎ። ማሕበር ኣብ ርእስ'ቲ ኣብ ሕትመት፡ ራድዮ፡ ተለቪዥንን ዌብሳይትን ክካይዶ ዝጸንሐ ዜናዊ ስርሓት፡ ናይ ገዛእ ርእሱ "ዩ-ትዩብ" ብምኽፋት፡ መቢጋገሲ ክኸውን ዝኽእል መደባት ተዳልዩ፡ ኣብ መስርሕ ምስቃል ይርከብ ኣሎ። ንባህግን ጥሙሕን መንእሰያት ዘዕግብ ብሉጽ መደባት ንምቕራብ ተሳትፎ ተኸታተልቲ ብሓፈሻ፡ ተሳትፎ መንእሰያት ድማ ብፍላይ ወሳኒ ምኳኑ ዝገለጸ ብጻይ ሳልሕ፡ መንእሰያት፡ ናይ ድምጾም መቃልሒት፡ ሓድሕዳዊ ተሞክሮታቶም መለዋወጢት፡ ምንጪ ፍልጠት፡ መኽዘን ባህልን ምዝንጋዕን፡ መደረኽ መወራረሲት ታሪኽን ጅግንነትን፡ መኾስኮሲት ሃገራውነትን ክትከውን መንእሰያት ኩሉመዳያዊ ጸዓቶም ከፍስሱላ ጸዊዑ።

ሃማመተኤ ንመንእሰያት መበገሲ ዝኸውን ሞያዊ ስልጠና ብምሃብ ኣፍረይቲ ዜጋታት ንምግባሮም ዝተፍላለዩ ጻዕርታት ክገብር ጸኒሑን ኣሎን። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተኻየደ ስልጠናታት ካብቲ ናይ ዝሓለፈ ዝፈልዮ፡ ብሓያል ውህደት ምስ መሻርኽቲ ማሕበራት ዝተኻየደ ምኳኑ እዩ። ብመሰረት ምስ ሃገራውያን ማሕበራት (ሃማደኤን ሃኮሰኤን) ብምውህሃድ ሞያዊ ስልጠናታት ክወሃብ ዝወጸ መደብ፡ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ስልጠናታትን መሰልጠኒን ተለልዩ፡ ክስልጥኑ ዝኽእሉ መንእሰያት'ውን ተመምዮም። ኣብ'ቶም 41 እተለለዩ ዓይነታት ስልጠና፡ ኣስታት 1,700 መንእሰያት ዝተሳተፍዎ ኮይኑ፡ ብሰንኪ ለበዳ ኮሮና ተሰናኺሉ እኳ እንተሎ፡ ኩነታት ምስ ተቐየረ ብዝሓየለ ኣገባብ ክቕጽል ምኳኑ ብጻይ ሳልሕ ኣብሪሁ።

ብጻይ ሳልሕ፡ ንምኽታት ዓቕሚ መንእሰያት ኣብ መኸተ ለበዳ ኮቪድ 19 ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ዓመተ-2020 ዘጋጠመ ለበዳ ሕማም ኮሮና ቫይረስ፡ መንእሰያት ኣብ ምክልኻል እዚ ለበዳ ተራኦም ክጻወቱ ግቡኦም ስለዝኾነ፡ ማሕበር ብኹሉ መሓውራት ውዳበኡ ኣቢሉ ሕብረተሰብ መምርሒታት ላዕለዋይ ሓይሊ ዕማም ኣብ ምትግባር ክተሓባበር መነቓቕሒ ንስጉሳት ኣካይዶምን ኣብ ግብራዊ ስርሓት ተሳቲፎምን። ንኹሎም ኣብዚ ኣገዳሲ ሃገራዊ ዕማም ብንቕሓትን ተወፋይነትን ብምስታፍ ወለንታዊ ተራኦም ንዘበርከቱን ገና ኣብ ምብርካት ዝርከቡን መንእሰያት ሰራሕተኛታትን ተመሃሮ 2ይ ደረጃን ኮለጃትን ድማ ሞጒሱ።

ማሕበር ኣብ ዓመተ 2021 ሒዝዎም ዘሎ መደባት ብዝምልከት ብጻይ ሳልሕ፡ ኩነታት ኮሮና እናተራእየ፡ እቲ ልሙድ መደባት ማሕበር ብዝለዓለ ኣድማዕነት ክሰረሓሉ ምኳኑ ብምግላጽ፡ 9ይ ጉባኤ ማሕበር፡ ፈስቲቫል ኮለጃት፡ ኣብ ሳዋ ዝቃናዕ 9ይ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት፡ ዋዕላ መንእሰያት፡ ሃገራዊ ውድድራትን ካልእን ክካየድ ምኳኑ ኣረዲኡ።

ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ መወዳእታ፡ ብዝኾነ ዓይነት ዕንቅፋት ከይተረበሸካ፡ ብጽንዓትን ተጻዋርነትን ኣብ ዕላማኻ ረጊጽካ ምብዳህን ምዕዋትን መንእሰይ ኤርትራ ዝተሞኰረሉን ዝመለኾን ባህሊ ምኳኑ ጠቒሱ፡ ነዚ ንዓለም ብህይወትን ቁጠባን ኣሻቒሉ ዝርከብ ለበዳ ኮቪድ-19 ብዝግባእ መኪቱ፡ ንቐጻሊ እውን ሓይሊ መኸተና፡ ብራኽ ንቕሓትናን ቡዳሂ ባህልናን፡ ኣብ ምውሓስ ገሲጋስ ልምዓትና ተራኡ ዕዙዝ ምኳኑ ኣስሚርሉ።



ጉዳያት

# እዋን ኮሮና ዘድመቖ ክብርታትና

ዓመተ 2020፡ ንዓለምና ኣዝያ በዳሂት ዓመት ብምዃን እያ ተቐልቂላ። ኣብ መወዳእታ 2019፡ ካብ ዓሌታት ኮሮና፡ ኮቪድ-19 ዝተሰምየ ቫይረስ፡ ኣብ ሓንቲ ክፍለ-ሃገር ናይ ቻይና ተራእዩ፡ ሰባት ይቐትል ከምዘሎ ምስ ተሰምዐ፡ ዓለምና ነቶም ቅድሚ ሕጂ ኣብ ቻይናን ርሑቕ ምብራቕን ቅልቅል ኢሎም ዝጠፍኡ ከም “ሳርስ” ዝኣመሰሉ ሕማማት ብምዝካር፡ ብዙሕ ኣይተሰናበደትን። ካብ ቻይናን ከባቢኣን ዝሓልፍ እውን ኣይመሰላን። ኣብ መጀመርታ 2020 ግን ካብ ትጽቢት ወጻኢ እቲ ሕማም ናብ ኩለን ሃገራት ዓለም ክላባዕ ተራእዩ። ኣብ ወርሒ መጋቢት ድማ ቁጽሪ መልከፍቲ ብደረጃ ዓለም 500,000 በጺሑ።

እቲ ለብዒ ብልዑል ፍጥነት ቀጺሉ ኣርዓዲ መልክዕ እናሓዘ ምስ መጸ፡ መንግስታት ዓለም፡ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ማህሰይቱ ብዘየገድስ ኣብ ታሪኽ ተራእዩ ዘይፈልጥ ጽኑዕ ናይ ርገጣ (lock-down) ስጉምቲታት ክወስዳ ተራእያ። ምስ ኩሉ’ቲ ዝተወስደ ተሪር ስጉምቲታት ግን፡ እቲ ለብዒ ኣይተዓግተን። ሎሚ ብደረጃ ዓለም ዓሰርተታት ሚልዮናት ሰባት በቲ ሕማም ተለኺፎም፡ መቐዘፍቲ ህይወት፡ ናብ ሓደ ሚልዮን ተጸጊዑ ይርከብ።

መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ሃገርና ቀዳማይ መልከፍቲ ቫይረስ ካብ ዝተኸስተሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ላዕለዋይ ሓይሊ ዕማም ብምቛም፡ ተሪር ስጉምቲታት እዩ ወሲዱ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ መጠን መልከፍቲ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ከይከደ፡ ክሳብ ሕጂ መቕዘፍቲ ህይወት ኣብ ምግታእ ዝምስገን ውጽኢት ክምዝገብ ክኢሉ ኣሎ። እቲ ብመንግስቲ ኤርትራ ዝወጸ መምርሒታት ዘይንቡር ኩነታት ዘምጽኦ ኣዝዩ ጽኑዕ እዩ ነይሩ። ኣብ ዕለታዊ ህይወትን ቁጠባዊ መነባብሮን ዜጋታት፡ ከምኡ’ውን ሓፈሻዊ ሃገራዊ ንጥፈታት ዝፈጠሮ ተጽዕኖ ድማ ብኡ መጠን ከቢድ እዩ ነይሩ። እንተኾነ ንድሕነት ህዝቢን ሃገርን እቲ እንኮ ኣማራጺ ንሱ ጥራይ ብምንባሩ፡ ምስናይ ኩሉ ጽልዋታቱ፡ እቲ ውሳነ ተወሲዱ። ካብ ህይወት ዝዓቢ ነገር ስለዘየለ።

ነዚ ዘይንቡርን ጽንኩርን ዓለማዊ ብድሆ’ዚ ንምምካት፡ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ መንእሰያት ድማ ብፍላይ ጸኒሕ ባህሉን ክብርታቱን መሰረት ብምግባር፡ መምርሒታት መንግስቲ ብንቕሓት ኣብ ምትግባር ልዑል ንቕሓቱን ውዳበኡን ኣመስኪሩ እዩ። ኣብዚ ከቢድ እዋን፡ ንሓድሕዱ ብምትሕልላይን ብምድግጋፍን፡ ምስ ሰብ ሞያ ጥዕና፡ ኣኽበርቲ ጸጥታን ምምሕዳራትን ብምትሕግጋዝ፡ ንጽጉማት ብምርዳእ ዘርኣዮ ጭውነት መግለጺ ኣይርከቦን። ኣብ ርእሲ’ዚ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ዝርከቡ ዜጋታት፡ ከም ወትሩ፡ ዜግነታዊ ሓላፍነቶም ብምግንዛብ፡ ነቲ ለብዒ ንምምካት፡ ማዕከን ሚኒስትሪ ጥዕና ንምስሳን፡ ብወለንታኦም፡ ብደረጃ ውልቂ፡



ስድራቤት፡ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ማሕበረ-ኮማትን ካልኦት ውድባታትን ብዙሕ ገንዘባዊን ንዋታዊን ደገፍ ኣበርኪቶም እዮም።

ኣብ መኸተ ኮቪድ-19 ኤርትራ ዘመዝገበቶ ዓመት እምበኣር፡ ናይ መላእ ህዝቢ ዓወት እዩ። ኣብዚ መኸተ’ዚ ኩሉ ዜጋ ተሓባቢሩ እዩ። መንእሰያትን ተመሃሮን ዘርኣይዎ ዝተወደበ ወለንታዊ ዕማም ዝድነቕ እዩ። ለበዳ ንምቁጽጻር ዝተወሰደ ስጉምቲታት፡ ምስ ባህሊን ማሕበራዊ ኣነባብራን ህዝብና ዘይሳነ እኳ እንተነበረ፡ ህዝቢ ብልዑል ንቕሓትን ሓላፍነታዊ መንፈስን ነቲ ብመንግስቲ ዝወጸ መምርሒን፡ ብሰብ ሞያ ጥዕናን መራሕቲን ሃይማኖትን ዝወሃብ ዝነበረ ማዕዳን ተኸቲሉ፡ ከም ቀብሪ፡ ሓዘን፡ መርዓ ዝኣመሰለ ማሕበራዊ ግዴታታት ኣዛሒቲሉ፡ ሃይማኖታዊ ምትእኽኻባት ብምውንዛፍ፡ ዝያዳ ኹሉ ድማ፡ ዕለታዊ ድራሩ ዝምእርረሉ ሽቕለትን ቁጠባዊ ንጥፈትን ብምቁራጽ፡ ብጽንዓትን ምጽማምን በዲሁ እዩ።

ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ፡ ተላባዒቲ ሕማማት ኣብ ምቁጽጻር ቅድሚ ሕጂ እውን ብዙሕ ዕዉት ስራሕ ኣሰላሲሎም እዮም። ኣብ 2016፡ ኤርትራ ኣብ ምሕደራ ኣገልግሎት ክታበት ጥዕና ብዘማልኣቶ መምዘኒታት፡ ብውድብ ጥዕና ዓለምን ማዕከን ህጻናት ሕቡራት ሃገራትን ዝተዳለወ ኣህጉራዊ ሽልማት "ብሉጽ ዕዮ" ምቕባላ ዝዝከር እዩ። ኣቐድም ኣቢላ እውን ኤርትራ፡ ኣብ 2009 ብልዑል ሽፈነ ክታበት፡ ኣብ 2012 ድማ፡ ኣብ ምቁጽጻር ሕማም ንፍዮ ብዘመዝገበቶ ዓወት፡ ኣህጉራዊ ሽልማት ክትቅበል በቒዓ እያ። ዓለም'ለኸ መስፈራት ከምዘረጋገጽዎ፡ ኣብ መዳይ ጥዕና፣ ሽቶታት ልምዓት ሚለንዩም ኣብ ምጭባጥ ልዑል ገስጋስ ካብ ዘመዝገባ ቀዳሞት ኣርባዕተ ሃገራት ኣፍሪቃ ሓንቲ ኤርትራ እያ ነይራ። ዳርጋ ኩሎም ቈልዑ ኤርትራ ክታበት ዝረኽብሉ ባይታ ምፍጣሩ፡ ከም ውጽኢቱ ንቆልዑ ዘጥቅዑ ሕማማት ብልዑል መጠን ምንካዮም፣ ብዓሰ ዝስዕብ ዝነበረ ኣዝዩ ብዙሕ መጠነ ሞት ክውገድ ምኽኣሉ፣ ኣዴታት ኣብ ግዜ ጥንሲን ሕርሲን ብቐረባ ክንክን ዝረኽባሉ ዕድል ምስፍሑ፡ ሞት ኣዴታትን ቆልዑን ኣውራ ድማ ሞት ትሕቲ 5 ዓመት ህጻናት ኣዝዩ ክንኪ ምኽኣሉ፡ ገለ ካብ ጉ።ሉሓት መርኣያታት ናይቲ ኤርትራ ኣብ መዳይ ጥዕና ዘመዝገበቶ ገስጋስ እዩ።

ርግጽ እዩ፡ ዕማም ምርግጋጽ ህዝባዊ ጥዕና ኣብ ኤርትራ፡ ድሕሪ ናጽነት ዝጀመረ ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራን መሪሕ ውድቡ ህዝባዊ ግንባርን፡ ካብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ጀሚሮም፡ ሓያል ጻዕሪ ዘካይድሉ ዝነበሩ እዮም። ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ህ.ግ. ካብ ኣጋር ሓኪም ጀሚሩ፡ በብደረጃኡ ናይ ዝተፈላለየ ዓውደ-ጥዕና ታሕተዎትን ማእከሎትን ሰብ ሞያ እናሰልጠነ፡ ንህዝቡን ተጋደልቱን መሰረታዊ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ምርግጋጽን ጥዕናዊ ኣፍልጦን ንቕሓትን ህዝቢ ኣብ ምዕባይን ዕውትን ኣብነታዊን ስራሕ ፈጺሙ እዩ። እዚ ናይ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ተሞኩሮ'ዚ ድማ፡ ነቲ ድሕሪ ናጽነት ብስፍሓት ዝቐጸለ ዕማም ምርግጋጽ ሕብረተሰብኣዊ ጥዕና ድልዱል ሰረት ኮይኑዎ እዩ።

ኣብ ዝኾነ መዳይ ናይ ህይወት፡ እቲ ዕውት ህዝቢ፡ እቲ ገዚፍ ባህርያዊ ጸጋ ዝውንን ዘይኮነ፡ እቲ ብሉጽ ፖለቲካዊ፡ ባህላዊን ማሕበራዊን ክብርታት ዝውንን ልዑል ውዳበ ዘለዎ ህዝቢ እዩ። እቲ ኣብ መዳይ ዛጊት ዘረጋገጽናዮ ዓወታት እምበኣር ካልእ ዘይኮነ መሰረቱ እዚ ክብርታት'ዚ እዩ። እዋን ኮሮና ከኣ፡ ንሃገራዊ ክብርታትና ደጊሙ ዘድምቐ ፍሉይ ኣጋጣሚ እዩ ነይሩ።

ከምዝፍለጥ፡ ቀንዲ መሰረትን ቀዳመይቲ ቤት ትምህርቲን ናይዞም እንነየተሎም ሃገራዊን ሕብረተሰብኣዊን ክብርታት፡ ኤርትራዊት ስድራቤት እያ። ኤርትራውያን ቆልዑ፡ ካብ ህጻንነቶም ጀሚሮም፡ ንወለዶም፡ ኣሕዋቶምን ካልኦት ኣብ ከባቢኦም ዝነብሩ ሰባትን ብምኽባር፡ ምስ ጎረባብቶምን መቕርቦምን ብፍቕሪ፡ ስኒትን ሓድሕዳዊ ሓልዮትን ክነባበሩ፡ ፈተውቲ ህዝቦምን ዓድምን ክኾኑ፡ ብመገዲ ሓቂን ቅንዕናን ክመላለሱ፡ ምስ ጸጉማት ክደናገጹን ክተሓጋገዙን ከምዝግባእ እናተማህሩ፡ ብጥዑይ ስነምግባር ተኾስኲሶም እዮም ዝዓብዩ። ገና ብንእስነቶም ከኣ፡ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ስድራቤትን ኮምን እናተሳተፉ፡ ነቲ ክብርታት ብግብሪ ይርእይዎን፡ ብኡ መሰረት ካብኦም ዝሕተት ይፍጽሙን ሓላፍነት ይስከሙን።

ክብርታትና እምበኣር፡ መንነትና ዝፈጠሩ፡ መጣምር ውዳበና እዮም። መርሓ ህይወትና ድማ እዮም።

እዞም ብሉጻት ክብርታት እምበኣር፡ ንቐጻሊ ጉዕዞና ከም ብሌን ዓይንና ክንሕብሕቦምን ክንዕቅቦምን ከነማዕብሎምን የድሊ። ኣብ ቆልዑን መንእሰያትን እናሰረጹ ቀጻልነቶም ንምርግጋጽ ድማ ብውጥን ሓያል ፖለቲካዊን ባህላዊን ስራሕ ክካየደሉ ይግባእ። ሕጂ እውን መርሓ ምዕባለና፡ ምንጪ ክብረትናን ሓበናን ንሳቶም እዮም። ነዞም ክብርታት እዚኣቶም ናይ ምዕቃብን ምምዕባልን ሓላፍነት ድማ፡ ብቐንዱ ናይ ተረካቢ ሃገር መንእሰይ ወለዶ ሓላፍነት እዩ።



# ኣመታት መጸኢ ጉዕዞና

ለበዳ ኮቪድ-19፡ ብዓለም ደረጃ ኣኸቲልዎ ዘሎ ቁጠባዊ ዕንወትን ዝሕታለን ብቐሊል ዝግመት ኣይኮነን። ኣብዚ ዓለምና ብቑጠባ ኣዝያ ዝተኣሳሰረትሉ 21 ክፍለ-ዘመን፡ ርክብ ሃገራትን ህዝብታትን ዝድርት ተርእዮ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ንግዳዊን ቁጠባዊን ንጥፈታት፡ ልምዓታዊ ፕሮጀክትታት፡ ጽላታት መጓዓዝያን ቱሪዝምን ዘኸትሎ ዕንወት፡ ብኡ መጠን ኣብ ቁጠባ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ዝህልዎ ጽልዋ ከቢድ እዩ። የግዳስ በቲ ካልእ ሸነኽ ናይ ተበራበር ጸውዒት እውን እዩ። ሓድሕድ ምምርኳስ ኣገዳሲን ተደላዩን እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ክስተት ክህሉ ዝግባእ ትሕጃታት ንምጥማትን ኣስፈሕካ ንምሕሳብን ዝሕግዝ እዩ።

እዚ ክስተት'ዚ ንሓደ መሰረታዊ መትከል መንግስቲ ኤርትራን ህዝባዊ ግንባርን ዘዘኻኽር እዩ። መትከል ርእሰኻ ምኽኣል። ርእሰኻ ምኽኣል ማለት ካብ ዓለም ተነጺልካ ኩሉ ዘድልየካ ባዕልኻ እናማላእካ በይንኻ ምንባር ማለት ኣይኮነን። እንታይ ድኣ፡ መሰረታዊ ጠለባትካ ብውሽጣዊ ዓቕምኻን ስራሕካን ከተማልእ እናተገህካ፡ ንሰደድ ብዝቐንዐ ክፋል ቁጠባ ኣኽሳቢ ንግዳዊ ንጥፈት ብምክያድ ሃብቲ ምድላብን ከተፍርዮ ዘይትኽእል ጠለባት ብበደላ ምምላእን ማለት እዩ። እዚ ናይ ኮሮና ተርእዮ እምበኣር፡ ኣብቲ መትከላዊ ኣረኣእያና ረጊጽና፡ ኣፍራይነትና ከነዕዝዝ ተወሳኺ ልቦና ዘስንቕ እዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዝሓለፈ መዓልቲ ናጽነት መደረኡ፡ ምስ ክስተት ኮሮና፡ ልምዓታዊ ፕሮግራማትና ከም ንቡር ከነሰላስሎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ምስ መጠን ናይ'ቲ ብድሆ ኣሳጉማና ዓጸፋ ክዛይድ ከምዝግባእ ብምምልካት፡ መንግስቲ ኣብ'ቲ ከሰላስሎ ዝጸንሐ ዕማማት ናህሪ ወሲኹ ክሰርሕ ምዃኑ ኣስሚርሉ እዩ። ናይ ዝመጽእ ሰለስተ-ሓሙሽተ ዓመታት ቀዳምነታትን እውን ብዝርዝር ምግላጹ ይዝከር።

ከምዝፍለጥ፡ መንግስቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ቀዳምነት ናይ ቀዳምነታት ሂቡ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ዝዓበየ ልምዓታዊ ስራሕ፡ ዘኒቡ ዝውሕዝ ማይ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ምውዓል እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ማይ፡ ንዝሰተን ጽሬትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ንምዕባለ ሕርሻን ሃብቲ እንስሳን፡ ኢንዱስትሪን ህንጻት ኣባይቲን ዝተፈላለየ ትሕቲ ቅርጺታትን መሰረታዊ ጠለብ እዩ። ብሓጺሩ ማይ ከይሓዝካ ክሕሰብ ዝኽእል ዝኾነ ናይ ልምዓት ፕሮጀክት የለን። ኣብዚ ሃገር ድማ፡ ኣይኮነን'ዶ ንዓበይቲ ልምዓታዊ ፕሮጀክትታት ንዝሰተ እውን እኹልን ውሑስን ማይ ከምዘይጸንሐ ዝፍለጥ እዩ።

ዛጊት ኣብ ህንጻት ዲጋታት ተሰላሲሉ ዘሎ ዓቢ ስራሕ እምበኣር፡ ማይ ናይ ምውህላል ዓቕምና ክብ ብምባል፡ ንትግባረ ካልእ ልምዓታዊ ፕሮግራማት ብመጠኑ ባብ ከፊቱ ይርከብ። እዚ ዕማም'ዚ በቲ ክሳብ ሕጂ ተሃኒጹ ዘሎ ከዘንቲ ማይ ትሕተ-ቅርጺታት (ከርከበት፡ ፋንኮ ራዊ፡ ፋንኮ ጽሙእ፡ ገርሰት፡ ሎጎ፡ ምስላም ወዘተ.) ዘብቅዕ ኣይኮነን። ንዝያዳ ውሕስነትን ምስፋሕ ልምዓታዊ ፕሮግራማትን፡ ሕጂ እውን ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገር ብምዕሩይ ዝርግሐን ብናህሪን ክቕጽል ቀዳምነት ተዋሂብዎ ዘሎ ሃገራዊ ዕማም እዩ። ህንጻት ዲጋ ጋሕቴላይ መቐጸልታኡ ኮይኑ፡ ተመሳሳሊ ፕሮጀክትታት ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ናይዛ ሃገር ክቕጽል ዘለዎ እዩ።

ምስዚ ዕማም'ዚ ተኣሳሲሩ ንልዑል ኣጠቓቕማ ጸጋታት ማይን መሬትን ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ብምትእትታው ኣብ ዝተፈላለየ ምድባት ሕርሻን ሃብቲ እንስሳን ምህርቲ ብዓይነትን ዓቐንን ናይ ምኽዕባት ስራሕ ብቐልጢፍ ስጉመ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ብመግቢ ነብስና ኣብ እንኽእለሉ ደረጃ ክንበጽሕ ለይቲን መዓልቲን ብዘይዕረፍቲ ሰፊሕ ስራሕ ይሰላሰል ኣሎ። ድሮ እውን ኣፈናዊ ውጽኢቱ ብግብሪ ክርአ ጀሚሩ ኣሎ። ኣብ ከባቢ ዲጋታት ገርሰት፡ ፋንኮ ራዊን ፋንኮ ጽሙእን ለሚዑ







ዝርከብ፡ ድሮ ምህርቲ ክሕፈሶ ጀሚሩ ዘሎ ሕርሻ ፍረታትን ኣሕምልቲን፡ ኣብ ከባቢ ዲጋታታት ክርከበት፡ ሎን (ዓዲ-ሃሎ) ምስላም (ገርገራ) ዝሰላሰል ዘሎ ትሕተ-ቅርጺ መስኖኣዊ ሕርሻታት ናይ ምዝርጋሕ ሰፊሕ ዕዮ፡ ረስናዊን ጸሓያዊን መመንጨዊ ጽዓት ናይ ምውዳድ ዕማማት፡ ዓበይቲ ኣጋንእን መስመራትን ማይ ናይ ምዝርጋሕ ከቢድ ስራሕ፡ ምስኡ ተኣሳሲሩ ዝትግበር ዘሎ ፕሮጀክት ምርባሕ ጥሪትን ምምስራሕ ውጽኢት እንስሳን፡ ኣፍራይነት ጽላት ሕርሻ ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ እንታይ ክመስል ከምዝኽእል ከሎ ገና ዘመላኽት እዩ። እዚ ዲጋታት'ዚ ኣብ ሕርሻ ጥራይ ዘይኮነ፡ ቀረብ ማይ ሓያሎ ከተማታትን ብዙሓት ገጠራትን ብምውሓሱ፡ ፈጢርዎ ዘሎ እፎይታ ድማ ብቐሊል ዝግመት ኣይኮነን።

ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ካልእ ዓቢ ግደ ዘለዎ ጽላት፡ ባሕራዊ ጺጋታት እዩ። እዚ ጽላት'ዚ ብሰሪ ድሩትነት ዓቕምና ገና ክንምዝምዞ ዘይክኣልና እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ብኸምቲ ኣብ ሕርሻ እንኽተሎ ዘለና ስትራተጂ፡ ኣብዚ ጽላት'ዚ እውን ዘቤታዊ ናይ ምምራት ብቕዓትና ኣሓይልና ኣፍራይነቱ ከነዕዝዝ ዘለናዮ ዓለማዊ ኩነት ዝድርኽ እዩ። ነዚ ንምንዳቕ ዘኽእል መሰረታት ናይ ምንጻፍ ስራሕ ኣብ መስርሕ ዝጸንሐ ኮይኑ፡ ሕጂ እውን ምስ ቀዳምነታት ተሰሪዑ ናህሪ ዝድልበሉ ኩነታት ንምፍጣር ውጥን ተታሒዙሉ ዘሎ እዩ።

ነዚ ክልቲኡ ጽላታት ማለት ሕርሻን ሃብቲ ባሕሪን ኮነ፡ ካልኦት ፕሮግራማት ልምዓት ንምትግባር፡ ኣዝዩ ተደላዪ ጺጋ፡ ቀረብ ጸዓት እዩ። በዚ መሰረት፡ ካብቲ ዘሎ ትሑትን ድኹምን ኣገልግሎት ኤለትሪክ ምውጻእ ቅልጡፍ ውሳነን ግድነታዊ ወፍሪን ዝድልዮ እዩ። ዝኾነ ናይ ዝተፈላለየ መመንጨዊ ጸዓት ብልሓታት ረስናዊ፡ ጸሓያዊ፡ ንፋሳዊን ካልእን ሕርያታት ተጠቒምካ ጠለባት ኩሉ ፕሮግራማት ልምዓት ዘማልእ ጸዓት ምውሓስ እምበኣር፡ ካብቲ ዓቢ ወፍሪ ክግበረሉ ተመዲቡ ዘሎ ዕማማት ሓደ እዩ። ዛጊት ኣብ ምዕራባዊ ዞባ ልምዓት ኮነ ኣብ ከባቢ ዲጋታት ተዋዲዱ ዝርከብ መመንጨዊ ጸዓት ንእሽቶ መርኣያ ናቱ እዩ።

ነዚ መሰረታዊ ምንጻፋት እናዋደድካ፡ ካልእ ምስ ቀዳምነታት ተሰሪዑ ክትግበር ዝግብኦ ትሕተ-ቅርጻዊ ፕሮግራማት እውን ኣሎ። ምምዕባል ወደባት፡ ማርሳታት፡ መዓልቦታት፡ ጽርግያታት፡ መገዲ ባቡር፡ መገዲ ገመድን ሻምብቆታት ነዳዲን ንዝሰፍሐ ቁጠባዊ ንጥፈትን ቅልጡፍ ዕብየትን ወሳኒ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ውሽጢ ገፊሕ ዞባዊን ዓለማዊን ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝ ንትግባረ ዝነጣጠፍ ዘሎ ስርሓት እዩ።

ማዕድናዊ ሃብቲ፡ ኣብ ምምዋል ናይዚ ፕሮጀክትታት'ዚ ናቱ እጃም ስለዝህልዎ፡ ኣብ ጽላት ማዕድን ዘለና ዕቑር ተኽእሎታት ንምምዝማዝ እውን ማዕረ ማዕረኡ ብቐጻሊ እናሰፍሐ ክኸይድ ከም መደብ ተታሒዙ ይስርሓሉ ኣሎ።

ምዕባይ ዘቤታዊ ዓቕሚ መጓዓዝያ ምድሪ፡ ባሕሪን ኣየርን ብስፍሓትን ዓይነትን ከምኡ'ውን ምስ ዞባዊ መርበባት ምውሳቡ፡ እቲ ካልእ ኣብ ቀዳምነታት መደባት ሃገራዊ ልምዓት ኣትዩ ብስፍሓት ዝስርሓሉ ዘሎ እዩ። ጎድኒ ጎድኒ'ዚ ግን፡ ህንጻት መንበሪ ኣባይቲ ወሳኒ እዩ። እዚ ዕማም'ዚ፡ ብብዙሕ ምኽንያታት፡ ኣውራ ብሕጽረት ማይን ጸዓትን ካልእ ቀረባትን ተደናጒዩ ዝጸንሐ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ምስ ፍታሕ ናይዚ ጸገማት'ዚ ካብቲ ቀዳምነት ተዋሂብዎ ብናህሪ ክስርሓሉ ኣብ መደብ ኣትዩ ዘሎ ሃገራዊ ዕማማት ሓደ እዩ።

እዚ ስርሓት'ዚ እናተኻየደ፡ ክድሕር ዘይግብኦ ማዕረ ማዕረኡ ክስጉም ዝግባእ ካልኦት ኣገደስቲ ጽላታት እውን ኣለዉ። ምምዕባል ፊስካላዊን ገንዘባዊን ምሕደራ፡ ምሕሳንን ምሕያልን ህዝባዊን መንግስታዊን ትካላትን ምሕደራኡን ጽሬቱን፡ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ፡ ምስፋሕ ኣቕርቦት ኣገልግሎት ጥዕና። እዚ ንሓፈሻዊ ቁጠባዊ ዕብየትን ኣፍራይነትን ደረኺ ብምዃኑ፡ ብቐጻሊ ክስርሓሉ ዘለዎ እዩ። ዝያዳ ኩሉ ድማ ሱታፌን ኣበርክቶን ዜጋታት ኣብ ቁጠባዊ ዕብየት ምዕዛዝን ዕድላት ሸቕለትን ወፍሪን ምስፋሕን ኣዝዩ ወሳኒ ብምዃኑ ልዑል ኣተኩሮ ዝወሃቦ እዩ።

ቀዳምነታት ልምዓታዊ መደባት ሃገርና ኣመቱ፡ እዚ ብሓጺሩ ዝተገለጸ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጡ ንመንእሰያት ዓቕርዎ ዘሎ ሰፊሕ ዕድላት ንምግማቱ ኣየጸግምን። ኣብ ዝኾነ እዋን መንኮርኮር ለውጢን ምዕባለን መንእሰይ እዩ። ነዚ ሃገራዊ ዕማማት ንምዕዋት እምበኣር መንእሰያት፡ ብሕልናን ብቕዓትን ድልውነትና እነረጋግጸሉ ወሳኒ መድረኽ እዩ።

# ቅድሚ ኢድና ናብ መንግስቲ ምውጥዋጥና!

ኤርምያስ ሰሎሞን

"ቅዋም ስለ ዘይብልና እኳ'ዩ ..."

"ባይቶ ኸኣ'ባ. . ."

"ደሞክራሲን መሰልን"

ኣርእስትና ብዛዕባ ቅዋምን ባይቶን ወይ'ውን ብዛዕባ ግቡእን መሰልን ኣይኮነን። እንታይ ደኣ... ብዛዕባ ሕሜታ ኑብስን መንግስትን እዩ።

እዘን ኣብ ፈለማ ተጠቒሰን ዘለዋ ዛዕባታት እንተ ኣልዒልካ፡

'ሓቅኻ፡ ኣብ ኣመሪካ'ኮ፡ ኣብ ጋና'ኮ' ኢሉ ሕሜታኻ ዘራጉደልካ እልቢ የብሉን። ኣብ ሓደ ሃገር ክህሉ ብዛዕባ ዝግባእ ስርዓትን ኣካይዳን ምዕላል፡ ምኽታዕን ኣማራጺ ሓሳባት ምምጻእን ኣገዳስነቱ ፈጺሙ ዘካትዕ ኣይኮነን። ካብ ክትዕ ሓሊፍና፡ መንግስትናን መራሕትናን እንተ ሓመና'ውን እንታይ ጸገም ኣሎዎ! ትራምፕ ተሓምዩ፡ ቦሪስ ጆንሰን ይሕመ።

ጐኒ ጐኒ፡ ምናልባት'ውን ልዕሊኡን ቅድሚኡን ክንገብሮ ዝግብኣና ነገራት ግና እልቢ የብሉን!!

ኣብዚ ሃገር ኩሉ'ዩ ዘማርር፥ ምኽንያቱ ኩሉ ስለ ዘይጠዓሞ! እታ 'ኩሉ!' እትብል ቃል ኣጸቢቕና ነስተማቕራ። 'ኩሉ' ብርግጽ 'ኩሉ!'

እንቋዕ'ኳ እዛ ሃገር ገሊኦም ዘማርሩላ ገሊኦም ድማ ውልቃዊ ረብሓኦም ጥራይ ዘውሕሱላ ዓዲ ኣይኮነት! ኩሉና ነማርር'ኮ፡ ኣደራዕ ናይዛ ሃገር በብደረጃና ኣብ ዝባንና ስለ ዝተሰከምና ኢና። ግና ብኣፍና ነማርር፥ ብውሽጥና ድማ ንጸንዕ!

'እዛ ሃገር ክሓልፈላ እንተኾይኑ፡ ከምዚ ክግበር ኣሎዎ' ኢሉ ዝሓምይን ዘማርርን ሰብ እንቋዕ ሃለዋ እዛ ሃገር! ንውልቁ ምስ ጠዓሞ፡ 'ናይ ካልእ እንታይ ገደሰኒ' ዝብል ሰብ እንቋዕ ኣይሰሰነ ኣብዛ ሃገር።

'ክንድ'ዚ ዓመታት ምሳና ኣብዚ ሰሪሑ፥ ሕጂ ግና ወዲ ሓላፊ ስለ ዝኾነ ናብ ... ቀዪሮም' እትብል ዕላል ናይ ካባይ ኣጸቢቖም ዝንእሱ መንእሰያት ቀልበይ ስሒባ። ከምኡ ተገይሩ ድዩ ኣይተገብረን መረጋገጺ ኣይነበረንን። እቶም መንእሰያት ግና ከይተረድኦም ሓደ ዓቢ ጉዳይ እዮም ኣልዒሎምን መትከሎም ኣነጺሮምን። ዋላ ወዲ 'ሓላፊ' ይኹን፡ ካብኦም ክፍለይን ልዕሊኦም ሓለፋ ከም ዘይግብኦን እዮም ዝገልጹ ነይሮም። እዛ ሃገር፡ ሓቃ እያ ጸኒዓ ክትነብር ኢለ ብውሽጠይ። ምኽንያቱ፡ መንእሰይ ሓደ ሃገር፡ ኩሉ ወዲ ሃገር ብዘይኣፈላላይ ነዛ ሃገር ከገልግል ከም ዝግባእ እምበር፡ ኣብዚ ዓዲ ብደረጃኻ ወይ ብሃብትኻ ድላይካ ከም ዘይግበርን ክግበር'ውን ከም ዘይግባእን እንተ ኣሚኑ፡ ሓደ ዓብዪ ክብሪ (ቫልዩ) እዩ።

ብዓይንኻ ርኢኻ ክተማርር ሓላል'ዩ። ብእዝንኻ ጥራይ ሰሚዕካ፡ ከየጣለልካ ወረ ክተባዝሕ ግና ጌጋ ጥራይ ዘይኮነ ጥቕሚ እውን የብሉን።

ሕማቕ ወረ እምበር ጽቡቕ ናይዛ ሃገር ዘይደልዩ ወገናት ዝፍንዉዎ ወረታት (መወዳእታኡ ደኣ ኣይጠቐሞምን እምበር) ውሑድ ኣይኮነን። እዞም ወገናት እዚኣቶም ዘውርዩዎ ወረታት ኣጸቢቕና ክነስተውዕለሉን ብኹሉ መኣዝናት ክንርእዮን ጽቡቕ እዩ። ምኽንያቱ፡ ነቲ ዘይንፈልጦን ዘይነበርናሉን ግዜ እናኣምጽኡ፡ መሰረት ጸገምና ንሱ ምዃኑ ከእምኑና ሒኹ ይብሉ እዮም። ኣብዚ ጉዳይ ከጠራጥሩና ይኽእሉ ይኾኑ። ነዚ ብዓይንና እንርእዮን ባዕልና እውን እንነብሮን ዘሎና ኩነታት እናምጽኡ ግና ከታልሉና ፈቲኖም። ዓይንኹም ዓምቱ፡ እዝንኹም እመኑ እዩ ነገሩ።

ኣቱም ሰባት፡ ንሕና ባዕልና እኮ ኢና ንነብሮ ዘሎና ነዚ ናብራ። ኣብዚ ሃገር ዘጋጥም ሕማቕን ጽቡቕን መን ክነግረና ይኽእል!? ኣብዚ ሃገር ጸልማት ጥራይ እንተዝህሉ ከም ሰባት ምሰረርና ዲና!? ማዕረ'ቲ ዝብሉና 'ድኹማት' ዲና? ድኹም ዜጋ፡ ድኹም ሰራዊት፡ ድኹም መንግስቲዶ ነቲ ዝሓለፍናዮ መስገደላት ይሰግር እዩ? ንድኹም ሰብከ ለይትን መዓልትንዶ ዒላማ ጌርካ ክትቀትሎ ትፍትን ኢኻ!? ድኹም ደኣ ሓሻካ ድኹም እንድዩ...? ንሓደ ውሽጣዊ ሓይሉ ዝፈለጥካ ሕብረተሰብ ግና ብኣፍካ እናነኣኣስካ (ብልብኻ ኣንበሳ ምዃኑ ስለ እትፈልጦ)፡ ሓይሉ ክተዳኽሞ





ትጽዕር። ብኸንደይ ሓሳረ-መከራን መስዋእትን ዝሓለፈ ወለዶታት ግና ኩሉ’ቲ ኣብ ወዲ-ሰብ ክወርድ ዝኽእል ኣደራዕ ስለ ዝፈልጦ ዘይኰነስ፡ ባዕሉ ስለዝፈተኖ ክተዳህልሎን ክትስዕሮን ኣይከኣልን እዩ። ምኽንያቱ፡ ካብ ምንታይ እዩ’ሞ ክፈርሕ? እቲ ዘፍርሕሲ ምስ ከምዚ ዓይነት ሕብረተሰብ ምግጣም ጥራይ እዩ!

ስለዚ እዝንና ናብ ውሽጥና ነብሎ። ክንሰምዖ ዝግባእ ፍሉይ ሓይሊ ኣሎና! ክንብርብሮ ዝግባእ ፍሉይ ጸጋ ኣሎና! ብውልቅና ክነጥርዮ ዝግባእ ፍልጠት ኣሎ፥ ብሓባር ክንዓሞ ዝግባእ ዕዮ ድማ ኣሎ! ክልቲኡ ንሓዋውሶ።

እቲ ኹሉ ኣሎ እንብሎ ጸገማት እምበኣር መፍትሒኡ ንሕና ኢና። ምኽንያቱ፡ እቲ ‘ጸላእትና’ ዝዝርዝሩልና ዘለዉ ‘ጸገማት’ ሃንደበት እንተ ተፈቲሑ፡ ኣብ ጥራይ ጐልጎል ‘ብዘይጸገም’ ክንተርፍ ኢና። እቲ ናይ ብሓቂ ‘ጸገምና’ ድማ ከም ጸሓይ ቀትሪ በርሃው ኢሉ ክረኣየና እዩ። ቅድሚኡ ግና ኩልና ብፍላይ ድማ መንእሰያት፡ ፈለማ በብውልቅና እቲ ናይ ብሓቂ ጸገምና እንታይ ምዃኑ ንመርምሮ። ጸገምና ምስ ናይ ብጻይና ጸገም ተደባሊቑ ከይህሉ ንፈትሾ። ምኽንያቱ፡ ከም ኤርትራውያን ናይ ሓባር ጸገምና ዋላ ሓደ’ኳ ክነግረና ኣይንደልይን ኢና። ባዕልና ንፈልጦን ንነብሮን ስለ ዘሎና! ነናይ ውልቅና ብልጫን ዕድላትን ግና በቲ ዘሎና ወይ ድማ ዘሎ ኾይኑ ዝስምዓና ጸገማት ተጐልቢቡ ከይመክን ኣዝይና ክንጥንቀቕ ይግባእ።

ኩሉ ሰብ ብፍጥረቱ ሓደ ዓይነት ስለ ዘይኰነ፡ ሓደ ዓይነት ጸገም ክህሉዎ ኣይክእልን እዩ።

“ኣብዚ ከባቢና ቤት ትምህርቲ እንተዝኽፈትሲ እዞም ደቀይ ፊደል ምቘጸሩለይ” ዝብል ኣካል ሕብረተሰብ ኣሎና።

“ክንድ’ዚ ዓመት ኣገልጊልናስ፡ እዚ መንግስቲ ማስተርስ እንተዘምህረና” እንብል ክፋል ሕብረተሰብ ድማ ኣለና።

ክልቴና እዞም በበይኑ ሕልሚ ዘሎና ኣካላት፡ ንመንግስቲ እንተማገረርና ዘገርም ኣይኰነን። መንግስቲ፡ ሕቶ ወይ መረረ ክልቴና ኣተዓሪቑ ንክኸይድ ዝጽበዮ ሓላፍነት ግና ንምግማቱ ዘጸግም ኣይኰነን። ምኽንያቱ፡ ኣብ ቅድሚ መንግስቲ ክልቴና ደቂ ሓንቲ ሃገር ኢና።

እዚ ኹሉ በበይኑ ዝመስል ሓሳባት እናጠመርናዮ ንኺድ።

ፈለማ ርግእ ኢልና ብደረጃ ውልቀ-ሰብ ዘሎናን ዝጐድለናን ብልክዕ ክንፈልጥ ይግባእ። እዛ ነጥቢ ኣዝያ ወሳኒት እያ። ምኽንያቱ፡ ንኹሉ ጉዳይና ኣብ ውሽጢ ሓፈሻዊ ኩነታት ጥራይ ኣእቲና እንተ መዚንናዮ፡ ብዛዕባ ነብስና ይኹን ብዛዕባ መንግስትና፡ ርትዓዊ ዝኾነ ኣረኣእያ ክህልወና ኣይክእልን እዩ።

“ዓለም ኣበይ በጺሓ’ላ፡ ንሕና ድማ...” መረረ ሓደ ብጻየይ እዩ።

ዓለም ዝብሃል ነገር ኣሎ ድዩ? ንሕናኸ ኣብ ዓለም ዘይኰንናን ዘለና!? ክንደይ ካብ ህዝቢ ዓለም ድዩ ብጥሙይ ከብዱ ዝሓድር? ኩሉ ህዝቢ ዓለም ድዩ ብቴክኖሎጂ ማዕቢሉ!? እቲ ሕቶ እልቢ የብሉን።

እንታይ ገደሰካ ናብቲ ዘይትፈልጦ ዓለም ኢድካ ተወጣውጥ! ፈለማ ንስኻ ከም ፍጡር ናይዛ ዓለም ኩሉ ዝከኣለካ ትገብር ኣለኻ ዲኻ? ነብስኻ ሕተት። ብድሕሪኡ ክትሓምዮም እትኽእል ኣካላት ማእለያ የብሎምን።

ምኽንያቱ ንኽይትምዕብል ዝዓግተካ ዝዓበየ ነገር ‘ንስኻ’ ኢኻ!

“ኣነ ወትሩ ግቡኣይ ኣማላእ እየ፥ ዓቕመይ ንኽዕቢ ለይትን መዓልትን ጽዒረ እየ፥ ሓደ ሞያ ንኽጥሪ ከይተሓለልኩ ሰሪሐ እየ፥ ፍልጠተይ ንኽዕቢ ዘየንበብኩዎን ዘይተወከስኩዎን ነገር የለን። ወዘተ.” እንተ ኢልካ፡ ብግብሪ ድማ ከምኡ እንተ’ኼንካ፡ ምናልባት ካብዚ ንላዕሊ ንኽይትቕጽል ዝዓገተካ ሓይሊ ኣሎ ኢልና ክንኣምን ንኽእል። ካብኡ ሓሊፉ ግና ገና ብግስ ከይበልካ፡ ሓንቲ ከየበርከትካ፡ ነብስኻ ንኽተዕቢ’ኳ ብውልቅኻ ፉሕተርተር ከይበልካ፡ ኢድካ ናብ ‘መንግስቲ’ ምውጥዋጥ ግና ቅኑዕ ክኸውን ኣይክእልን።

ኣብ መወዳእታ፡ ንመንግስቲ ምሕማይን ምምራርን ብኣና ከም ዘይጀመረ ቻነላት ቴሌቪዥን ብምቅያር ጥራይ ክንርድኦ እንኽእል ነገር እዩ። ብቐንዱ ድማ ኣብ ዓለም ዋላ ሓደ መንግስቲ’ኳ ንህዝቡ ምሉእ ብምሉእ ከዕግብ ዝኽእል የልቦን። ‘ጺጋታት ውሱናት’ዮም፥ ድሌታት ወዲ-ሰብ ግና ደረት የብሎምን’ ዝብል መሰረታዊ ሓቂ ኣሎ ኣብዛ ዓለም።

ስለዚ እቲ ሎሚ መንግስቲ ክገብሮ ይግባእ ኢልና ክንትንትኖ ንውዕል ዘለና ጉዳያት ብዙሕ ከይመስለና፥ ኣመና ውሑድ’ዩ። ድሕሪኡ ግና ንሕና እንገብሮ ምስ ተረፈ ቀባሕ-ባሕ ከይከውን። ንቡር ከይተርፍ ንመንግስቲ ‘እናሓመና’፡ ንሕና ክንገብሮ ድማ እቲ ናይ መወዳእታ እናገበርና እሞ ንጽናሕ፡ ጽባሕ ምስ ሓቂ ክንፋጠጥ ኢና! ሽዑ ናይ ብሓቂ መንግስቲ ናይ ነብስና ንሕና ምንባርና ክስወጠና እዩ።

ተመስጦ

# ዋርሳይ ኣብ ከቢድ ከቢዱ

ተስፋኣለም ገብረስላሰ (ጫረ)

“ማዕበል ባሕሪ ዘፍ ምስ በለ፡ ንዝተሓልፈ ጉዕዞ ክትንትን ቀሊል ክኸውን ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ፡ ዝኾነ ፍጻመ ምስ ተፈጸመ ሚዛን ክብደቱ ስለ ዝጎድል። ክሕለፍ ዘይክኣል ዝሓልፍ ዘሎ ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ነቲ ብዓወት ዝሰገሮ ብድሆን መሰገደልን ክትገልጾ ግን፡ ኣዝዩ ከቢድ`ዩ። ዋርሳይ ኣብ ከቢድ`ዩ ኸቢዱ”

እዚ ቃል ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮሃንስ፡ ኣብ ሓደ ቃል መሕተት ዝመስከሮ ሓቂ እዩ። ግደ መንእሰይ ጀሚርካ ዝውዳእ ከምዘይኮነ ኸኣ እዩ ዘስምር።

መንእሰይ ኣብ ነፍሲወከፍ ግዜ፡ መድረኽ፡ መዋእል ዝልለየሉ ሰንደቕ ኣለዎ። ትእምርቲ ናይ ሓደ እዋን በቲ ኣብ ባይታን ብግብርን ዝንጸባረቕ ዓበይትን ንኣሽቱን ፍጻሜታት ስለ ዝውከል። ኩሉ ዓይነት ምንቅስቓስን ንጥፈትን፡ ናውትን ኣገልግሎትን ነቲ እዋን ዝዳረግን ናብ ካልእ መድረኽ ዘሰጋግርን ክኸውን ድማ ግድነት ይኸውን። ኣብ እዋናም ዝድለቡ ዓቕምን ክእለትን፡ ንዘጋጥሙ ሽግራትን ግድላትን ንምፍታሕ ብዘርእይዎ ጻዕርታት፡ ናብ ዕድላት ይቕይርዎ። ተሪር ዓቕብ ሓኾሮም ነቶም ድሕሪኦም ዝስዕቡ ተካእቲ፡ ለጥላጥ ጎልጎል ጥራይ ኣይኮኑን ዘጽንሑሎም። እንታይ ድኣ ተልእኾታት ሓደ መድረኽ ፈጺሞም ናብ ካልእ መድረኽ ዘሰግሮም መስመር ድልድል። ጉዕዞ ሰባት ኣብ ዘይውዳእ መሳልል ዝሕኩር ጉዕዞ ንላዕሊ ስለዝኾነ። ፈተ መሪሕ ቦታ ናይቲ ተልእኾ ዝወሃቦ መንእሰይ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ነዊሕ መዋእል ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ኣብ መመድረኹ ተልእኾኡ ከም ዝፈጸመ ታሪኽ የዘንትው። ልዕሊ ኹሉ፡ ነቲ ሕልሚ ዝመስል ዝነበረ ቓልሲ ንሓርነት ኤርትራ፡ ብልዑል ዋጋን ብዘደንቕ ብቕዓትን ብዓወት ፈጺምዎ። እዚ ንገዛእ ርእሱ ዝውክልን ዓቢ ምዕራፍ ይሽፍንን እዩ። ቀዳሞት ዓመታት ሓርነት፡ ንሕሉፍ ጉዕዞ ዝዝክር፡ ንሽታ ሰላም ዘስተማቕር፡ ንዳግመ ህንጻት ሃገር ዘበራብር፡ ባህሊ ስራሕን ዓያይነትን ዝኹስኩስን፡










ንሕድርን ሙብጽዓን ዘጽንዕ ነበረ። ክሳብ ምእዋጅ ልዑላዊት ሃገር፡ ኣፍለ መንእሰይ ኤርትራ ድንቂ ስራሕ፡ ምጥፋእ መሃይምነት፡ ምዝገባ ዜግነትን መስርሕ ረፈረንዱምን'ውን ክዓምም ክኢሉ።

ቶሕቶሕታ ቀዳሞት ዓመታት ናጽነት ኣብ ቁጠባዊ ልምዓትን ማሕበራዊ ሕውየትን ብዓቢኡ ዕዮ ዘባውን ዓለምለኻውን ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት'ውን ዘተስፍዉ ኣንፈት ሒዙ'ዩ ተበጊሱ። ምልኣት ድሌትን ባህግን ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ሃገራዊ ቻርተር ተሳኢሉ። ምስኡ ልግብ ኢሉ ኸኣ ነቲ ሽቶን ራኢይን ክዉን ዝቕይርን ከም መድረኻዊ ተልእኾ ንኽፍጽም ዝለዓለ ሕድርን ሓላፍነትን ንዝተሰከመ ወለዶ ናጽነት'ዩ። ነቲ መንእሰይ ዝውክልን ዝድርኽን ቅጽል ተዋሂብዎ - ዋርሳይ ።

ሎሚ፡ ቅጽል ዋርሳይ፡ ሓደ ዓመት ኣብ ርብዒ ዘመን ወሲኹ ኣሎ። ኣብ ልብን መንፈስን ሕብረተሰብ ኤርትራ ሰሪጹ ብቓል ዘይኮነ ብግብሪ ተረጋጊጹ። ዘይሓድሽ ኣርእስትን ፍሉይ ዘይኮነ ዛዕባን ከኣ ተቐይሩ። ምኽንያቱ፡ ሃገር እንተድኣ ተጠቒሱ ንሱ ዋርሳይ ስለ ዝመጽእ። ምስ ነፍሲወከፍ ትርግታ ልቢ ህዝቢ ዝወቕዕ ንዘረት ደም ንሱ ስለዘሎ።

ካብ'ቲ ደርማስ ተልእኾ ንዓቢ ስራሕን ምውሓስን ምዕቃብን ልዑላውነት ብቐድሚት ይስራዕ። ማዕረ ማዕረኡ ምስ ዘጋጥም ተጻብኦታት ተዳሪጉ ዝተዓመመ ርቕቕ ዝበለ ስራሕ ዘሐብን ዕዮታት ተሰላሲሉ። ዝርዝር ትሕዝቶኡ ይትረፍ ምግላጹ ምስትምቓሩ'ውን ቀሊል ኪኸውን ኣይክእልን። ከመይ'ሲ ንረቂቕን ዘየቋርጽን ኲናት ኣእምሮ ብዓወት ዛዚምዎ። ክንዮ'ዚ እጃም ዋርሳይ ኣብ መሰረታውን ሕብረተሰባዊ ለውጥን እንታይ ኔሩ፤ ዝብል ሕቶ ምልዓል ንባዕሉ ዘይውዳእ ጉዕዞ ከም ምጅማር ክኸውን ይኽእል። ምኽንያቱ፡ ዓሚቝ ምርምር ዝጠልብን ብደቒቕ ክምዝገብ ዝግብኦን ረቂቕ ምስጢር ክኸውን ስለዝኽእል። ካብ'ቲ ብዙሕ ውሑድ ንምጥቃስ፡ ካብ ድሕሪት ናብ ቅድሚት ብምምላስ ቅምሶ ንምቕማጥ'ዩ እዚ ዓንቀጽ ዝህቅን።

1

ካብ መወዳእታ መስከረም ክሳብ ክፍላ ሕዳር 2020፡ ካብ ሰሜናዊ ምዕራብ ክሳብ ጫፍ ደቡባዊ ምዕራብ ዞባ ጋሽ ባርካ ብስራሕ ተንቀሳቒስና ኔርና። መበገሲና ንእስ ዞባ ከርከበት እዩ። ብርቱዕን ንቑጽን ዘራጊቶ ንፋስ ዘይፍለዮ ጭው ዝበለ ምድረበዳ ነበረ። ስግር ኣፍ ሂምቦል ዓርኮብኮባይ፡ ድንከታት ኣግራብ ዓላን ቄጥቋጥን እንተዘይኮይኑ፡ ማራኺ ትርኢት ኣይነበሮን። ኣዝየን ውሑዳት ኢራብ፡ መፍለስ፡ ወኻርያን ማንቲለን ኣዕዋፍን ነበራ። ሾልቖ'ን ደረቕ ንፋስን ካብ ናብ ዘንቀሳቕስ ኣይነበረን። ሓመላይት፡ ሓመስ ዱባ፡ ሓሸሓሽን ከርከበትን ተመሳሳሊ መልክዕን ኩነታት ኣየርን ነበረን።

መወዳእታ ግንቦት 1998፡ ፓርላማ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ወግዓዊ ኲናት ኣብ ዝኣወጀሉ ቅንየት፡፡ ባርካ ዝነበረ ሓይልታት ምክልኻል ናብ ከባቢ ባድመ፡ ገምሃሎን ጓል ገምሃሎም ስለዝኸደ፡ ቦትኦም ብኣባላት ማእከል ታዕሊም ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ተተክኡ። ምስ'ታ ስግር ኣፍ ሂምቦል፡ ኣመላይት፡ ሓሸሓሽን ከርከበትን ዝተዘርግሐት በጦሎኒ ተመዲበ። በቲ ቦታ ክልተ እግሪ እኳ ሓሊፈ እንተነበርኩ፡ ዓሚቝ ፍልጠት ግን ኣይነበረንን። ምሸት'ታ ዝኣተናላ ለይቲ ካብ ክፍለ ሰራዊት 381 ዝተረፉ ውሑዳት ኣባላት፡ ነቲ ቦታ ኣረኪቦሙና ናብ ዓውደ ግንባር ኣምርሑ።

ክልተ ሰሙን ምስ'ታ ኣብ ቤት ጽሕፈት በጦሎኒ ሓመላይት ዝነበረት ጋንታ ጸኒሐ፡ ናብ ካልኣይቲ ሓይሊ ንከርከበት ተመደብኩ። ኣብ'ታ ሓይሊ ውሑዳት ካብ ቤት ጽሕፈት ወይ ሰለስተ ሰባት ጥራይ ነበርና። ከርከበት፡ ጭው ዝበለ በረኻ'ዩ ኔሩ። ማይ ንምጉራት ብድምጺ ኣህባይ ተመሪሕና ኣብ እግሪ ዓበይቲ ዓርኮብኮባይ ዒላ ረኺብና። በቲ ጸላም ብሓገዝ ላምባዲና፡ ሓንቲ ጀሪካን ኣዋህሊልና። ንጽባሒቱ ወጋሕታ ናብ'ቲ ቦታ ምስ ተመለስና ግን፡ ማይ ሳዋ ዝለመደ ኣባል ነቲ ማይ'ቲ ይትረፍ ክሰትዮ እግሩ'ውን ክሕጸበሉ ዝኽእል ኣይነበረን - ካልእ ኣማራጺ ግን ኣይነበረን።

ግንቦት-ሰነ ብሩባ ባርካ ዘየቋርጽን ሓያልን ውሕጅ እዩ ዝሓልፍ። ካብ ከባቢ ኣስመራ ብፍላይ ከኣ ካብ ሕምብርቲ፡ ዓንሰባ ወረዳ ናብኡ ከም ዝበጽሕ ይፍለጥ። ናይ ዓመታት ተመኩሮ እቲ ከባቢ፡ ማይ እናረኣኻ ማይ ምጽማእ ነበረ። መብዛሕትኡ መነባብሮ ናይ'ቲ ህዝቢ ምስ መጓሰ እዩ ዝተኣሳሰር። ነቲ ቦታ ድሩቕ ንፋስን ዘየዕርፍ ካምሲንን ኣይፍለዮን እዩ። ነቲ ከባቢ፡ ኣብ እዋን ሳልሳይ ወራር ወያነ'ውን ንሓደ ወርሒ ኣቢልና ተቐሚጥናዮ። ካልእ ዝተፈልየ ተመክሮ ኣይነበሮን - ብዘይካ ምጅማር ሕርሻዊ ንጥፈታት ኣፍሂምቦል።

ሎሚ ግን ፍጹም እዩ ተቐይሩ። ንጣብ ማይ ንምርካብ ኣሸጋሪ ዝነበረ ከባቢ፡ ክልተ ሜትሮ ፍሒርካ ሃብታም ትሕተ ባይታዊ ማይ ወኒኑ ይርከብ። ብሃገር ደረጃ ዝዓበየ ስትራተጂያዊ ዲጋ ከርከበት ከኣ ኣብቲ ንኡስ ዞባ እዩ ተሃኒጹ። 330,000,000 ሜትሮ ኩባ ማይ ዓቂቡ ኣሎ። እዚ ባሕሪ ኣብ መሬት ዝኾነ ዲጋ'ዚ፡ ብመንእሰያት እዩ ተሃኒጹ። ዲጋ ጥራይ ኣይኮነን፡ ልዕሊ ሽዱሽተ ሽሕ ሄክታር መሬት ሕርሻ ተሳኢሉ፡ ተቜጥቍጡ፡ ተደላዲሉ፡ ንሕርሻ ቁሩብ ጌሩዎ። መትረባት ማይ ተዘርጊሑ፡ መደባት ተኸፋፊሉ፡ ዛጊት ዝተፈላለየ ኣእካልን ምቁር ፍረታትን ናይ ዘይቲ ተኽልታትን ይለምዕ ኣሎ።

ንህዝቢ እቲ ከባቢ ዕድል ስራሕ ተፈጢሩሉ ዓይነት ህይወቱ ኣብ ምቕያር ይርከብ። ልዕሊ ኹሉ ድማ ስነ-ማሕድሮ ናይ'ቲ ከባቢ ምሉእ ብምሉእ ተቐይሩ። ሽያኻታት ይነትዑ። ኣዕዋፍ ይበሩ። ማሕድሮ ህይወታዊ ብዙሕነት ይስስን። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ 200 ክፍልታት ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ዝሃንጹ፡ ልዕሊ 30 ኪሎሜትር መስመር ሻምብቆ ማይ ዝዘርግሑ፡ ጸዓትን መስመራት ኤለክትሪክ ዝዘርግሑ፡ ኣብ በረኸቲ እምባታት ናይ 20 ሽሕ ፊስቶ ማይ ኣጋንእ ዝሰቐሉ፡ ንሕርሻ ፍረታት፡ ጡጥን ኣሕምልትን ዝመርሑ፡ መስመር ጽርግያ ከርከበት ሓሬርብን ሰልዓን ዝሃነጹ ኩሎም ዋርሳይ እዮም። ድርብ ዕማም፡ ልምዓትን ምክልኻልን ዘሳልጡ ሰራዊት ሓቂ ዝኾኑ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዓጸፋ ይሰርሑ።

ካብ ከርከበት፡ ኣግማይት፡ ሎካይሽን ኣታይን ናብ ኣለቡ ተመሊስና'ውን - ናብ ዋርሳይ።

እታ ብባህሪ ዝተነባበሩ ብኣኻውሕን ገዘፍቲ ኣእማንን እትሓጽረት ኣለቡ፡ ኣግሮ ኢንዳስትርያል ፓርክ ዘስምያ ነንበይኑን ተመላላእን ትካላት እያ ትውንን። ነቲ ኣብ ሰፊሕ ዞባ ጋሽ ባርካ ዝካየድ ሕርሻዊ ልምዓት ብኹሉ መዳያት ዝድግፍ፡ ዝጽግን፡ ዘመስርሕን ዝዕቅብን ሞያዊ ማእከላት ትሓቍፍ። ዲጂታላዊ ተክኖሎጂ ቤት ዕዮ ጽርበት ሓጺን ኣለቡ፡ ንሓፈሻዊ ስርሓት ሕርሻን ማሽነርን ዘድልይ ኣቕርቦ ይገብር። ዕዮታት ዓበይቲ መኸዘን፡ ተንሳፋፊ ሞተርን ዘመናዊ ቆፎን ኣብ ርእሲ'ቲ ሓጺናዊ ስራሕ የሰላስል። ነዚ ትካል ዝመርሑ ኩሎም መንእሰያት ዋርሳይ እዮም። ጋራጅ ትራክተር፡ ጽገናዊ ኣገልግሎት ብቐረባን ኣብ ቦታ ልምዓትን ሰፋሕቲ ስራሕ ዝዓምም ኣካል ናይ'ቲ ፓርክ እዩ። ዓቕሚ ብምዕባይ ናይ ስራሕ ብቕዓት ብምጥራይ፡ ነቲ ካብ ዝተፈላለየ ማእከላት ተክኒክ ሒዞሞ ዝመጹ ሞያዊ ትምህርቲ ብግብሪ ከንጸባርቕዎ ይርእዩ። 2008 ዝተሃንጸ ፋብሪካ ባናቶም ኣብ 24 ሰዓት ሓሙሽተ ሽሕ ኲንታል ክሰርሕ ዝኽእል ዓቢ ትካል እዩ። ንቕመማዊ ማሃንድስነትን ተክኒካዊ ዕዮታትን ናይ'ቲ ትካል ብውሽጣዊ ዓቕሚ ጥራይ ዘይኮነ ብምልኡ ብመንእሰይ ይዕመም ኣሎ።

ሽውዓተ ሽሕ ቶን ክዕቅብ ዝኽእል መኸዘን ዝሑል (cold store) ሓደ ካብ ዓበይቲ ትካላት ኣለቡ እዩ። እዚ ትካል'ዚ፡ ንሰፊሕ ሕርሻዊ ልምዓት ናይ'ቲ ዞባ ብጽፈትን ብምሉእ ብቕዓትን ናብ ዕዳጋ ንምብጻሕ ዓሊሙ ዝተሃንጸ እዩ። ዝበዝሐ ዕማማቱ ብዲጂታል ተክኖሎጂ ዝሳለጥ ስራሕ'ዚ ብመንእሰያት መሃንድሳት እዩ ዝቕለስ ዘሎ።



ፋብሪካ ሰፍነግን ኣልሙንየምን ኣለቡ'ውን ኣብ ምስላጥ ህንጸት ኣባይቲ ዕዙዝ ግደ ክህልዎ ዝተሃንጸ ትካል ኩባንያ ቀይሕባሕሪ ሓፈሻዊ ህንጸትን ልምዓትን እዩ። ነዚ ዲጂታል ቤት ዕዮ'ዚ ዝመርሕዎን ዝሰርሕዎን ኩሎም መንእሰያት ዋርሳይ'ዮም።

ኣብ ህንጸት ኣህጉራዊ ጽግርያ ተሰነይ ኣምሓጀር ክሰርሑ ዝጸንሑና ኣባላት ብድሆ ኩባንያ ሓፈሻዊ ህንጸትን ልምዓትን'ውን መንእሰያት'ዮም። ዓበይቲ መካይን፡ ትራስካባተርን ግሬደርን ሎደርን ዝመርሑን ብዓቢኡ ነቲ ፕሮጀክትን ነቲ ኩባንያ ዝመርሑ ዘለዉ መንእሰያት እዮም። ብሓፈሻ ኣብ ፕሮጀክታት ሕርሻ ዓዲ ዑመር፡ ገርሰት፡ ፌስኮ፡ ፋንኮ ራዊ ሰፊሕ ልምዓታዊ ስራሕ ብምስልሳል፡ ንዕላማታት ብመግቢ ርእስኻ ናይ ዝካየድ ልምዓታዊ ቃልሲ ኣብ ሓያል ግጥም ተጸሚዶም፡ ዓቢ ብርሃን ተስፋ ሓዚሎምን ጸኒሖሙና።







2

ሚያዝያ 2019 ናብ ጫፍ ሰሜናዊ ምዕራብ ባርካ ብስራሕ ተንቀሳቒሰ ነይረ። ከባቢ ኣታይ፡ ኣፍከምብታ ኣጉማይት ብምብጻሕ ሓደ ሰነዳዊ ፊልም ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ኣሰናዲአ። ዕላማ ናይ'ቲ ወፍሪ፡ መኣዲ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ብዳዌት ካበይ ናበይ ንምድህሳስ ነበረ። (ንእግረ መገዲ፡ ኣብ መጽሓፍ የቲራቮሎ ዋሻ፡ ደራስን ጋዜጠኛን ተስፋዬ ገብረኣብ ስፍሕ ዝበለ ሓበሬታ ኣቕሪቡዎ ኣሎ።)

ከባቢ ሰሜናዊ ምዕራብ ባርካ ዝርከብ ሕብረተሰብ በዳዌት ናይ ገዛእ ርእሱ ፍሉይነትን መለለዩን ኣለዎ። ምምሕዳግ ናይ'ቲ ከባቢ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንነዊሕ ዓመታት ዝቐጸለ ካብቲ ከባቢታት ዝሰሳጕግ መግዛእታውን ባህርያውን ጸገማት`ውን ኣይነሓፎን። ብሓጺሩ እቲ ከባቢ ቀረብ መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክረክብ ኣይጸንሐን። ብሕልፊ መኣዲ ትምህርቲ ብማዕዶ ጥራይ ከም ዝጥመት ዘይብጻሕ ጫፍ ደረት ትርኢት እዩ ዝመስል ኔሩ። ኣገልግሎት ጥዕና ብሓፈሻ ኣብ ክንክን ኣደን ንነፍሰጾራትን ከኣ ዓጸፋ ሽግር ነበሮ። ነዊሕ ሰዓታት ተጓዒዘን ዝጓርትኦ ዝነበራ ማይ ከኣ፡ ነቲ ዝኸፍአ ብምልምማድ ከም ንቡር ክቕበልኦ ተገዲደን። ጥጡሕ ንመጓዓዝያ ዝኸውን መስመር ጽርግያ`ውን ኣይነበሮን። ካብ ከርከበት ናብ'ተን ዓድታት ንምብጻሕ ነዊሕ ሰዓታት ይወስድ ኔሩ። ንሱ`ውን መኪና እንተተረኺቡ እዩ። ብገመልን እግርን ንምግማት እምብዛ ዝኸብድ ኣይኮነን።

እዝን ልዕሊ እዝን ዝጥቀስ ሽግራት ናይ'ዚ ሕብረተሰብ እዚ፡ ካብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ገጻት ብገጻት ዓመት ድሕሪ ዓመት ንምፍትሑ ክካየድ ብዝጸንሐ ጻዕርታት ኣብ'ቲ ከባቢ ዘተስፍዉ ብርሃን ቅልቅል ኢሉ ኣሎ። ብደቂተባዕትዮ ዝጀመረ መኣዲ ትምህርቲ ናብ ደቀንስትዮ ሰጊሩ። ኣእጋር ኣደታት ናብ መኣዲ ትምህርቲ ከምርሓ ሕልሚ ዝመስል ዝነበረ ጋህዲ ኮይኑ ተፈቲሑ። መሃይምነት ብምጥፋእ ሞያ ኢደ ጥበብ ክስልጥና በቒዐን። ነዚ ዕማም እዚ ዝፍጽሙ፡ ንሳቶም እቶም ዋርሳይ መምህራን እዮም።

መደበር ጥዕና`ውን ተተኺላ። ብሰንኪ መጓዓዝያ ዝጠፍእ ዝነበረ ህይወት ነፍሰ ጾራት ኣደታት ናብ ዛንታ ክቕየር ክኢሉ። ብዘይካ መጓሰ ካልእ ዓይነት ስራሕን ሞያን ዘይነበሮም ህዝቢ፡ ህንጻን ዘመናዊ ትምህርቲ ሕርሻ ንምምሃር በቒዖም። ውሑስ ቀረብ ማይ ዝረኸብሉን ብግቡእ ዝመቓርሕሉን ኣገባብ`ውን ተሰናዲእሎም። እዚ ኩሉ ለውጥን ማሕበራዊ ድሕነት ዘረጋግጽ ስራሕን እዚ፡ ጻማ ዋርሳይ እዩ። ፊተ መሪሕ ኣበርክቶኡ ጎሊሑ ይንጸባረቕ። ነቲ መኣዲ ትምህርቲ ዝመርሑ ዋርሳይ እዮም። ነቲ ኣገልግሎት ጥዕና ዝህቡ ዋርሳይ እዮም። ነቲ ጽርግያ ዘደላድሉን ጥጡሕ መስመር መጓዓዝያ ክህሉ ዝሰርሑ`ውን ዋርሳይ እዮም። ኣብ በረኸቲ ዝባውንቲ ሎካይብ፡ ኣታይን ኣግማይትን ዓበይቲ ኣጋንእ ማይ ዝተኸሉ፡ ዝተፈላለየ ሞያ ዝምህሩን ዝሰርሑን ኣገልግሎት ጥዕና ዝህቡ ዘለዉ`ውን ንሳቶም እዮም- ዋርሳይ!

3

ከርከበት ምስ ኩባንያ ህንጻትን ልምዓትን ገደም ፍሉይ ዝኸሪ እያ ትፈጥር። እታ ኩባንያ እቲኣ፡ ኣብ ጋሽ ባርካ ዓበይቲ ቢንቶታት ብምስራሕ ኣደናቒ ዕማም ብምስልሳል ትፍለጥ። ነቲ ቦታ ብምጽናዕ ከኣ፡ ፋልማዊ ስራሕ ጀመረት። ከባቢ ከርከበት፡ ግደፍ ክትሰርሓሉ መሽማዕ ዘርጊሕካ ኣብ ትሕቲ ገረብ ብርከኻ ዓጺፍካ ክተዕርፈሉ`ውን ዝምችእ ኣይነበረን። ኣብቲ ህሮሩማ እቲ ግን፡ መጽለሊ ኣባላት ሰሪሖም፡ ዓቢ ስራሕ ሰሪሖም። ክሳብ ሩባ ዝዘፍፍ ካልእ ስርሖም ብምዕማም፡ ኣብ ታሪኽ ምስራሕ ዲጋታት ኤርትራ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ተሰቒለ። ነፍሲወከፍ ሞያዊ ኣባል ኩባንያ ገደም፡ ካብ 4-6 ሰዓት ጥራይ እናዕረፈ፡ ለይቲ ብዓቢ ሰብ ሰርሖ ብርሃን (ብባውዛ) ቀትሪ ብጸሓይ ተደጊፉ ሰሪሑ። ዓቢ ስራሕ! ድንቂ ኣጋጣሚ ኸኣ 20 ሰነ፡ እቲ ብኤርትራዊ ዓቕሚ፡ ጉልበትን ሞያዊ ክእለትን ዝተሰርሐ ዲጋ ከርከበት፡ 330 ሚልዮን ኰብ ማይ ኣዋህለለት። ሎሚ ከርከበት ህዝቢ ንኡስ ዞባ ከርከበት ጥራይ ዘይኮነ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ብርሃን ርእዩ ኣሎ። ናብ ዘመናዊ መስኖኣዊ ሕርሻ ዘሰጋግር ዓበይቲ ትሕተ ቕርጺ ተዋዲዶም። እቲ ዋርሳይ ሰራዊት ልምዓት ድርብ ተልእኾ ፈጺሙ። ኣብቲ ስራሕ፡ ብቀረብ ጻዓት፡ ምዝርጋሕ መስመራት ማይን መትረባት ማይን፡ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ንጥፈታት፡ ሰራሕትን ዘርጋሕትን ኣጋንእ ማይ፡ መራሕቲ ዓበይቲ ናይ ህንጻ ተሸከርከርቲ፡ ሰራሕትን መራሕትን ናይቲ ዕማም ዋርሳይ እዮም። ብእኩብ ድምር ኢኮሎጅያዊ ናይ'ቲ ከባቢ`ውን ተቐይሩ። ስነ-ህይወታዊ ማሕድሮ ሰሲኑ። ቅድምን ድሕሪትን ናይ'ቲ ከባቢ ትሕተ ባይታዊ ማይ ሃብቲሙ። ቲዕቲዕ ኢሉ። ንሰፊሕ ዘመናዊ ሕርሻ ተበጋጊሱ። ሓደ ዓቢ ውቅያኖስ ኣብ መሬት ቀምበይበይ ይብል ኣሎ። ንውሕስነት መግብን ዘላቒ ሕብረተሰባዊ ምዕባለን ብቕድሚት ነዊሕ ብርሃን ኣቕልቂሉ ኣሎ። ነዚ ማሕበራዊ ለውጢ ዝፈጠረ ዋርሳይ እዩ!

4

ተዓላሞ ሻሙናይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ቅድምን ኣብ መንጎን ስሩዕ



ታዕሊምን ናብ ደቡባዊ ምዕራብ ጋሻ ባርካ ንማእቶት እዮም ወጺኦም። ዝርግሐ ናይቲ ቦታ ካብ ተሰነይ ዓሊ ግደር ክሳብ ቃጨሮ ኦም ሓጀር ይሽፍን። መደብ ናይ'ቲ ስራሕ ቅድም ምጽሃይ ግርሁታት ድሒሩ ከኣ ምጉናእ ማሽላ ነበረ። ወራር ስርዓት ወያነ ንዝኸፈቶ ኲናት ንግፍ ኢሉ ናይ ዝኸደ ሓረስታይ ናብ ቆፎ ንምእታው ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ሰፊሕ ማእቶታት ንምስናድን ንምቅላሕን ካብ ጫፍ ንጫፍ ተጓዒዝና። ኣብ'ቲ እዋን እቲ ከባቢ ጥጡሕ መስመር መጓዓዝያ ኣይነበሮን። ተሰነይ ላዕላይ ጋሽ ኣሸጋሪ ምንባሩ ኣይርስዖን። ብሕልፊ ገርሰትን ፌስኮን ቀላጥን ስብርባር ቅርጺ መሬት ዝነበሮ ከባቢ ነበረ። ኲባንያ ህንጻትን ልምዓትን ሰገን ነቲ ሓሳብ ናብ ግብሪ ቀይሮሞ። ኣብ'ቲ ዕማም ግደ መንእሰይ ወሳንን ደራኺን ነይሩ። እቲ ኣብ ከበሳ ዝተበጋገሰ ስራሕ ንኡስ ዲጋታት ናብ ዝለዓለ ደረጃ ዘስገረ ተመክሮ ኸኣ ነበረ።

ብመደባት ዋርሳይ ይክኣሎ ዝተሃንጸ መስመራት ጽርግያ ብዓቢኡ ተዋዲዱ ዘሎ ትሕተ ቕርጺ ንዘመናዊ ሕርሻ ብሓፈሻ ተኸዚኑ ዝርከብ ማይ ነቲ ከባቢ ቀይሩዎ ይርከብ። ሎሚ ሒዝዎ ናብ ዘሎ ብቕዓትን ቁመናን ንምብጻሕ ዝተሓለፈ ግድል፡ ዝተዓመመ ስራሕ፡ ዝሃለኸ ንዋትን ጉልበት ንምግማት ዘጸግም ኣይኮነን። ሎሚ ኣብ ሰለስተ ዲጋታት ፋንኮ ጽሙእ ገርሰትን ፋንኮ ራዊን ንእዝዩ ሰፊሕ ሕርሻዊ ንጥፈታት ጥራይ ዘይኮነ ንኣግሮ ኢንዳስትሪ ዘብቕዕ ትሕተ ቕርጺ ተዋዲዱ ይርከብ። ንሕርሻ ኣእካልን ብቑልን፡ ኣሕምልት ቀወምቲ ኣግራብን ብዓቢኡ ኣብ ሃብቲ እንስሳ ሞያውያን መንእሰያት ነቲ ስራሕ ይቖልስዎን ይመርሕዎን ኣለዉ። ብኹሉ ዓውዲ ኣብቲ ቦታ ዝሰርሑ ዘለዉ መንእሰያት ከኣ፡ ኣብ ምቕያር ሕብረተሰባዊ ለውጥን ምዕባለን እወታዊ ድርኺት ይፈጥሩ። ብመጓሰ ዝተሓጽረ ህዝቢ ናይ'ቲ ከባቢ ዕድላት ስራሕ ኣብ ምፍጣርን ዓይነት መነባብሮ ኣብ ምቕያርን ዕዙዝ ግደ የበርክቱ ኣለዉ። ነዚ ከባቢ እዚ ድሕሪ ዓሰርተ ዓመት ምምላስ ዘይኮነ ኣብ ነፍሲወከፍ ቀውዒ ዓቢ ለውጢ እዩ ዝጸንሕ። ማሽነሪ ሕርሻ፡ መስኖ፡ ሞያ ዘራእትን ኣሕምልትን ሕክምና እንስሳን ቅየሳ መሬትን ኩሉ ብዋርሳይ ምዕማሙ ኸኣ ውሑስን ቀጻልን ምዕባለ ሃገር ዘረጋግጽ እዩ።

5

ንደንከልያ ኣብ 1994 እየ ዝፈልጦ። ካብ ኢራፋይለ ክሳብ ራሓይታ ብሓፈሻ ኣብ ሰሜን ደንከል ከኣ ኣብ ገላዕሎ፡ ባዳ፡ መኻዕኒለ፡ ኢንገልን ቦርደለን ከኣ ንውሕ ዝበለ ግዜ ሰሪሐ። ካብ ምጽዋዕ ንዓሰብ ዝነበረ መገዲ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ምንባሩ ኣይርስዖን። ብውሕዱ ናይ ሰለስተ ኣርባዕተ መዓልቲ ጉዕዞ ይበጽሕ ነበረ። ምስ ምትካል ኣኢጋር ተሸከርከርቲ ነቲ ጉዕዞ ኣዝዩ ከቢድን ኣህላኺን ይቕይሮ። ኣንፍት ምጥፋእ ብለይቲ ዕንክሊል ምባል ንቡር ነበረ። ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዝተኻየደ ሓያል ጻዕሪ ህንጸት ጽርግያ ግን እቲ መገዲ ጣጢሑ። ኣብ ጢያ ዝነበራ ንዝተሸኽላ ዘውጽኣ ዓበይቲ መካይን'ውን ዕረፍቲ ረኺባ። ድሕሪ ዓመታት ናብቲ ከባቢ ንዝተመልሰ ሰብ፡ እታ ሓንቲ መረባዕ ጣውላ ዝነበራ ገላዕሎ፡ ብህንጸት ዝተፈላለየ ኣብያተ ጽሕፈት ዝጀመረ ምውዳድ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ትምህርቲ ጥዕና ተራድኦታት ገፈፍቲ ዓሳ ነቲ ከባቢ ናብ ዕሙር ሓውሲ ከተማ ኣብጺሕዎ። ባህሊ ምዕቃብ ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ናይ'ቲ ህዝቢ'ውን፡ ኢራብ ሰገንን ኣዕዋፍን ግሩም ትርኢት ፈጢሩ ይርከብ። መስመር ፎሮ ዓሰብ፡ ተደኲነን ዝርከባ መደበር ጥዕና ክሊኒክን ማእከላት ጥዕና ክሳብ መወከሲ ሆስፒታል ድሕቱም ዓሰብ፡ ኣብ ህዝቢ ዝፈጠሮ መስተርሆት ቀሊል ኣይኮነን። መጸበይን መጽንሒን ነፍሰ ጾራት ዝያዳ ኹሉ ዝጥቀስ ዓቢ ስራሕ እዩ። መንእሰያት መምህራን፡ ሓካይም፡ ኣብ ቀረብ ጸዓትን ዝርግሐ ኤለትሪክን ምስ ካልኦት ኩሉ ዓይነት ሞያታት ዕዙዝ ኣበርክቶ ዝገብሩን ዘካይዱ ዘለዉን ንሳቶም እዮም ዋርሳይ።

6

ኲናት ምሉእ ኣቓልቦ ዝጥምዝዝ፡ ንማሕበረ ቁጠባ ሃገር ዝህምሽ ኣዕናዊ ክስተት እኳ እንተነ፡ ኣብ እዋን ወራር ወያነ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ካብ ዝተበገሰሉ ዳግመ ህንጸት ደው ኣይበለን። ድንቅን ቅልጡፋትን ስራሓት ተሳሊጦም። ለይትን ቀትርን ብምልጋብ ዝተሰርሑ ፕሮጀክትታት፡ ኣብ ታሪኽ ህንጻ ትሕተ ቕርጺ ዘይሃስስ ኣሰር እዮም ገዲፎም። ካብ 1998 ክሳብ 2004 ብዓይነቶምን ብዝሖምን ዝምስገኑ ስራሓት ከም ዝተሳለጡ ይምስክር።

ካብ ዓበይቲ ናይ'ቲ ዓመታት ስራሕ ሓድሽ ናይ ቅጥራንን ሽፋን ቅርጽታትን







የጠቓልሉ። ፕሮጀክትታት ጽርግያ ሓጋዝ ባረንቱ፡ ጽርግያ ናብ መዕርፎ ነፈርቲ ምጽዋዕ፡ ጽርግያ ጋሕተላይ ዋዲላብካ፡ ጽርግያ ባረንቱ ተሰነይ፡ ጽርግያ ሰረጀቓ ሸባሕ፡ ጽርግያ ውሽጢ ከተማ ጊንዳዕ፡ ጽርግያ ዓዲ ጓዕዳድ ሕምብርቲ፡ ጽርግያ ውሽጢ ከተማ ከረን ብድምር ልዕሊ 400 ኪሎሜተር ዝሸፍኑ ስራሓት ተሃኒጾም።

ኣብቲ ዓመታት`ቲ ኣብ ከተማታት ከረን ጊንዳዕን ከረንን ሰፊሕ ንትሕተ ጽርግያ መፍሰሲ ማይ ጽሩይን ረሳሕ ፈሳንን እዩ ተሃኒጾም። 1033 ኪሎሜተር ዝሸፍን ምህናጽ ሓድሽ ናይ ጸጸር ጽርግያ ዓረዛ ባረንቱ፡ ጽርግያ ከረን ሓልሓል፡ ጽርግያ ኣባራራ ኣዝሃራ - መዓሚደ፡ ጽርግያ ኣፍዓበት ኣዝሃራ፡ ጽርግያ ኬሩ ከርከበት፡ ጽርግያ ታላታዓሸር፡ ጽርግያ ምጽዋዕ ዓሰብ፡ ጽርግያ ከረን ገለብን ጽርግያ ኣፍዓበት ቃምጨዋን ተሰሪሖም።

ማዕረ ማዕረ እዚ ናይ ጽርግያ ፕሮጀክት እቲ ነዋሕትን ሰፉሕትን ድንድል ተሃኒጾም። ፕሮጀክት ድንድል ከርከበት ሩባ ባርካ፡ ድንድል ኩሉክ ሩባ ጋሽ፡ ድንድል ኣውጋሮ ሩባ ጋሽ፡ ድንድል ተሰነይ ሩባ ጋሽ፡ ድንድል ግንሰባ ሩባ መረብ ናይ ሓጺን ድንድላት ተሰሪሖም።

ኣብቲ ዓመታት እቲ፡ 4000 ሜተር ምህናጽ ኣህጉራዊ መለክዒታት ዘማልአ መዕለቢ ጎልጎል መዕርፎ ነፈርቲ ምጽዋዕን ምስፋሕ ብ160 × 180 ሜተር ደው መበሊ ነፈርቲ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ተሃኒጹ። ቀዳማይ ገጽ ምስፋሕ ወደብ ምጽዋዕ`ውን ኣብቲ ገጽ እዩ ተዓሚሙ።

እቲ ኣብ ልምዓት ማይ ዝተበገሰ ዓበይቲ ስራሕ`ውን ካብ 1998 ክሳብ 2004 ብዝለዓለ ደረጃ እዩ ቀጺሉ። ናይ 15 ሚልዮን ሜትሪክ ኩቦ ፕሮጀክት ዲጋ ቶኮር፡ ዲጋ ዕዲ ጸናፍ፡ ዲጋ በርሃነት ዓዲ ቀይሕ፡ ቀረብ ማይ ጊንዳዕ፡ ቀረብ ማይ ገድገድን ቀረብ ማይ ጋዴም ሓሌብን ተሰላሲሉ። ኣብ እዋን ወራር፡ ኣብ ኩናትን ድሕሪ ኩናትን 491 ኪሜ ናይ ጽርግያ ቅጥራን፡ 1033 ኪሜ ናይ ጸጸር ጽርግያ፡ 300 ኪሜ ናይ ሓመድ ጽርግያ፡ 226 ድልድላት፡ 2 መዕርፎ ነፈርቲ 3 ዲጋታት፡ 3 ቀረብ ማይ፡ 1 ኣብ ወደባት ስራሕ ምፍጻሙ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ተሪር እዋን ዓጸፉ ዝጸንዕ እምባ ሓቂ ምዃኑ እዩ ዝምስክር። እቲ እምባ ከኣ መንእሰይ እዩ! እቲ መንእሰይ እቲ ከኣ እዩ ጥርዚ ኣልማዝ!




### ዓመት - 2020

ዋርሳይ፡ ኣብ መትከሉ ስለ ዝጸንዐ፡ ክብረቱን ልዑላውነቱን ዓቂቡ። ሓጺናዊ ዕርዲ ጽንዓቱ፡ ንዘየዕርፍ ማዕበላዊ ተጻብኦን ዘየዕርፍ ሽርሕን ስዒሩዎ:: ንኣስታት ርብዒ ዘመን መንነቱ ንምሕካኽ፡ ከም ሃገርን ህዝብን ንምጥፋእ ዝተኣለመ ነገራዊን ኣእምሮኣዊን ኩናት ስዒሩዎ። እቲ ጽንዓት እቲ ኣብ ምድረ ኢትዮጵያ ህዝባዊ ማዕበል ፈጢሩ፡ ነቲ ብዓሌታዊ ፖለቲካ ዝምራሕን ብኽድምና ምዕራባውያን ሓይልታት ዘባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘዕንው ዝነበረ ደቂቐ ፍሩይ ጉጅለ፡ ቅድም ካብ ኣራት ኪሎ ናብ መቐለ ጸኒሑ ኸኣ ካብ መቐለ፡ ኣብ መወዳእታ ካብ ሱር ሓሳባቱን ትካላቱን ክመሓው በቒዑ።

ጽንዓት ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ዘባዊ ሰላምን ምርግጋእን ኣብ ምፍጣር ኣዝዩ ዕዙዝ ኣበርክቶ ይገብር ኣሎ ... ወዘተ ምባል ክሓይሽ እዩ። ምኽንያቱ ግደ ዋርሳይ ምግላጽ ከቢድ`ዩ፤ ኣብ ከቢድ ስለዝኸበደ!!

## ሓሳባት

# “ታሪኽ ምፍላጥ እንታይ ይጠቕመና?”

ተማሃራይ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ዝነበርክሉ እዋን፡ “ስለምንታይ ኢና ታሪኽ ንምሃር፡ ብዛዕባ ዘይነበርናዮ ቀደም ግዜ ምፍላጥ እንታይ ይጠብረልና? ነዚ ዘሎ ግዜ ኣጽኒዕና ዘይወዳእናስ ዝሓለፈ?” እብል ነበርኩ። ከምኡ ዓይነት ርእይቶ ዝነበሮም ገለ መዘናታተይ እውን ነይሮም ይኾኑ።

ታሪኽ ምፍላጥ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ ዝተሰወጠኒ ጸኒሑ እዩ። ቅሩብ ምስ ለበምኩ፡ እቲ ታሪኽ ዝበሃል “ኣነ” ምዃነይ ተረዲኡኒ። ብርግጽ ድማ ኩልና ውጽኢት ናይ ታሪኽ ኢና። ሕሰብዎ እንዶ፡ ኣቦይን ኣደይን ብገለ ኣጋጣሚ እንተዘይራኸቡስ ኣነ ኣበይ ምሃለኹ? ንዓይ ናብ ህልውና ዘምጽእ፡ ሌላን ዝምድናን ናይ ወለደይ እዩ። ነዚ ሕጂ ሒዘዮ ዘለኹ ኣካላዊን ኣእምሮኣዊን ኣቋውማ ዝሃነጹ ድማ ንሶምን ዝዓበኽሉ ኮምን እዮም። ብደረጃ ሃገርን ሕብረተሰብን ክንሓስብ ከለና እውን ልክዕ ከምኡ እዩ። እቲ ቀዳማይ ወለዶ እንተዘይኑብር፡ ወይ ቡቲ ዝሓለፎ መስርሕ እንተዘይሓልፍ፡ ንሕና በዚ ሕጂ ዘለናዮ ኩነት ኣይምሃለናን።

ቀዳሞት ወለዲ “ንርስቲ ይዋግኣላ ኣንስቲ” እናበሉ፡ ንቶም ብባሕሪን መሬትን ዝመጽዎም ዝነበሩ ባዕዳውያን ወረርቲ መኪቶም ኣብዚ ወሪስናዮ ዘለና ርስቲ እንተዘይጸንዑ፡ ንሕና እዞም ናይ ሕጂ ወለዶ ምሃለና ወይ ወረስቲ እዚ መሬት'ዚ ምኾንናዶ? ብርግጽ ኣይምኾናን። ካልእ ኣብነታት እውን ክንውሰኽ ንኽእል። ኣብ 1940ታት-50ታት ሓያላን መንግስታት፡ ንኤርትራ ናብ ሱዳንን ኢትዮጵያን መቑሎም ሃገርነታ ንምድምሳስ ክውጥኑ ከለዉ፡ ነቲ ሓሳብ ኣቦሓጎታትና እንተዝርዕምዎ እንታይ ኮን ምኾንና? ክትግምቶ ዘጸገም እዩ። ቀዳሞት ሓርበኛታት ብረት እንተዘየልዕሉ፡ ናይቲ ግዜ'ቲ መንእሰያት፡ ንናጽነት ረዚን መስዋእቲ እንተዘይከፍሉ'ኸ፡ ብቐንዱ ህላወና ብኻልኣይ ድማ መልክዕ ሃገራዊ ታሪኽና እንታይ ምኾነ? ወያነ ዘንቀሎ ኣሰመራ ናይ ምእታው ወራር ብተረኪቡቲ ሕድሪ መንእሰያት እንተዘይሕመሽሽ፡ ባህጊ ወያነ እንተዝሰምር እንታይ ኮን ምኾንና? ክትሓስቦ እውን ዘስገድግድ እዩ።

ታሪኽ ማለት “ኣነየ” ዝበልኩ በዚ እየ። ህላወይ ብታሪኽ ወለደይ ዝመጸ እዩ። ብእኩብ ከም ሕብረተሰብ ድማ ህላወና ኣብ ታሪኽ ቅድመና ዝሓለፉ ወለዶታት ዝሰረተ እዩ። ስለዚ፡ ከም ሰብ ብዛዕባ ህላወይ ብዕምቈት ክርዳእ፡ ቅድመይ ዝነበረ ታሪኽ ክፈልጥ እምብዛ የገድሰኒ እዩ።

ዊልያም ሉንድ ዝተባህለ ተመራማሪ ታሪኽ፡ “ንሕሉፍ ነጽንዕ፡ ነቲ ህልው ንምርዳእ እዩ። ነቲ ህልው ንርዳእ ድማ መጻኢ ንምቕላስ እዩ።” ይብል። ብርግጽ ድማ፡ ታሪኹ ዘይፈልጥ ኩነተ ህላወኡ ክርዳእ ኣጸጋሚ እዩ። ኩነቱ ህላወኡ ዘይርዳእ ድማ፡ መጻኢኡ ክግምት ከቢድ እዩ።

ጆርጅ ሳንታያና ዝተባህለ ካልእ ፈላስፋ፡ “እቶም ሕሉፍ ዘይዝክሩ፡ ንሕሉፍ ክደግሙ ክኑናት እዮም” ይብለና። ታሪኽ ዘይምፍላጥ ብልህነት ከምዘጉድል፡ መግለጺ ዕሽነት ምዃኑ ንምምልካት። ምኽንያቱ ታሪኽ በቲ ካልእ መልክዑ ጌጋታት ከይትደግም ትምህርቲ ዘቕስም እዩ። ኣገዳስነት ታሪኽ ግን ጌጋታት ከይትደግም ጥራይ ኣይመስለንን። ታሪኽ ምጽናዕ፡ ልቦና ዘስፍሕ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዛዕባ ውልቅናን ብዛዕባ ወዲ-ሰብ ብሓፈሻን ዘለና መረዳእታ እውን ዘዕሙቕ እዩ። ብዛዕባ ሰባትን ፍጻመታት ዝነበሩዎ ግዜን ኩነትን ትርጉም ናይቲ ዝነበርዎ ሃዋህውን ብልክዕ ምርዳእ፡ ብዛዕባ ህይወት፡ ሰፊሕን ብሱልን ኣጠማምታ ክህልወካ ዘኽእል፡ ኣብ ጉዕዞኻ ምስትውዓል ዘሰንቕ እዩ።

ካብ ተሞክሮይ ከምዝተረዳእክዎ፡ ታሪኽካን ታሪኽ ካልኦትን ምጽናዕ፡ ባህሎምን ልምዶምን ምርዳእ፡ ብዛዕባ ሕሉፍ እዋናትን ዛንታ ህይወት ፍሉጣት ውልቀሰባትን ካልእን ምፍላጥ ምንጪ ሓጎስን ፍስሃን እውን እዩ። እቲ ቀደም ግዜ፡ ኣብ ኣፍላ ንእስነት ዝነበርክሉ እዋን፡ ብልቢ-ወለድ ዛንታ ኣመና እምሰጥ ከምዝነበርኩ ይዝከረኒ። ታሪኽ ምንባብ ምስ ለመድኩ ግን፡ ንልቢ ወለድ እናንዓቕክዎ ከድኩ። ፈጠራዊ ስራሕ ንምንእኣስ ኣይኮነን። የግዳስ ብመንጽር ፍልጠትን ኣገዳስነትን፡ ታሪኽ ካብ ልቢ ወለድ ንላዕሊ መሳጢን ጠቓሚን ኮይኑ እየ ረኺበዮ። ብርግጽ ድማ፡ ታሪኽ ጥንታዊ ስልጣነ ግብጺ ይኹን ታሪኽ ኣዱሊስን ዘለናዮ ከባቢን ካልእ ከባቢታት ዓለምን ሰሚዑ ዘየስተንክርን ዘይምስጥን ምውት መንፈስ ዘለዎ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ታሪኽ እምበኣር ካብ ልቢ ወለድ ንላዕሊ ኣገዳሲን መሳጢን እዩ።

ታሪኽ ምንባብ ክሳብ ክንደይ መሳጢ ምዃኑ ምስ ተገንዘብኩ፡ ታሪኽ ምጽሓፍን ብዛዕባኡ ምምርማርን ድኣ ክሳብ ክንደይ ሰሓቢ ይኸውን? ዝብል ሓሳብ እዩ መጺኡኒ። ብርግጽ ድማ፡ ታሪኽ ምፍላጥ ጥራይ እኳ እምብዛ ዘሐጉስ ካብ ኮነ፡ ጭብጢታት ታሪኽ ምእካብን ምምርማርን ምጽሓፍን ዝያዳ መሳጢን ምንጪ ልዑል ሓጎስን ከምዝኸውን ኣይተማጎታእኩን። በዚ ድማ ጸሓፍቲን ተመራመርቲን ታሪኽ ዕድለኛታት እዮም ኣብ ዝብል መደምደምታ በጺሕኩ።

ብዙሕ ግዜ ዘዋግዖም ክልተ ሽማግለታት ኣለዉ። እቶም ሓደ፡ ኣብ ግዜ ንእስነቶም ንዝነበረ ሃዋህውን ፍጻመታትን ጽቡቕ

ገይሮም ከዘንትዉ ዝኽእሉ፡ ብዛዕባ ጥንቲ እውን ኪይተረፈ ብዛንታ ዝሰምዕዎ ጽቡቕ ገይሮም ክጸውዩ ዝኽእሉ እዮም። ከዕልሉኻ ከለዉ ንገዛእ ርእሶም ባህ ይብሎም፡ ንስኻ እውን ክትሰምዖም የብህገካ። ዛንታ ምፍላጦም ንዕኦም ኮነ ኑቶም ዝሰምዕዎም ክሳብ ክንደይ ከምዘሐጉስ፡ ካብ ዕላሎም ክትግምት ትኽእል። ብኣንጻሩ እቶም ሓደ፡ ኣይኮነንዶ ናይ ጥንቲ ታሪኽ፡ ብዛዕባ'ቲ ንሶም ብኣካል ዝነበርዎ ግዜን ሃዋህውን እውን ምንም ዘይፈልጡ እዮም። ነተን ሕልፍ ክብሉ ዝሰምዑወን ዝነበሩ ቅሩብ ቁራብ ዘረባታት ከዘንትዉ ከለዉ ድማ፡ "እንድዒ ንሕና እሞ እንታይ ንፈልጥ? ከምኡ ክብሃል ንሰምዕ ኔርና" ካብ ምባል ሓሊፎም፡ እንታይን ስለምንታይን ከምኡ ኮይኑ ንዝብል ሕቶታት ከትንትኑ ዝኽእሉ ኣይኮኑን። ፍልልይ ናይዞም ክልተ ሸማግለታት ኣገሪሙኒ። ኣነ'ኸ ምስ ዓበኹ ብዛዕባ'ዚ ዝኑብሮ ዘለኹ ግዜ እንታይ ኮን ከዘንቱ ይኽእል ኢለ ሓሲበ። ብርግጽ ድማ ታሪኽ ዘይምፍላጥ ብሃም እዩ ዝጉብረካ። ብኣንጻሩ ታሪኽ ምፍላጥን ምዝንታውን መርኣያ ብስለትን ልቦናን እዩ።

ካብዞም ክልተ ሸማግለታት፡ ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ዝርከቡ ክልተ ዓይነት ሰባት ከነለሊ ንኽእል። እዚ ፍልልያት'ዚ ዝህነጸሉ ድማ፡ ኣብ እዋን ንእስነት እዩ። እቶም ብርኽ ዝበለ ንቕሓትን ብስለትን ዘለዎም መንእሰያት፡ ብታሪኽ ኣዝዮም ግዱሳት እዮም። እቶም ብመንጽር ንቕሓትን ብስለትን ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝስርዑ ድማ፡ ዝያዳ ኣብ ዕለታዊ ህይወቶምን ስርሖምን ስለዘድህቡ፡ ብዛዕባ'ቲ ዝነበርሉ መድረኽ ይኹን ብዛዕባ ዓለም ብሓፈሻ ሓንቲ ኪይፈለጡ ዕምሮም ይውድኡ። ኣብ ግዜ እርጋኖም ድማ ክልቲኦም ዝተፈላለየ ዓይነት ስብእና ወይ ፐርሰናሊቲ ሒዞም ንረኽቦም። ካብኡ ድማ፡ ታሪኽ ምፍላጥ መግለጺ ብሱጽ ስብእና ምኳኑ ንግንዘብ።








ወዲ ሰብ ወለዶኡን ታሪኹን ዝፈልጥ ምኳኑ ዓቢ ህያብ እዩ። እንተዘይኮነ ከም እንስሳ ምኾነ። እንስሳታት ታሪኽ የብሎምን። ሰብ ግን፡ ወለዶኡ ይጽብጽብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ወለዱ ነዛ ዓለም ብኸመይ ሓሊፎማ፡ ዛንታኦም የጽንዕን ይመራመርን፡ ታሪኾም፡ መንነቶምን ርስቶምን ከኣ ይወርስ። ኣብ መንነቱ ርስቱን ታሪኹን ሰሪቱ ከኣ፡ ህልዊን መጻኢን ጉዕዞኡ ይትልም። ምንጪ ምዕባለ ወዲ-ሰብ ከኣ ብቐንዱ ውህሉል ተሞኩሮን ታሪኽን እዩ። ስለዚ ታሪኹን ውርሻታቱን ዘይፈልጥ፡ ብታሪኽ ዘይግደስ ብኻልእ ኣዘራርባ ከም እንስሳ ክምሰል ይኽእል እዩ።

"ታሪኽ ምፍላጥ እንታይ ይዓብሰልና?" ዝብል ሕቶ ብመጠኑ ዝመለስክዎ ይመስለኒ። ዕላማ ጽሑፈይ ድማ ብቐንዱ ንሕና መንእሰያት ኣብ ታሪኽ ዘለና ኣጠማምታ ከነበርኽ እዩ። ታሪኽ ማለት ንሕና ምኳንና እንተፈሊጥና፡ ብማዕረ'ቲ ንኑብስና እንፈትዋን እነኽብራን፡ ንታሪኽና እውን እምብዛ ክንግደሰሉን ብዕምቈት ክንፈልጦን ክንመራመረሉን ኢና።

ካብ ሳንታያና ካልእ ጥቕሲ ክውስኽ፥

"ነቲ ዝመጽእን ግዜ ሓንጎፋይ ክንብሎ ኣለና፡ ምኽንያቱ ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ ታሪኽ ክኸውን እዩ። ነቲ ዝሓለፈ ድማ ብኽብሪ ክንጥምቶ ኣለና፡ ምኽንያቱ፡ ነዚ ዘለናዮን ነቲ ዝመጽእን ክውን ዝገበረ ንሱ እዩ።"

*ኣሴር ሰለሞን*

# ምዕዶ መንእሰይን

*ሙብዛሕትና መንእሰያት ወለድና ኮነ ዓበይቲ ኣሕዋትና፡ መማህራንና፡ ናይ ስራሕ ሓለፍትናን መቕርብናን ዝህቡና ምኽሪ፡ ምዕዶን ተግሳጽን ክንሰምዕ ቅሩባት ኣይኮናን። ብሓሳብና ክንምራሕ፡ ንሕና ንደልዮን ባህ ዝብለናን ጥራይ ክንፍጽም ኢና እንደሊ። ምዕዶ ዘብዝሕ ሰብ ዘይፈቱ "ኣቦይ መዓዳይ" እናበለ ንመኸርቱ ዘላግጸሎም ዓርኪ ነይሩኒ።*

*ስነ-ኣእምሮ እዋን ጉብዝና ዘጽንዑ ተመራመርቲ፡ መንእሰያት ምኽሪን ምዕዶን ምስማዕ እምበዛ ከምዘሰልችዎም ይገልጹ። ስነ-ስርዓትን ዲሲፕሊንን መቕጣሕ ኮይኑ ይስምዖም። ንዓበይቲ ሰባት ከኣ ምኒን በሃልቲን ጨቆንትን ብዛዕባ መንእሰያት ምንም ዘይርድኡ፡ ምስ ግዜ ዘይከዱ ገይሮም ይወስድዎም። በዚ ምኽንያትዚ ተግሳጽ ናይ ዓበይቲ ቀልጢፉ የቖጥዖም። ኣብ ግዜ ንእስነት ብሓፈሻ፡ ኣብቲ ፈለማ ናይ ብጽሕና ግዜ ድማ ብፍላይ፡ ወለደይ ገሲጾሙኒ ኢልካ ምኹራይ፡ ምሕካል፡ ሕሉፍ ሓሊፍካ ካብ ገዛኻ ወጺእካ ምኹብላል፡ ኣርሒቕካ ምጥፋእን ካልእ ዘየድሊ ሓጺር ስጉምቲ ምውሳድን ዝኣመሰለ ብዙሕ ተርእዮታት የጋጥም እዩ።*

*እቲ ጌጋ ናይቶም ዝምዕዱ መንእሰያት ጥራይ ኣይኮነን። ዓበይቲ ኮይኖም ዝመኽሩን ዝምዕዱን እውን፡ ጥበባት ምዕዶ ይጎድሎም እዩ። ዘረባኻ በቲ ሓደ እዝኒ ኣትዩ በቲ ካልእ ዝወጽእ ከይከውን፡ ምኽርኻ ብመንእሰያት ክስማዕ እምበኣር፡ ጥበብ ኣመዓዕዳ ምፍላጥ ወሳኒ እዩ። ኣብ ጉብዝና ንዘለዉ መንእሰያት ክትምዕድ ዘኽእሉ ብዙሓት ሜላታት ኣለዉ። ገለ ካብኣቶም፡ ኣብዞም ዝስዕቡ ኣርባዕተ ነጥብታት ኣጠቓሊልካ ምግላጾም ይከኣል።*

1

***መንእሰያት ሓሳቦም ንኽገልጹ ዕድል ምሃብ፡ ዘረባኦም ብልዑል ኣቓልቦ ጽን ኢልካ ምስማዕ።***

*ዝኾነ ሰብ ዓብዪ ይኹን መንእሰይ ተግሳጽ ወይ መኣረምታ ከምኡ'ውን ፍልይ ዝበለ ርእይቶ ምቕባል ይኸብዶ እዩ። ሰባት መኣረምታ ምቕባል ዝኸብደና፡ ሰብኣዊ ክብረትና ዝትንከፍ ዘሎ፡ ዝተንዓቕና ኮይኑ ስለዝስምዓና እዩ። ካብቲ ርእይቶ ወይ መኣረምታ ዝህበና ዘሎ ሰብ፡ ብብቕዓት ወይ ብልቦናን ፍልጠትን ለጠቕ ዝበልና ኴንና ከይንርአ ፍርሒ ስለዝሓድረና እዩ። በዚ ድማ "ተጋግየ" ወይ "ሓቅኻ" ምባል ዜሕፍር ወይ ውርደት ጌርና ንቖጽሮ።*

*መንእሰይ እውን ምዕዶን ተግሳጽን ምቕባል ዘጸግሞ ወይ ዘቔጥዖ፡ ንኑብሱ እኹልን ኩሉ ዝርዳእ ብሱልን ሰብ ገይሩ ስለዝወስዳ እዩ። ቅሩብ ቀለም ዝቐመሰ ወይ ንኣተሓሳስባኡ ዝጸሉ መጻሕፍቲ ዘንበበ ይኹን ፊልምታት ዝተዓዘበ ወይ ድማ ብምኽሪ መዛንኡ ዝተመሰጠ መንእሰይ፡ ናይ ዓለም ፍልጠት ብምልኣት ዝጨበጦ እዩ ዝመስሎ። ዘእትዎን ዘውጽኦን ኩሉ ባዕሉ ዝፈልጥ ኮይኑ ይስምዖ። በዚ ድማ፡ ርእይቶን ሓሳባትን ካልኦት ዘድልዮ ኣይመስሎን። መዓዳይ እምበኣር ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንዘረባ መንእሰያት ጽን ኢሉ ክሰምዖ ክኽእል ኣለዎ። ዘረባኦም ጽን ኢሉ ምስዝሰምዕ ሓሳቦም ንኽገልጹ ዕድል ኣብ ርእሲ ምሃቡ፡ ኣብቲ ልዝብ ናይ ምዕሩይነት ስምዒት ይፈጥር። ስምዒቶም ይርዳእ ዝጎድሎም ዘሎ ድማ ብልክዕ ክፈልጥ ይኽእል።*

2

***ሶቅራጠሳዊ ሕቶታት ምሕታት***

*መንእሰያት ብድፍኢት ንእስነትን ዓርኪ መዘናን፡ ግጉይ ምኺኑ እናፈለጡ ዝገብርዎ ነገራት ብዙሕ እዩ። ብዙሕ ካብቲ ክትምዕዶም ዝሓሰብካ ይፈልጥዎ እዮም። ስለዚ፡ ኣብ ክንዲ ባዕልኻ ትገልጻሎም፡ ከም ግሪኻዊ ፈላስፋ ሶቅራጥስ ብመልክዕ ሕቶታት ሓሳባቶምን ርድኢቶምን ንኽገልጹ ምድራኽ ዓቢ ሜላ ናይ ምርድዳእ እዩ። ብኽፉት ሕቶታት፡ መንእሰያት ነቲ ክትምዕዶም ዝደለኻ ባዕሎም ክዛረብዎ ምትብባዕ ድማ ሓደ ካብ ጥበባት ማዕዳ እዩ።*

3

***ሓጺር፡ ንጹርን ዝጭብጥን ምዕዶ ምዝውታር***

*ብዙሓት ወለዲ ወይ ዓበይቲ ሰባት፡ ኣንዊሕካ ምምዓድ ይፈትዉ እዮም። ነዊሕ ማዕዳ ግን ኣሰልቻዊ እዩ። ብፍላይ ጸርፊን ምንሻውን ዝሓወሰ እንተኾይኑ፡ ኣብቲ ዝምዓድ ዘሎ ሰብ፡ ናይ ውርደት ስምዒት ይፈጥር። ምዕሩይ ርክብን ልዝብን የጥፍእ። ስለዚ ክልተ ሰዓት ለፍሊፍካን፡ ርብዒ ሰዓት ቁም ነገር ተዛሪብካን እቲ ናይ ርብዒ ሰዓት ዝያዳ ኣድማዒ ከምዝኸውን ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ንመንእሰያት እምበኣር ከም ተቐበልቲ ማዕዳ ጥራይ ከይሓሰብካ፡ ከምቲ ግሪኻዊ ፈላስፋ ንሰባት ሕቶታት እናቕረበ ጥራይ ኣተሓሳስቦኦምን ርድኢቶምን ክፈልጥ ዝጽዕር ዝነበረ፡ ክፉት ሕቶታት እናቕረብካ ንሳቶም እውን ክዛረቡ ዕድል እናሃብካ፡ መልእኽትኻ*

ምስ ናቶም ዘረባ ሚዛናዊ፡ ሓጺር፡ ንጹርን ዝጭብጥን ክትገብሮ ኣገዳሲ እዩ።

4

### ራእይ ዘዘኻኽር ማዕዳ

መንእሰይ ከም ዝኾነ ካልእ ሰብ ባህጊን ሕልምታትን ኣለዎ። እኳ ድኣ ካብ ዓበይቲ ንላዕሊ፡ ዓቢ ናይ ህይወት ውጥን ኣለዎ። ባህጉን ድሌቱን ንምስማር ዘኽእሎ መገዲ ወትሩ ሃሰው ምስ በለን ምስ ሓሰበን እዩ። ሕልሚን ባህጊን ግን ብሓንሳብ ዝፍጸም ኣይኮነን። ብማዕረ'ቲ ዘለካ ዓቕሚን ድሌትን ብድሆታት እውን ብዙሕ እዩ። ህይወት ብቀዳምነታትን መሳልላትን ዝተመልአት እያ። ስለዚ ኣብ ማዕዳኻ፡ መንእሰይ ናይ ቀረባን ርሑቕን ባህጉ ብኸመይ ክፈላልዮ ከምዘለዎ፡ ቀዳምነታቱ ብኸመይ ከምዘለሊ፡ ቀጥታዊ፡ ዝጭብጥን ተተግባሪን ሓሳብ ምሃብ ንማዕዳ ተሰምዓይ ካብ ዝገብር ሜላታት ሓደ እዩ።

### መንእሰያት'ከ ኣጠማምታና ኣብ ምዕዶ ከመይ እዩ?

"ቆልዓ ከለኻ፡ ኣቦኻ ኩሉ ዝፈልጥ ይመስለካ፤ እናንበዝካ ብዝኸድካ ኣቦኻ ፈላጥ ከምዘይኮነ ትግንዘብ፤ ዕድመ ምስ ጸገብካ ድማ፡ ኣቦኻ ክሳብ ክንደይ ፈላጥ ምንባሩ ይስወጠካ" ዝብል ብሂል ኣሎ።

እዚ ብሂል'ዚ፡ ኣብ ግዜ ቁልዕነት፡ ብዛዕባ ዓበይቲ ሰባት ዘለና ስእሊ እምብዛ ዝተጋነነ ምኳኑ፡ ኣብ ግዜ ንእሰነት ከኣ ብኣንጻሩ ብዛዕባ ኑብስና ዘለና መረዳእታ ዝተጋነነ ምኳኑ እዩ ዘመልክት። ብዛዕባ ኑብስና ይኹን ካልኦት ልክዕ ገምጋም ዝህልወና፡ ዕድመ ምስ ጸገብና ጥራይ ምኳኑ ድማ የረድእ።

ጌጋ መናብርቲ ወዲ ሰብ እዩ። ጌጋ ዘይርከቦ ፍጹም ሰብ ኣብዛ ዓለም የለን። ቆልዓ ይኹን በጽሒ፡ መንእሰይ ይኹን ሽማግለ፡ ፈላጥ ይኹን ዘይፈላጥ፡ ለባም ይኹን ዘይለባም ከይተጋገየ ዝነብር የለን። ሰብ፡ ይዕበ ይንኣስ፡ ይመሃር ኣይመሃር፡ ኩሉ ሳዕ ካብቲ ዝፈልጦ ዘይፈልጦ ይበዝሕ። ጌጋታት መናብርቲ ወዲሰብ ካብ ኮነ እምበኣር፡ መኣረምታን ተግሳጽን እውን ግድን መኻይድቱ እዩ። ኣገዳስነቱ ድማ ልዑል እዩ። ብፍላይ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት፡ መኣረምታን ተግሳጽን እንተዘየሎ፡ ብሉጽ ክብርታትን ስነምግባርን ውህደትን ምኹስኳስ ዝከኣል ኣይኮነን። ብዘይ ብሉጽ ባህልን ክብርታትን ድማ ዕብየትን ምዕባለን ክህሉ ትጽቢት ኣይግበርን።

መኣረምታ ዝቕበልን ዘይቅበልን ሰብ ምስ ክልተ መገዲ ዝተጋገዩ እሞ፡ እቲ ሓደ ንሰብ ተወኪሱ መገዱ ብምቕናዕ ኣብቲ ዝደለዮ ዝበጽሕ፤ እቲ ካልእ ድማ ሰኣን ምውካስ ወይ ዝሕብሮ ስኢኑ ኰሊሉን ደኺሙን ዝተርፍ ክመሳሰል ይኽእል። መንእሰያት እምበኣር መኣረምታን ተግሳጽን መገዲ ህይወትና ኣብ ምቕናዕ ዓቢ ተራ ከምዘለዎ ክንፈልጥ የድሊ። መንእሰይ፡ ንመኣረምታን ተግሳጽን፡ ከም ምንእኣስ ዘይኮነ ከም ሓበሬታ ወይ ምልክታት ትራፊክ ገይሩ ክምልከቶ ይግባእ። መንእሰይ፡ ዝተማህረ ይኹን ዘይተማህረ፡ ምስ ዓበይቲ ብምንጽጻር፡ ናይ ህይወት ተሞኩሮኡ ውሑድ እዩ። ዓበይቲ ሰባት ከኣ ዝተማህሩ ይኹኑ ዘይተማህሩ ህይወት ብግብሪ ዝመሃሮም መንእሰይ ክርድኦ ዘይክእል ብዙሕ ነገራት እዮም ዝፈልጡ።

ስለዚ መንእሰያት፡ ምኽሪን ምዕዶን ወለድናን ካልኦት ዓበይትን ንጥቕምና መኽሰብናን እምበር ንምጉዳእና ከምዘይኮነ ብምግንዛብ ብኽፉት ኣእምሮ ክንቅበሎ ቅሩብነት ክህልወና ኣለዎ። ሓቂ እዩ ተግሳጽ ክትሰምዕ ባህ ኣይብለካን እዩ። ክትሰምዖ ትብዓት ይሓተካ'ዩ። ካብ ተግሳጽን ምኽሪን ምህዳም ከኣ ፍርሒ እዩ። መንእሰይ፡ ንዝኾነ ዝቐርበሉ ሓሳባት ናይ ምስማዕ ትብዓት ምስዝህልዎ፡ ኣብ ህይወቱ ዕውት እዩ። ምኽንያቱ ልቦና ብተግሳጽ፡ ምዕዶን መኣረምታን እዩ ዝሰፍሕ።

ትኩር እንተኼንካ ፡ 0 ክትረክብ ሓደ ደቒቕ ተዋሂቡካ ኣሎ ። ቀጽል!



## ሞያን ኣፍራይነትን

# ዘመናዊ ሞያ
## መሰረት ንሓርነት መንእሰይ!

ኢንጅ. ምሉእብርሃን ሃብታይ

ሓርነት፡ ብዝተፋላለዩ ኩርናዓት ክግለጽ ዝኽእል ኣምር እዩ። መንፈሳዊ ሓርነት፡ ቁጠባዊ ሓርነት፡ ኣእምሮኣዊ ሓርነት፡ ወዘተ... እናበልና በብዝርደኣና መንገዲ ክንገልጾ ንኽእል። ኣጠቓልል ኣቢልና “ሰባዊ ሓርነት” እንተበልናዮ'ውን ንሱ እዩ። ብኻልእ ኣበሃህላ ድማ፡ ናይ ምሕሳብ፡ ናይ ምዝራብ፡ ናይ ምንባር፡ ናይ ምንቅስቓስ ወዘተ. እናበሉ ዝገልጽዎ ወገናት ኣለዉ። ሓርነት፡ ንነብስኻ በቒዕካ ምስ ከባቢኻ ተወሃሂድካ ክትነብር ምስ ጀመርካ ዝብጻሕ ምዕራፍ እዩ። ካብ ካልኦት ክነጥበካ እትጽበዮ ዘይኮንካ፡ ምስ ከማኻ ሰባት ተሓናጊርካ እትኸዶ ኩነተ ህላወ እዩ። ኣብ'ዛ ሕጂ እንርእ ዘሎና ብኸቢድ ቴክኖሎጂያዊ ውድድር ዝተዓብለለት ዓለም ድማ፡ ብሓርነት ምንባር ብቐሊሉ ከምዘይርከብ ነስተውዕለሉ ኣሎና። ምኽንያቱ፡ ሓርነት ንብቑዓት ሰባትን ሕብረተሰባትን እያ ብዝያዳ እትብጻሖም።

ቀዳሞት ሓርበኛታት ሃገርና ብዛዕባ ሓርነት ሓደ ንኽትርደኦ ኣዝዩ ቀሊል ብሂል ኣውሪሶምና ሓሊፎም። ንሱ ድማ፡ “ሓርነት ይውጻእ እምበር ኣይወሃብን እዩ!” ዝብል እዩ። ንስኻ ባዕልኻ ሓራ ሰብ ትኸውን፡ ምስ ደቂ ሃገርካ ሓቢርካ ሓርነት ዘለዋ ሃገር ትምስርት፡ ኣብ ማእከል ኮም እናተቐመጥካ ሓርነት ዝስመዖ ሕብተረሰብ ትሃንጽ፡ ወዘተ ... ቢቃ ኣኺልዎ እዩ። ትፈጥር፡ ትዓዪ፡ ትምህዝ፡ ትብቅዕ፡ ትጣበብ፡ ትበላሓት፡ ብዝብሉ ጣቋታት ዝተመልአ እዩ። ይወሃበካ ዝብል የብሉን። ነዚ መግለጺ'ዚ መሰረት ጌርና እንተረኣናዮ፡ መንገዲ ሓርነት ቀጣንን ተራርን ክትከውን ኣለዋ። ብዙሕ ዘጋጊ ጨናፍር ዘለዋ'ውን ኣይመስለንን።

ከም ውልቀ ሰባት ይኹን ከም እኩብ፡ ኣብ'ዛ ሓንቲ ህላወና ብሓርነት ንኽንመላለስ እምበኣር፡ እዋኑ ዝጠልቦ ብቑዕ ሞያ ክህልወና፡ ምርጫ ዘይኮነ ናይ ምንባር ግዴታና እዩ ዝኸውን ዘሎ። ኣብ'ዛ ዓለም ነቲ ዝሓዘ ሞያ ኣጥቢቑ ዝሓዘን ዝበቐዐን ወገን እናሰወደ ከምዝኸይድ ንምርዳእ ድማ፡ ካብ ናይ'ዚ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት ታሪኽ ሃገርና ዝዓቢ ቀሊል ኣብነት ኣብ ጥቓና ዝርከብ ኣይመስለንን። ህላወ ሃገርናን ባህልናን ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ ኩነታት ምስተፈጥረ፡ ተወራረስቲ ወለዶታት መንእሰያት ኤርትራ ንሞያ ውትህድርና ኣጽኒዖሞ ጥራይ ዘይኮነስ ተራቒቖምሉ። ኣብ'ቲ ሞያ ዓብዮም ኣብ ምንታይ ደረጃ ከምዝበጽሑ ንምፍላጥ እቲ ውጽኢታት ባዕሉ ገላጺ እዩ። ነቶም ንነብስና ኣነኣኢስና እንርኢ ድማ፡ ናይ ሶቭየት ሕብረት ወይ'ውን ናይ'ቶም ገዛእትና ዝነበሩ ሰነዳት ምውካስ የድልየና ይኸውን እዩ። ብኸም'ዚ ኣቢልና ንነብስና ብግቡእ ክንላለያን ዓቕሙ ዘላ ውህሉል ጸዓት ክንፈልጦን ንኽእል።

እቲ መወከሲ ንሱ ኮይኑ፡ ናብ'ዚ ዘመናዊ እዋን ድማ ንምጻእ። ንኣብነት ኮምፕዩተር እትበሃል ዘመናዊት ንብረት፡ ኣብ'ዚ ዘሎናዮ መዋእል ኣብ ማእከል ተቐሚጣ ዘላ ቀንዲ መተዓየዪት እያ። ንሕና ናይ'ዚ እዋን መንእሰያት ንኮምፕዩተርን ባህርያታን ክንራቐቐሉ'ም ድማ፡ ኣብ ቅድሜና ተዘርጊሑ ዝጽበየና ዘሎ ጸወታ እዩ። ምስ ኮምፕዩተር ተኣሳሲርና ሞያ ክንገብር እንተኽኢልና፡ ዝያዳ ኣፍረይትን ኣብ ዕዳጋታት ተጠለብትን ከም እንኸውን ርዱእ እዩ። እቲ ዝዓበየ ሕቶ እምበኣር፡ “ንስኻ/ንስኺ ብሓገዝ ኮምፕዩተር







እንታይ ትገብር/ትገብሪ?" ዝብል እዩ። ንኮምፒዩተር ዝኸውን መቀያየሪ ስኒዕካ ናብ ፍረ እንተብጺሕካ፡ ንሓደ ስራሕ ዝጠቅም ቀመር (software) ኣዳሊኻ ንኣገልግሎት ከምዝውዕል እንተጌርካ፡ ዓቢ ሞያ ክንብሎ ንኽእል። ኣብ'ቲ ዘዘሎኻዮ ናይ ስራሕ ባይታ፡ ብሓገዝ ኮምፒዩተር ጽፉፍን ስሉጥን ኣገልግሎት ክትቅርብ እንተኽኢልካ'ውን ዓቢ ሞያ እዩ። በታ ኮምፒዩተር ጌርካ፡ ምስ ህይወትካ ዝኾነ ምትእስሳር ዘይብሉ ጽሑፋት ብመልክዕ መልእኽቲ ተተቐቢልካ ናብ ሰባት ክተማሓላልፍ ስለዝወዓልካ ግን፡ ሞያ ክንብሎ ክኸብድ እዩ። ኣብ እንዳ ኢንተርነት ኬድካ፡ ጋንታታት ዓዲ እንግሊዝ ዘለውኦ ኩነታት ኣዕለል ስለዝወዓልካሉ፡ ንስኻ ምስ ኮምፒዩተር ምልላይካ እንታይ ፋይዳ ክህበካ ይኽእል? ብዘይካ ንናይ ስፖርት ጋዜጠኛታት። ብሕጽር ዝበለ፡ ነቲ ብዕላማን ብጥበብን እንዓዮ ዕዮ ኢና "ሞያ!" ብምባል ንጽውዖ ዘሎና። ንዕኡ ንምስላጥ ድማ ዘድልየና ቴክኖሎጂያዊ መሳርሒ ክንጥቀም ንኽእል።

ኣብነት ንክኾነና ደኣ ብዛዕባ ኮምፒዩተር ኣልዒልና እምበር፡ ኩሉ ጥበብን ፍልጠትን ኣወሃሂድካ ዝዕየ ዕዮ ሞያ እዩ። ካብ ናይ ጽሬት ስራሕ ክሳብ ምሕደራ ትካላት። ነቲ ስራሕና ሞያዊ ዕዮ ዘብሎ፡ ብቕዓትና እናኣማዕበልና ማዕረ ክንደይ ምስ ግዜ ነሰጉሞ ዝብል እዩ። ዘመናዊ ብዝበሃል መለከዒታት ተለኪዑ ዝሓልፍ ፍረ ክነፍሪ እንተበቒዕና ሰብ ሞያ ኢና። ኣብ'ዚ ዘሎ ዕዳጋታት ተወዳደርቲ ሰባትን ትካላትን ክንፈጥር እንተኽኢልና'ውን፡ ኣብ ኣየናይ ዓውዲ ብዘየገድስ ሰብ ሞያ ኢና። ፍረ ዕዮና ድማ ናብ ወለዶታት ዝሰጋገር ኣብነታዊ ሓድጊ ክኸውን ይኽእል። ከምዚ ክንገብር እንተኽኢልና ከም ወለዶ፡ ኣብ ህላዌና ናይ ሓርነት ስምዒት ይሓድረና። ታሪኽና'ውን እናሓደረ ይምቅር።

ኣብ ጉዳይ ሞያ፡ ተውህቦታትናን ውሽጣዊ ድሌታትናን ኣብ ምጽናዕ ክንሓምቕ ከምዘይብልና ተደጋጊሙ ዝወሃበና ምኽሪ ለባማት እዩ። "እቲ ንነብሱ ኣድቂቑ ዝፈልጣ ንዓለሙ ማዕረ ክንደይ ኣጸባቢቑ ከምዝሰርሓ፡" ኣብ ልብታትና እንተሓዲሩስ ደጋጊምና ሰሚዕናዮ። ናይ ቨርጂንያ ዉልፍ ጥቕሲ፡ "እቲ ንነብሱ ዝፈልጣ ሰብ ሓራ እዩ፡ ኣይስልችዎን ድማ። ህይወት ንዕኡ ኣዝያ ሓጻር እያ። መዓልታዊ ህይወቱ ብደስታ ዝተመልአ እዩ። ንሱ በቲ መንገዱ ክነብር ከሎ፡ ኣብ ከባቢኡ ዝነብሩ ኩሎም ድማ ህይወት ከም ሕልሚ ሕልፍ ትብሎም።" ዝብል ትሕዝቶ ይርከቦ። ኣብ ሕልሚ ምንባር ቀሊል እዩ። ንክዉንነት ኣንቢብካ ምስኡ ተመሳሲልካ ተሓቢእካ ንምንባር ድማ ካልእ ቅልል ዝበለ ነገር እዩ። እቶም ኣብ መንጎ እቲ ሕልሚን እቲ ክዉንነትን ዘሎ ክፍተት ከጺብቡ ዝጽዕሩ ዘለዉ ሰባት እዮም እምበኣር፡ ሰብ ሞያ ዝበሃሉ ዘለዉ። ሞያኻ ምሉእ ሞያ ዝኸውን ድማ፡ ነቲ እትሓስቦ ብግብሪ ክተሰንዮ እንከሎኻ እዩ።

ብኻልእ መዳይ ክረአ እንከሎ፡ ሞያ ዝበሃል ክልሰ-ሓሳብ ብግብሪ ክስነ ከሎ እዩ። ምዕቡል ክልሰ-ሓሳብ ሃልዩካ ብግብሪ ዘይተሰንዮ እንተኼንካ፡ ሞያዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ቅዉም-ነገር ክትፈጥር ኣይከኣልን። ሓሳባትካ ክንዲ ዝጸረዩ ይጽረዩ፡ ንስኻ ምስ ቦታ ፍጻሜ ብኣካል ይኹን ብመንፈስ ርክብ እንተዘይብልካ ክተድምዕ ኣይትኽእልን። ብኻልእ ገጽ እንተረኣናዮ ኸኣ፡ ግብሪ ብዘይ ክልሰ-ሓሳብ፡ ቡሶላ ዘይብላ መርከብ እዩ። "ካበይ ተበጊስካ ናበይ ገጽካ'ኸ ትኸይድ ኣሎኻ?" ንዝብል ሕቶ ዝኸውን ስእለ ኣእምሮ እንተዘይሃልዩካ፡ ስለዝተጓዓዝካ ጥራይ ምኻድካ ትርጉም ክህልዎ ኣይክእልን። ስለ'ዚ ኣብ ዝኾነ ዓውደ ዕዮ፡ ንሓደ ዕማም ሰብ ሞያ ሓሊፎሞ እዮም ክበሃል እንተኾይኑ፡ ምውጣንን ምትግባርን ተሳንዮም ክኸዱ ግድነታዊ እዩ። ምኽንያቱ፡ ኣእምሮ ብዘይ ኣካል ዋጋ የብሉን፡ ከምኡ'ውን ኣካል ብዘይ ኣእምሮ ግኡዝ ነገር እዩ።

ሞያን ሞያ ምህላውን ክበሃል ከሎ፡ ሓደ ሰብ ወይ ጉጅለ ንሓደ ብዓይነቱ ዝተወሰነ ስራሕ ንምዕማም ዝጥቀመሉ ፍሉይ ጥበብ ወይ ክእለት ጌርና ክንወስዶ ንኽእል። ንዝተደልየ ሞያ ንምጥራይ ድማ ዝተፈላለየ ኣገባባትን ጻዕርታትን ይካየድ። እቲ ዝበለጸን ኣዝዩ ግዜ ዝቑጥብን ኣገባብ ኣመዓባብላ ሞያ፡ ዕድመ ንእስነትካ ምስ ትምህርትን መጻሕፍትን ብምሕላፍ ዝመጽእ እዩ። ብዙሕ ክፋል ናይ ሕብረተ-ሰብ ድማ ንነዊሕ እዋን ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ዓይነት ስራሕ ምስ ክኢላታት ብምስራሕ ናይ ተመኩሮ ሞያ ክውንን ይኽእል። ገለ ድማ ካብ ከባቢኡ፡ ማለት ኣባላት ስድራቤቱ፡ ኣዕሩኽቱን ዝንቀሳቐሰሎም ቦታታትን ንዝረኸቦ ሓበሬታታት ኣተኲሮን ትዕዝብትን ሓዊሱ ናብ ሞያ ክቕይሮም ዘጸግም ኣይኮነን። ብዝተፈላለየ ኣገባባት ንእነዋህልሎ ሓበሬታታት፡ በብግዚኡ ዝዓሙቕ መጽናዕትን ትዕዝብትን ብምግባር ናብ ሞያ ክንቅይሮ ንኽእል።

ካብ'ዚ ልዕል ክብል ዝተጠቕሰ መንገዲታት፡ እቲ ዝሓጸረን ዘተኣማምንን

ኣገባብ ምምዕባል ሞያን ሞያውነትን፡ ኣብ ዕድመ ንእስነትካ ምስ ትምህርትን መጻሕፍትን ምምሕዛው እዩ። ብፍላይ እቲ ትመሃረሉ ስርዓተ ትምህርቲ ካብ ውሽጣዊ ፍልቀታዊ ምዕባለ ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ዝመንጨወ እንተኾይኑ፡ ትምህርቲ ንሓደ መንእሰይ ኣደልዲሉ፡ ሃናጺ ዜጋ ይገብሮ። ንሓደ ወዲ ዕስራ ዓመታት መንእሰይ ልክዕ ከም ወዲ ሓምሳ ዓመታት ሽማግለ ንዓለምን ንስራሕን ኣዳቒቑ ከምዝፈልጥ ይገብሮ። በዚ መሰረት፡ ሓደ ብምሁራን ዜጋታት ዝተነድቀ ሕብረተሰብ፡ ሓይሊ ጸዓቱ ብልዕሊ ዕጽፊ ከምዝዓቢ ክንርዳእ ንኽእል። ጸዓት ምውሳኽ ድማ፡ ፍርያት ምውሳኽ ማለት እዩ።

ትካላት ብምሁራን ኣካላት ዝእለዩን ዝምእዘኑን እንተኾይኖም፡ ኩሎም ኣብያተ ዕዮታት መዓልታዊ ኣብ ምህዞን ምዕባለን ይጽመዱ። ኢንዱስትርያዊ ውድድር ይውንጨፍ። ብትምህርቲ ዝተሃንጸ ሞያ፡ ነቲ ዜጋ ነብሰ ምትእምማኑ ከምዝዓቢ ስለዝገብሮ፡ ንእሂን ምሂን ድሉው ይኸውን። ኣብ'ቲ ሞያኡ ማእከል ጌሩ መጻሕፍቲ ምንባብን ምሕዳስን ዘዘውትር እንተኾይኑ ድማ፡ ሊላይ። ኣብ'ዛ ዓለም ሰፊሕ ቀላይ ናይ ፍልጠታት ከምዘሎ ስለዝፈልጥ፡ ብትሕትና ክመላለስ ንቡር እዩ። ግድን ንዓይ ንበይነይ ዘይሰማዕክሙኒን ዘይተኣዘዝኩምኒን ኢሉ ፈንጠርጠር ዘብል ምኽንያት የብሉን። ምኽንያቱ እቶም ንመሳርሕቶም ሰባት ክመልኩ ዝደልዩ፡ ነብሰ ምትእምማን ስለዝጎድሎም እዮም ተዋስኦታት ዘብዝሑ። ኣብ'ቲ ሞያ ምትእምማን ዘይብሉ ሰብ እዩ፡ ንሰባት ክመልኽን ክጉባዕበዕን ዝርከብ።

ኣብ'ዚ ዘሎናዮ እዋን፡ ሓደስቲ ፖለቲካዊ ተርእዮታት ኣብ ከባቢና ንዕዘብ ኣሎና። ኣብ'ዚ ሓድሽ መድረኽ፡ ንሕና ከም ሕብረተሰብ ካብ ኲናትን ወረ ኲናትን ወጺእና ናብ ሰላምን ወረ ልምዓትን ክንሰግር፡ ኩሉ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ንኽንበጽሕ ከቢድ ዋጋ እናኸፈለ ዝመጸ መንእሰይ ዝጸበዮ ሓቂ እዩ። መድረኽ ክቕየር ከሎ ድማ፡ ምቕያር ናይ ኣቃውማ የድሊ። እቲ መድረኽ ዝጠልቦ፡ ሓድሽን ኣሰዳሚን ኣተሓሳስባ የድሊ። ብዝሓለፈ እዋናት "ሓሊፉ!" እናበልካ ምምራር ዘይኮነ፡ ምስ ሓድሽ መድረኽ ምሕዳስ የድሊ። እቲ ነዚ ዝሓለፈ መድረኽ ካብ ዘይንቡር ናብ ንቡር ዘሰጋገረ ኣእምሮና፡ ናብ'ቲ ንቡር ናይ ልምዓት ኩነተ ህላዌ ተመሊሱ፡ ካልእ ናይ ልምዓት ተኣምር ክፍጽም ግዜ ይጠልበና ኣሎ።

ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም ንብዙሕ ካብ ሕቶታትና ዝኸውን መልሲ ገዲፎምልና ካብ ዝሓለፉ ሓርበኛታት ሃገርና ሓደ እዮም። ገለ ካብ ትሕዝቶ ጽሑፋቶም፡ ንሰብን ንትምህርትን ዘተኣሳስር ምዕዶ ንመንእሰያት ኤርትራ ብምባል ዝተዳለወ ኣለዎ። ብትምህርቲን ሞያን ዝበሰለ መንእሰይ ማዕረ ክንደይ ንነብሱን ንሃገሩን ዘሐብን ዜጋ ከምዝኸውን የአንፍት። እቲ ምሉእ ትሕዝቶ ንዘዝመጸ ወለዶታትና ከገልግል ዝኽእል ኮይኑ፡ ኣብ ሓደ ክፋሉ ጽሙቕ ኣቢልካ እዚ ዝስዕብ ሓሳብ ይርከቦ፥

"ፍልጠትን ጥበብን ዘይደሊ፡ ንጊዜ ንእስነቱ ከኣ በብዓይነቱ ዝኾነ ቅልነት ኬሕልፎ ዚደሊ መንእሰይ፡ ንሃገሩ የፍቅር ኢዩ ኺበሃል ኣይክኣልን፡ ኣይግብኦን ከኣ። ኣብ ሃገርካ ዘሎካ ፍቕርን ምእዛዝን፡ ኣብ ጊዜ ውግእን ፈኸራን ጥራይ ኪግለጽ ኣይግብኦን። ኣውራ ኣውራስ ኣብ ጊዜ ሰላምን ድሓንን፡ ኣብ ንብረትካን ኣብ ኣካይዳኻን፡ ኣብ ትምህርትኻን ኣብ ዕዮኻን ኢዩ ኺግለጽ ዚግብኦ።" ይብል።

እቲ ጽሑፍ በዚ ዘብቅዕ ኣይኮነን። ምሁር ዝበሃል ሰብ ከመይ ዝኣመሰለ ምኳኑ ንምብራህ ቁሩብ ውርድ ኢሎም ድማ፥

"ክቡራን መንእሰያት ደቂ ኤርትራ፡ ትምህርትን ጥበብን ፍተዉ። ንረብሓ ርእስኹም ኢልኩም ጥራይ ዘይኮነስ ስለ ክብረትን ዕብየትን ሃገርኩም ኢልኩም ትምህርትን ጥበብን ፍተዉ።

ሀ. ነፍሳውያን ሰባት ኪገብረኩም ዚኽእል ትምህርቲ ጥራይ ኢዩ።

ለ. ምስ ዝኾነ ይኹን ካልእ ሰብ ኬመዓራርየኩም ዚኽእል እውን ትምህርቲ ጥራይ ኢዩ።"

ድሕሪ ምባሎም ነቲ ነፍሳዊ ሰብ ዝብልዎ ከመይ ዝበለ ምኳኑ ንኸብርሁ ከኣ፡

"ነፍሳዊ ሰብ ማለት፡ ንጽቡቕን ንኽፉእን ፈላልዩ ዚፈልጥ ኣእምሮ ዘሎዎ ሰብ ማለት ኢዩ። ከምኡ'ውን 'ነፍሳዊ ሰብ' ማለት፡ ነቲ ጽቡቕ ፈሊጡን መሪጹን ተቐቢሉን ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ክእለት ዘለዎ፡ ነቲ ክፉእ ከኣ ፈሊጡስ ንምውጋዱን ንምድርባዩን ክእለት ዚህቦ "ፍቓድ" ዘሎዎ፡ ማለት ጎይታ ርእሱ ዝኾነ ሰብ ማለት እዩ።"

በቲ ናይ'ዞም ኣቦ ኣበሃህላ ጌርና ክንድምድሞ። ትምህርቲ ንሰብ ነፍሳዊ ሰብ ዝገብሮ እንተኾይኑ፡ እቲ ነፍሳዊ ሰብ ዝፍጽሞ ተግባራት ድማ፡ ኣቕዲምና ትርእዮታት ናይ ውሽጣዊ ሓርነት ብምባል ዝጠቐስናዮ እዩ። ትምህርቲ ናብ ሞያን ሞያውነትን ይወስድ። ሞያ ሄልዩካ ሃናጺ ዜጋ ምኳን ድማ፡ ናብ ሓርነት ይወስድ።

"ኣብ'ዚ እዋን'ዚ እቲ ዝበለጸ ዩኒቨርስቲ፡ እኩብ መጻሕፍቲ እዩ"

Thamas Carlyle



ኣካዳሚ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

# ኮሮና ንተመሃሮ ዝፈጠሮ ዕድል

ብሰንኪ ኮቪድ-19፡ ተመሃሮ ትምህርቲ ኣቋሪጾም ኣብ ገዛኦም እዮም ጸኒሖም። እዚ ሕማም ተላባዒ፡ ቀታሊን ፈውሱ ንዓለም ዘይበጽሓን ብምዃኑ፡ ገና ስግኣት ምዃኑ ኣይተረፎን። ብሰንኩ ተመሃሮ ትምህርቲ ክንጅምር ኣይከኣናን። ካብ ትምህርቲ ካብ ንበኮር ናብ ዓመት ተገማጊሙ ኣሎ። ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመት ምሉእ ግዜና ብኸመይ ኣሕሊፍናዮ ንኸውን፧ ቤት ትምህርቲ ስለ ዝተዓጽወኸ ካብ ክንፈልጥ ምድላይ ክንሕባእ ዲና ጸኒሕና፧ ዋላስ ባዕልና ክንመሃር፡ ከነንብብን ክንመራመርን ጸኒሕና ኣለና፧ ሰብ ቀዓምነገሩ ግዜኡ ኣበይ ከም ዘሕልፎ'ዩ ዝምርከኦስ። ግዜና ኣብ ዝጠቅም ከነሕልፎ እንተ ጸኒሕና እምበኣር እዚ ዓመት ኣብ ገዛኻ ናይ ምጽናሕ ተጠቒምናሉ ኣለና። ብኣንጻሩ ንገብሮ ዝጠፍኣና፡ ብጸወታን ድቃስን ዘሕለፍናዮ እንተ ኣለና ኸኣ ሕጂ'ውን ማይ ኣይሓለፎን፧ እዚ ተሪፉ ዘሎ ግዜ ቀዓምነገር ክንገብረሉ ንኽእል ኢና።

እዚ ኣብ ገዛኻ ናይ ምጽናሕ ኣዋጅ ካብ ትምህርቲና ኣብኪሩና ኣሎ፡ ግን ከምኡ ኢሉ ዝነብር ኣይኮነን። ጽባሕ ናብ ንቡር ናይ ትምህርቲ ጉዕዞና ክንምለስ ምዃንና ፍሉጥ እዩ። ትምህርቲ ኣብ ዝጅምረሉ ግዜ ናብ ናይ  ምምህር ሃውህው ንምምላስ ምእንቲ ከይንጽገም ግን ኣቐዲምና ሓድሓደ ምድላዋት ክንገብር ኣገዳሲ እዩ። እዞም ዝስዕቡ መዘኻኸሪታት ከኣ መበገሲ ክኾኑና ይኽእሉ።

## 1. ሓድሽ ነገር ምፍታሽ፥



ዝበዝሐ ኣዋርሕ ናይ ሓንቲ ዓመት ኣብ ትምህርቲ ተጸሚድና ስለ እንጸንሕ ንጥፈታትና ውሑድን ልሙድን'ዩ ዝኸውን። ሓደሽቲ ንገራት ክንፍትን እንተ በልና'ውን ግዜ ኣይንረክብን ወይ ኣይፈቐደልናን ይኸውን። ሕጂ ግን ሓድሽ ነገር ንምፍታን ዝበለጸ ዕድል ኣሎና። ሓድሽ ነገር እንታይ'ዩ፧ ፍልጠት ብትምህርቲ ጥራይ ኣይኮነን ዝርከብ። ገድሊ ህይወት ብትምህርቲ ጥራይ ኣይኮነትን ትከኣል። ስፍሓትን ብልሒን ኣእምሮ'ውን ሚእቲ ካብ ሚእቲ ብትምህርቲ ኣይኮነን። እቲ መዓልታዊ እንሓልፎ፡ እንርእዮ፡ እንሰምዖ፡ እንትንክፎ፡ ...ወዘተ. ነናቱ በብደረጃኡ ግደኡ ይጻወት። ሓደሽ ነገር ንምርካብ ብዙሕ ነገር ክግበር ይከኣል። ሓድሽ ነገር ካብ ከባቢና፡ መጻሕፍቲ፡ ኣብ ቀረባና ካብ ዝርከቡ ሰብን ንጥፈትን ይርከብ። ሓድሽ ነገር ምፍታን ኣብ ኣእምሮና፡ ኣብ ሓደ ሸነኽ ተዓጽዩ ዝነበረ ገዛ ንኽንከፍት ይሕግዝ።

## 2. ምንባብ፥

ኣብ ግዜ ትምህርቲ ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ንዝርከቡ መጽሓፍቲ ግዜን ዕድልን ዘይክርከብ ይኽእል። ዋላ እንተ ተረኸበ'ውን “ ... እንታይ ክዓብሰልካ'ዩ'ዚ ... ናይ ትምህርቲኻ ዘይተንበብ ...፡” እናተባሃልና ዝዓጸፍናዮ መጽሓፍቲ'ውን ይህሉ። ጥቕሚን ኣገዳስነትን ምንባብ ብዙሕ ግዜ ይንገር'ዩ። እኳ ደኣ ብዙሕ ግዜ ይደጋገም። ምንባብ ከምቲ ንነብስና ኢልና እንበልዕን እንሰትን፡ ንጥንካረ ኣእምሮና ኢልና ግድን ከነንብብ ከም ዘለና ፈሊጥና ክሳዕ ዘየዘውተርናዮ ኸኣ መሊሱ ክደጋገም እዩ። እዚ ግዜ'ዚ እምበኣር ነዚ ልምዲ ንምጥራይ ኣዝዩ ሓጋዚ ግዜ'ዩ። እቲ እነንብቦ መጻሕፍቲ ኣብ ድልየትናን ምርጫናን ይምርኮስ። ገለና ልብወለድ መጻሕፍቲ፡ ገለና መጽሔታት፡ ናይ ታሪኽ ጽሑፋት፡ ናይ ቴክኖሎጂ፡ ወዘተ. ክንመርጽ ንኽእል ኢና። እቲ ቀዓምነገር ምንባብ'ዩ። ንኣእምሮና ኸኣ ኣመና የገድሶ። እቲ ብምዝንጋዕን ጸወታን ዝሓልፍ ግዜ፡ ብኣዛናዪ መገዲ ፍልጠት፡ ብልሒ፡ ስፍሓት ኣጠማምታ፡ ዕብየት ግንዛበ፡ ልቦናን ሓበሬታታትን ንኸስበሉ።

## 3. ንዝምባለኻ ምስዓብ፥

ዝበዝሐ ሰብ እተፈልየ ናቱ ዝንባለ ወይ ሓይሊ ኣሎዎ። ገለና ብእዋኑ ንፈልጦ፡ ገለና ኸኣ ኣይንፈልጦን። ዝንባለኻ ምልላይ ሓደ ካብ ዝዓበዩ ርኽበታት ህይወትካ ምዃኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ትምህርቲ እንከለኻ ነቲ ዝምባለኻ ወይ ነቲ ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ክትገብሮ እትደሊ ነገር ከተካውኖ ኣይጸጋሚ ነይሩ ይኸውን። ሕጂ ግን ዝሓሸ ዕድል ኣሎ። ዝምባለኻ ምልልይ ኣብቲ ንቡር ጉዕዞ ህይወትካ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብቲ ሕጂ ትኸዶ ዘለኻ ጉዕዞ ትምህርቲ'ውን ሓጋዚ እዩ። ዝምባለ ወይ ተውህቦ ብዘይ ትምህርቲ በይኑ ልክዕ ከም ዝፈሰመ ወርቂ፡ ወይ'ውን ከምቲ ብማዕዶ ዝርአ ዝፈሰመ ኮኾብ እዩ። ኣብ ግዜ ኵትትናኻ ወይ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲኻን ቅድሚኡን ዝምባለኻ ምልላይ እምበኣር ነቲ ጽባሕ ንግሆ ኣብ ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ ክትመሃሮን ክትዕወተሉን እትደሊ ዓውዲ የነጽሮ። እዚ ንብዙሓት ተመሃሮ መዋጥር ዝኾነ ምርጫ፡ ዝምባለኻ ብምልላይን ምስዓብን ክትሰግሮ ይከኣል። እዚ እዋን'ዚ ኸኣ ምስ ነብስኻ ብምልዛብን ምፍታንን ከተለልዮ ምጽዓር የድሊ።

## 4. ስልጠና፥

ኣቐዲምና ዝምባለኻ ምልላይን ሓድሽ ነገር ምፍታሽን ዝብሉ ነጥቢታት ጸቒጥና ጸኒሕና ኢና። ሞያ ብቐሊል ኣይርከብን እዩ። እቲ ክትነብረሉ እትኽእል ሞያ ንጽባሕ ዝግደፍ'ኳ እንተ ኾነ፡ ክእለትካን ዓቕምኻን ምልላይ ግን ንጽባሕ ኣይግደፍን። ብቐንዱ ጽባሕ በቲ ኣብ ሎሚ እነንጽፎ መሰረት ስለ እትስራሕ፡ ሎሚ እንገብሮ ዘበለ ጽባሕ ክጠቕመና ወይ ዋጋ ከኽፍለና ይኽእል። ኣብ እዋን ዕረፍቲኻ ዝኾነ ዓይነት ሞያ ምፍታን፡ ክእለትን

ፍልጠትን ተጥሪ። ድሕሪኡ ኣእምሮኻ ንኽበስል ይሕግዝ፡ ብዓቢኡ ኸኣ ግዜኻ ብቑምነገር ተሕልፎ ኣለኻ። ኣብ ንእስነትካ ብቕልጡፍ ናይ ምሓዝን ምርዳእን ዓቕሚ ስለዘሎካ፡ ክይተፈለጠካ ዓቢ ሞያዊ ናይ ምኧን ዕድል ኣሎ። ምናልባት እቲ ጽባሕ ተማሂርካ ክትዓብየሉን ክትሰርሓሉን እትደሊ ዓውዲ፡ ኣቐዲምካ እንተ ወሲድካ፡ ምስኡ ዝሳነ መባእታዊ ሞያዊ ፍልጠት ኣጥሪኻ ምጽናሕ መኽሰብ'ዩ።

### 5. ባዕልኻ ክትመሃር ምፍታን፥

ብምኽንያት እዚ ተላባዒ ሕማም ትምህርቲ ንግዜኡ ምስ ተዓጽወ፡ ተመሃሮ ኣብ ገዛኦም ኮይኖም ከጽንዑን ከንብቡን ብዙሕ እዋን ክጥቀስ ሰሚዕኩም ኢኹም። ኣገዳሲ ምኽሪ'ዩ ነይሩ። እቶም ነዚ ምኽሪ ተገንዚብኩም ግዜኹም ብግቡእ ክትቀምሉ ዝጸናሓኩም ኣገናዕ! እቶም ዘየስተብሃልኩምሉ ግን ሕጂ'ውን እንሆ ሜዳ እንሆ ፈረስ።

ኣብ ሓደ ዓመተ-ትምህርቲ መምስ ደረጃና ዝኸይድ ትሕዝቶ ዘሎዎ ትምህርቲ ይወሃበና። ጽዑቕን ጠሚሩ ዝሕዝን ብምኧኑ ኸኣ ምሉእ ግዜና ብኣድህቦ ከም ንሕዞ ይገብር። ኣብ ግዜኡ ብግቡእ ክንሕዞ ዘይከኣልና ትሕዝቶ ትምህርቲና ተመሊስና ብዝግባእ ንኽንርድኦ ክንጽገም ንኽእል። እዚ እዋን እዚ፡ ነቲ ዝሓጸረና ወይ ዘጸግመና ዓይነት ትምህርቲ ብኣተኩሮ ተገዲስና ክንምለሶን ክንርድኦን እኹልን ትሩፍን ግዜ ፈጢሩልና ኣሎ። ንሓደ ዓይነት ትምህርቲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቲ ቅድሚ ዘለናዮ ደረጃ ዝተማሃርናዮ ተመሊስና ብምርኣይ መሰረትና ከነደልድል ንኽእል።

### 6. ምድላው ንሃገራዊ መልቀቒ ፈተና፥

ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ብድምር ፍልጠት ናይ`ቶም ዝሓለፈካዮም ደረጃታት ትምህርቲ እዩ ዝፍትን። ከምቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ኸኣ ሓደ ዓመተ ትምህርቲ ናቱ ግዜን ተጽዕኖን ሒዙ ስለዝመጽእ፡ ተመሊስካ ንዝሓለፈ ዓመታት ትምህርቲኻ ደጊምካ ክተንብብ ግዜ ክሓጽረካ ይኽእል። ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ (ጀነራል)፡ ኣብ ሻድሻይ፡ ሻውዓይን ሻምናይን እተመሃርካዮ ድምር ፍልጠት ፈቲኑ ናብ ካልኣይ ደረጃ የሰጋግር። ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ (ማትሪክ) ከኣ ኣብ ታሽዓይ፡ ዓስራይ፡ ዓሰርተው ሓደን ዓሰርተው ክልተን እተምሃርካዮ ድምር ፍልጠት ፈቲኑ ናብ ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ የሰጋግር። ተመሃራይ ማእከላይ ደረጃ እንተ ኣለኻ፡ ነቲ ካብ ሻድሻይ፡ ሻውዓይን ሻምናይን እትመሃሮ በብምዕራፉ እናዛመድካ ብዕምቈት ክትርድኦ ካብዚ ግዜ'ዚ ዝበልጽ ግዜ ክትረክብ ዝከኣል ኣይኮነን። ተመሃራይ ካልኣይ ደረጃ እንተኣለኻ እውን ኣብ ኣርባዕቲኡ ዓመታት እተመሃርካዮ ደጊምካ ክተንብቦን ክትርድኦን እኹል ግዜ ክትረክብ ኣጸጋሚ እዩ። ኣብ`ዚ እዋን እዚ ንዝሓለፍካዮ ዓመተ ትምህርቲታት ተመሊስካ ክትርድኦ ዝሕግዝ ዝበለጸ ዕድል'ዩ።

### 7. ምዝንጋዕ፥

ኣብ ትምህርቲን ስራሕን ተቈሪኑ ዝነበረ ኣእምሮ፡ ቀኑብ ክዛነ ኣሎዎ። እቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ብዙሓት ንጥፈታት ኣዝዮም ጸሚዶም ስለዝሕዙ፡ ንዕረፍቲን ምዝንጋዕን እተሓዝአ ፍሉጥ ግዜ ክህሉ ጽቡይ'ዩ። ተመሃሮ፡ መምህራንን ካልኦት ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲ ኸኣ እዚ ግዜ'ዚ ኣዝዩ የድሎም። ተመሃሮ ነቲ ብዘይ ዕረፍቲ ፍልጠት ክምእርር ዝጸንሐ ኣእምሮ፡ ብእተፈላለየ ኣገባብ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ናይ ህይወቶም ግዴታታት፡ እናተዛንግዑ ከሕልፉዎ ይመዓዱ። ዝተዛነየ ኣእምሮ ነቲ ድሒሩ ዝመጽእ ዓመተ-ትምህርቲ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ።

### 8. መምርሒታት ሚኒስትሪ ጥዕና ምሕላው፥

ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ገና ለብዑ ኣየዕረፈን። ኣብ ሃገርናውን ገና ብፍኑው ኣገባብ ካብ ጐረባብቲ ሃገራት ብዝመጽኡን ካብ ውሽጢ ዓዲ ዝጸንሑን እቲ መልከፍቲ ይውሰኽ ኣሎ። ተመሃሮ ኸኣ ኣብዚ ተኣፋፊ እዋን ነቒሕና ንኹሉ ኣገባባት መከላኸሊ እዚ ለብዒ ክንጥቀም ይግባእ።

## ግድል

ሓደ መምህር ኣርባዕተ ኣብ ቍጽሪ ንፉዓት ዝኾኑ ተመሃሮኡ ጸውዖም። ሓደ ድሕሪ ሓደ ከም ዝሰርዑ ድሕሪ ምግባር፡ ንቕድሚኦም ዘሎ'ምበር ድሕሪኦም ዘሎ ክርእዩ ከም ዘይክእሉ ኲኑ። ንኹሎም ከኣ ኣብ ርእሶም ቀቢዕ ገበረሎም።

ስለዚ እቲ ድሕሪት ዘሎ ተመሃራይ ንሰለቲኦን ቀቢዕ መማህርቱ ክርእየን ይኽእል እዩ። እቲ ቅድሚት ዘሎ ግን ዋላ ሓንቲ ክርእይ ኣይክእልን ነበረ። ሽዑ እቲ መምህር ሓደ ሕቶ ሓተቶም።

“ኣብ ርእሲኹም ቀያሕ፡ ጻዕዳን ሰማያዊን ዝሕብረን ቀቢዕ ኣለዋ። እታ ሓንቲ ኸኣ ድጋም ናይ ሓደኦን እያ፡” በሎም። እዞም ተመሃሮ ኸኣ ኣብ ርእሲኦም ዘሎ ቀቢዕ ሕብሩ ዘርዘሩ። እቲ ብድሕሪት ዘሎ ቀዲሙ ምስ ገለጸ ድሕሪኡ ኲሎም ሓሲቦም መለሱ። ቅኑዕ መልሲ ድማ ረኸቡ። ቅኑዕ መልሲ ክረኽቡ ዘኽኣሎም መሰርዕ ናይዘን ቀቢዕን ኣርባዕተ ተመሃሮን ከመይ እዩ? (መልሲ ቅድሚ ምርኣይኩም ፈትኑ!)

## መልሲ

እቶም ክልተ ቅድሚት ዝነበሩ ተመሃሮ ሓደ ዓይነት ሕብሪ ዘሎወን ቀቢዕ ነይሩዎም። እቲ ድሕሪ ኩሎም ዝነበረ ኣብ ክድሚት ዘለው ክልተ ሓደ ዓይነት ሕብሪ (ንኣብነት ጻዕዳ) ዘሎወን ቀቢዕ ገይሮም ከም ዘለው ርእዩ ኣሎ፣ እቲ ዝሰዕቦም'ውን ሰማያዊ ወዲዩ ምህላው ይርእዮ ኣሎ። ስለዚ ናቱ ቀያሕ ቀቢዕ ምኳና ክርዳእ ከኣለ።

እቲ ቅድሚኡ ዘሎ፡ ነተን ኣብ ቅድሚኡ ዘለዋ ክልተ ጻዕዳ ቀቢዕ ይርእየን ኣሎ፣ እቲ ድሕሪኡ ዘሎ'ውን ነታ ናቱ ርእዩ ከም ዝምልስ ፈለጠ። ስለዚ ናቱ ሰማያዊት ቀቢዕ ምኳና ኣስተውዓለ። እቶም ዝተረፉ ክልተ ኸኣ ክልተኦም ሰብ ክልተ ጻዕዳ ቀቢዕ ምኳኖም ምፍላጥ ኣይከበዶምን።

# ስለምንታይ ኢና እንመሃር?

ጽቡቕ ትምህርቲ ህይወትካ ብዝግባእ ንኽትቕጽልን ዝሓሸ ዕድል ንምርካብን ኣመና ኣገዳሲ እዩ። ትምህርቲ ንርእሰ-ምትእምማን ከዕቢ እንከሎ፡ ኣብ ምህናጽ መንነት'ውን ዝዓበየ እጃም ይጻወት። ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝቕሰም ምህሮ እምበኣር ኣብ ህይወት ዝኾነ ሰብ ዓቢ ተራ ኣሎዎ። እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝወሃብ ትምህርቲ ኣብ ገለ ደረጃታት ይፈላለ፤ ኩሎም ደረጃታት ድማ ነናቶም ጽልዋን ጠቕሚን ኣሎዎም። እቲ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ጀሚሩ ዝወሃብ መባእታዊ ትምህርቲ ንቑልዓ ንህይወቱ ዝኾነ መሰረት ከንጽፍ ይሕግዞ። ካልኣይ ደረጃ ኸኣ ንዝያዳ ፍልጠትን መጽናዕትን ዝወስድ መገዲ'ዩ። ላዕላዋይ ደረጃ ትምህርቲ ድማ ንሓደ ሰብ ናብ ሞያዊን ተመራማሪን ምኳን የሰጋግር። ኣብ ቤት ትምህርቲ እንረኽቦ ብቑዕን ዘይብቑዕን ትምህርቲ፡ ከመይ ዝበልካ ሰብ ከም ትኸውን ክውስን ይኽእል።

ውልቀሰባት ተደሚሮም ንሕብረተሰብ የቕሙ። ዘይተማህሩ ውልቀሰባት ዘይተማህረ ሕብረተሰብ ይምስርቱ። ዘይተማህረ ሕብረተሰብ ብሚዛናውነት ክሓስብ ኣይክእልን። ቅድሚ ዘመነ ተሃድሶ ዝነበሩ ሰብ እዛ ዓለም፡ ብኣህላቒ ኣገባብ ይዋግኡ ዝነበሩ ስለ ዘይተማህሩን ዘይነቐሑን እዮም። ኣብዚ ናይ'ዚ ዘመን ሕብረተሰብ ዓለም፡ ኣገዳስነት ትምህርቲ ኣትሒትካ ክግመትን ክግለጽን ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብ'ዛ ናይ ሎሚ ዓለም ዝሓየለን ዝተኸበረን ሕብረተሰብ፡ ብብልሒ፡ ስነፍልጠትን ተክኖሎጂን ዝማዕበለ ሕብረተሰብ ኮይኑ ኣሎ። ሕብረተሰባት ነቲ ዝወርሶም ወለዶ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ፍልጠቶም፡ ተመኩሮኦምን እምነቶምን ከውርሱዎም ይነብሩ። መጻእቲ ወለዶታት ክሕይሉ፡ ክኽበሩን ተወዳደርቲ ምእንቲ ክኾኑን ከኣ ክምሃሩ ኣለዎም። እዚ ክዉን ዝኸውን ከኣ ውልቀሰብ ብስርዓትን ብቕዓትን ምስ ዝመሃሩ እዩ።

ኣብ'ዛ ተወዳዳሪት ዓለም ኩሉ ሰብ ዝበለጸ ትምህርቲ ክረክብ ግድን ዝኾነሉ ግዜ እዩ። ኣገዳስነት ትምህርቲ፡ ብፍላይ ከኣ ላዕለዋይ ትምህርቲ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣገዳስነቱ እናዓበየ እምበር ክጐድል ኣይተራእየን። ስሩዕ ትምህርቲ ንብዙሕ መገዲታት መጻኢ ይኸፍት። ስሩዕ ትምህርቲ ኣእምሮኣዊ ጥንካረና፡ ማሕበራዊ ምትሕሓዝናን ፍልጠናን ምብርታዕ፣ ናይ ፍልጠትና ደረጃ፡ ሞያዊ ክእለትን ናይ ስራሕ ደረጃናን የዕብዮ። ዝኾነ ሰብ ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ፡ በቲ ዝረኣዮ ሕልሚ ንህይወቱ ይመርሓ፣ ወይ'ውን ክመርሓ ይደሊ። ሓደ ሓደ እዋን ከኣ በቲ ወለዶም ዝሓልሙሎም ዝኸዱ ኣለዉ። እንተ በቲ ብውልቆም ዝሓስቡዎ፡ እንተ በቲ ብሕልሚ ስድራኦም፤ መሃንድስ፡ ሓኪም፡ ዳኛ፡ ፖለቲከኛ፡ ቊጠበኛ፡ መምህር፡ ወተሃደር፡ ወዘተ. ኲይኖም ህይወቶም ክመርሑ ይደልዩ። ናብዞም ኩሎም ሕልሚታት ዘብጽሕ ዝበለጸ መገዲ ኸኣ ብቑዕን ስሩዕን ትምህርቲ እዩ።

ሰብ ካብ ህይወት ብዙሕ ይጽበ እዩ። ኣብቲ ዝሓስቦ ወይ ዝሓልሞ ዓወት ይምነ። ትምህርቲ ኸኣ ኣብ ህይወት ዕውት ክትከውን ካብ ህይወት ሓድሽ እተፈልየ ነገር ንኽትረክብን ዝሕግዝ መሳርሒ እዩ። ህይወት ሳዕሪ ዝመልአት ሸኻ መሬት ኣይኮነትን። ለማጽን ሓባጥን፡ ቊልቊልን ዓቐብን፡ ልምሉምን ኩርኳሕን ዝመልኣያ እያ። ህይወት ንባዕላ ዓባይ ትምህርቲ እያ። ብብድሆታት ኣቢላ ኸኣ ትምህር። ነዚ ብድሆታት ኣቢላ እትህቦ ትምህርቲ፡ ሰብ ብዝግባእ ምእንታን ክግንዘቦ'ሞ ተገንዚቡ ኸኣ ናብ ጥቕሙ ምእንታን ከውዕሎ፡ ብቑዕን ስሩዕን ትምህርቲ የድልዮ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ብስሩዕ ዝውሃብ ትምህርቲ ምክትታል እምበኣር ንህይወቱ ብርእሰ ምትእምማን ዝጥምት ሰብ ይፈጥር። ንብዙሕ ዕድላት ኣስተብሃሊን ተጠቃሚን ብምግባር፡ ኣብ ህይወቱ ብልጹግን ማዕባሊን ይገብሮ። ኣብ ከተማታትን ርሑቕ ገጠራትን ብማዕረ ዕድላት ትምህርቲ ከም ዝህሉ ምግባርን ጥቕሚታት ስሩዕ ትምህርቲ ኣብ ሕብረተሰብ ከም ዝሰርጽ ምግባርን፡ ኣብ መንጎ ኩሎም ኣባላት ሕብረተሰብ ማዕርነት ከም ዝህሉ ይገብር። ብእኡ ኣቢሉ ኸኣ ንዕብየትን ምዕባለን ሓንቲ ሃገር የረጋግጽ።



ብሕጻር ዝበለ ትምህርቲ

ኣብዞም ዝስዕቡ መዳያት ህይወት ሓጋዚ ኰይኑ ንረኽቦ፤

◆ ሓደ እተማህረ ሰብ ኣብ ሕብረተሰቡ ዝሓሸ ሚዛንን ደረጃን ይሕዝ። ሓደ ሰብ ኣብ ዘመኑ ደንቆሩ ዘኻዕብቶ ሰልዲ ክህቦ ዝኽል ባህታ፡ ክንዲ'ቲ ብትምህርቲ ዝረኽቦ ዕግበትን ክብርን ኣይከውንን። እተማህረ ሰብ ኣብ ህይወት ዝህሉዎ ኣተራጉማ ዝያዳ እናኣማሓየሸ'ዩ ዝኸይድ። ብእኡ መጠን ከኣ ኣብ ሕብረተሰቡ ዝረኽቦ ገጽ እናተፈልየ ይመጽእ። ሕብረተሰብ ከኣ ኣብኡ ክምርኰስ ይጅምር።

◆ ሓደ እተማህረ ሰብ ንዘይጠቕሙ ማሪታዊ እምነታት የጠፍእ። ሰባት ብዕሙት ንማሪታዊ እመንት ብዘይ ርትዓዊ መሰረት ክስዕቡ እንከለው፡ እምነቶም ቀስ ኢሉ ናብ ነፍሲ ወከፍ ክፋል ሕብረተሰብ እናዘረቘ'ዩ ዝኸይድ። ማሪታዊ እመነታት ካብ ጥንቲ ኣትሒዞም ኣብ ኲሉ ሕብረተሰባት ይነብሩ ነበሩ። እተማህሩ ሰብ ግን ነቲ ዝነበረ ዝኣረገ ልምዲን ንጥፈትን ክሓስብሉን ብዓይኒ ሕቶ ጠሚቶም መልሲ ክእልሽሉን ይፍትኑ ነበሩ። ነቲ ኣረጊት እምነት፡ ልምዲን ንጥፈትን ዓይኖም ዓሚቶም ካብ ምስዓብ ክቕጠቡን ንሕብረተሰቦም ክልውጡ ክጽዕሩን ክኢሎም። ሓደ እተማህረ ሰብ ከኣ ንነብሱን ሕብረተሰቡን ካብ ማሪታዊ እምነት ከገላግል ይኽእል።

◆ ምሁር ሰብ ዝሓሸ ሚዛናዊ ኣተሓሳስባ ኣሎዎ። ብዘይ ምኽንያት ኣብ ሓደ ነገር ምእማን ባህሪ ናይ ዝተማህሩ ሰባት ኣይኰነን።

◆ ምሁር ሰብ ኣብ ደፋእታዊ ለውጢ ወይ ፍልቀት ሓጋዚን ተሳታፍን እዩ። ትምህርቲ ኣብ ፍልቀት ህይወት ወዲ ሰብ ይሕግዝ። ንኣብነት ኣብ ዕስራ ክፍለዘመን፡ ኣብ ዝኾነ ገዛ ተለቪዥን ዝኸበረት ንብረት ነይራ፣ ኣብ ዕስራን ሓደን ክፍለዘመን ግን ኢንተርነት ዝያዳ ዝኸበረ ኰይኑ። ኣብ ተክኖሎጂ ዝያዳ ገስጋስ ብትምህርቲ'ዩ ዝብጻሕ። ዓለም ምሉእ ብምሉእ ኣብ ተክኖሎጂ እናተመርኰሰት ኣብ ትኸደሉ ዘላ እዋን ንኣገዳስነት ትምህርቲ ክቃለል ዝግባእ ኣይኰነን። ኣብዚ ደፋእታዊ ለውጢ ዓለም ብማዕረ ከሰጉም ዝኽእል ከኣ እተማህረ ሰብ'ዩ።

◆ ሰፊሕ ኣጠማምታ ብዝያዳ ኣብ እተማህሩ ሰባት ክርከብ ይከኣል። ብዛዕባ ከባቢናን ካብ ከባቢና ኣመና ዝረሓቑ ክፍሊ ዓለምን ብመገዲ ትምህርቲ ክንፍለጥን ሓበሬታ ክህሉወናን ይከኣል። ንዝተፈላለየ ባህሊን ልምዲን፡ ስልጣነን ድሕረትን ሕብረተሰባት ዓለም ንምግንዛብ፣ ብእኡ ኣቢሎም ከኣ ሰባት ነናቶም ኣኽቢሮም ክጸዋወሩን ይሕግዝ። ንዝሰፍሐ ትርኢት እተቓልዐ ሰብ፡ ፍልጠቱ ከዕቢን ንብድሆታት ህይወት ብዝሓሸ ኣገባብ ንኽብድህን የኽእሎ።

# 16 ምዕዶታት ሂወት



1. ንእትገብሮ ስምዒትካ ኣይምርሓዮ።
2. ኣብ ዝኾነ ሰዓት፡ ኣብ ዝኾነ ቦታ ክትልወጥ ይከኣል'ዩ።
3. ነብሰ ምፍቃርን ርህራህን ኣገደስቲ'ዮም።
4. ኣብ መንጐ ሓያል ፍቕሪን ሓልዮትን ዘሎ ሚዛን ክትሕሉ ከቢድ'ዩ፡ ግን ከኣ ኣገዳሲ እዩ።
5. ኣረኣእያኻ ንዓለም የገድሳ'ዩ።
6. ገዛእ ርእስኻ ምስ ካልኦት ኣይተወዳድር።
7. ንኽትሕጐስ ኣመስጋኒ ባህሪ ይሃሉኻ።
8. በቲ እንኣምኖ ስለ እንስሓብ፡ ኣብ ገዛእርእስኻ እመን።
9. ንነብስኻ ዶብ ፍጠረላ'ሞ ኣኽብሮ።
10. ሰባት ብኣኻ ዝሓስብዎ ክትቈጻጸሮ ከም ዘይትኽእል ዘክር።
11. ዛንታኻ ኣካፍል፡ ሽሕ ግዜ ዘኽፍእ ይኹን ናትካ'ዩ።
12. ምኽሪ ካብ መን ትወስድ ኣስተውዕል።
13. ፍቕሪ ተመሃር፡ ጽልኢ ኸኣ ተጻወሮ።
14. ንኽትዓቢ ንነብስኻ ግዜ ሃባ።
15. እተመሃርካዮ ኣተግብሮ።
16. ህይወት ክትድሰተላ ስለ ዝግባእ፡ ተዘናጋዕ።

# ንፋለምዶ?



**ብቑጽሪ**

- ኣብዞን ስሉስ ኵርናዓት ዘሎ ቁጽሪታት ርኣዩ፣
- ነዞም ቁጽሪታት ብምርማር እቲ ዝጐደለ ቁጽሪ ርኸቡ፤



# መለሳ ኣካዳሚ

## ሓንቲ ኣደ፡ ክልተ ማህጸን፡ ሰለስተ ማናቱ



ዓሪፋ ሱልጣና እትብሃል ባንግላዲሻዊት ኣደ እያ። እቲ ፍጻሜ ኸኣ ኣብ መወዳእታ ለካቲት ናይ 2019 ዝተፈጸመ እዩ።

ዓሪፋ ሱልጣና ኣብ መወዳእታ ለካቲት ናይ ዝሓለፈ ዓመት ነቲ ንትሸዓተ ኣዋርሕ ጸይራቶ ዝጸንሐት ፈረ ከርሳ ንምግልጋል ኣብ ሆስፒታል በጽሐት። ሓደ ጥዑይ ንዓኣ ዝመስል ወዲ ድማ ተገላገለት። ብመሰረት መግለጺ ዶር. ሸይላ ፖዳር፡ ዓሪፋ ኣብ ኣድ-ዲን ዝብሃል ሆስፒታል ብሰላም ወዲ ተጋላጊላ ናብ ቤታ ተፋንያ ምንባራ ይገልጽ። ወርሒ ኣብ ዘይመልእ ግዜ ኸኣ ካብቲ ፈለማ እተገላገትሉ ሆስፒታል "ሪፈር" ተባሂላ፡ ናብ ዝለዓለ ሆስፒታል፡ ሆስፒታል ዳካ፡ ከም ዝመጽኣት ይገልጽ።

"ኣብ ከብዳ ቃንዛ ይስምዓ ስለ ዝነበረ'ያ ናብቲ ሆስፒታል ክትርእ ተመሊሳ፡" ትብል ዶር. ሸይላ። ናይ ሪፈር ወረቓቕታ ብምርኣይ ናይ ኡልትራሳውንድ መርመራ ምስ ገበሩ፡ ዓሪፋ ገና ነብሰጾር ከም ዘላ ዘርኢ ውጽኢት ረኸቡ። ዓሪፋ ክልተ ማህጸን ከም ዘሎዋ ተረጋገጸ። ብመግለጺ ሰብ ሞያ ሕክምና እዚ ክስተት'ዚ "ዩተራስ ዳይደልፊስ - uterus didelphys ይብሉዎ። ነፍሲወከፎም፡ እቲ ቀዳማይን ካልኣይን ዕሸል፡ ከም ድቂ ዝተጠንሰሉን ዝዓኾኹሉን ማህጸን በበይኑ ይኸውን ማለት'ዩ።

ዶር. ቫሱ ብወገኑ፡ "እዚ ተርእዮ ልሙድ ኣይኮነን። ማህጸን ክፍጠር እንከሎ፡ ክልተ ቱቦታት ብሓደ ይጠብቁዎ። ኣብ ገለ ደቂኣንስትዮ እዚ ምጥባቕ ናይቶም ትቦታት ኣየጋጥምን'ዩ። እቲ ክሓቅቕ ዝግብኦ መናድቕ ኣይጠፍእን'ሞ በብወገኑ ዕሸል ዘዕብየሉ ኣገባብ የጥሪ። ካብ ሚልዮን ደቂኣንስትዮ ኣብ ሓንቲ ከጋጥም ከም ዝኽእል'ውን ዝተረጋገጸ'ዩ፡" ብምባል ይገልጾ።

ዓሪፋ ከምዚ ዓይነት ተፈጥሮ ከም ዘሎዋ ምስ ተረጋገጸ፡ ንባህሪ ጥንሳ ኣብ ዝመርመርሉ ዘገርም ነገር ጸንሖም። ኣብዚ ተሓቢኡ ዝጸንሐ ማህጸን ክልተ ማናቱ ዕሸላት ከም ዘለዉ ኣረጋገጹ። ድሕሪ እተገብረላ ሓገዝ፡ ድሕሪ'ቲ ቀድሚ ዕስራን ሽዱሽተ መዓልታት ዝወለደቶ ወዲ፡ ተወሰኽቲ ወዲን ጓልን ሓቔፈት።

ነፍሰጾራት ድቂ ካብ ዝሕዛ መዓልቲ ኣትሒዘን ኣብ ሕክምና ክትትል ክገብራ ዝምዓዳሉ ምኽንያት እዚዶኸ ኣይኮነን!፧ *CNN*

## እናተበጥሐ ጊታር ክጻወት ዝተኣዘዘ ተሓካሚ

*ሙሳ ማንዚኒ'ዩ ዝብሃል። ኣብ ርእሱ ጥረ ከም ዝገበረ ብሕክምና ተነግሮ። ጥረኡ ኸኣ ብሙብጣሕቲ ክእለየሉ ግድነት ነበረ። ጥረኡ ብግብሪ ምልላዩ ዝተሓላለኸ ስለ ዝነበረ ንሓካይሙ ኣሸጋሪ ነበረ። ካብዚ ወጥሪ ዘድሕኖም ግን ሓደ ምኽንያት ተረኽበ። ሙሳ ሙዚቀኛ ብምንባሩ።*

"ቅድም ከም ዝድቅስ ገይሮም ሸከናይ ከፊተሞ። ሓንጎለይ ንደገ ምስ ተቓልዐ ተበራቢረ። ጊተረይ ሂቦም ተጻወት ኢሎሙኒ። ክጻወት ድማ ጀሚረ፡" ይብል ሙሳ። ንሙሳ ሙብጣሕቲ ዘካይዱሉ ዝነበሩ ሓካይም፡ ንንቑሕ ክፋል ሓንጎሉ ካብቲ ጥረ ንምፍላይ ጊታር ክጻወት መኺሩዎ። እቲ ጥረ ኣብቲ ወለንታዊ ምንቅስቓስ ዝቈጻጸር ክፋል ሓንጎሉ፡ ሞቶር ኮርተክስ፡ ብምዃኑ ኣብ ምዝራብን ምንቅስቓስን ጸገም ከስዕበሉ ዝኽእል ነበረ። ንምንቅስቓስ ኣእዳው ብውቕዒት ጊታሩ ብምምራሕ ከኣ ነቲ ዝዓነወ ክፋል ሓንጎሉ ክሕክሙ ከም ዝኸኣሉ ይነግር፡ ነቲ ሙብጣሕቲ ዝመርሐ ዶር. ኢኒከር።

"ሞያኡ ብምግንዛብ ኢና ሸከናኡ ከፊትና ሙዚቃ ክጻወት ዝወሰንና" ይብል ዶር. ኢኒከር። "በዚ መገዲ ንዝተፈላለየ ክፋል ሓንጎል ክፍተን ወይ ክምርመር ይከኣል። ሓንጎል ከይተጐድአ ጥረ ክእለ ድማ ይሕግዝ'ዩ፡" ይውስኽ ዶር. ኢኒከር።

*ኒውስ -24*



## ባህላዊ ምስግጋር ፊን እተባህሉ ዓሳነባሪ

ፊን እተባህሉ ዓሳነባሪ ሓደ ዓይነት ተሑት ቃና (pitch) ብዘሎዎ ድምጺ ገይሮም ይደርፉ ከም ዝነበሩ ይፍለጥ ነበረ። ኣብዚ እዋን ስነፍልጠተኛታት፡ ፊን ዓሳነባሪ ካብ ሓደ ንላዕሊ ዝተፈላለየ ቃና ከም ዘውጽኡ ፈሊጦም ኣለዉ።

ንሱ ጥራይ ኣይኮነን፡ ኣብ ሓደ ከባቢ ዘለዉ ተመሳሰልቲ ፊን፡ ሓደ ዓይነት ደርፊ ክደርፉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ምስ ዝሳግሙ ወይ'ውን ሳጊሙ ናይ ዝመጽኦም ከምኦም ዓይነት ዓሳነባሪ ደርፈታት ቀልጢፎም ከም ዝርዕሙ ተፈሊጡ። ዓውለማ ኣብ ትሕቲ ባሕሪ'ውን ይውንጨፍ ምህላዉ'ዩ።

ደይሊ መይል

ሕብረተሰብ

# ነገር’ያ “መሓዛይ”

ኤሊ. ገብረ

መዓልቲ ኣዴታት ኣብ ካልኣይቲ ሰንበት ወርሒ ግንቦት ይጽንበል። መዓልቲ ኣቦታት ድሕሪ ሓሙሽተ ሰናብቲ ማለት ኣብ ሳልሰይቲ ሰንበት ናይ ወርሒ ሰነ ይጽንበል። መዓልቲ ምሕዝነት/ዕርክነት ኣበየናይ ወርሒ ከምዝጽንበር ንምፍላጥሲ ከምዚ ከማይ ተሸጊርኩምዶ ትህልው ወይስ ትፈልጥዎ ብትኽ ዝበለ መዓልቲ ኣለዎ እዩ። እዚ ክብል ዘገደደኒ ምኽንያት፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ “ሎሚ መዓልቲ ምሕዝነት (friendship day) ስለዝኾነ፡ “ፍቕረይን ኣኽብሮተይን ይገልጸልኪ” ዝብል መልእኽቲ ኣብ ነፍሲወከፍ ወርሒ ስለዝመጸኒ፡ መዓልቲ ምሕዝነት መኣስ ምኳኑ ኣርጊጸ ክፈልጥ ተሸጊረ ብምህላወይ እዩ። ኣብ መወዳእታ ናይቲ መልእኽቲ ድማ፡ እዚ ጽሑፍ ናብ 10 መሓዙትኪ ልኣኽዮ። እቲ ዘስሕቕ ክፋል ድማ እዚ መልእኽቲ ተመሊስኪ ናባይ እንተልኢኽክዮ መሓዛይ ምኳንኪ ከረጋግጽ እየ ዝብል እዩ። ስቕ ጥዑም....። ዝገርመኒ እዚ ጽሑፍ ብኣልማማ ስለዝስደድ እዩ መስለኒ፡ እተን ዝሰዳለይ ሰባት መሓዙተይ ስለዘይኮና ሰዲደለን ኣይፈልጥን። ብሓቂ’ኸ ሓደ ሰብ ክሳብ 10 መሓዙት ወይ የዕሩኽ ክህልውዎ ይኽእሉ’ዶ። እዛ ሕቶ ንዓኹም እያ ክቡራት ኣንበብቲ።

ትርጉም ዕርክነትን ምሕዝነትን ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ዝጀመረ ዝመስሎም ሰባት ይህልዉ’ዶ። ቀደም ዘበን ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ሰባት ነዕሩኽቶምን መሓዙቶምን ልዕሊ የሕዋቶምን ውሉዶምን ይኣምንዎም ምንባሮም ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍትን መዛግብቲ ታሪኽ ጸለውቲ መራሕቲ ግዝኣታት ዓለምና ተሰኒዱ ንረኽቦ። ትርጉም ምሕዝነትን ዕርክነት ረዚን ካብ ዝገብሮ ቀንዲ ምኽንያት፡ ነታ መሓዛኻ ወይ ዓርክኻ ብዘይዝኾነ ቅድመ ኩነት ከም ዘለዎ ትቕበሎን ተኽብሮን ተፍቅሮን ምኳንካ እዩ።

ትርጉም ዕርክነት ኣዝዩ ረዚን እዩ፡ “ምሕዝነት ኣዋልድ ክሳብ መርዓ” እዩ ክበሃል መቸም ብተደጋጋሚ እንሰምዖ ሓረግ እዩ። ብዙሓት ሰባት ምስዚ ሓሳባት ወይ ርድኢት ትሰማምዑ ትኾኑ፡ ሰብ ብዛዕባ ዝፈልጦን ዝተመኮሮን እንተተዛረበ ጥራይ እዩ ዘጥዕመሉ። ኣነ ምስዚ ኣበሃህላ ብፍጹም ኣይሰማማዕን እየ። ኣሓፍሽካ ምዝራብ እውን ውድዓዊ ኣይኮነን። መሓዙተይ ብዛዕባይን ብዛዕባ መጻእየይን ልዕለይ ዝሓስባለይን ዝሻቐላለይን ብምኳነን፡ ሎሚ ሎሚስ ብዛዕባ ኑብሰይ ምሕሳብ ዳርጋ ክሓድጎ ተቓሪበ ኣለኹ። ስለዚ ንዓይ ኣብ መንጎ ኣዋልድ ሓቀኛ ምሕዝነት የለን እንተኢልኩምኒ፡ ብዛዕባ ዝፈልጦ ስለዝዛረብ፡ ኣይክርተዓልኩምን እየ። ከምቲ ኣብ መንጎ ደቂ ተባዕትዮ ካብ ሕውነት ዝሓለፈ ዕርክነት ዘሎ፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ እውን ብተመሳሳሊ ልዕሊ ሕውነት ዝምረጽ ምሕዝነት ኣሎ። ብርግጽ ዝበዝሕ ማሕበራዊ ጉዳያት ኣብ እንግደዓ ደቂ ኣንስትዮ ስለዝወድቕ፡ ሰኣን ኣራኽቦን ካልእ ምኽንያታትን ዝምድና ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ድሕሪ ሓዳር ቀልጢፉ ክድስክል ንቡር ተርእዮ እዩ እንተበልኩ ተጋጊኺ ኢልኩም ኣይትምጉቱትን ትኾኑ።

ብዛዕባ ዕርክነት ምሕዝነትን ብዙሕ ተባሂሉ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ቋንቋናስ ክህብትም። ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮ “ምሕዝነት” ክብሎ ከሎ ኣብ መንጎ ደቂ ተባዕትዮ ድማ “ዕርክነት” ይብሎ። ኣብ ቋንቋ እንግሊዝ ከምዚ ዓይነት ንጹርነት የለን። ንኹሉ ብድብዱቡ “friendship” ይብሎ። ግዳ ሓንቲ ክሳብ ሕጂ ስም ዝሰኣንኩላ ኣላ፡ ኣብ መንጎ ኣንጻር ጾታ ዘሎ ምሕዝነት። ብርግጽ እቲ ወዲ መሓዛይ ይብላ፡ እታ ጓል እውን ከምኡ መሓዛይ ትብሎ፡ ግን ገለ ስምሲ ክህልዋ ነይርዎ። ብወገነይ ቃል ምስ ሰኣንኩ፡ ካብ ክልቲኡ ቃላት እቲ ናይ መጀመርታ ሰለስተ ፊደላት ወሲደ “ምሕዝዕርክ” ምበልክዎ። ቋንቋ ትግርኛ ምስ እዚ ኩሉ ሃብቱ እንታይ ኮይኑ፡



ነዚአ ስም ዘየውጸኣላ...፤ እስኪ ምንባብ ኣቋሪጽኩም ገለ ስም ተረኺብኩሙሉ ሃሰስ በሉ፡ ወይ ስም ዘይመውሃቢኡ ምኽንያት እንታይ ይኸውን ኢልኩም ሓንሳብ ሕሰቡ።

ምሕዝነት ኣብ ኣንጻር ጾታ፡ ብፍላይ ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ኣዝዩ ግኑን ተርእዮ እዩ። ንሱ ደኣ መሓዛይ እንድዩ፡ ንሳ ደኣ መሓዛይ እያ ዝብሉ ሓረጋት ደጋጊምና ንሰምዖም ኢና። ምሕዝነት ኣንጻር ጾታ ግን ክዉንንታዊ ድዩ፧ ከምቲ ልዕል ኢለ ዝገለጽክዎ ሰብ ብዛዕባ ተመኩሮኡን ዝፈልጦን ጥራይ ስለዝዛረብ ደፊረ ኣሎ ወይ የሎን ክብል ኣይክእልን። ኣነ ኩሉ ሚስጢራተይ ዘካፍሎ መሓዛይ ዝብሎ ወዲ ስለዘይብለይ፡ ኣብ መንጎ ኣንጻር ጾታ ምሕዝነት ክህሉ ኣይክእልን እዩ ኢለ ክድምድም ኣይክእልን።

በዚ ኣርእስቲ ክጽሕፍ ምስ ሓሰብኩ፡ ንመሓዛይ ብዛዕባ ምሕዝነት ኣንጻር ጾታ ሓሳባታ ምስ ተወከስክዋ፡ ከምዚ ክትብል ተሪር መርገጺኣ ኣነጺራትለይ። "እቶም ኣብ መንጎ ኣንጻር ጾታ ምሕዝነት ኣሎ ኢሎም ዝኣምኑ ሰባት "ደቂስኩም ኣለኹም ተበራበሩ በልዮም" ኢላትኒ። እዋእ ምስ ግርማ ንሸውዓተ ዓመት መሓዙት እንዲኹም ኔርኩም፡ ከመይ ጌርኪ ከምኡ ትብሊ ምስ በልክዋ፡ "ስለዝተመርዓኹም" ኢላትኒ። "መሓዙትዶ ይምርዓዉ እዮም፧" ኢላትኒ ምርዳእ ስለዝኣበኽዋ እናኣንጸርጸረት። ስም ብዙሓት መማህርትና እናጠቐሰት፡

"ክስቶን ክስቶን ምሸ መሓዙት እዮም፧" ትብለኒ፡ "እወ"፡ "እሞ እንታይ ኮይኖም ደኣ ተባኢሶም ሕጂ፧" "ስለዝሓተታ ወይ ስለዝሓተቶ" ባዕላ ሓቲታ ባዕላ እናመለሰት ብዛዕባ እቲ ንሳ ትፈልጦ ሓቂ ክትእምነኒ ብዙሕ ጸዓረት።

ኪኢላታት ስነኣእምሮ ኣብ መንጎ ኣንጻር ጾታ ዝህሉ ምሕዝነት መወዳእታኡ ፍቕሪ እዩ ዝወልድ ይብሉ። መሓዙት ክትከውን እንተኺንካ ክትረዳዳእን ክትቀራረብን ዝገብረካ ገለ ምስጢር ኣሎ፡ እዚ ድማ ፍትወት እዩ ይብሉ። ገለ ሕሉፋት ደቂ ኣንስትዮ ዘቕርብኦ ስነመጉት እውን ኣሎ። "ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ዘይከስቡሉ ነገር ግዜኦምን ገንዘቦምን ኣየውፍሩን እዮም" ይብላ። ወዲ መሓዛኺ ኮይኑ፡ ግዜኡ ምሳኺ ዘሕልፍ እንተኾይኑ፡ ብርግጽ ካባኺ ዝደልዮ ወይ'ውን ዝጽበዮ ነገር ኣለዎ በሃልቲ እየን። ደቂ ተባዕትዮ እተጸግቦም ቅጫ ኣብ ሞቕሎ እንከላ እዮም ዝፈልጥዋ በሃልቲ እየን። ጓል ኣንስተይቲ ግን ዝሰምዓ ወይ እውን ዘስሕቓ ወዲ እንተረኺባ፡ ከም መሓዛኣ ክትቀርቦን ክትርእዮን ኣይትጽግምን እያ ኢለን ድማ ነቲ መጉትኣን የራጉዳኣ።

ብዝተፈላለየ ምኽንያት ምስ ኣንጻር ጾታ ምሕዝነት ክምስረት ይከኣል እዩ። ብፍላይ ኣብ ስራሕን ትምህርትን ምሕዝነት ኣንጻር ጾታ ብብዝሒ ይረአ እዩ። እዚ ምሕዝነት እዚ ካብዚ ዝተጠቕሰ ቦታታት ናብ ካልእ ቦታታት ክተሰግሮ እንተጀሚርካ እዩ እቲ ጸገም።

ብዙሓት መሓዙት ዝነበሩ ሰባት፡ ምሕዝነቶም ናብ ፍቕሪ ዓብዩ ብመርዓን ውላድን ተዛዚሙ ክትሪኢ ከለኻ ኣዝዩ ዘሐጉስ ነገር እዩ። እቲ ሓዳር እውን ዝያዳ ምርድዳእ ዝመልኦ ከምዝኸውን ዘጠራጥር ኣይኮነን። ነቲ ተመርዒኽዮ ወይ ተመርዒኻያ ዘለኻ ሰብ ኣጸቢቕካ ትፈልጦ ስለዝኾንካ፡ ዝሓሸ ሓዳር ንኽትመርሕ ኣቐዲምካ ዝሓለፍካዮ ናይ ምሕዝነት እዋን ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። ካብዚ እቲ ዝኸፍአ ግን፡ እቲ ምሕዝነት ብምፍልላይ ምስ ዝዛዘም እዩ። እቲ ዝገርም ነገር ዝበዝሕ እዋን፡ መሓዙት ኢና ክብሉ ዝጸንሑ ሰባት፡ እታ ጓል ወይ እቲ ወዲ ንኻልእ ሰብ ኣብ ዘፍቅሩሉ እዋን ወይ ንመርዓ ኣብ ዝውሰኑሉ እዋን እዩ እቲ ፈንጂ ዝፍንጀር። መሓዛይ እያ ክትብል ከምዘይጸናሕካ ሽዑ ብቕንኢ ክትትኮስ ትደሊ። ኣብ ናይ ዜሮ ሰዓት፡ ንዓመታት ኣብ ልብኻ ዓቒርካዮ ዝጸናሕካ ፍትወት፡ ኣብ ሓደ ረፍዲ ትፍንጅሮ። ኣብ ናይ ዜሮ ሰዓት ዝግበር ስለዘየለ ድማ እቲ ምሕዝነት ብዝኸፍአ ጽልኢ ይድምደም።

ገለ ደቂ ኣንስትዮ ምስ ሰብ ሓዳር ደቂ ተባዕትዮ ምሕዝነት ምምስራት ዝኾነ ሳዕቤን ዘይብሉ ገይረን ይሓስባ። ብስራሕን ካልእ ኣጋጣሚታትን ምስ ዝረኸብኦም ሰብ ሓዳር ደቂ ተባዕትዮ፡ ምሕዝነት ምምስራት



ውሑስ እዩ ኢለን ይሓስባ። በዓል ሓዳር ስለዝኾነ፡ ከፍቅረኒ ኣይክእልን እዩ ኣነ ድማ ብተመሳሳሊ ኢለን ንነብሰን የእምናኣ። እዚ ግን ጌጋ ርድኢት እዩ። በዓል ሓዳር መሓዛኺ ንበዓልቲ ቤቱ ክህቦ ዝግብኦ ግዜ ንዓኺ ክህበኪ እንተጀሚሩ፡ ምስ በዓልቲቤቱ ከምሲ ዝግብኦ ምሳኺ የምሲ እንተሃልዩ ጸገም እዩ። ካልእሲ ይትረፍ፡ ኣብ ቦታ እታ ኣብ ቤት ኮይና ምምጽኡ ትጽበ ዘላ በዓልቲ ቤቱ ኴንኪ ሕሰቢ። ድራር ሰሪሕኪ በዓልቤትኪ ክመጸኪ መዓጽ እናኣቋመትኪ፡ ተለፎን ተደዊሉ በዓልቤትኪ ኣብ ክሰታይ ምስ ሓንቲ ጓል ኣሎ እንተዝብሉኺ እንታይ ምተሰማዓኪ። ምሕዝነት ምስ በዓል ሓዳር ካብ ክልቴኹም ወጻኢ ዝጉድኡ ብዙሓት ሰባት ስለዘለዉ፡ ዘይምፍታኑ ተመራጺ እዩ።

ኣብ ሃገራት ምዕራብ 90 ሚኢታዊት ምሕዝነት ኣንጻር ጾታ ብፍቕሪ ከምዝዛዘም መጽናዕትታት የረጋግጻ። እዚ ማለት ግን ናብ ሓዳር ይበጽሕ ማለት ኣይኮነን። ምሕዝነት ኣንጻር ጾታ ከምዚ እንተኾይኑ፡ መንእሰያት ምስ ኣንጻር ጾታ ኣብ ዝገብርዎ ምሕዝነት ጥንቃቐታት ክገብሩ ይግባእ። ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ሰብ ዘይብሉ ቦታ ንበይንኻ ዘይምጃን። ብፍላይ መስተ ኣብ እትሰትየሉ እዋን፡ ብሓትካ ብመኪና ዘይምጉዓዝን ጽምው ቦታ ዘይምዝውታርን። ክንዮ ምሕዝነት ካብቲ ሰብ ወይ ካብታ ሰብ ትደልዮ እንተዘይብልካ፡ ትራኸበሉ እዋን ቅድሚ ጸሓይ ዕራርቦ፡ ትራኸበሉ ቦታ ድማ ሰብ ዝበዝሖ ክኸውን ተመራጺ እዩ። ኣብ መወዳእታ ምሕዝነት ኣንጻር ጾታ፡ ኣዝዩ ተነቃፊ ርክብ ስለዝኾነ፡ ብልዑል ጥንቃቐ ክተሓዝ ይግባእ እዩ።



# ወልፊ ሕሜት ከመይ ነወግዱ?

ሳሙኤል ገብረብርሃን

ኣብ ቦታ ስራሕ ካብ ዝዕለል ገለ

"ትማሊ ደኣ መን ደየ ረኺብዮ፧"

"መን ረኺብኪ፧"

"ሓላፊኺ"

"ኣበይ ደኣ፧"

"ኣብ ሓደ መርዓ። ጌሩላ'ዩ መስለኒ፡ ዝሰዕስዖ ዝነበረ ኣየርእኺ"

"እዋእ! ኣብ መርዓ ደኣ ክስዕስዕ'ዩ ምበር እንታይ ደኣ ክገብር፧"

"ያ...! ኣብዚ ስራሕ ክትርእየም እንክለኻ ኸኣ ካልእ ይመስሉ።"

"ስምዕኒባ...! ኣብ መርዓ ምስዕሳዑ'ሞ ምስ ስራሕ እንታይ ዘተኣሳስር ኣለዎ፧"

"ፎኪስ ኢለዮ ኣለኹ'ባ ኣነስ። ምስ'ታ ሰበይቱ ኸኣ ጽቡቕ የለን ኢሎሞ።'

"እዋእ!! በጃኺ'ባ ስራሕና ንስራሕ። ኣብ'ዚ ስራሕ እንተዘይኮይኑ ነዚ ሰብኣይ ኣበይ ዶ ንፈልጦ ኢና፧ ስራሕ ጥራይ ዶ ኣይኮነን ዘራኽበና፧ እንታይ ገደሰና ኢና ብዛዕባ ዝተዓደሞ መርዓን ሓዳሩን ገለ ንዛረብ ከ፧ እንታይ ይምልከተና፧ ግደፍዮ በጃኺ።'

"ትማሊ ደኣ ካብ ስራሕ ምስተፈደስና፡ እቶም ንግጥሞም እንደየ ኣብ ሓደ ቦታ ርእየዮም"

"እንታይ ትብል ወደይ። እንታይ'ዩ ዘራኽበምኳ'ዩ ዝገርመኒ፡ ጉዳዮም ክፈልጥ ብዙሕ 'ጽዒረ' ኣይሰለጠንን። ገለስ ኣላቶም"

"ኣዝማድ'ዮም ዝመስሉኒ ነይሮም። ሓቲትናሎም ኩኣ ዘቃርብ የብሎምን ኢሎሞም"

"እዚ ደኣ ፍሉጥ እንድዩ። ግድነት! ገለ ደኣ ኣለዎም። ብቐዳማይ ንሱ'ዩ ዝኸውን ቴሌፎን ደዊሉላ ሄሎው፡ ሄሎው' እናበለት ካባና ርሒቓ ትዛረብ ነይራ። ክኪታተላ ቀስ ኢለ ናብኣ ገጸይ ክቐርብ ፈቲነ ቀልጢፋ ዘረባኣ ወዲኣ።'

"ኣብ ገዛኡ ኸኣ ኢታዊት ወጺኢት'ያ ኢሎማ። ንሱ ኸኣ'ምበር ኣቡቲ ኣኼባ፡ ክይሓፈረ ኣቡቲ ዝተዋህቦ ስራሕ ንሳ ከምዝሓብዘቶ ኣፉ መሊኡ ይዛረብ።"

"ኣብ ስራሑ ንፉዕ እንክለኻስ፡ ሕወስ ኣይኮነን። ሰባት ፈላልዩ'ዩ ዝቐረብ፡ ከምዚ ትዕቢት ኣለዎ።"

ዕላል ክልተ ሓለፍቲ

"ኢታ እቲ ምሳኻ ዘሎ ኩኣ ኣኼባ ክሳተፍ ናብ ወጻኢ ሃገር ክገይሽ ተመዚዙ ደየ ሰሚዕ፧"

"እወ ኣይተጋገኻን። ብሓቂ ንፉዕ'ዩ። ኣብ ዝግበኡ ኣኼባ'ዩ ዝሳተፍ ዘሎ። ኣብ ስራሑ ዓቕሙ ከዕቢ ክሕግዞ ይኽእል'ዩ።"

"እሞ ንዓኻ ገዲፎም ንዕኡ ክሰዱ፧ እዚ ከኸውን ኣይነበሮን በሃላይ እየ። እንታይ ማለትዩ እዚ፧ ንዓኻ'ውን ጽቡቕ ኣይኮነን።"

"ክሳተፍ ይግብኦ'ዩ እኳ'የ ዝበለካ ዘለኹ። ብኹሉ ነገር ካብ ንዓይ ንዑኡ'ዩ ልክዑ እቲ ኣኼባ። ኣይተረዳእካንን መስለኒ።"

"ኣነስ ገለ ረብሓ ኪይህልዎሞ ኪይሓልፈካ ኢለ'የ።"

"እዋኢ... ሕራይ ምናልባት እንተለዎ ኸ ንሱ ኣይርባሕ ደዩ ሓሳብካ፧ በል ሰሚዐልካ ኣለኹ። ኣብ ዘየድልየናን ዘይምልከተናን ዶ ሓቀይ ግዜ ቀቲልና፧ እንታይ'ዩ መምጸኢኻ ጥራይ"

ሓደ ጽሑፍ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ካብ ዝዕለል እቲ 90% ሕሜት'ዩ ይብል። ኣብ ቦታ ስራሕና ካብ እነዕልሎ እቲ ዝበዝሐ ብዛዕባ ሰብ'ዩ። ንስራሕና ዝምልከት ኣይኮነን። ዘገርም ሓቂ'ዩ!። መሳርሕትና ብዛዕባና፡ ንሕና ብዛዕባኦም ከነውሪ ግዜ ይዓርበና። ከምቲ ዝበሃል፡ ንሕና ብሰብ፡ ሰብ ብኣና እዩ ነገሩ። ቦታ ስራሕ እንታይ ዘይእከብ!!

ብዛዕባ ሰብ ሐሕማቑ ጥራይ ከነውሪ ናብ ስራሕ እንወፍር መቸም ብዙሓት ኢና። ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ቀንዲ ስራሕና 'ሕሜት' ዝገበርናዮ ውሑዳት ኣይኮናን። ከም ጅግንነትን መንፈዓትን እንቖጽሮውን ኣይንሰኣንን ንኸውን። ኣብ ስራሕና ክንዓብይን ብሓለፍትና ክንፍተውን ምእንቲ ከም ሜላ ክንጥቀመሉ ንፍትንውን ኣለና። እከለ ከምዚ እንተገበረ፡ እከሊት ከምዚ እንተደገመት፡ ምስ ስራሕ ዘይተኣሳሰሩ ዛዕባታት እናልዓልና ክንትንትን ንውዕል። ኣብ ዘይምልከተና ክንህውትት ጸዓትና ነባኽን። ግዜናን ሓይልናን ኣብ ምቅብባል ወረን ቀንጢ-መንጥን ነጥፍኦ። ካን ቢቃ ፈጺምና ስራሕና ንርስዕ። ም኿ን ስራሕ'ባ ኣሎና። ሕሜት!! ንሱብ ምኽፋእ። ጠላዓት ኣጎብዞ ኣብ ከምዚ ክንወፍር! ነውሪ!!

ብዛዕባ ሰብ እንተዘይ ተዛሪብና ሕምም እንብል ማእለያ የብልናን። ብዘይምልከተና ጉዳያት ሰባት ከነውሪ ጉዳያትና ንርስዕ። እቲ ዘገርምን ዘሕዝንን ነገር፡ እቶም ንሕና እነውርየሎም ሰባት ብዛዕባ ህላውነትና ግዳስ ዘይብሎም እንተኾይኖም። ንሕና ብዛዕባኦም ነውሪ፡ ንሳቶም ከኣ ንሕና ብሂወት ኣሎና ዲና የለናን ዘይፈልጡ። ብዛዕባ ህላውነትካ ንዘይግደስ ሰብ፡ ምሉእ ኣእምሮኻን ግዜኻን ካብ ምሃብ ዝኸፍእ'ሞ እንታይ ኪይህሉ!፧ ካብ ከምዚ ኢድሕና።

ንምኳኑ ስለምንታይ ኢና ብዛዕባ ሰባት ኮነ ኢልና ሕማቕ እንዛረብ፧ ስለምታይ ከ ንኸውን ምሳና ጸኒሑ ካባና ርሒቕ ብዛዕባ ዝበለ ዓርክና/ መቕርብና ወይ ፈላጢና ሕማቕ እንዛረብ፧ ብሓጺሩ ስለምንታይ ኢና ኣብ ሕሜት እንጽመድ፧ ተመራመርቲ ስኑልቦና ብዛዕባ'ዚ ኣጽኒዖም ኣቕሪቦሞ ካብ ዘለዎ ነጥብታት ገለ ኣብ መርበብ ሓበሬታ 2Knowyourself.com ረኺበ ኣለኹ። ኣነውን እሰማማዓሉ'የ።

**ቅንኢ:-**

ሰባት ቅንኢ እንተደኣ ተሰሚዑና ኢና ብዛዕባ ሰባት እንዛረብ። ቅንኢ ዝተሰመዓና ሰባት፡ እቲ

ንዛረበሉ ዘሎና ሰብ ትሕቴና ምኳኑ ንምእማንዩ ብዛዕባኡ ንዛረብ። እዚ ኸኣ ብዛዕባ ገዛእ ርእስና ድሓን ንኸስምዓና ብምባል ኢና ንገብሮ። ከፉእ ሕልና ስለዘለና ኸኣ ኑቲ ሰብ ካልኦት ሰባት ክጸልእዎ ምእንቲ ሐሕማቑ ጥራይ ኢና እነዕልል። ንሕና ዘይበጻሕናዮ በጺሑ፡ ንሕና ዘይገበርናዮ ፈጺሙ፡ ንምንታይ ኣብ ከምዚ ደረጃ ኪደዩብ ክኢሉ ኢልናስ ብቕንኢ ፈፊው ንበልዕም፡ እቲ ዝቐናእናሉ ሰብ ብዝያዳ ኪይዕወት ከከፉኡ እንብሎ ንሰባት ነውርየሉ። ካልእ ድኣ እንታይ ክንገብርዎ፧ ምልክት ዓቕሚ ምስኣንዩ እዚ። ሕሰድና ይኸውን ውራይና ቢቃ!! ፍረ ኸኣ ዘይብሉ።

**ኑብሱ-ምትሓት**፡-

ሰባት ብዛዕባ ምሳና ዘየለዉ ሰባት እንዛረብ፡ ልዕሊኦም መሲልና ክንረአ ውሽጣዊ ባህጊ ስለዘለና ኢና። "ኩሱቶስ ንዓይ በሊጹኒ" ዝብል ሕማቕ ኣተሓሳስባ ዘለና ሰባት፡ ናይ ግድን ኢና ኣብ ቅድሚ ካልኦት ሰባት ብዛዕባ'ቲ ሰብ'ቲ ሕማቕ ነገር ኣልዒልና ክንዛረብ። ብሉጻት መሲልና ክንረአ ምእንቲ። እቲ እነውርየሉ ሰብ በሊጹኒ'ሎ ኢልና እንተኣሚንና፡ ኑብስና ኣትሒትና ኣሎና ማለት'ዩ። ስለዚ፡ ኣብዘየለና ኑብስና ልዕል ኢላ ክስምዓ ምእንቲ፡ ብዛዕባ ሰብ ሐሕማቑ ክንዛረብ መሬት ትዓርበና። ካብ ከምዚ ኣድሕነና!!

**ስእነት ትብዓት**፡-

ገለ ሰባት ብቐጥታ ምስ ሰባት ምፍጣጥ ኣይንፈቱን ኢና። ካብዚ ዝብገስ ከኣ፡ ኣብ ክንዲ ገጽ ንገጽ እንገጥሞም ንሳቶም ኣብዘየለውሉ ብዛዕባኦም ምስ ካልኦት ሰባት ምዝራብ ንመርጽ። እዚ ኸኣ ቀንዲ ምልክት ስእነት ትብዓት እዩ። ብዘይ መዓንጣ ግዲ ተፈጢርናስ፡ ካብ ፍርሒ ዝብገስ ድሕሪ ሰብ ምዝራብ ነቕድም። ተመዚኑ ኢሉና!!

**ፍትወት**፡-

ሓደ ሰብ ብዛዕባ ዝኾነ ካልእ ሰብ ብዙሕ እንተደኣ ተዛሪቡ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ከም ኣርእስቲ ዘልዕሎ ዘሎ ሰብ ፍትወት ከም ዘለዎ ዘረጋግጽ ቀንዲ ምልክት'ዩ ይብሉ ክኢላታት። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ እቲ ዘረባ እወታዊዩ ወይ ከኣ ብውሑዱ ዋላ'ውን ኣሉታዊ እንተኾነ ገለ ጽቡቕ ኩነታት ኣይሰኣንን እዩ። እዚ ይሓይሽ ብዙሕ ጎዳኢ ኣይኮነን።

**ድኽመት**፡-

ሰባት ብዛዕባ ምሳና ዘየለዉ ካልኦት ሰባት ሕማቕ እንዛረብ፡ ፊት-ፊት ገጢምና ወይ ሰሪሕና ወይ ብብቕዓትና ዝደለናዮ ከምዘይንረክብ እንተደኣ ፈሊጥና ኢና። እንገብሮ ስለዘይብልና ከኣ፡ ኣብ ቅድሚ ካልኦት ሕማቕ ምዝራብ መውጽኢ ተሃንና ይኸውን። ካብዚ ዝዓቢ ምልክት ድኽመት ከኣ የለን። ናይ ስራሕ ወይ ናይ ምግባር ዓቕምና ክዳኸም እንከሎ ኢና ብዙሕ ዘድልየናን ዘየድልየናን ዘሁተፍትፈና።

እሞ እንታይ ደኣ ንግበር፧ እንተስ ቀንእና፡ እንተስ ኑብሱ-ምትሓት ተሰሚዑና፡ እንተስ ትብዓት ስኢንና ወይ ፈራሓት ኮይና ካብ 'ኖቨል ኮሮና ቫይረስ' ብዝኸፍአ ቫይረስ ሕሜታን በለካ ለኸዓካን ተጠቒዕና ንርኩብ ሽባባት ደኣ እንታይ'ዩ ፈውስና፧ መንእሰይን ሓማይን... ጽቡቕ ኣይኮነን በጃኹም። ገሊኦም ምኽሪ ኣለዎም።

**1.ኣብ ስራሕ ንጽመድ**፡-

ኣእምሮና ኣብ ስራሕ እንተጸሚድናዮ ብዛዕባ ካልእ ሰብ ክንሓስብ ፈጺሙ ግዜ ኣይክህልወናንዩ። መን እንታይ ገበረ፡ ኣበይ ወዓለ፡ ምስመን ኣተወ ወጸአ፡ እንታይ በለዐ ሰተየ፡ ኣበይ ወዓለ ሓደረ ኣይክግድሰናንዩ። ብሓቂ ኸ እንታይ ይምልከተና፧ ንስራሕ ዝኸውን ግዜ ምስ ሰኣና ኢናኳ ናብ ሕሜት እንጓየይ። ጠብሎቕሎቕ እንብል። መንእሰይን ጠብላቀኑ....ኬፍ የብሉን።

**2.ኣብ ኑብስና ንእመን**፡-

መን ምኳኑ ረሲዐዮ'ምበር ሓደ ፍሉጥ፡ "ንኑብሱ ምስ ካልእ ሰብ ከወዳድር ዝጀመረ ሰብ፡ እንታይነቱ ናብ ጓሓፍ ክድርቢ ተበጊሱ'ሎ ማለትዩ" ይብል። ሕሜታ፡ ምስ ውድድርዩ ዝብገስ። መወዳድርተይ ንእንብሎ ሰብ ኢና እንሓምዮን ሕማቑ እንልፍልፍን። ንእንፈርሖ ሰብ ኢና ጽቡቑ ዘይንደሊ። በሊጹናሎ ብዛዕባ ዝበልናዮ ሰብ ኢና ከከፉኡ ከነውሪ እንህቅን። ውድድር ዝጽላእኳ እንተዘይኮነ፡ ብሕሜት ሰብ ክሓምቀልና ምምናይ ግን ኪንዮ ሰማይ ዘሎ ደበናዩ። ከንቱ ሃቐነ! መንእሰይን ኩፉእን... መልክዕ የብሉን።

**3.ትብዓት ነጥሪ**፡-

ካብ ብድሕሪ ሰብ ምዝራብ'ሞ እንታይ ዝኸፍአ ኪይህሉ፧ ብዛዕባ ሰብ ዝኾነ ርእይቶ ክህልወና ባህርያዊዩ። "ንዘምልከቶ ሓሳብና ምግላጽ - ልቦና፡ ምስ ዘይምልከቶም ከለፍልፍ ከኣ ገዚፍ ዕሽነት'ዩ" ይብሉ ገሊኦም፡ ከምዚ ከማና ሓመይቲ ምስ ረኸቡ። ብሓቂ ኸኣ ዕሽነት ጥራይ ዘይኮነ፡ ፍርሒ ኸኣ'ምበር። ብጉዳይ ምስ ዝምልከቶ ምዝርራብ ትብዓት ይሓትት'ዩ። ፍርሒ ጥራይ'ዩ ኣብ ዘይሰራሕና ዘእትወና። ስለዚ ፊት-ፊት ብዛዕባ ጉዳያት ምስ ዝምልከቶም ንምዝርራብ ትብዓት ከነጥሪ ከድልየናዩ። ምናልባት ፍርሒ ተፈጢሩና እንተኾይኑ፡



ትብዓት ብልምምድ ከምዝመጽእ ይንገረናዩ። መንእሰይን ፈራሕን... ኣይሳነዩንየም።

**4.ኣብ ጉዳያትና ነተኩር**፡-

ኩሉ ሰብ መቸም ዘዘገድሶ ማእለያ ጉዳያት ኣለዎ። እቶም ንሕና እንሓምዮም ሰባት'ውን ብተመሳሳሊ ጉዳያት ኣለዎም። ጉዳዮምዩ ቀዳምነቶም። ብዛዕባ ጉዳያትና ፋዕራ የብሎምን። ንሕና ኣበይ ኣሎና፡ ምስ መን፡ እንታይ ንሰርሕ፡ ኣበይ ኣተና-ወጻእና፡ እንታይ በላዕና ሰተና ከበሮም ኣይኮነን። ንሶም ዘገድሶም ኣለዎም። ዕዮም ከኣ ኣብ ዝጥዕሞም ቦታን ግዜን ይፍጽሙ። እሞ ንሕና ደኣ እንታይ ሰሪሑናዩ ጉዳያትና ጠንጢንና፡ ጉዳዮም ብዛዕባ ዝጉበኑ ሰባት ሃለውሎው ዝብለና፧ ንብላሽ ጸዓታን ነባኽን፧ መንእሰይን ሃላውን..ኣይቃደዉን።

እሞ እዚ ሕሜት ዝብልዎ ዝጠቕመና ኣይኮነን መስለኒ። ንዝሰርሕ፡ ትብዓት ንዘለዎ፡ ኣብ ጉዳዩ ንዝተኩር፡ ኣብ ኑብሱ ንዝኣምን ሰብ ሕሜት መሊሱ'ዩ ዘሐርኖ ኢሎም። ንሕና ክንሓሚ፡ ንሱ ይሰርሕን ይጽዕርን። ዋላ ሓንቲ ክንገብሮ ኣይንኽእልን። ፍልልይና ኸኣ ኩሉ ግዜ ይቕጽል። ድሓር ከኣ ተሓማዩ ምኳን ረኻቢኡ'ዩ ዝረኸቦ። እንተ ሓማዩ ምኳን ግን ጸላኢናውን ኣይኹኖ። ብፍላይ መንእሰይን ሓማዩን.......!! ዘረባ የብሉን።

ሓንቲ ሕቶ ኣላትኒ

# ትህኪት ካብ ምንታይ እዩ?

## ትህኪት ካብ ምንታይ እዩ?

**ሕቶ፥ ብዘይ ቀለዓለም ክዛረብ፡ ሃካይ እየ። ስራሕ ኣይፈቱን'የ። ስራሕ ኣፍጢጡ እናረኣየኒ፡ ቅጭጭ ኣይብለንን እዩ። ገለ ኣመኻንየ ካብኡ ግልል ክብል እሞ ተወዲኡ ክጸንሓኒ እየ ዝብህግ። ሕጂስ ንዓይ'ውን ከተሓሳስበኒ ጀሚሩ ኣሎ'ሞ ከተማኽሩኒ። እንታይ ኮን ይኸውን እቲ ጸገም?**

**ሳሚ ወዲ ባጽዕ**

መልሲ፥ ከምቲ ንስኻ ብዘይ ቀለዓለም ዝሓተትካ ንሕና'ውን ከይተሰከፍና ክንምልሰልካ። ትህኪት ሕማም ኣይኮነን። ምስ ሕማም ኣእምሮ'ውን ዘተኣሳስር የብሉን። ትህኪት ነብስኻ ኣተዓባቢኻ ካብ ምርኣይ ክብገስ ይኽእል። ሰሪሕካ ኣይሰሪሕካ ኩሉ ሓደ'ዩ ካብ ዝብል ዝንቡዕ ኣመለኻኽታ'ውን ክነቅል ይኽእል። ብዝኾነ ትህኪት ትዕቢት'ዩ፡ ትህኪት ስንፍና እዩ። በንጻሩ ስራሕ ክብረት'ዩ፡ እቲ ዝሰርሕ እዩ ዝኸብር። ኣብ ስራሕ ግብዝና ዘርኢ ሰብ ክብረት የብሉን። ዕዉት እውን ክኸውን ኣይክእልን። ምስጢር ዕዉት ህይወት፡ ብቐንዱ ስራሕ ስለዝኾነ።

## ጽልዋ ኣመጋግባ ኣብ ቅርጺ ሰብነት

**ሕቶ፦ ጓል 25 ዓመት መንእሰይ እየ። ብስሩዕ መግቢ ናይ ምውሳድ ጸገም ኣለኒ። ሓድሓደ ግዜ ክቱር መግቢ ናይ ምሕሳም ሕማም ክሕዘኒ ኸሎ፡ ሓድሓደ ግዜ ድማ፡ ብልዒ ብልዒ ዘብል ሸውሃት ይወርሰኒ። እዚ ኩነታት'ዚ ድማ ኣብ**



**ቅርጺ ኣካላተይ ጽልዋ ከይህልዎ ሰጊአ ኣለኹ። ስለዚ ነዚ ናይ ኣመጋግባ ምዝባዕ ብኸመይ ከወግዶ ከም ዝኽእል ምኽሪ እንተትህቡኒ?**

**ያስሚን ካብ ዞባ ደቡብ**

መልሲ፡ ብዙሓት መንእሰያት ብፍላይ'ኳ ደቀ'ንስትዮ፡ ብምዕባለታት ቅርጺ ሰብነተን ኩሉ ግዜ ምስ ተሻቐላ እየን። ገሊአን ኣዝየን ረጒደን ክስምዐን እንከሎ፡ ገሊአን ድማ ኣዝየን ዝቐጠና ኮይኑ ይስመዐን። ስለዚ ድማ ቅርጺ ሰብነተን ንምምሕያሽ፡ ኣብ ቀጻሊ ጸቕጥን ጻዕርን ይጽመዳ።

ሓደ ካብ'ቶም ኣመና ምርጓድ ወይ ኣመና ምቕጣን ሰብነት ዘስዕቡ ምኽንያታት፡ ናይ ኣመጋግባ ምምዝባል (eating disorder) እዩ። ናይ ኣመጋግባ ምምዝባል ካብ ኣብ ደቂ-ተባዕትዮ ዝያዳ ኣብ ደቀ'ንስትዮ ጎሊሑ ይርአ። ኣብነት፥ ኣብ ሕ.መ.ኣመሪካ ካብ 5-10 ሚልዮን ደቀንስትዮ ሳዕቤን ናይ'ዚ ክኾና እንከለዋ፡ ኣብ ደቂተባዕትዮ ምስ እንዕዘብ ግና ካብ 1 ሚልዮን ዝሓልፍ ከም ዘይኮነ፡ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ይሕብር።

ብዙሕ ዓይነታት ምምዝባል ኣመጋግባ እኳ እንተለዉ እቶም ቀንዲ ክልተ እዮም። እቲ ሓደ ኣኖርክስያ (Anorexia) ክብሃል ከሎ እቲ ካልኣይ ድማ ቡሊምያ (Bulimia) ይበሃል። ኣኖርክስያ ክቱር መግቢ ናይ ምጉዳል ወይ ምድራት ባህሪ ኣማዕቢሉ፡ ምጉዳል ክብደት ሰብነት የኸትል። ቡልምያ ድማ በንጻሩ ጠገለ ዘይብሉ ምብላዕ እዩ። እዚ ድማ ናይ ገዛእ ርእስኻ ሜላ ተጠቒምካ ብመልክዕ ተምላስ ወይ ብመለስለሲ ቀልቀል (laxative) ከም ዝኸይድ ብምግባር ከምኡ'ውን ብሓያል ምውስዋስ ኣካላት ከም ዝሃልኽ ዝግበር ስለዝኾነ፡ ኣብ ርጉዲ ዘምጽኦ ለውጢ የለን።

ብሓፈሻኡ፡ ናይ ኣመጋግባ ምምዝባል ዘለዎም ሰባት፡ ብዛዕባ ዓቐን፡ ክብደትን ቅርጽን ሰብነቶም ኩሉ ግዜ ምስ ተሻቐሉ እዮም።

ጠንቅታት ናይ ኣመጋግባ ምምዝባል ብዙሓት'ኳ እንተኾኑ፡ ተወርሶ፡ ባህላዊ ኣረኣእያ ሕብረተሰብ ኣብ ደጋዊ ቅርጺ ሰብነት፡ ናይ'ቲ ሰብ ስምዒታዊ ተሞክሮ፡ ትሕዝቶ እትምገቦም መግብታት፡ ጸቕጢ፡ ኣልኮላዊ መስተ ወዘተ ከም ጠንቂ ይጥቀሱ።

ስለዚ ዝኸበርኪ ያስሚን፡ ጠንቂ ምዝንባዕ ኣመጋግባኺ ካብ ምንታይ ይብገስ ምፍላጥ ከድልየኪ እዩ። ስሩዕ ቅርጺ ሰብነትን፡ ተደላዪ ክብደትን ክህልወኪ ድማ ተደላዪ ሚዛን ክብደትኪ ክትፈልጥን ንዘበላዕክዮ ክተህልኽን፡ ሸውሃትኪ ዝያዳ ኪኸፈትን ስፖርት ከተዘውትሪ ንመኽረኪ። ቅርጽኻ ንኽትሕሉ ኣመና መግቢ ምሕሳም፡ ጥዕናዊ ሳዕቤን ከም ዘለዎ ምግንዛብ ኣድላዪ እዩ። ኣመና መግቢ ዘይምውሳድ ናብ ዓጸቦ ማዕቢሉ፡ ልብን ካልኦት ክፉል ኣካላትን ግቡእ ስርሖም ከም ዘቋርጹ ብምግባር ናብ ሞት'ውን ክብጽሕ ይኽእል። ስለዚ፡ ቅድም ቀዳድም፡ ብዛዕባ ናይ ኣመጋግባኺ ምዝባዕ ኣብ ደጋዊ ቅርጺ ኣካላትኪ ብዛዕባ ከስዕቦ ዝኽእል ሳዕቤን ኣዚኺ ክትሓስብን ክትጭነቕን የብልክን። ኣቓልቦኺ ኣብ ምጉዳል ክብደትን ምሕላው ቅርጽን ዘይኮነ፡ ኣብ ጥዕናኽን ስሩዕ ንጥፈታት

ኣካላትክን ይኹን። ስሩዕ ኣመጋግባ ማለት ሰለስተ ግዜ ኣብ መዓልቲ፡ ዝተመጣጠነ ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢ ከተዘውትሪ ፈትኒ። ኣብ መዓልታዊ ኣመጋግባኺ ኣሕምልቲ ምዝውታር'ውን ኣገዳሲ'ዩ።

ንዝያዳ ሓገዝ ድማ ሞያዊ ምኽሪ ንምርካብ ናብ ትካላት ጥዕና ብምኻድ ሰብ ሞያ ጥዕና ተወከሲ።

## መጥፎእ ጻጸ

**ሕቶ፥ ኣብ ቀጽሪ ገዛና ዘይተኣደነ ጻጸ ይፋረዩ እዮም። እንታይ እንተገበርና ኾን ፍታሕ ይኸውን?**

ተኽሎም (ወዲ ዘርኣይ) ካብ ጎዳይፍ

መልሲ፥ ጻጸ ንምቕታል ዝዝውተር ከሚካላት ኣሎ። እዚ ምስ ሰብ ሞያ ጥዕና ወይ ፋርማሲ ተወኪስካ ክትረኽቦ ክሓይሽ እዩ።

ኣብ መንፍሒ ፍሊት ማይን ጨውን ብምእታው ጎጃጉጃካ ኣብቲ ጻጸ ዘለዎ ቦታ እንተነጺግካሉ ፍታሕ ክኸውን ከም ዝኽእል ድማ ኣብ "home remedy" ኣፕሊከይሽን ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ። ወጻኢታት ስለዘይሓትት ብቐሊሉ ክትፍትኖ ዝከኣል'ዩ። ድሕሪኡ ናብ ካልእ ኣማራጺታት ትኸይድ።

## ወልፊ ኣልኮላዊ መስተ

**ሕቶ፡- ወዲ 30 ዓመት መንእሰይ እየ። ዓሚል ናይ ኣልኮላዊ መስተ'ኳ እንተዘይኮንኩ፥ ብሰንኪ ጸቕጢ ናይ ኣዕሩኽተይ ግና፥ ውሉፍ ናይ ኣልኮላዊ መስተ ናብ ምኳን ገጸይ የምርሕ ኣለኹ። ወልፊ ሓንሳብ እንተማዕቢሉ ድማ ዘኸትሎ ሳዕቤንን ንምውጋዱ ዝግበር ጻዕርን ቀሊል ዘይምኳኑ እኣምን። ስለዚ ካብ'ዚ ገንዘብካን ንብሰኻን እናሓደረ ዘማስን ወልፊ ኣልኮላዊ መስተ ብኸመይ ከም ዝገላገል ምኽርኹም ክትህቡኒ ምስናይ ኣኽብሮት እሓትት።**

ጃናይ ወዲ ኸረን

መልሲ፡- ልዑል ተጠቃምነት ኣልኮል፡ ጠንቂ ጥዕናዊ ጸገም ኪኸውን ከም ዝኽእል ብመጽናዕቲ ተረጋጊጹ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ተጠቀምቲ ኣልኮል ዝኾኑ ሰባት፡ ብኸመይ ወልፊ ኣልኮላዊ መስተ የቋርጹ ኣብ ቀጻሊ ሓሳባት ይርከቡ። ተጠቃምነት ኣልኮል ነቲ ተጠቃማይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንስድራቤቱን ፈተውቱን ከይተረፈ ዘሻቕል ጥዕናዊ ጸገም ዘኸትል ሕማቕ ኣመል እዩ። ንጥዕናዊ ሳዕቤን ኣልኮላዊ መስተ ጉዒፍና እምበኣር፡ ኣብ'ቲ ንምቁራጹ ዝግበር ተበግሶን ጻዕርን ዝሕግዙ ነጥብታት ክንጠቅስ።

ብዙሓት ሰባት፡ ወልፊ ኣልኮላዊ መስተ ንምውጋድ፡ ድሌት ምህላው እኹል ኢዩ ዝብሉ'ኳ እንተለዉ፡ ድሌት ንበይኑ ግን ኣኻሊ ከም ዘይኮነ ምግንዛብ ኣገዳሲ'ዩ። ኣልኮላዊ መስተ ንኽትሰቲ ዘተባብዑ ወይ ዘገድዱ ኩነታት ብግቡእ ምርዳእ፡ ኣብ ናይ ምቁራጽ ወይ ምውጋድ ተበግሶ ተግባራዊ ውጥን ምሕንጻጽን፡ ሓገዝ ዝተፈላለዩ ሰባትን ድሌት ሓዊስካ ኣገደስቲ ረቛሒታት ኢዮም።

ኣልኮላዊ መስተ፡ ምስ ነብስኻ ምልምማድ ስለዝፈጥር፡ ንምቁራጹ ወይ ምውጋዱ ዝግበር ተበግሶ ግዜ ዝወስድ እዩ። ስለምንታይ፡ መዓስን ኣብ ከመይ ኩነታትን ኣልኮላዊ መስተ ትወስድ ብዕቱብ ምርዳእ መሰረታውን መባእታውን ስጉምታት ናይ'ቲ መስርሕ እዮም። በዚ መሰረት እምበኣር፡ መዓስን ስለምንታይን ኣልኮላዊ መስተ ትሰቲ መረዳእታኻ ንምስፋሕ ነዞም



ዝስዕቡ ነጥብታት ኣስተውዕለሎም፥

- ንምንታይ ኣልኮላዊ መስተ ትፈቱን፡ ትጸልእን መዝግብ

- መዓስን ኣብ ከመይ ኩነታትን ኣልኮላዊ መስተ ትወስድ ፍለጥ

- ኣልኮላዊ መስተ ካብ ምስታይ ዝሕግዙ ኣማራጺታት ዘርዝር።

ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ነጥብታት ብግቡእ ተረዲእካ፡ ተበግሶ ንምውሳድ ኣብ እትወጥነሉ እዋን፡

- ኣልኮላዊ መስተ ካብ ዝቐረቡሎም ኣጋጣሚታትን ቦታታትን ካብ ምኻድ ተቖጠብ፡

- ኣልኮላዊ መስተ ካብ ምስታይ ገለ ነገር ክትገብር ፈትን፡ ነብስኻ ድማ ብስራሕ ጽመዳ

- ምስ ኣልኮላዊ መስተ ዘየዘውትሩ ሰባት ኪድ

- ጸቕጥን ጭንቀትን ኣብ ዘጋጥሙኻ፡ ኣብ ክንዲ ኣልኮላዊ መስተ፡ ንምፍዋሶም ካልእ ኣገባብ ተኸተል። ንኣብነት፡ ምስ ፈትውትኻ ምዕላል፡ ክብደት ምልዓል፡ ሙዚቃ ምስማዕ፡ ብህድኣት ምጉዓዝ፡ ብዕምቆት ምስትንፋስ ሓገዝቲ ኢዮም። ውጥንካ ተግባራዊ ንምግባር ናይ ካልኦት ሰባት ሓገዝ'ውን ኣድላዪ ስለዝኾነ ንዝቐርቡኻን እወንታዊ ኣበርክቶ ክገብሩ ዝኽእሉን ሰባት ምሕባር

- ኣዕሩኽቱኻ ምሳኻ ሓቢሮም ገለ ነገር ክሰርሑ (ንኣብነት ናብ ሲነማ) ክኸዱ ኣተባብዖም፡

- ስድራቤትካ ሻቕሎቶም እናዛየደ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ድማ፡ ትገብሮ ዘለኻ ጻዕርታት ብምሕባር ዘድልየካ ሓገዝ ሕተት።

ምስ'ዚ ኩሉ ጻዕርታት ድማ፡ ናብ ከባቢኻ ዝርከብ ትካል ጥዕና ብምኻድ ሞያዊ ሓገዝን ምኽርን ክትረክብ ትኽእል።

## ሊቨር ካንሰር

**ሕቶ፥ ኣጥባተይ ክዓብዩ ካብ ዝጅምሩ ኣትሒዙ ረጂ ከዘውትር ጀሚረ። ነዚ**

**ዝተዓዘባ ናይ ቀረባ መሓዙተይ፥ ቀጻሊ ረጂ ምውዳይ ካንሰር ከማዕብል ከም ዝኽእልን ኣጥባተይ ልዕሊ ንቡር ክዕበዩ ዝኽእሉ ምኽኣኖምን ነጊረናኒ። ሓቂ ድዩ?**

**ሊሊ ጓል ማይ-ተመናይ**

መልሲ፥ ሓቂ ኣይኮነን። ረጂ ምውዳይ፡ ናይ ጡብ መንሸሮ ኣየስዕበን እዩ። ኣጥባት'ውን ኣየግዝፍን እዩ። እኳ ደኣ ረጂ ብዙሕ ረብሓታት እዩ ዘለዎ። ኣጥባት ኣብ ምሽፋንን ምድጋፍን ጠቓሚ እዩ። ኣብ ቅርጺ ኣጥባት ጽባቐ ኣብ ምውሳኽ ሓጋዚ ተራ ከም ዘለዎ ዝከሓድ ኣይኮነን። ኣብ እዋን ጉያን ኣካላዊ ምውስዋስ'ውን ውዝዋዘኡ ንምግታእ ወይ ንምድራት ኣድላዪ እዩ። ሓያለ ደቀንስትዮ ዓቐን ኣጥባተን ቀኒሱ ወይ ገዚፉ ከም ዝረአ ኣብ ምግባር'ውን ብእወታ ይጥቀማሉ እየን። ካልእ ኣብዚ ዘይጠቐስናዮ ረብሓታት እውን ኣይሰኣኖን እዩ - ረጂ። ስለዚ ረጂ ጠቕሚ እምበር ኣብ ሰነዳት ሕክምና ዝተሰነደ ወይ ዝተጸንዐ ሃስያ የብሉን።



## ተሯ ማይ ኣብ ምፎዋስ ሕማም መርዘን

**ሕቶ፥ ብሕማም መርዘን ካብ ዝሳቐ ዓመታት ኣቑጺረ ኣለኹ። ሃንደበት ክቁጻጸሮ ዘይክእል ልዕሊ ዓቐን ቃንዛ ርእሲ እስመዓኒ። እንሓንሳእ`ውን ብሰንኪ ሕሉፍ ቃንዛ ምርኣይ ክሳዕ ዝስእን እኸውን። በቃ መርዘን ክጅምረኒ እንከሎ፥ ዝሕዞን ዝጭብጦን እዩ ዝጠፍኣኒ። ከም ዘስተብሃልኩሉ ኣብ ግዜ ወርሓዊ ጽግያት እዩ ብብዝሒ ዝጅምረኒ። ሕክምና እንተኸድኩ ከኣ መርዘን ዳርጋ ኪፍወስ ዘይክእል ሕማም ምኻኑ`ዮም ሓቢሮምኒ። እቲ ከም ግዝያዊ መዐገሲ ተባሂሉ ዚወሃበኒ ከኒና`ውን፥ ብዙሕ እዋን ፈጺሙ ኣይሰርሓለይን። ናባኻትኩም ምውካሰይ ከኣ እዚ ዘሎኒ ቃንዛ ርእሲ ብኸመይ**



**ክቃለለይ ከም ዝኽእል ትሕብሩኒ ኢለ እየ። ንምኻኑ ጠንቂ መርዘን ከ እንታይ ኪኸውን ይኽእል? ክሳዕ መዓስ`የ ኸ ብኸምዚ ኪቕጽል?**

**ዓዚዛ ካብ ኣኽርያ**

መልሲ፥ መብዛሕኡ ግዜ፡ መርዘን ምልክት ሕጽረት ማይ ኣብ ሓንጎልን ኣዒንትን እዩ። እዚ ንመርዘን ዘቃልዕ ጽምኢ፡ ኣብ ገለ ሰባት ነድሪ ኣብ ዳሕረዋይ ሸንኽ ኣዒንቲ ኣኸቲሉ ክሳዕ ምር ኣይ ዚስእኑ ይገብር። ደቂ ኣንስትዮ ጡብ ብምጥባው ብሕርሲን ወርሓዊ ጽግያትን ብብዝሒ ፈሳሲ ይኸደን። ብኣነጻሩ ከኣ ብዙሓት ካብኣተን ዚሰትይኦ መጠን ማይ ኣዝዩ ውሱን ብምኻኑ ዝያዳ ደቂ ተባዕትዮ ንመርዘን ቅሉዓት እየን።

ብዙሓት ሓካይም ንመርዘን መድሃኒት ከም ዘይብሉ እዮም ዚገልጹ። ምእንቲ'ዚ ዝተፈላልዩ ጸረ-ቃንዛ፡ ጸረ ዕግርግር ምባልን ንሰራውር ደም ዚጨባብጡን (vaso constrictors) መድሃኒታት ብምእዛዝ፡ ሕሙም ግዝያዊ ፍታሕ ከም ዝረክብ ይገብሩ። የግዳስ፡ ገለ ካብ ጐድናዊ ሳዕቤናቶም ሕማም ርእሲ ብምኻኑ፡ ኣብ ገለ እዋን ንሕሙም ተደረብቲ ሽግራት ኪፈጥርሉ ይኽእሉ።

ኣብ ክንዲ ንምልክታት ሕማም ጥራይ ክትፍውስ ምፍታን ግና፡ እቲ ቀንዲ ጠንቂዚ ሕማም ምልላዩ ኣገዳሲ እዩ። መርዘን፡ ምልክት ብዘይመጠን ምግፋሕ ሰራውር ደም ኣብ ሓንጎል`ዩ። ቀንዲ ጠንቂ'ዚ ምግፋሕ እዚም ሻምብቈታት ደም ከኣ ዋዒ ዘከትሎ ወጥሪ፡ ጥምየት፡ ቁጥዐ ወይ ድልየት ምግቢን ማይን እዩ። እዚም ኩሎም ጠንቅታት መርዘን ከኣ ምስ ጽም ኢ ማይ ዝያዳ'ዮም ዚጋደዱ።

ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ፡ ብዙሕ ማይ ምስታይ ኣብ ምሉእ ኣካላትና ንዚርከቡ ሰራውር ደም ናብ ንቡር ዓቐኖም ከም ዚምለሱ ይገብሮ'ሞ፡ ከም ውጽ ኢቱ ከኣ ቃንዛ መርዘን የገላግለና። ንህላወ መርዘን ንምጥፋእ ግና መዓልታዊ ብዙሕ ብኬሪ ማይ ማለት (ሚዛን ሰብነት x 0.033 = ሊትሮ) ምውሳድ የድሊ።ን ኣብነት ሓደ 65 ኪ.ግ. ዚምዘን ሰብ፡ ኣብ መዓልቲ ኪወስዶ ዘለዎ ዓቐን ማይ 65 x 0.033 = 2.145 ሊትሮ እዩ። ዝኾነ ምሉእ ጥዕና ኪውንን ዚሓስብ ሰብ፡ ነዚ ክብ ኢሉ ተገሊጹ ዘሎ ኣገባብ ምርባሕ ተጠቒሙ፡ እኹል ዓቐን ማይ መዓልታዊ ኪውሰድ ይግባእ

መወከሲ፥ መርበብ ሓበሬታ "Water Treatment for Healthier Pain-Free Life"

## ጥኻሲ ምሓዝኻ ዘይምሓዝኻ ብኸመይ ክፈለጥ ይከኣል?

**ሕቶ፥ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ፍኑው ርክብ ምስ ፈጸመት፥ ጥንሲ ምሓዛን ዘይምሓዛን ብዝቐልጠፈ ኣብ ክንደይ መዓልታት እያ ክትፈልጥ እትኽእል? ግድን ወርሓዊ ጽግያት ክሳብ ዘቋርጻ ድያ ክትጽበ ዘለዋ ወይሲ ብላባራቶሪ ኣብ ሓጺር እዋን ኪፍለጥ ይከኣል እዩ?**

**ጓል ጊንዳዕ**

- ኣብ ሕክምና ህላወ ጥንሲ ንምርግጋጽ፡ "HCG" ዚብሃል ሆርሞን ምህላዉን ዘይምህላዉን እዮም ዘረጋግጹ። እዚ ሆርሞን'ዚ እንተዘይሃልዩ፡ ጥንሲ የለን ማለት'ዩ። ህላውነቱ ኣብ ሽንቲ እንተ ተረጋጊጹ ግና ጥንሲ ከም ዘሎ እዩ ዚሕብር። እዚ ሆርሞን፡ ጥንሲ ምስ ተፈጥረ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ኪምዕብል ዚኽእል እኳ እንተኾነ፡ ምድንጋራት ንኸይፍጠር ግና፡ እታ ጓል ኣንስተይቲ ምጥናሳን ዘይምጥናሳን ንምርግጋጽ ድሕሪ 14 መዓልታት እያ ላቦራቶሪ ክትገብር ዚግብኣ።



ባህልን ስነጥበባትን

# ወግዒ ምስ ኣርቲስት ስዒድ ኣንዋር

ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ ዕቋር)

ስነጥበበኛ ስዒድ ኣንዋር፡ ሓደ ካብ' ቶም ኣብ ስርሓት ፊልም ሃገርና ብምውሳእ ልሉይ ኣበርክቶ ዝገብሩ ዘለዉ እዩ። ካብ ዕድመ ኩትትናኡ ዝጀመሮ ምዕያይ ፊልም፡ ኣብ ልዕሊ 50 ፊቸር ፊልምታትን ተኸታተልቲ ፊልምታትን ተዋሲኡ። ብ1984 ካብ ኣቡኡ ኣንዋር ሳልሕ ኣዲኡ ሸምሹ ሳልሕን ኣብ ኣስመራ - ኣኽርያ ተወሊዱ። ዕድሚኡ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ኣስሙድ፡ ሰሜናዊ ኣስመራ፡ እምባ ጠቐራ፡ ደብረጽዮን ቅድስቲ ማርያምን ተማሂሩ። ምስ ኣባላት 19 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ድማ ኣብ ኩሌማ ተዓሊሙ። ኣብዚ እዋን' ዚ ኣብ እዚ ምዕራብ ጉጅለ ባህሊ ኣውላ፡ ከም ካልኣይ ጠርናፊ ጉጅለ ባህሊ ኾይኑ ሃገራዊ ጉቡኡ ኣብ ምፍጻም ይርከብ።

ስነጥበበኛ ስዒድ ኣብ ኤሪቲቪ ኣብ ዝቐረባ ተኸታተልቲ ፊልምታት ማእረ፡ ህይወት፡ ንጣብ ዝኽሪ ዘመን፡ ማጨሎ ተዋሲኡ' ዩ። ዕላልና በዛ ኣብ ኤሪቲቪ ትቐርብ ዘላ ተኸታታሊት ፊልም "ማጨሎ" ሒዝዎ ብዘሎ ጠባይ ፊሊምናዮ ኣሎና፡ ሰናይ ምክትታል፥



**◆ ኣብ ማጨሎ ሒዝካዮ ዘለኻ ጠባይ ጆሲን ስዒድን ይመሳሰሉ'ዶ?**

ችድ ዋእ! ብፍጹም ኣይመሳሰሉን'ዮም። ካብቲ ዘየመሳስሎም ብዙሕ ነገራት ገለ ክዝርዝረልካ እኽእል'የ። ብቐሊሉ ጆሲ ብዓል ሓዳር'ዩ፡ ኣብ ሓዳሩ ጸገም ኣለዎ፡ ኣነ ሓዳር የብለይ፡ ጸገም የብለይ፤ ጆሲ ሃብታም ነጋዳይ እዩ፡ ኣነ ተዋሳኣይ እየ፤ ጆሲ ካብ ምኽርን ማዕዳን ኣዕናኺቱ ዝሃድም'ዩ፡ ኣነ ምኽሪ ኣዕናኺተይ ዝሰምዕ፡ ምስ ኣዕናኺተይ ጥቡቕ ዝምድና ዘሎኒ እየ፤ ጆሲ ንንእሽቶ ጌጋ ዘተዓባቢ እዩ፡ ኣነ ሽለል በሃላይ እየ፤ ጆሲ ሕልና ኣልቦን ፈታው ኑብሱን እዩ፡ ኣነ ኣብ ሓድሕዳዊ ምትሕልላይ እየ ዝኣምን። ጆሲ ካብ ሓቅታት እናተኸወለ ክነብር'ዩ ዝደሊ፡ ኣነ ከዊለዮ ክነብር ዝደሊ ሓቂ የብለይን። ጆሲ ዝደለዮ ክገብር ዘይስከፍ እዩ፡ ኣነ ኣመና ስኩፍ እየ . . . ኮታስ ጆስን ስዒድን ዘራኽብ የብሎምን። ጆሲ ከም ገጸባይርዩ ወይ ጠባይ ክዓይዮ ዝተወሃበኒ'ዩ። ከም ተዋሳኣይ መጠን ድማ ንዝተዋህበኒ ጠባይ መሲለዮ ክኸውን እትስፎ።

**◆ ስነጥበበኛታት ተሓመይቲ ኢኹም። በዚ ኣብ ማጨሎ ዘሎ ጠባይ ሰባት ክገልጹኻ ይፍትኑ'ዶ?**

እወ! ሓያለ በቲ ኣብታ ፊልም ሒዘዮ ዘለኹ ጠባይ ይገልጹኒ እዮም። ኣዴታት፡ ንኣሽቱ መንእሰያት ኣሕዋትና፡ ቈልዑ ከይተረፉ "ጆሲ ዕዋላ" እናበሉ ይጽውዕኒ'ዮም። ሕሉፍ ሓሊፎም ክሳዕ ዝፍኩሩለይ ሰባት ከማን ኣለዉ። ሰንበት ሰንበት ምስኦም ስለ ዘለኹ ንብዙሓት ሓቂ መሲልዎም ብእኡ ክገልጹኒ ይፍቱኑ'ዮም። ብወገነይ ዝፈጥረለይ ሕማቕ ስምዒት የለን። እኳ ደኣ በንጻሩ የሐጉሰኒ'ዩ። ንዝተዋህበኒ ጠባይ መሲለ እዋሳእ ስለዘለኹ።

**◆ ብፍሉይ ዘጋጠመካ እንታይ ኣሎ?**

ኣነ ብፍሉይ ዝገለጽ፡ ናይ'ተን ኣብ መንገዲ ደው ተኣኒነን ዝምዕዳኒ እዩ። ሓደርካ'ዩ ጽቡቕ። ናይ'ታ ቈልዓ ጸገም ንርእዮ ኣለና (ኣብ ፊለማ ዝነበረ ክፋላት ማለተ'ዩ)። ኣቦታትካ ርኢኻ ከይትኸውን፡ ቀደም ዝገበሩ ጌሮምና ንጸወሮም ኢና ኔርና። ሎሚ ከምኡ ኣይኮነን። ሓዳር ተጸዋዊርካ'ዩ ዝወደይ ይብላኒ። ድሓር ዝወለድክዋ ከም ዘላ ምስ ፈለጣ ድማ ንሽኻ ድኣ "ኣመለኛ" እንዲኻ ይብላኒ። ካብ ሙብዛሕትኦም መንእሰያት ይኹን ዓበይቲ ካብ ዝረኸብክዎ ማዕዳ፡ ኣዝዩ ዘሐጉሰኒ ድማ፡ "ዜርካ ዜርካ ናብ ሓዳርካ ኢኻ፡ ሓዳርካ'ዩ ክብረትካ" ትብል'ያ። ቈልዑ'ውን ኣይፈትውንን'ዮም። በዚ ኸኣ፡ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ሓዳር ዘለዎ ክብሪ ክሳዕ ክንደይ ምኳኑ ክትርዳእ ትኽእል። በዚ ኣጋጣሚ፡ መንእሰያት ንሓዳር ክብሪ ክህቡ፡ ኣብ ኪዳኖም ክጸንዑ እየ ከዘኻኽር ዝደሊ።

**◆ መሳርሕትኻ፡ ስኩፍ ምኳንካ'ዮም ዝገልጹኻ። ምስዚ ሒዝካዮ ኣብ ዘሎኻ ገጸባህሪ ዝወሃበካ ዘሎ ግብረመልሲ ኣረኣኢኻ ከመይ ተሳንዮ ኣሎኻ? ስክፍታን ስነጥበብን መካይዲ ስለዘይኮኑ።**

(ሰሓቕ) ልክዕ'ዩ። ንፉዓት ደረስት ዳይረክተራትን እዮም ዘለዉና። ብሕልፊ እዞም ሓደስቲ ክንድነቑ ዝግብኦም'ዮም። ምስ ብዙሓት ገዳይም ሰሪሐ'የ። ምስ'ዞም ሓደስቲ ምስራሕ ዝያዳ ባህታ ይፈጥረለይ። ምኽንያቱ፡ ኣከባቢሮም እዮም ንስራሕ ዝዕድሙኻ። ኣነ ድማ ከይተማታእኩ

እየ ዝቕበሎም። ክኣብዮም የሰክፈኒ'ዩ። ምጥላም ኣይፈቱኝየ፤ ምጥላም ይትረፍ ምድንጓይ ከማን ኣይፈቱን'የ። እንድዒ ደኣ ዳይረክተራት ዝብልዎ እምበር።

**◆ ስቕ ኢልካ ዝመጸካ ኢኻ ትሰርሕ?**

ኣይሕስወልካን እየ፡ ስራሕሲ እመርጽ'የ። ኣነ ዝብለካ ዘለኹ ንዝመጸኒ ስራሕ ብትዕቢት ወይ ስራሕ ብምብዛሕ ከባኹር ኣይፈቱን'የ ንምባል'የ። ብዝሰራሕክዎ ስራሕ ዝውሃበኒ ግበረ መልሲ ግን ኣየሰክፈንን'ዩ።

**◆ ናብዚ ሞያ ብኸመይ ዲኻ ኣቲኻ?**

ከም ናይ ሙብዛሕትኦም ኣተኣታትዋ'ዩ ዘለኒ። ኣነ ኣብ ቤት ትምህርቲ'የ ጀሚረዮ። ተማሃራይ ኣስሙድ ከለኹ መምህር ሚርያም ዝብሃላ ነይረን። "ክላስ ቲቸረይ" ነይረን። ኣብ መዕጸዊ ትምህርቲ ከዋስኣኒ ጀሚረን። ሓንቲ ዓመት ምስ ተዋሳእኩ፡ ካብቲ ቤት ትምህርቲ ክሳዕ ዝወጽእ ዓመት ዓመት ይዋሳእ ነይረ። በዚ'የ ጀሚረዮ ዝብል ኣነ። ኣብ ገዛ ይኹን ኣብ ካልእ ዝኾነ ጡብላሕታ ነይርኒ ኽብል ኣይክእልን'የ። ምኽንያቱ ካብ ገዛና ኣነ'የ ፍልይ ዝበልኩ። ምስ'ዚ ናተይ ዝተኣሳሰር ሞያ ዘለዎ የለን።

**◆ መምህርካ ከም ተዋስኣይ ክሓርያኻ ዝገበረን እንታይ'ዩ ነይሩ? ከመይ ዓይነት ቈልዓ ዲኻ ነይርካ?**

ቀኣልዕነተይ ክዝክሮ ከለኹ፡ ክልተ ኣንጻር ባህሪ'ዩ ነይሩኒ። ኣብ ገዛ ዘይዛረብ፡ ስቕ በሃሊ ቈልዓ። ኣብ ክፍሊ ድማ ብኣንጻሩ ውዕይ ቈልዓ ነይረ። ረባሺ'የ ነይረ። ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ንመምህር ሚርያም ረኺበየን ነይረ። መቐረት ዘለዎ ዋዒ'ዩ ነይርካ ኢለናኒ። ቀኣሉብ ኣቢልካ ናይ ምድጋም ክእለት'ውን ነይርኒ'ዩ። ናይ ባህሊ ጠርናፊት ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ንሰን ስለ ዝነበራ፡ ንገዛ ከፍቅዳለይ ምስ ከዳ፡ ገዛና ከመይ ኢሉ ክሰርሓልኪ ኢሎም ተገሪሞምዮም። ብድሕሪኡ ገዛና ምስ ኣፍቀዱለይ፡ ብኣ ጌሩ ኣትያትኒ እታ ሞያ።

**◆ ትምህርትኻ'ኸ?**

ትምህርቲ ንፉዕ'የ ነይረ። ንናይ ድራማ ዕዮ ውሕስነተይ ትምህርቲ'ዩ ነይሩ። ትምህርተይ እንተዘይሓሚቐ እቲ ዕዮ ክቕጽሎ ምኸኣለይ ተነጊሩኒ'ዩ። እታ ድሌተይ ክረኽባ እታ ገዛና ዝደለይዋ (ንዓይ ጥቕሚ'ዩ) ከማልእ ኣለኒ። ኣነ ድማ ብጥንቓቐ ትምህርተይ ብምሓዝ ጐኒ ጐኒ ናይ ድራማ ዕዮ ምስታፍ ቀጺለዮ።

**◆ ብድሕሪኡ ከመይ ቀጺልካ?**

ካብ መባእታ ናብ ማእከላይ ደረጃ ምስ ሰገርኩ፡ ሃማመተኤ ኣብ ቤት ትምህርቲ ይምዝግቡ ስለ ዝነበሩ ተመዝጊበ። ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ቦታ ሂቦምና። ብዙሕ ስልጠናታት ነይሩ። ኣነ ድራማን ፓፕትን መሪጸ። ብሃማመተኤ ዝውሃብ ዝነበረ ተደጋጋሚ ስልጠናታት ወሲደ። ፓፕት ከምዚ ትርእዮ ዘለኻ ኣብ ሃገርና ከምቲ ዝድለ ኣይቀጸለን። እታ ድራማ ሒዘ ቐጺለ።

**◆ ብዙሕ ስልጠናታት እዩ ነይሩ። ኣብ ኣኸርያ ድማ ስፖርት ቀዳማይ ተመራጺ ከም ዝነበረ እዩ ዝዝከር። ንስኻ ስለምንታይ ንድራማ መሪጽካ?**

ይገርመካ'ዩ። ገዛና ዳርጋ ብምልኦም ስፖርታውያን እዮም። ቦኽሪ ሓወይ ሰሚር ኣንዋር ናይ በዓል ዳህላክ ተጻወታይ ኩዕሶ'ዩ ነይሩ፡ ምንኣሱ የሱፍ ኣንዋር ተቐዳደማይ ብሽክለታ'ዩ፡ሳልሕ ኣንዋር ተጻዋታይ ኩዕሶ'ዩ፡ እቲ ራብዓይ ሓወይ ታፓሴራ'ዩ። ኣነ ከመይ ኢለ መሪጸዮ ንዓይ'ውን ትገርመኒ'ያ። ኣብ ገዛውትና'ውን ብዙሓት ኣለዉ። ሓቂ ምዝራብ ኣብ ኣኸርያ ብዙሓት ስነጥበበኛታት ፈርዮምዮም። ናታቶም ድፊኢት'ዩ ኣእትዩኒ ክብለካ ኣይክእልን'የ። ግን እንድዒ ብምንታይ ከም ዝመረጽክዎ እዚ ክብለካ ኣይክእልን'የ። ኣብቲ መጀመርታ ዝሕግዘኒ ከም ስዉእ ዑመር መሓመድብርሃን ኢታኒ፡ ኣልኣሚን ዓሊሙዝ ስለ ዝረኸብኩ ክኸውን ይኽእል'ዩ።

**◆ ጉዕዞኻ ከመይ ቀጺሉ?**

ኣኸርያ ጥዑም'ዩ። ተኸባቢርካ ኢኻ ትኸይድ። ኣብቲ ግዜ ናይ መድረኽ ድራማታት'ዩ ነይሩ። ሲኔማ ኸይድካ ምርኣይ ካብቲ ዝፈትዎ'ዩ ነይሩ። ንስነ-ጥበባዊ ኣልኣሚን ዓሊሙዝ ወዲ ገዛውትና ስለ ዝነበረ ክኸይድ ከሎ ውሰድኒ ይብሎ ነይረ። ኣብ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ሃማመተኤ ድማ ማሕበር ትያትር ናይስ መስሪትና። ብኣሕመዲን (ወዲሓዝሓዝ) ዝተደርሰት ላንጋላንጋ ትብል ናይ መድረኽ ድራማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ ኣርኢና'ያ። ሽዑ ወዲ ገዛውትና ዝነበረ ስዉእ ዑመር መሓመድብርሃን ኢታኒ ዓዲሙዎ። ንሱ ናይ መድረኽ ድራማታት ይደርስ ስለዝነበረ ክርእየኒ ኢለየ ዓዲሙዎ። ፊልምታት ይተኣታቶ ስለ ዝነበረ ንስዉእ ዑመር መሓመድብርሃን ከዋስኣኒ ደጋጊሙ ሓቲተዮ። ብድሕርዚ ንሱ ኣብ ዝደረሳ፡ ኣልኣሚን ዓሊሙዝ ኣብ ዝኣለያ ፊልም "ነውጺ" ተዋሲአ። ብሃማመተኤ ዝካየድ ዝነበረ ኣብ ፈስቲቫላት ዝቐርብ ዝነበረ ናይ መድረኽ ድራማታት'ውን እሰርሕ ነይረ'የ።



**◆ እዚ ናይ መድረኽ ስርሓት ኣብ ፊልም እንታይ ሓገዝ ጌሩልካ?**

ካብ መጠን ንላዕሊ ሓገዝ ጌሩለይ። ናይ መድረኽ ድራማ ምስራሕ ማለት ኑብስኻ ምጽራብ ማለት'ዩ። እቲ ዓቕምኻ እትመዝነሉ ናይ መድረኽ ድራማ'ዩ። መድረኽ ምስ ተዓዛቢ ፊተፊት ትገጥመሉ'ዩ። ቢቃ ኣብ መድረኽ ንስኻን ስሬኻን ኢኻ። ፊልምን መድረኽን ክተወዳድሮም ከለኻ፡ መድረኽ ይኸብድ። በቲ ዝኸበደ ሓሊፍካ ናብ ፊልም ክትመጽእ ከለኻ ብዙሕ ጥቕሚ ኢኻ ትረኽበሉ።

**◆ ስድራኻኸ እንታይ በሉ?**

ካብ መጀመርታ ንጥፈታት፡ ኣባላት ሃማመተኤ ይርእዩኒ ነይሮምዮም። ምስ ዑመር ክኣቱን ክወጽእን ክዕዘቡ ከለዉ ኣንፈተይ ናበይ ምኳኑ ተረዲእዎምዮ። ፊልም ነውጺ ኣብ ሲነማ ክትረአ ኸላ

ንንእሽቶ ሓወይ ሒዘዮ ኸይደ። ክሳዕ ሕጂ ዘይርስዖ ዝበለኒ "ክኢልካዮ!?" ኢሉኒ ምስ ብዙሕ ኣድናቖት ማለትዩ።

**◆ ናብ ህዝቢ ምስ ቀረብካ ተፈላጥነት፡ ህቡብነት ይመጽእዩ፡ ከመይ ተቐቢልካዮ?**

ናይ መድረኽ ምስ ሰራሕኩ ተፈላጥነት መጺኡዩ። "መሰንክር ፈራዳይ" ምስ ሰራሕኩ፡ ኣብ ሲነማ ኣዝማሪ ተራእየ። ዝሰራሕክዋ ፊልም ምስ ወጸትውን እቲ ተፈላጥነት መጺኡ። ካብ ገዛውትኻ ጀሚሩ 'ጽቡቕ ስራሕ' ክብለካ ኸሎ ወይ እናሓለፍካ ሰባት 'እዚ ተዋስኣይ' እናበሉ ክዕሉልካ፡ ዘሎ ስምዒት እዚ ኽብለካ ኣይክእልንየ። ንስኻ ዓቕሚ ኣለኒ ድዩ የብለይን ኢልካ ንኩብሸኻ እናሓተትካያ ከለኻ፡ እቲ ናተይ እትብሎ ህዝቢ ንዓኻ ግዜ ሂቡ ብዛዕባኻ ክዕልል ክትሰምዖ ከለኻ፡ ካብዚ ዝዓቢ ጸጋ የለን። ኣዝዩ እዩ ዘሓብነካ።

**◆ ዝና እንታይ ጽልዋ ኣምጺእልካ ኣብ ህይወትካ?**

ንዓይ ከፍርሓኒ ጀሚሩ። ማዕረ ኽንደይ ክሕይል ከም ዘለኒ ከዘክርኒ ጀሚሩ። "ዓወት ካብ ምምጻኡ ምዕቃቡ ይኸብድ" ከም ዝብሃል፡ ነታ ንእሽተይ ዝተፈለጥክዋ ክዕቅባን ክውስኽላን ከምዘለኒ ተረዲኡኒ። "ነይሩ፡ ጠፊኡ" ክትከብድ መዓትያ። "ኣሎ" ግን ጥዕምቲያ። ክትህሉ ’ተኺንካ ድማ ሓይለ ክሰርሕ ከም ዘለኒ፡ ምስ ዓበይቲ ስነ-ጥበበኛታት ክላለን ክፋለጥን ከም ዘለኒ ሓለፍነት ኣሰኪሙኒ። ክፍጽሞም ዘለኒ ነገራት ክህልወኒ ዘለዎ ድስፕሊን ክሓስበሉ ጀሚረ።

**◆ ሕራይ ስዒድ ካብ ናይ መድረኽ ናብ ፊልም ኢኻ ቀጺልካ። እንታይ ይመስል ነይሩ?**

"ነውጺ" ዓቢ ባይታ'ያ ፈጢራትለይ። ምስ ብዙሓት ስነጥበበኛታት ክላለ፡ ዕዮ ፊልም ከመይ ከም ዝስራሕ ክፈልጥ ኣኽኢላትኒ። ምስ በዓል ዳኒኤል (ዲኣር) ሽዑ'የ ተላለየ። ንሳቶም ድማ ከይበቐቑ ፍልጠቶም ኣካፊሎምኒ። በዚ ድማ ኣማኑኤል ዝደረሳ ዑመር ዝኣለያ "ሰሪ" ኣብ ትብል ፊልም ተዋሲአ። ቀጺለ ኣብ ናይ ፈረጃ "ንብዓት ውሽጢ" ዘርእስታ ሰሪሐ። ነቲ ሜዳ ናይ ስነጥበብ ጽቡቕ ጌረ ምስ ተላለኽዎ፡ ኣብ ብርክት ዝበለ ዕዮታት ተዋሲአ።

**◆ ቀጻሊ**

ብድሕርዚ ኣብ 2006 ምስ ኣባላት 19 ዙርያ ሃገራዊ ግቡኣይ ክፍጽም ናብ ክሴማ ታዕሊም ክወስድ ወሪደ። ድሕሪ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ታዕሊም ምውሳደይ ናብ እዚ ምዕራብ ተመዲበ። ኣብኡ ድማ ኣባል ተሃድሶ እዚ ምዕራብ ብምዃን ኣገልግሎተይ ክፍጽም ጀሚረ። ብዘለኒ ሞያ ክሰርሕ ምስ ሓተትኩ ድማ ኣብ 2012 ናብ ጉጅለ ባህሊ "ኣውላ" ናይ እዚ ምዕራብ ተሳሒበ።

**◆ ኣብ ጉጅለ ኣውላ እንታይ እዩ ስራሕካ?**

ኣብ ናይ ድራማ ኾይኑ፡ ተዋስኣይ'የ። ከምኡ'ውን ካልኣይ ጠርናፊ ናይ ጉጅለ ባህሊ ኣውላ 'የ።

**◆ ምስ'ታ ጉጅለ ካብ ዝገበርካዮ ስርሓት …**

ምስ ጉጅለ ባህሊ ኣውላ እዚ ምዕራብ ብዙሕ ስርሓት ሰሪሕና ኢና። መመረቕታ ተዓለምቲ፡ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሳዋ ንዘለዉ ተዓለምቲ፡ ምሉእ ጋሽ ባርካ ድራማታት፡ ደርፍታት ብምድላው ምርኢት ኣርኢና። ሕጅ'ውን ዝተፈላለየ ምርኢታት ንምርኣይ መደብ ሒዝና ኣለና። ከምኡ'ውን ጉጅልና ዘቕረቦቶ ደርፍታት ብቪድዮ ክሊፕ ናብ ህዝቢ ንምቕራብ ምድላዋት ጌርና ኣለና። ምስ ጉጅለ ባህሊ ኣውላ እናንጠፍኩ፡ ጐኒ ጐኒ ድማ ብርክት ዝበለ ፊልምታትን ኣብ ተለቪዥን ዝቐረቡ ተኸታተልቲ ፊልምታት ዓየን ኣብ ምዕያይ እረኲብ ኣለኹን።

**◆ ክንደይ ፊልምታት ሰሪሕካ ኣለኻ ብጠቕላላ?**

ኣብ ከባቢ 50 ዝኸውን ፊልምታት ሰሪሐ ኣለኹ።

**◆ ዝያዳ ከሲብላ ወይ ተማሂረላ ትብላ ወይ ትፈትዋ ፊልም ኣየነይቲያ?**

ሓፈሻዊ ዝሰራሕክወን ፊልምታት ንዓይ ኣኽሲበናኒ'የን። ዝፈትወን ፊልምታት ብዙሓት'የን። ገለ ካብ'ተን ከሲበለን ዝብለን ንምጥቃስ ጉራማይለ፡ ኣፍሮ እየን። በዚ ኣጋጣሚ ንደራስን ዳይረክተርን ፊልም ኣፍሮ ኣወል ስዒድ ከመስግኖ እፈቱ። ብዝያዳ ፍሉይ ነገር ዝገበረትለይ ከኣ ፊልም "ማጨሎ" እያ። ከምቲ ቀዲመ ዝገለጽኩልካ፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ኣንጎሎ ህዝቢ ደው ኣቢሉ ብዛዕባ "ጆሲ" ክዛረብ ክሰምዕ ከለኹ ኣዝየ እሕጎስ። ደራሲኣ ደበሳይ ወልዱ ዳይረክተራ ማሕታ ብሓፈሻ ኩሎም ኣባላት ማጨሎ ፍቕሪ'የም። ፊልም ማጨሎ ኣብ ናይ ስነ-ጥበብ ጉዕዞይ ዓቢ ጽልዋን ባይታን ዝፈጠረትለይ ፊልም'ያ።

**◆ ብምስራሕካ ትጠዓሰላኸ?**

ኣነ ብምስርሐይ ዝጠዓሰላ ፊልም የብለይን። ኩለን ዝሰራሕክወን ይፈትወንየ። እዘን ዝዘርዘርክወን ገለ ንምጥቃስ'የ እምበር ኩለን እፈትወንየ።

**◆ ዘይሰራሕካያ ግን ከኣ ክትሰርሓ ዝተመነኻያ ወይ ብኻ ኣነ ነይረ ትብላ ፊልም ኣላ'ዶ?**

እዋእ! ሓሲበላ ኣይፈልጥንየ። እንድዒ ተላ ግን ደዊለ ክነግረካ ክፍትንየ።

**◆ ከመይ ዓይነት ጠባይ ሒዝካ ክትዋሳእ ትደሊ?**

ስርሒይ ምውሳእ'ዩ። ኣነ ዝመርጾ ጠባይ የብለይን። ዝተዋህበኒ ክሰርሕ ድሉው'የ። እቲ ሕቶ ናይ ምብቃዕ'ዩ። ንዝተዋህበኒ ጠባይ ብልክዕ ይበቕዖዶ ኣይበቕዖንየ ዝብል ጥራይ'ዩ።





**◆ ንምንታይ እየ ሓቲተካ ስዒድ፡ ተጻይ (ኣንታጎኒስት) ኰይኑ ክዓይይ ከሎ ኣዝዩ ብቑዕዩ ስለ ዝሰማዕኩ'የ። እንታይ ይመስለካ?**

ኣነ ካብዚ ኹሉ ዝተዋሃበኒ መሪጸ ኣይፈልጥን'የ። ሓደ ዳይረክተር በቲ ዝፈልጠካ ክሰርሓካ ይደሊ'ዩ። ኣንታጉኒስት ኰይንካ ክትሰርሕ ከለኻ ሰብ ይጸልኣካ'ዩ። ኣነ እሕጉስ'የ። ብ'ኻልእ ወገን ኰይነ ክፍትን እደሊ'የ። ግን ከም ተዋስኣይ ንዝተዋህበኒ ጠባይ ክሰርሕ ድሉው'የ።

**◆ ብዙሕ ፊልም ኢ'ኻ ሰሪሕካ ካብ ፊልም እንታይ ከሲብካ?**

ፊልም ምስርሐይ ሕልመይ ጋህዲ ክገብር ኪኢሉ። ፊልም ክሰርሕ ልዑል ህንጡየነት ነይረኒ፡ ክሰርሕ ብምኽኣለይ ድማ እዚ እቲ ሓደ ዝረኸብክዎ'ዩ። ካልኣይ ብዙሓት ኣሕዋትን ኣሓትን ረኺበ። በዓቢኡ ድማ ኣብ ውሽጥን ወጻእ ምስ ዝነብር ክቡር ህዝበይ ክላለ ኪኢሉ። እዚ እቲ ዝዓበየ መኽሰበይ'ዩ።

**◆ ኣታዊ'ኸ?**

ኣነ ጥራይ ዘይኰንኩ፡ ብሓፈሻ ኩልና ኣብ ስነ-ጥበብ ሃገርና እንሰርሕ ዘለና ፍቕሪ'ዩ ኣታዊና። ፍቕሪ ተኸፊልና ኢና እንሰርሕ። ብገንዘብ ዝልካዕ ኣታዊ ዳርጋ የብልናን ክብሃል ይከኣል። ብሓፈሻ ፍቕሪ እቲ ሞያ፡ ፍቕሪ ሕድሕድና እዩ ዘስርሓና። ቢቃ ፍቕሪ'ዩ ኣታዊና። ማለትሲ፡ ሰሪሕካ ከተዋህልል ግቡእ እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ልዕሊ 50 ፊልምታት ተዋሲአ ይብዛሕ ይውሓድ ኣብ ባንኪ ክንድ'ዚ ኣዋህሊለ ክብለሉ ዝኽእል እንተደኣ ዘይሃልዩ፡ ኣታዊ ኣለዎ ክትብል ኣጸጋሚ እዩ። ነቲ መዓልታዊ ወጻኢታትካ ክሸፍነልካ እውን ንጋዳ እዩ።

**◆ ንመንእሰያት ተመሓላልፎ መልእኽቲ**

መንእሰያት ካባይ ምኽሪ ዝደልዩ ኮይኑ ኣይስመዓንን። ብዘይቀለዓለም ኣነየ ካብኦም ክወስድ ዝደሊ። ኣነ ኩሉ ግዜ ተማሃራይ ኰይነ ክነብር'የ ዝደሊ። በዛ ዘላትኒ ዓቕሚ ሓሳበይ ክህብ ‘ተኾይነ፡ ግን መንእሰይ ካብ መንእሰይ እዩ ዝወስድ'ሞ፡ ዓቢ ንእሽተይ ከይበልና ካብ ኩሉ ጽቡቕ ነገር ክንርከብ ከም ዝኽእል ክንግንዘብ እደሊ። ኣነ ካብ'ቲ ድሌተይ ንእሽተይ ነገር ረኺበ'የ። ድሌትካ ክዉን ክ'ኸውን ድስ'ፐሊን፡ ኣድህቦ፡ ግዜን ዓቕልን እንተ ሂብካሉ ክብጻሕ ይኽእል'ዩ ክብሎ እፈቱ።

***

❈ ሕራይ ስዒድ፡ ብወገነይ ዘዳለኽዎ ሕቶታት ወዲአ'ለኹ። ካብዚ ብምቕጻል፡ መሳርሕትኻ ገለ ሕቶታት ከቕርቡልካ ዓዲመ ኣለኹ።

ደራስን ዳይረክተር ዳኒኤል (DRSweetJ)

***◆ ኣነ ክፈልጠካ ከለኹ ስጋ ዝወሓዶ ኑብሲ ትውንን ኔርካ። ሎሚ ግን በንጻሩ። ኣብ ምያ'ኻ'ኸ ክሳዕ ክንድኡ ለውጢ ጌሩ'ዶ ትብል? ካብቲ ዝነበርካዮ ማለት'ዩ?***

ያ ዲኣር ሓወይ ኣይተጋንን፡ ክንድ'ቲ'ኳ ቀጢን ዘይነበርኩ። ኖርማል ነይረ እየ ዝብል ኣነስ። ፊልም ክሰርሕ ከለኹ ካብ መጀመርታ ትርእየኒ ስለዝነበርካ፡ ካብቲ ዝነበርክዎ፡ ክንዲ ምንታይ እየ ወሲኸ፡ናባ'ኻ'የ ዝገድፎ። የቐንየለይ ከኣ!

ደራስን ዳይረክተርን ኣልኣሚን ዓሊሙዝ

**◆ ተዋስኦ ብንእሽተ'ኻ ኢ'ኻ ጀሚርካዮ። ተዋሳኣይ እንተዘይት'ኸውን ኔርካስ፡ እንታይ ምኾንካ?**

ኣሌ! ንስኻ ሓደ ካብ'ቶም ኣብዚ ሞያ ክህሉ ብዙሕ ነገር ዝገበርካ ኢ'ኻ። ስለቲ ዝገበርካለይ ድማ ብልቢ ከመስግነካ እፈቱ። ናብ ሕቶ'ኻ ክመጽእ፡ ተዋሳኣይ ተዘይት'ኸውን እንታይ ምኾንካ? እንድዒ። ኣላህ ወ ዓለም። ግን ካብኡ ናብኡ ዶ ስፖርት ምፈተንኩ? ኣሕዋተይ ስፖርተኛታት ስለዝኾኑ፡ ኣነውን ስፖርታዊ ምኾንኩዶ እብል'የ። ኣነውን ንኑብሰይ እዛ ሕቶ እሓታ'የ።

**ደራስን ዳይረክተር ዳኒኤል ጠዓመ**

◆ ኣብ ኩሉ ጉዕዞ'ኻ ዓወት እምነየልካ። ቀጺለ ኣብ ሃገርና ካብ ዘለዉ ተዋሳእቲ ሓደ ተድንቖን ተኽብሮን መን'ዩ?

ካባ'ኻ ጀሚሩ ኣብ ስነ-ጥበብ ዘለኹም ንኹልኹም የኽብረኩምን የድንቐኩምን እፈትወኩምን እየ። ሓደ ፈልየ ዝጠቕሶ የብለይን። ኩሉኹም ኣሕዋተይ ብልቢ ዘድንቐኩም ኢ'ኹም። ስለዚ ንብምልእኩም ኢለ ክምልስ እፈቱ።

**ተዋሳኢት ሲዶን ረድኢ**

◆ ኣፍቃሪ ኰይንኳ ዶ ክትሰርሕ ትፈቱ ወይስ ተፈቃሪ?

ኣቐዲመ መሊሰዮ ጸኒሐ እየ ሲዶን ኑብሲ። ኣነ ዝተዋህበኒ ገጸባህሪ ሒዘ ክሰርሕ'የ ዝፈቱ። ዝመርጾ የብለይን። ዝተዋህበኒ ጠባይ ክላበስ ድሉው እየ።

**◆ እሞ ስዒድ ስለ ግዜ'ኻ የመስግነካ ሕቶታተይ ወዲአ ኣለኹ፡ ኣብ መወዳእታ ትብሉ ተሎ ዕድል ክህበካ፥**

ኣቐንየለይ። ነዚ ዘሎ ኩነታት ኮሮና ክንሓልፎ፡ ምጽውዋርን ጽንዓትን ናትና እንድዩ፡ ከም ቀደምና ኾይና ሕድሕድ እናተደጋገፍና ክንሓልፎ እጽውዕ። ሓላፊ ኣዛዚ ምብራቓዊ ግንባር ብ/ጀነራል ተኽለ ክፍላይ፡ ንሓለፍተይ ኣዘዝቲ ምዕራባዊ ግንባር ብ/ጀነራል ስምኦን ዑቕብ፡ ሓለቓ ስታፍ ብ/ጀነራል ጸሃየ መኰንን፡ ወኪል ቤት ጽሕፈት ምዕራባዊ ግንባር ኣሸብር ኣብርሃ፡ ሌ/ኰሎኔል ክብሮም ኣብርሃም፡ ተለንተ ዳኒኤል የሴፍ፡ ኢሳቕ ገረዝግሄር ወዘተ ኣብ ስርሐይ ብዘይ ስክፍታ፡ ብምሉእ ድሌትን ብቕዓትን ክሰርሕ ልዑል ደገፍ ገይሮምለይ ስለዝኾኑ ብልቢ ኣመስግን። ንኹሎም ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ኣውላ እዚ ምዕራብ ኣመስግን።

# “ንሞያይ ብልክዕ ዝረዳኣለይ በዓልቤት ክረክብ`ዩ ነይሩ ሕልመይ”

## ኣርቲስት ኤደን ቴድሮስ

**መለስ ንጉስ**



ኤደን ቴድሮስ (ኣይዳ) ኣብ 1993 ኣብ ኣስመራ ተወሊዳ፡ ማይተመናይ ዓብያ። ናይ መባእታ ትምህርታ ኣብ ሰለሙና ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ናይ ካልኣይ ደረጃ ኸኣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣስመራ ሓፈሻዊ ተማሂራ። ኣብ 2010 ጉዳይ ሃገራዊ ኣገልግሎታ ንምፍጻም 24 ዙር ንሳዋ ወሪዳ።

ኤደን ሓንቲ ካብ`ተን ሃበርም ደቀስትዮና ኣርቲስት ኮይና፡ ኣብ ጉዳይ ቅብኣ ኣዝዩ ፍልይ ዝበለ ክእለት ዘለዋ እያ። ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ዝተገብሩ ንቅብኣ ዝምልከቱ ውድድራት ብምዕዋት ክእለታ ዘመስከረት እያ። ኣብ ሃገራዊ ካርኒቫል መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ካብ ዝሳተፉ ስነጥበበኛታት ቀባእትን ቀረጽትን ንኡስ ዞባ ወኪሎም ስነጥበባዊ ክእለቶም ካብ ዘንጸባርቑ ኣርቲስት እታ እንኮ ጓል ኣንስተይቲ ተወዳዳሪትን ክእለታ ዘርኣየትን ሃብሮም ስነጥበበኛ እያ። ምስኣ ዝተገብረ ዕላል ይስዕብ፦

**◆ ስነጥበብ መዓስ ኢኺ ጀሚርክዮ? መጀመርታ ዝጸለወኪ ወይ ዝደፍኣኪ መን እዩ?**

= ኣርት ካብ ህጻነይ እንከለኹ ዘለለኽዎ ሞያይ እዩ። ወረቐትን ርሳስን ሒዘ ክስእል እውዕል ኔረ። ኣብ ኣካዳሚ ትምህርቲ ብዙሕ ግድስቲ ኣይነበርኩን። ኣብ 2004 ተመሃሪት መባእታ 5ይ ክፍሊ እንከለኹ ኣብ`ቲ ቤት ትምህርቲ ብዩኒሴፍ ዝምወል ስልጠና ናይ ቅብኣ ብመምህር ይርግኣለም እትብሃል ናይ ስእሊ ትምህርቲ ኔሩ። ሓደ ግዜ እንታይ እዩ ዘሎ ኢለ ክርኢ ምስከድኩ ተመሃሮ ስእሊ ክምሃሩ ምስ ተዓዘብኩ ተጸንቢረዮም። እታ መምህር ኣዝያ ንፍዕቲ እያ ኔራ። ካብ ካንቫስ ክትቀብእ ምስ ረኣኽዋ ኣዝየ ቀናእኩ። ናብ’ቲ ናይ ኣርት ክላስ ክትኣቱ ብsketch ኢኻ ክእለትካ ተርኢ ዝነበረም፡ ኣነ ድማ መታን ከይትተርፈኒ ኢለ ጸቒጠ ሲኢለ ሒዘላ ከድኩ። እቲ ድሌተይ ርእያ ድማ ኣእትያትኒ። እዚኣ ዘይርስዓ ናይ መጀመርታይ ምስ ኣርት ዝተላለኹላ ግዜ ኔራ።

**◆ ብድሕሪኡ ዝወሰድክዮም ኮርሳት እንተለዉ?**

= ኣብ ሃማመተኤ ኣባል ስለዝነበርኩ በቲ ማሕበር ዝውሃብ ኮርሳት ዳርጋ ኩሉ ወሲደዮ እየ። ምስ ሞያይ ብዝትኣሳሰር ካልእ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምራራ ናይ ክልተ ለቨል ኮርሳት ኣርት ወሲደ። ናይ ኮምፒተር ስልጠና ድማ ኣብ ሽባብ ኢንተርነት ካፈ ወሲደ።

**◆ ክሳብ ሕጂ ዘበርከትክዮ ዕዮ እንታይ ይመስል?**

= ክሳብ ሕጂ ዘበርከትክዎ እንተሃልዩ፡ ኣብ 2009 ኣብ ቤት ትምህርቲ ማእከላይ ደረጃ ዋርሳይ ማሕበር ናይ ኣርት መስሪተ ተመሃሮ ብናጻ ይምህር ኔረ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣስመራ ሓፈሻዊ ክለብ ኣርት ብሃማመተኤ ዝጥርነፍ ተመሃሮ ይምህር ኔረ። ኣብ 2010 ሳዋ ኣብ ዝነበርክሉ ንስዉኣት እትገልጽ ቅርጻ ሓሳብ ብምምጻእ ተሓጋገዝቲ ኣምጺአ ሓንቲ ሓወልቲ ሰሪሐ። “ንመጀመርታ ግዜ ብደቂ ኣንስትዮ ዝተሰርሐት” ተባሂላ ድማ ፍሉይ ሰርትፊከት ተሰሪሕለይ። ኣብ 2011 ካብ ሳዋ ምስተመለስኩ (The Longest Painting) ትስርሓሉ ኣብ ዝነበረት ተሳቲፈ። ኣብ ፌስቲቫል ሳዋ ድማ ቅዲ ሑጻ ወይ ኣዳራሽ ዞባ ማእከል ዝውክል ስርሓት ንሓሙሽተ ግዜ ወሪደ ኣለኹ።



**◆ ኤግዚቪሽን ኣቕሪብኪ ትፈልጢ ዶ?**

= ኣብ 2010 ምስ ጉጅለ ኮይነ ኣብ ኣርት ጋለሪ ኣቕሪበ። ብድሕሪኡ ኣብ 2014 ምስ ካልኣይተይ ኮይነ ነብሰይ ክኢለ ኣብ ጋለሪ

ኤግዚብሽን ኣቕሪበ። ግብረ መልሲ ናይ ተዓዘብቲ እውን ንቐጻሊ ክብርትዕን ክሰርሕን ዘተባብዕ ብምንባሩ ሞራለይ ሓፍ ኢሉ። ክሳብ ሕጂ ድማ ብሞራል እሰርሕ ኣለኹ። ኤግዚብሽን ክገብር ድማ ኣብ መደብ ኣለኹ።

**◆ ኣብ ካርኒቫል ናጽነት ንኽንደይ እዋን ተሳቲፍኪ? እንታይ ስርሓት ኣቕሪብኪ?**

= ኣብ ካርኒቫል ናጽነት ንትሸዓተ ዓመታት ኣኪታቲለ ተሳቲፈ። ኣብ 2010 ምስ ምምሕዳር ማእከል ከተማ፡ ኣብ 2012 ምስ ምምሕዳር ዕዲጋ ሓሙስ፡ ኣብ 2013 እንደገና ምስ ምምሕዳር ዕዲጋ ሓሙስ፡ ኣብ 2014 ምስ ምምሕዳር ጎዳይፍ፡ ኣብ 2015 ምስ ሃማደኤ ኮንትራት ባዕለይ ብምሓዝ ምስ ካልኣይተይ ርብዒ ዘመን ኣብ መኸተን ልምዓትን ኣብ ዝብል ቴማ ሰሪሐ። ኣብ 2016 እውን ኮንትራት ብምውሳድ ምስ ምምሕዳር ሰምበል ሰሪሐ። 2017 ምስ ምምሕዳር ጎዳይፍ "ብርሃን ንደርማስ ምዕባለ" ኣብ ዝብል ቴማ ኩንትራት ወሲደ ሰሪሐ። ኣብ 2018 ምስ ምምሕዳር ፐራዲዞ ራእዩ ብዕዮ ኣብ ዝብል ቴማ ንኽፍሊ ፍትሒ ዝውክል ቅብኣን 4 ቅርጻን ሰሪሐ። ኣብ 2019 ድማ ምስ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ፐራዲዞ እንደገና ዘመነ ሰላምን መኸተን ኣብ ዝብል ቴማ ሰሪሐ ኣለኹ።

**◆ ኣብ ካርኒቫል ናጽነት ዝካየድ ስራሓት ድኻሙን ሞያዊ እጃሙን ኣመልኪትኪ እንታይ ክትብሊ ትኽእሊ? እቲ ስራሕክን ትኽፈልዎ ዋጋን ይመጣጠንዶ?**

= ናይ ካርኒቫል ስራሕ ዋላኳ ድኻም ዘለዎ ይኹን ኣብ ምዕባይ ሞያኻን ምስ ሰባት ናይ ምልላይን ዕድላት ስለዝኸፍት ትፈትዎ ኢኻ።



ምኽንያቱ ካርኒቫል እናዘናጋዕካ ትምህረሉን ታሪኽ ተመሓላልፈሉን፡ ንሞያኻ ብልብኻ ትገልየሉ ባይታ ስለዝኾነ ዓመት መጺ ዓበይቲ ሓደስቲ ሰባት ታሪኻት ከምኡ እውን ምህዞታት ትርእየሉ መድረኽ እዩ። ኣነ ካርኒቫል ካብ'ቲ ንኽሰርሖ ኣዝዩ ባህ ዝብለኒ ስራሕ ብምዃኑ፡ የስተማቕሮ እየ። ብዛዕባ እንኽፈሎ ዋጋ ብልክዕ ናይ'ቲ ሞያ ዋጋ ዝመጣጠን ኣይኮነን እምበር፡ ናይ ናጽነት ባይታ ብምዃኑ እፈትዎ እየ።

**◆ ኣብ ሞያ ኣርት ዝተዓወትክሉ ውድድር ኣሎዶ?**

= ዝተዓወትክሉ ውድድር ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ገለ ካብ'ቲ ዝዝክሮ ኣብ 2005 ናይ ምርኢት መጻሕፍቲ ዝነበረ ውድድር 2ይቲ ኮይነ ተዓዊተ። ኣብ 2007 ማእከላይ ደረጃ ከለኹ እውን ኣብቲ ትምህርቲ 1ይቲ ተዓዋቲት ናይ ኣርት ኮይነ። ብደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ እውን ውድድር ተኻይዱ ኔሩ፡ 1ቲ ኮይነ ተዓዊተ። ኣብ መዓስከር ሳዋ ቅነ መንእሰያት ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ነቲ ዝነበረ ኩነታት እገዳ እትገልጽ ጽብቕቲ ቅብኣ ኣቕሪበ 1ይቲ ኮይነ ተዓዊተ። ኣብ 2018 ንኣበርክቶ ደቂ ኣነስትዮ ኣብ ውሽጢ ርብዒ ዘመን ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ምስ ሃማደኤ ተሳቲፈ 1ይቲ ብምዕዋት ናይ ገንዘብ ሽልማት ወሲደ። ኣብ ፈስቲቫል ኤርትራ 2019 ብቕብኣ ተወዳዲረ 2ይቲ ዕውትቲ ኾይነ ተሸሊመ። ኣብ ዝናር ጥበባት ማእከል ዝብል ውድድር ቅብኣ እውን ክልተ ግዜ ተዓዊተለኹ።

**◆ ዝያዳ ካብ ስርሓትኪ ደስ ትብለኪ ውጽኢት ስነ-ጥበብ ኣየነይቲ እያ? ስለምንታይ?**

= ካብ ስርሓተይ ደስ ትብለኒ ቅብኣ



Deep Thinking ዘርእስታ ስራሕ ኣላትኒ። ሓደ ግብጻዊ ምስ ገዝኣ እንደገና ደጊመ ኣማዕቢለ ሰሪሐያ። ምኽንያቱ ክርእያ እንከለኹ፡ ብዙሕ ሓሳብ እያ ትፈጥረለይ። ኣዝየ ዝፈትዋ ቅብኣይ ድማ እያ።

**◆ ነዚ ሞያ ንምምዕባል ትጽዕርሉዶ? እንታይ እንታይ ጻዕርታት ተኻይዱ?**

= ነዚ ሞያ ክዓብየሉ ስለዝደሊ ዝክኣለኒ ይጽዕረሉ እየ። ብዙሕ ግዜ ይህቦ፡ ብዛዕብኡ ካብ ኢንተርነትን ካልእን ሓበሬታታት እወስድ፡ እንብብ፡ ከምኡ እውን ዋላ ካብ ዘይብለይ መሳርሒታት እገዝእ። ሓንሳብ እንተሒዘዮ ከቋርጾ ስለዘይደሊ ክስእል ከይተመገብኩ ዝውዕለሉ መዓልቲ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ።

**◆ ኣብ መዓልቲ ክንደይ ሰዓታት ትድቅሲ?**

= ኣብ መዓልቲ ካብ 5 ክሳብ 7 ሰዓታት እድቅስ።

**◆ ካብ ሕብርታት ኣየነይቲ ሕብሪ ደስ ትብለኪ? ስለምንታይከ?**

= ሕብርታት ኣዝየ እየ ዝፈትዎም። ብፍሉይ ዝፈትዎ ሕብሪ ግና የብለይን። ምኽንያቱ ኩሎም ሕብርታት ተወሃሂዶም ነቲ ዝደልዮ ሓሳብ ስለ ዝገልጹለይ።

**◆ ምስ ሕልምኺ ተራኺብኪዶ ትፈልጢ? ሕልምኺ ንምትግባር እንታይ ክትገብሪ ትደልዪ?**

= ኣብ ህይወት ብዙሓት ትሓልሞም ሕልምታት ኣለዉ። ዝበዝሑ ሕልምታተይ ግን ኣይበጻሕክዎምን ዘለኹ። ኣብ ህይወት ካብ ዘገድሱ ሓደ ነገር ካብ ዝሓልሞ ግን ዝረኸብክዎ ኣሎ። ንሱ ድማ እቲ ኣብ ህይወት








መናብርተይ ዝኸውን ሰብ ንምያይ ብልክዕ ክርድኣኒ ዝኽእልን ዝድግፈንን እዩ። እዚ ድማ ረኺበዮ ኣለኹ። ናይ`ቲ ዝተረፈ ሕልምታተይ ንምርካብ ድማ ኣብ መንገዲ ኣለኹ።

◆ **ንኣሽቱ ስነጥበበኛታት ንምትብባዕ መንግስቲ ይኹን ትካላት ከምኡ እውን ህዝቢ ክገብሮ ኣለዎ ትብልዮ እንተሎ?**

=ስነጥበበኛ ክሳብ ሕጂ ንበይኑ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ንቕሓት ናይ ሕብረተሰብ ኣብ'ዚ ሞያ እውን ዝሕል ዝበለ እዩ። ነዚ ንምትብባዕ ከማዕብሎ ዝኽእል ዝጥርንፍ ማሕበር ክህሉ፡ ስልጠናታት ዝውሃበሉ ኣብያተ ትምህርቲ ክኽፈት ከምኡ'ውን ንሃገሩን ባህሉን ክንጸባርቐሉ ዘኽእል ውድድራት ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዕድል ክውሃብ፡ ኣርቲስት ብኣተሓሳስባ ድማ ቅሩብ ፍልይ ስለ ዝብል ሕብረተሰብ ክርድኦ ይግባእ።

◆ **ንዓኺ ዝስሕበኪ ዓይነት ኣርት ኣየናይ እዩ? ንምንታይ?**

= ዝያዳ ዝስሕበኒ ዓይነት ኣርት "ሪያሊዝም" እዩ። ኣብ ተፈጥሮ ኣዝየ ስለዝግደስ ነገራት ክትፍትሽን ከተድንቕን ሪያሊዝም ዝያዳ ተራ ኣለዎ።

◆ **ኣብስትራክት ኣርት ይብርሃኪዶ?**

= ኣብስትራክት ክፋል ኣርት ስለዝኾነ ደስ ይብለኒ'ዩ። ኣብ ውሽጡ ብዙሕ ሓሳብ ዝሓዘ ሕቡእ ስእሊ ድማ እዩ።

◆ **ናይ መጻኢ መደብኪ እንታይ ይመስል?**

= ናይ መጻኢ መደበይ ኣብ ሃገርና ጥራይ ዘይተሓዝሔ ንፍዕትን ፍልጥትን ኣርቲስት ብምዃን ክገብሮ ዝደሊ ኣብ ምምዕባል ናይዚ ሞያ ትምህርትን ሓገዛትን ድማ ኣሎ።

◆ **ኣብ ኣርት ዘድሃበ ተመሓላልፍዮ መልእኽቲ እንተሎ?**

= ኣብ መወዳእታ ክብሎ ዝደሊ እንተሎ ድማ ኩላትና ኣርቲስት ብዘለና ዓቕሚ ከይተሓለልና ክንሰርሓሉን ከነማዕብሎን ነንሕድሕድና'ውን ብቕንዕና ክንተሓጋገዝ ከምዘለና እየ ከዘኻኽር ዝደሊ።

◆ **የቐንየልና፡**

= ንዓይ እምበር የቐንየለይ።

ምስትምቃር መጽሓፍ

# "ስነ-ጽሑፍ፡ ኣመዓባብላኡን ተራኡን ኣብ ሰውራ"

**ኣማናቱላህ ዓብደራሕማን**

ብዙሕ እዋናት፡ ስነ-ጽሑፍ ብኹሉ ኣጠማምታኡ ሰውራዊ ባህሪ ክለብስ ክኽእል ኣለዎ ኢለ ዝሓስበሉ እዋን ኣሎ። ኣብ ውሽጢ ኩሎም ሕብረተ-ሰባት፡ ኣብ ጽላል ኩሉ መስርሕ ናይ ናብራ ሰውራን ምምሕያሽን ዘየድልዮ ግዜያት ኣሎ ኢለ ኣይሓስብን። ሂወት ማለትውን ሰውራ ማለት ስለዝኾነ። ካብ'ዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ብምብጋስ እምበኣር ሰውራዊ ፈላስፋ ካርል ማርክስ፡ ብዛዕባ ስነ-ጽሑፍ እንታይ ከም ዝበለ ክውከስ እፍትን። ብዙሓት ጽሑፍቲ ብዓይኒ ማርክሳዊ ኣተሓሳስባ ክርኢ ኣብ ዝፈተንኩሉ ድማ፡ ንስነ-ጽሑፍና ሓሊኹ ሒዝዎ ዘሎ መንቀራቕሮ ከላቕቑ ዝኽእሉ ሓሳባት፡ ኣብዛ ድሕሪ 34 ዳግማይ ዝተሓትመት መጽሓፍ፡ "ስነ-ጽሑፍ፡ ኣመዓባብላኡን ተራኡ ኣብ ሰውራን" ተተንቲኑ ጸኒሑኒ። ካርል ማርክስ ይገልጽ፡ "ናይ ወዲ ሰብ ስነ-ጥበባዊ ክእለት ንዓለም ብስነ-ጽባቐኣዊ መንገዲ ጠሚቱ ንጽባቐን ኣረዳድእኡን ኣብ ስነ-ጥበባዊ ስራሓት ናይ ምቕራብ ብቕዓት ብምጥራይ ምስ ቃልስን ውጽኢትን ማሕበራዊ ዕዮኡ ስለዝተኣሳሰሮ እዩ" ክብል የብርሁ። እዚ ጥቕሲ ከምዝገልጾ ድማ፡ ከምቲ ብዙሓት ዝመስሎም ስነ-ጥበብ ምልከት ዘብለጭልጩ ቃላትን ሓረጋትን ዘይኮነስ፡ ወድዓዊ ኣፍልጦ ናይ እንነብሮ ኩነታትን፡ ፈዋሲ ናይ ኣብ ናብራ ዘጋጥሙና ብድሆታትን ምዃኑ ክንርዳእ ንኽእል።

ኣብ'ዛ ""ስነ-ጽሑፍ፡ ኣመዓባብላኡን ተራኡ ኣብ ሰውራ" እትብል መጽሓፍ፡ ኑቲ ብማርክሳዊ ስነ-ሓሳብ ተጸልዩ፡ ድሒሩ ኣብ ምጅማር 20 ክፍለ-ዘመን ዝተቐልቀለ ማሕበራዊ ክዉንነት (Social Realism) ከም ሓደ ንሰውራን ለውጥን ኩብቅዕ ዝኽእል ኣተሓሳስባን ስነ-ጽሑፍን ተገሊጹሎ። ማሕበርነታዊ ክዉንነት መልሰ-ተግባር ናይ'ቲ ብሮማንቲካውያን ጸሓፍቲ ዝማዕበለ ሓሳባውነትን (Idealism) ዝተጋነነ ትምክሕታዊ ኣንነትን ብምብዳህ ዝማዕበለ እዩ። መበገሲኡ ድማ ብሰንኪ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ኣብ ማሕበረ-ቍጠባዊ ኩነታት ሓድሽ ማሕበራዊ ንቕሓት ስለዝተፈጥረ ምዃኑ ዩ። እቶም ማሕበረ- ክውንነታውያን ጸሓፍቲ ኑቲ "ዘብለጭልጭ ስነ-ጥበብ" (ንዓይኒን ንስምዒትን ዝገዝእ ቅዲ ኣጸሓሕፋ) ክገጥምዎ ዘንቀደሉ ኣጋጣሚ ድማ ተፈጥረ። ተደናገጽቲ ሰራሕተኛታትን ድኻታትን ዝኾኑ ጽሓፍቲ ድማ ኣብ ግዜኡን ካብ ስምዒት ውጽእ ኢሎም ንኩነታት እቶም ኣብ ዘመነ ኢንዳስትርያዊ ሰውራ ብጽበት ቁጠባዊ ባይታ ዝሹቕረሩ ዝነበሩ ሰራሕተኛታት ብዝግባእ ክገልጽሉ ዝበቕዑ ቅዲ ድማ እዩ ዝነበረ። እዚ ዓይነት ስነ-ጽሑፍን ህያዋት ሰባትን ማሕበራዊ ኩነታቶምን ብወድዓዊ መንገዲ ናብ ገጸ-ባህርያት ብምቕያር ኣብ ክውንነት ዝተሞርከሰ ልቢ-ወለዳዊ ፍርያት ዘበርከተ ምዃኑ፡ እዛ ኣብ ግዜ ሰውራ ኤርትራ ዝተጻሓፈት መጽሓፍ ብመወከሲታት ኣሰንያ ኣቕሪባቶ ትርከብ።

ካብ'ዚ ዳግማይ ተሓቲማ ቀርባ ዘላ መጽሓፍ ብዝለዓለ ዝተመሃርክዎ ወይ'ውን ዝመስጠኒ እንተ'ልዩ እምበኣር፡ እቲ ብኣተሓሳስባ ማሕበራዊ ክውንነት ተጸልዩ ዝተጻሕፈ ጽሑፋት ንሓቀኛ ናይ ህይወት ጸገማት፡ ደቂ-ሰብ ህይወቶም ኣብ ምምራሕ ዘጋጥምዎም ብድሆታት፡ ከምኡ ድማ ሰባት ንሽግራቶም ካብ ሓቀኛ ክዉንነት ከይተኣልዩ ፍታሕ ክረኽብሉ ዝጽዕሩ መፍትሒታት፡ ከምኡ'ውን ንመዝመዝቲ፡ መታለልቲ፡ ብረሃጽ ሰብ ክነብሩ ዝጽዕሩ ዓመጽቲ፡ ዘቃልዕ ስነ-ጽሑፍ ስለዝኾነ ኣብ ግዜኡ ብዙሕ ኣበርኪቱ እዩ። ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ ከምቲ ኣብ ሜዳ ሓደ ወለዶ ጸሓፍቲ ኣብ ምፍራይ ብተግባር ዝተራእየ፡ በዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ተጸልዩ ዝተጻሕፈ መጻሕፍቲ ብምትርጓምን ብተመሳሳሊ መንገዲ በዚ ቕዲ ጽሕፈት'ዚ ተጸልዮም ንህልው ኩነታት ናይ ስነ-ሓሳብ ረጽምታት ብወድዓዊ መንገዲ ፍታሕ ክናድይሉን፡ በዚ መንጽር ድማ ካብ'ዚ ተበጊሶም ነዚ ቅዲ'ዚ ንቕድሚት ክደፍእዎ ዝኽእሉ ጸሓፍቲ ፈርዮም ክርኢ ሃረርታ ኣለኒ።




ሓደ እዋን ለኒን ብዛዕባ ስነ-ጥበብ ኣብ ዝተዛረበሉ፡ "ስነ-ጥበብን ናይ ሓፋሽ ስምዕታትን ሓሳባትን ድሌታትን ብምጥርናፍ ናብ ክብ ዝበለ ደረጃ ከደይቦም ክኽእል ኣለዎ" ኢሉ ነይሩ። ሓቀኛ ኩነታት ሓፋሽ ዘይንጸባረቐሉ ስነ-ጽሑፍ ወይ ስነ ጥበብ ኑቲ ሓፋሽ ቀረበኡ ብዘይምዃኑ፡ ካብ ኣትይዎ ዘሎ ታኼላ ከላቕቕዎን ስለዘይክእል ካብ ምብኻን ግዜ ሓሊፉ ዝምልኣሉ የብሉን። እቲ ካብ ዘመነ-ሰውራ ኢንዳስትሪ ኣትሒዙ ጸግዒ ህሱያት ብምዃን ዝማዕበለ ማርክሳዊ መሰረት ዘለዎ ቅዲ እምበኣር ነዚ ስምዒት እዚ ብዝግባእ መዝመዚዝዎ እዩ። እቶም እዚ መረዳእታ ዝዓጠቑ ጸሓፍቲ ድማ ካብ ሓፋሽ ብዙሕ ተቐባልነት ኣለዎም። ነዚ መረዳእታ ሒዛ ስለዝተጻሕፈት እያ ድማ ኢያ እዛ መጽሓፍ ኣብ ተጋደልቲ ሰፊሕ ተቐባልነትን ጽልዋን ዝፈጠረት።

ከምቲ እዛ መጽሓፍ እዚኣ ተሓቲማ ኣብ ሰውራ ልዑል ኣበርክቶ ገይራ ሓያላት ጸሓፍትን ስነ-ጥበባውያን ዘፍረየት፡ ሕጂ'ውን ዳግማይ ተሓቲማ ቐርባትሉ ኣብ ዘላ እዋን ፡ ከምቲ ደራስን ተመራማር ታሪኽ ኣቶ ኣለምሰገድ ተስፋይ ኣብ መእተዊ እዛ መጽሓፍ ጠቅስዎ ዘሎ ዝግባእ ክትዓት ምስ ተኻየደላ፡ ንስነ-ጽሑፍ ናይ ኤርትራ ካብቲ ኣትይዎ ዘሎ ሓሸውየ ኣላቒቓ ብሓደ ብሓሳባት ዝተማእከለ፡ ንዝህልውና ብድሆታት ክንፈትሓሉ፡ ንዕድላትና ከነለልዮም ፡ ተስፋ ዝህበና፡ ናብ መጻኢ ከነማዕዱ፡ ኩርናዕ ርእየትና ከነስፍሕን ኣተሓሳስባን ኽነማዕብልን ዘኽእለና ጥርዚ ናይ ጥበብ ክተደይብና ትኽእል ኢያ ዝብል ልዑል እምነት ኣሎኒ። እዛ መጽሓፍ'ዚ ኣሓጋዚት ስለዝኾነት ኩሉ ዜጋ፡ ብፍላይ ከኣ እቶም ኣብ ስነ-ጽሑፍ እንግደስ ብዝግባእ ኣንቢብና ኣብ ናይ ክትዕ መኣዲታትና ክንግልገለላን ንስነ-ጽሑፍ ዓድና ድማ ናብ ብርኽ ዝበለ ባይታ ከነደይቦን በዚ ኣጋጣሚ እምሕጸን።

ሳይንስን ተክኖሎጂን

# ትስፉው ፈጠራዊ ስራሕ ዘመንና

## Internet Of Things (IOT)
## ነገራት ብኢንተርነት

ብሃብተገርግስ ተስፋማርያም (ጠዊል)

*ተክኖሎጂ ፈታሒ ሽግር ሕብረተ-ሰብ ምስ ዝኸውን'ዩ ተቐባልነቱ ዝዓዝዝ። ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት እዛ መጽሔት ገለ ካብ ትስፉዋት ናይ'ዚ ዘመን ተክኖሎጂ 3ዲ ሕትመትን ኣርቲፊሻል ኢንተልጀንስን ብዝምልከት ሓፈሻዊ ስእሊ ክወሃብ ተፈቲኑ። ንሎሚ ኸኣ ነቲ ዓለምና ብሃንቀውታ ትከታተሎ ዘላ ንናብራ ደቂ ሰባት መሰረታዊ ለውጢ ከምጽእ እዩ ተባሂሉ ንዝሰላሰል ዘሎ፡ "ነገራት ብኢንተርነት" (Internet of things / IOT) ተባሂሉ ዝፍለጥ ናይ`ዚ ዘመን ምዕቡልን ዝተራቐቐን ተክኖሎጂ ዘላሊ ትሕዝቶ ቀሪቡ ኣሎ።*

ትካል ስፐይስ ሲክስ፡ ኣብ`ዚ ቀረባ እዋን ብጠቕላላ ክሳብ 7,518 ዝኣኽሉ ሓበሬታ ከመሓላልፉ ዝኽእሉ ሳተላይታት፡ ኣብ ከባቢ እዛ እንነብረላ መሬት ተዳልዩ ከም ዘሎን፡ ብፌደራል ኮምኒከሽን ኮሚሽን (FCC) ፍቓድ ከም ዝረኸበን ሓቢሩ ኣሎ። ኤፍሲሲ ናይ ሳተላይት ይኹን ካልእ ተመሳሳሊ ኣገልግሎታት ፍቓድ ዝህብ ዓለማዊ ትካል'ዩ።

ብጠቕላላ ምስ`ቶም ኣቐድም ኣቢሎም ፍቓድ ዝረኸቡ 4500 ሳተላይታት ደሚርካ፡ ክሳዕ 12,000 ዝኾኑ ኣብ ልዕሌና ከንዣብቡ ምኧኖም፡ በዚ ኸኣ ኣብ ዝኾነ ጫፍ ናይ ዓለም ኣገልግሎት ኢንተርነት ከስፋሕፍሕ ምኧኑ'ዩ ዝንገረሉ ዘሎ። ናይ`ዚ ዝያዳ ተጠቃማይን ወሃቢ ሓይልን ተባሂሉ ዝእመነሉ፡ እዚ ናይ ሎሚ ኣርእስትና ትስፉው ፈጠራዊ ምህዞ ዘመንና "ኢንተርነት ኦቭ ቲንግስ (IOT)"፡ ንኹሉ ነገር ብመንገዲ ኢንተርነት ምስ መርበብ ሓበሬታ ዘራኽብ ትስፉው ፈጠራዊ ስራሕ ዘመና`ዩ። ናይ`ዚ ፕሮጀክት ናይ መጀመርታ ወጻኢኡ ክሳዕ 10 ሚልዮን ዶላር ይግመት። ብመጀመርታ ንከባቢ ኣመሪካን ካናዳን ብክፍሊት ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎት ክህብ፡ ስዒቡ ኸኣ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ክፍሊት ንኣፍሪቃን ኤስያን ሰርቪስ ክህብ በሃልቲ እዮም። ብተወሳኺ ስፐይስ ሲክስ ከምዝሓበሮ፡ እዚ ፕሮጀክት ዝዓበየ ክፋሉ ኣብ 2020 ዓ.ም. ክፍጸም፡ ብኣጠቓላሊ ኸኣ ኣብ 2023 ዓ.ም. እዞም ተመዲቦም ዘለዉ ክሳብ 12 ሽሕ ዝበጽሑ ሳተላይታት ኣብ ኩሉ መኣዝናት መሬት ብምዝርጋሕ እቲ መደብ ክዛዘም ምኧኑ`ዮም ዝገልጹ።

እዞም ክሳብ 12,000 ዝብዝሖም ሳተላይታት ኣብ ታሕተዋይ ቅናት መሬት (lower earth orbit) ማለት ካብ መሬት 1950 ኪሎ ሜትር ብራኸ ኣብ ዘለዎ ህዋ ክቕመጡ'ዮም። ኣብ መጻኢ ኸኣ ምስ ምውሳኽ ብራኸ ካብ ዕስራ ክሳብ ሰላሳ ሽሕ፡ ከምኡ'ውን ኣብቲ ላዕለዋይ ብራኸ ክሳብ 35,000 ሳተላይታ ምቕማጥ ከምዚከኣል እዮም እዞም ሰብ ተስፋ ዝሕብሩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን እዘን ሳተላይታት ተቐሚጠናሉ ዘለዋ ታሕተዋይ ቅናት ዝተመርጸሉ ምኽንያት ከኣ፡ ኣብ'ዚ ከሃልኽ ዝኽእል ጸዓት ኣዝዩ ውሑድን ነቶም ሳተላይታት ናብቲ ቦታ ከተብጽሖም ዝግበር ወጻኢታት









እውን ብተዛማዲ ዝንኪ ምስ ምኳኑን'ዩ።

እዚ ትካል ብእስታር ሊክ ኮንሳልተሽን፡ ብዓለማዊ ኣገልግሎት ኢንተርነት ከከፋፍል ዝሓስብ ዘሎ ብዝተፈላለዩ ፍሪኮንሲታት kaን kuን vን ባንድ ኮይኑ፡ በዚ ኸኣ ካብ ጫፍ ንጫፍ መሬት ኣንታርቲክ ከይተረፈ ከባጽሕ ዝኽእል'ዩ። ሽሓኒኡ ካብ እንምገበሉ መኣዲ ዘይዓቢ ወይ ድማ ክንዲ ናይ ፒሳ መትሓዚ ፓኮ እዩ። እቲ ሳተንሲ ወይ ድማ ምድንጓይ ኣብ ስፔይስ ክሳብ 600 ሚሊ ሰከንድ ከባቢ'ዩ። ኣብ ዝሓለፈ ተመክሮ ከምዝተመዝገበ ብናይ ሳተላይ ናይ ቴለፎን ጻውዒት ክግበር ከሎ ናይ ምድንጋይ ባህሪ ኣሎ። በዚ ናይዚ ትካል ቴክኖሎጂ ግን ናብ 25 ሚሊ ሰከንድ ንኽወርድ መደብ ከምዘሎ፡ ኣብ መጻኢ'ውን ናብ 15 ክወርድ'ዩ በሃልቲ እዮም። ብኸምዚ ኣገባብ ከኣ ኣብ ሰከንድ ናይ ሓደ ጌጋ ባይት ኣገልግሎት ምርካብ ክከኣል'ዩ እቲ ዘሎ ተስፋታት።

ኣብ ልዕሊ እዚ ዓይነት ፕሮጀክት መራሕቲ መንግስቲ ኣመሪካ ጽልውኦም ሓያል'ዩ ጸኒሑ። ብፕረዚደንት ክሊንተ ኣብ ጠፈር ሰብ ምቅማጥ ኣየድልየና ዝብል ፖሊሲ ነይሩ። ኣብ ግዜ ፕረዚደንት ቡሽ ከኣ ብኣንጻሩ ክነቕምጥ ኣለና ዝብል ሓሳብ ተበጊሱ። ፕረዚደንት ባራክ ኦባማ እውን “ንጠፈር ኢዩ ክንከይድ ነይሩና፡ ድሓን እንታይ ማይ ሓሊፍዎ ሕጂ ናብ ማርስ ክንከይድ ኣለና” በለ። ኣብ ግዜ ፕረዚደት ትራምፕ “ስፔይስ ፎርስ” ዝብል ሓድሽ ፕሮጀክት ተበጊሱ ኣብ ጠፈር ክንከይድ ኣለና፡ ኪኖ እዚ እውን ተኣምር ክንሰርሕ ኢና ዝብል'ዩ እቲ ዝጋዋሕ ዘሎ መግለጺታት። ኣብ መጠረሽታ ግን ንስፔይስ ኦፍ ሲክስ ቀዳዊኦም ኮይኑ፡ ኣብዚ ብወግዒ ንናይ ኣመሪካ ናስኣ ዝተሓዝአ ኣገልግሎት ኣብ እስፔይስ፡ ዓማዊሉ ወይ ተገልገልቱ ከምዝኾኑ ገይርዎም።

ብሓፈሻ ብመንገዲ እዞም ሳተላይታት ኣቢሉ ክውሃብ ዝኽእል ኣገልግሎት፡ ኣብ ስራሕ ዝውዕለሉ ዝተፈላለየ ኣገባባት ኣሎ። ብመጀመርያ ዲቫይስ ንልክዓሉ መንገዲ ኣሎ። ኢንቫዮሮመንቱን ፕላንቱም ኣለዉ። ካብኡ ሰንሰራት ኣለዉ። ዝተፈላለዩ ብዝሒ ዘለዎም ሰንሰራት ምስ ዝህልዉ ንዓዓቶም ዘወሃሃድ ሃብ ኣሎ፡ ብተወሳኺ ሃብ ኣብ ኣከባቢኡ ዝተፈላለዩ ስራሓት ይሰርሕ ኣብ ህዋ ምስ ደበና፡ ኣብቲ ኣብ ደበና ተቐሚጡ ምስ ዘሎ ክላውድ ሰርቨር ከኣ ይራኸብ። ኣብቲ ሰርቨር ከኣ ኮምፒተሽናል ፓወርን ዳታ ሰርቨርን ይህልው። ብኣጣቓላሊ ምርኻብ ብኢንተርነት ማለት ኢንተርነት ኦፍ ቲንግስ (IOT) ብሕጽር ዝበለ ብኸምዚ ክግለጽ ይከኣል።

ኣብ ኣይ ኦው ቲ መሰረታዊ ነገሩ እቶም ሰንሰራት ብጣዕሚ ሕሱራት ምኻኖም፡ ዝሓትዎ ሓይሊ ኤሌትሪክ ወይ ጸዓት ከኣ ብጣዒሚ ውሑድ ምኻኑ ኢዩ። ቀንድ ምንጫዊ መሰረቱ ግን ክላውድ ኮፒቲንግ ኢዩ። ክላውድ ኮፒቲንግ ክበሃል ከሎ ዝኾነ ሰብ ዝተፈላለዩ ሰንሰራት ብቐጥታ ኣፕሊከሽን ፕሮግራምን ዳታን ምስ ዘለዎ ክላውድ ሰርቨር የራኽቡ፡ ዘድሊ መስርሓት ምስ ተወድአ ከኣ ናብ ስልክና መልእኽቲ ይለኣኽ። ስለዚ ኢንተርነት ኦፍ ቲንግስ ካብ ትስፋዋት ስራሕት ዘመና እዩ።

እዚ ቴክኖሎጂ ደረት የብሉን፡ እዚ ኣብ ኩሉ ጽላታትን ዝተፈላለየ ስራሓትን ክንጥቀምሉ ንኽእል ኢና። ገለ ካብኡ ንምጥቃስ ኣብ መጎዓዝያ ነፍስ ወከፍ ተሽከርካሪ ምስ ኢንተርነት እንተ ኣታኣሳሲርናካየ፡ ብቀሊሉ ምስ ብዝሒ መካይን ብምዝማድ ዝሓሸ መንገዲ ይሕብረና። ጻዕቂ ናይ ትራፊክ ዘለዎ ቦታታት ግዜ ከይተባኽን ካልእ ዘሎ ኣማራጺ ብሓበሬታ መልክዕ ኣብ ሞባይል ይለኣኸልካ። ንምቕላል ዝተፈላለየ ሽግራት እውን ኣብቲ ከባቢ ዘለዉ ወሃብቲ ኣገልግልቶታት -ጋራጃት፡ መዐደሊ ነዳዲ፡ ወዘተ ዘለውዎ ቦታታት ሓበሬታ ይልግሰልካ።

ካልእ ዝዓበየ ጥቕሚ ክንረኽበሉ ንኽእል ከኣ ኣብ ኢንዳስትሪታት

ኢዩ። ብፍላይ ከኣ ካብ IOT ውጽኢሉ IIOT (ኢንዳስትርልያ ዳብል ኣይ ኦፍ ቲንግስ) እውን ኣሎ። ኣብ ኢንዳስትሪ ብዙሕ ነገር ክገልግል ዝኽእል፡ ኣብ ፕሮሰስ ኣውቶመሽን፡ ዝፈሪ ነገራት ጽርየቱ ምቁጽጻር፡ ፍርያምነት ምክትታል፡ ብዝያዳ ከኣ ኣብ መሳርሒታት ዓቢ ዕንወት ከይወረደ ኸሎ ክግበር ዘለዎ ጥንቃቐ ኣቀዲሙ ይሕብር። ካብ ቊጽጽር ወጻኢ ብልሽት ኪጋንፍ እንተኾይኑ ከኣ፡ ዘድሊ ቅድመ ምድላዋት ክግበረ መሳርሒታ ወይ ሞተር ክባላሾ ኢዩ ዝብል ሓበሬታ ይምጥው። ስለዚ እዚ ቴክኖሎጂ መሰረታዊ ለውጢ ኣብ ጽላት ኢንዳስትሪ ከምጽእ ትጽቢት ተነቢሩሉ፡ ኣብ ግብሪ ዘመስክር ዘሎ'ዩ።

ካልእ ዝዓበየ ጥቅሚ እዚ ቴክኖሎጂ፡ ሓንቲ ብኩሉ ኣንትንኣ ዝተማልአት ወይ በዚ ዘመናዊ ኣጸዋውዓ ስማርት ከተማ (smart city) ምህናጽ ኢዩ። መን ይፈልጥ ሓንቲ ካብ ከተማታትና እውን ኣብ መጻኢ ናይዚ ዕድል ተጠቃሚት ክትከውን ትኽእል። እዛ እንምነያ ከተማና በዚ ኣገባብ ምስ ትህነጽ፡ ነዚ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ኣብ ግምት ዘእተወን ብዝተፈላለየ ሰንሰራት ዝተተሓዘትን ስለትኸውን ሽግራት ብኡ መጠን ኢዩ ዝቃለል። ዝርግሐ ናይ ማይ ብግቡእ ዘይረክብ ቦታታትን ሙብራህትታት ዝቆራረጾን በተን ኣብቲ ከባቢ ዘለዋ ሰንሰራት ብዝህብኦ መልእኽት ብኣግኡ ይጽገን። ኣበየናይ ቦታ ማይ ይባኽንን ኤልትሪክ ብዘይ ግቡእ ይሃልኽን ተለልዩ እውን ሓበሬታ ይወሃብ። ትራስፎርመራት ሓይሊ ስለዝበዝሖ ኣብ ግዜ ውራያትን ንግደት ናይ ከባብን ተበላሽዩ፡ ተመሊሱን ብሬከር ጠፊኡን ክበሃል ይስማዕ ኢዩ። ኣብ ስማርት ከተማ ግን ምስቲ ትራስፎርመን ዝርከብ ሰንሰር መልእኽቲ ኣብ እዋኑ ስለዘሕልፍ ክኸሰት ዝኽእል ሽግራት ብኣግኡ ይቃለል።

ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ብዙሕ ኣገጣሚታት ስማርት ስማርት ዝብል ኣጸዋውዓ ብተደጋጋሚ ንሰምዕ ኢና። ሞባይል፡ ቴለቪዥን ብሓፈሻ ኤልክቶኒካዊ መሳርሒታት ነዚ ቴክሎኖሎጂ ዘጠቃለለ ገዚእካ እንተጸኒሕካ፡ ኣብ መጻኢ ምስ ምስፋሕ ኣገልግሎት ብኢንተርነት ብቐጥታ ተቛዳሳይ ናይዚ ትስፉው ፈጠራዊ ስራሕ ዘመና ክትከውን ጸገም ኣይህሉን። በዚ መሰረት ከኣ ኣብ ገዛ ዝርከብ መሰራሒታትና ምስ እንተርነት ብምትሕሓዝ ኣብ ፍርጅና ክበላሾ ዝኽእል ብኣግኡ ይሕበረና፡ ኣብ ኡተን ጋዝ ዝሰኽተትናዮ መግቢ ምብሳሉ ኣብ ሞባይል መልእኽቲ ይለኣኽ። ብካርድ ናይ ዝሰርሓ ቆጻርቲ ኤለትሪክ ሕሳብ ክነሐድስ የዘኻኽረና።

ቡዙሓት ሰብ ሞያ ከምዘቃልሕዎ ዘለዉ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ከም ማይ ኣይሂ ይዘንበና ስለዘሎ፡ ዘይንሃድመሉ ጉዳይ'ውን ስለዝኾነ፡ ቅድመ ምድላዋት ምግባር ዘይምዝግንጋዕ በሃልቲ እዮም። እዘን ምዕቡላት ሃገራት ተጠቂምቲ ናይዚ ዘመናዊ ተክኖሎጂ ጥራይ ዘይኮና፡ ንዕዑ ዝከተታተል ፍሉይ ቤት ጽሕፈት ኣቑመን፡ ምዕባሌታት ብምክትታል መሳርሒታተን በብግዚኡ የዘምና፡ ብሃገራት ደረጃ እውን ምስ ህልው ኩነታተን ብምዝማድ ዝጥቀማሉ መሳርሒታ ስፐስፊከሽን፡ ዝተፈላለዩ ሪካየርመንት ብምድላው ናይ ነዊሕ ዓመታት መደባተን ይሰርዓ ኣለዋ።

ነዚ ዘሎ ቴክኖሎጅታት ክንበጽሖን ክንብድሆን እንተኾይና፡ ሰዓብቲ ናይዚ ሕጂ ነጊሱ ዘሎ ኣተሓሳስባ፡ "ጥዑያት ሰብ ኮፍ ስለዘበልካ ጥራይ ጥዑይ ምምሕዳር ኣይመጽእን ኢዩ። ጻዕረኛታት ስለዝተበራኸቱ ምህርቲ ክስስንን ጽፉፍ ስራሕ ክሳለጥን ዘይሕሰብ'ዩ። ኣብዚ እዋን ጽፉፍ ምምሕዳር ክህሉ እንተኾይኑ ዘመናዊ ተክኖሎጂ ዝዓጠቀ ሓላፍን፡ እቲ ዝሕተት ቴክኖሎጂን ንዕዑ ዝበቕዕ ክኢላዊ ዓቕምን ኣብቲ ዝድለ ቦታታት ምስ እነቐምጥ'ዩ ነገራት ብጽፈት ዝሳለጥ፡ ዓወት ዝርከብን ሽግራት ዝቃለልን።"

***



*እዞም ኣካልዮም ዘለና ትሰፋዋት ፈጠራዊ ስራሓት ዘመንና፡ ነጸጸልካ ትርእዮምን ትጥቀመሎምን ኢኻትኩን። ከተማ ምልእቲ ብ3ዲ ፕሪንቲን ክትሃንጽ፡ እቲ ዝበለጸን ዝጸፈፈን ምርጫ'ዩ። ኣብዚ ዘመናዊት ከተማ ዝቶደድ ንጥፈታት ብጽፈት ንምስልሳል፡ ነገራት ብኢንተርነት (IOT) ኣራኺብካ፡ ብኣርቲፊሻል ኢንተልጀንስ ክትቆጻጸሮን ዘድሊ. ኣገልግሎታት ከም ምዕዳል ማይን ኤሌትሪክን መሳሊ. ብጽፈት ክተሰላስልን፡ እዋኑ ዝሓለፎ ብሉጽ ኣማራጺ. እዩ። ኣብ'ዛ ከተማ ክተኣታቶ ዝድለ፡ ሓምላይ ቦታታትን (green area) ሕርሻን እውን ብድሮን ተሓጊዝካ ክተልምዮን ክትከናኸኖን ቅኑዕ ምርጫ እዩ።*

*እዞም ንጥፈታት ንምስልሳል ግን፡ ብዘይ ቅልጡፍ ኣገልግሎት መራኸቢታት ዘይሕለም'ዩ። ስለዚ. ናይ ዝሀጹ ስማርት ከተማታት ምልውዋጥ ስርዓት ሓበሬታ፡ በዚ. ዝቀላቐል ዘሎ 5ጂ ሰልኪ-ኣልቦ (wireless) ተክኖሎጂ ዝተመርሐ ንኽኸውን'ዩ እቲ ብዙብ ፈጠራ ዝቶደድ ዘሎ ትንፋስ ዘይህብ ጸዕርታት። ሃገርና እውን ተጠቃሚት ናይ'ዚ. ተክኖሎጂ ክትከውን ባህርያዊ ምስ ምኻኑ፡ ኣብ ዝመጸእ ሕታማት እዛ መጽሔት፡ ብዛዕባ 5ይ ወለዶ (5th generation)፡ እነቕርቦ ማብራሪ. ዝኸውን ሓበሬታ የራኽበና።*

# ድሮን ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ







ኣብ ሰማይ ዝበርር ዘበለ፡ ብክብደቱን ኣብ ህዋ ብዝጸንሓሉ ግዜን ኢዩ ብቅዓቱ ዝምዘን። ድሮን፡ እዚ ትስፋው ፈጠራዊ ስራሕ ዘመንና፡ ካብ 2 ሽሕ ቶን ንላዕሊ ኣዝዮም ከበድቲ ክበሃሉ ከለዉ፡ ካብ 2000 ቶን ስጋብ 200 ከኣ ከበድቲ ይበሃሉ። ካብኡ ንታሕቲ ስጋብ 5 ኪሎ ግራም፡ ማእከላይ፡ ንእሽቶ፡ ማይክሮ ድሮን ተባሂሎም ይጽውዑ።

ድሮን ሰብ-ኣልቦ ነፋሪት መበገሲኡ ንወተሃደራዊ መዓላ ኮይኑ፡ በዚ ተክኖሎጂ ተጠቓሲት ሃገር እስራኤል ክትከውን ከላ፡ ክሳዕ 45% ሼር ከምዘለዋ ይፍለጥ። ንኣመሪካ ብብዝሒ. ድሮን ብምሻጥ ዝረብሐት ሃገር ምዃና እውን፡ ብቡዙሓት ማዕከናት ዜና ይግለጽ እዩ። ኣብዚ ናይ ዘመንና ትስፋው ተክኖሎጂ ድሮን፡ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተጸምበራ ቻይናን ኤውሮጳን እኳ እንተለዋ፡ እስራኤልን ኣመሪካን ፊተውራሪ ኮይነን ይመርሓእ ኣለዋ።

ድሮን ብዘይ ፓይሎት ዝበርር፡ ካብ መሬት ብዘሎ ክኢላ ብሓይሊ. ኮምፒተር ዝእዘዝ ኮይኑ፡ ብ3 መንገዲ ይራኸብ። እቲ ቀዳማይ ዋህዮኣዊ (cellular) ኮይኑ፡ ተለኮምኒከሽን ብዝህቦ ኣገልግሎት ይፍጸም። እቲ ካልኣይ ናይ ባዕሉ ኔትዎርክ ሃልይዎ፡ ድሮን ኮምኒከሽን ይፈጥር። ረሲቨሩን ትራንዝሚተሩን ዝናበብሉ ናይ ባዕሉ ኮምኒከሽን ኮንትሮል ዩኒት ይህልዎ። እቲ ሳልሳይ ብዝያዳ ንወተሃደራዊ ስርሒታትን ዓበይቲ ምርምራትን ዘገልግል ኮይኑ፡ ብሳተላይት ተደጊፉ ርክባቱ የካየድ። በዚ ኣገባብ ዕላምኡ የተኻኽል፡ ናበይ ገጹ ከምዝበርርን ኣበይ ከምዝጥቅዕን ሓበሬታ ይቕበልን የመሓላልፍን።

እቲ ዝበለጸ ወይ ብኩሉትንኡ ምሩጽ ዝበሃል ድሮን ንምልላይ ካብ ዝሕግዙና መሰረታዊ መስፈርታት፡ ድልዳለን ብቕዓትን እዩ። እዚ ናይ ኣልቲቱድ ጉዳይ ኮይኑ፡ ኣብ ክንደይ ብራኸ ይበርርን ኣብ ኣየር ንኽንደይ ዝኸውን ይጸንሕን ዘብርሁ ኣገዳስቲ ረቛሒ'ዮም። እዞም ኣብ መርዓታት ይኹን ካልእ ኣጋጣሚታት፡ ቪድዮን ስእልታትን ኣብ ምቕራጽ ዝነጥፉ ዘለዉ ድሮናት፡ ስጋብ 200 ሜትር ብራኸ ጥራይ ብምውጻ፡ ንሓጺር ግዜ እዮም ኣብ ኣየር ዝጸንሑ። ንወተሃደራዊ ዕላማን ሰፋሕቲ ናይ ምርምር ፕሮጀክታት ኣብ ምስልሳል ዝዋፈሩን ግን፡ ዝናብ ይኹን ንፋስ ተቓዊሞም፡ ካብ መሬት ልዕሊ. 20 ኪሎሜትር ብምብራር፡ ስጋብ 34 ሰዓታት ኣብ ኣየር ክንሳፍፉ ይኽእሉ። ናይ ኣመሪካ ኣብዚ ተክኖሎጂ ዝነጥፍ ትካል፡ ምስ ቦይን ካምፓኒ ብምትሕብባር፡ ዘዳልዎ ዘሎ ኤግልስ ሶላር ዝበሃል ኣብ ስራሕ ምስ ወዓለ'ሞ ከኣ፡ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ተወሳኺ. ጸዓት፡ ስጋብ 5 ዓመት ኣብ ኣየር እንዳተንሳፈፈ ክጸንሕ ዝኽእል፡ ዕዉት ናይዚ ዘበን ምህዞ ክኸውን እዩ ተስፋ ተነቢሩ ዘሎ።

እቲ ካልኣ መስፈርቲ፡ ክብደትን ርሕቐት በረራን እዩ። ዝፈርዩ ዘለዉ ድሮናት፡ ብዝቀልጠፈ ፍጥነት፡ ብዙሕ ኪሎ ሜትራ ብምጉዓዝ፡ ዝነውሐ ሰዓታታት ኣብ ኣየር ክጸንሑ ከምዝኽእሉ የመስክሩ ኣለዉ። ንክብደት ዝምልከት መንገብገብ እቲ ወሳኒ ኣካል እዩ። ብኡ መጠን'ዩ ከኣ ጠለብ ናይ ጸዓት ዝውሰን። ምስ'ዚ. ዝተተሓዘ'ውን፡ ምንጪ. ናይ ሓይሊ. ምንጻር ኣገዳሲ. ረቓሒ'ዩ። ምኽንያቱ ብኤሌትሪክን ብባትሪን ዝንቀሳቐሱ፡ ካብ ብጋዞሎን ዝበሩ ብልጫታቶም ስለዝዓቢ። ድሮን ኣብ ኣየር



ዝጸንሑሉ ግዜን ዝንዓዝዎ ርሕቀትን ክጥቀስ ከሎ፡ ከም ኣብነት ዝቀርቡ ከም ግሎብ ሃዋክ ዝኣመሰሉ ከኾኑ ከለዉ፡ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ተወሳኺ ጸዓት፡ ነዊሕ ርሕቐት ተጋዒዞም፡ ልዕሊ 20 ኪሎ ሜትር ኣብ ኣየር ብምንስፋፍ፡ ብዝተገጠመሎም ሰንሰራት ዝተፈላለየ ሓበሬታታት ብምእካብን ምስልታት ብምቕራጽን፡ ኣብ ወተሃደራዊ ስርሒታትን መጽናዕታዊ ዳህሳሳትን ብቕዓቶም ብተግባር ዘመስከሩ ተጠቐስቲ እዮም።

ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ብብዝሒ ኣብዘን ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ኣብ ስራሕ ዝርአ ማይክሮ ድሮን እዩ። እዞም ክብደቶም ካብ 2.5 ኪሎግራም ንታሕቲ ዝኾኑ ሰብ-ኣልቦ በረርቲ፡ ብሞባይልን ታብሌትን ብምእዛዝ፡ ኪኖ ምቕራጽ ስእልታትን ቪድዮታትን፡ እኹል መረዳእታታትን መሳለጥያትን ኣብ ዘይብሎም ርሑቕ ገጠራት፡ ዝተፈላለዩ ኣካላት ደቒ ሰባት ከም ኩሊት መሳሊ፡ መሳርሒታን መድሃኒትን ኣብ ምጉዕዓዝ ይንጥፉ ኣለዉ።

ድሮን ከም ኩሎም ዘመናዊ ተክኖሎጂታት ፈታሒ ሽግር ሕብረተ ሰብ ምዃኑ ብግብሪ ዘመስከር ዘሎ፡ ሕርሻ ንምዝማን ኣብ ዝግበር ንጥፈታት እዩ። ንፍርያት ኣብ ዝግበር ክንክን ንምውሓስ፡ መድሃኒታት ይንስንስ፣ ኣብ ዓበይቲ ዘመናዊ ሕርሻታት ከኣ፡ ብስእሊ ዝተሰነየ ሓበሬታ ናይ ምእካብ ምህርትርን፡ ምስ ዝተረኽበ ብዝሒ ፍርያት ዝመጣጠን ዕዳጋ ብኣግኡ ናይ ምድህሳስ ስራሓትን ብሓገዝ እዚ ዘመናዊ ምህዞ ይሳለጥ ኣሎ። ህንዲ ኣብ ምዝማን ሕርሻ ዘገልግሉ ፕሮግራማት (softwares) ብምፍራይ ብቀዳምነት እትጥቀስ ሃገር ክትከውን ከላ፡ ብውልቀ ኩሎም ኣፍረይቲ እዚ ተክኖሎጂ ክውንኑ ትጽቢት ስለዘይግበር ግን፡ ብተራድኦ መልክዕ፡ ብከባብን ዓድን ደረጃ ተጠቃምነታት ድሮን ብምስፋሕ፡ ኣድላይነት እዚ ዘመናዊ ፈጠራ ኣብ ልምዓት ሃገራት ብተግባር የመስክር ኣሎ።

ኣብ ብዙሓት ሃገራት ናይ ኤለትሪክ መስመር ምክትታልን ምጽጋንን፡ ብድሮን'ዩ ዝሰላሰል ዘሎ። ብፍላይ ካብ ከተማታት ወጻኢ ኢልካ፡ ኣብ ኣጸድፍን ጎቦታትን ዝተኸሉ ዓንድታት መዘርግሒ መስመር ኤለትሪክ፡ ምቁጽጻርን ዝተበላሸዉ ምጽጋንን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ርሑቅ ገጠራት፡ ኣጸድፍን ጎቦታትን ዘበዝሖ ቦታታት ዝተዘርግሑ መስመራት፡ ድሮን ተክኖሎጂ ተጠቂምካ'ዩ ብቀሊሉ ዝፍተሽን ዝጽገንን ጥራይ ዘይኮነ፡ ዘጋንፍ ብልሽት እውን ኣብ ሰዓቱ፡ ብንጹር ስእሊ ዝተሰነየ ሓበሬታ ንምእከላይ ቦታ ብሓገዝ እዚ ምህዞ'ዩ ዝመሓላለፍ ዘሎ። እዚ ዓይነት ጽገናታት ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ናቕፋ ዘውጽኣ፡ ዘይሸከላን ጎቦታት እትወጻለንን መካይን እንዳተጠቐምካ'ዩ ክሰላሰል ጸኒሑ። ሕጂ ግን ሰጋብ 120 ናቕፋ ዶላር ጥራይ ወጻኢ ብምግባር፡ ክትገዝኣን ብትኽእል ድሮን ይሳለጥ ኣሎ።

ንድሮን ኣብ ውትህድርናን ኲናትን ዓብላልነት ክረክብ ካብ ዘኽኣሎ፡ ምስ ሚግ ደብዳቢት ነፋሪት ኣወዳዲድርካ ምርኣይ ዝቐለለ እዩ። ሚግ ታርጌት ንምውቃዕ ቅድሚ ምልኣኹ፡ ስለያውን ዳህሳሳውን ስርሓት ብካልእ ኣገባባት'ዩ ዝካየደ። ናይ ድሮን ዝዓበየ ጥቕሚ ግን፡ ኩሉ ስራሓቱ ባዕሉ'ዩ ዝፍጽሞ። ንመዓልታት ዳህሳስ ይገብርን ዝድብደቡ ቦታታት ይፍትሽን። ዕላምኡ ምስ ኣረጋገጸ ታርጌት ይሃርምን የጥቕዕን። ኣቲ ካልእ ኣብ ውትህድርና ተመራጺ ዝገብሮ ከኣ፡ ኣብ ዓወደ ኲናት ድሮን ኣብ ዝውቅዓሉን ዝቃጸለሉን ግዜ፡ ዝጠፍእ ወይ ዝማረኽ ሰብ ዘይምህላዉ እዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ጽንኩር ኩነታት ሱሳይድ ብምግባር፡ ነብሶም ዘቓጽሉ ድሮናት ስለዘለዉ እውን፡ ዕድል ናይ ክተሓዝ ዝኽእል ደኩመንትት ዝጸበበ'ዩ። ኣብ መጻኢ ወተሃደራዊ ግጥማት ብሮቦት ክኸውን እዩ ኣብ ዝብል ዝቐርብ ዘሎ ትምብያ፡ ዓውድ ኲናት ብዘይ ተሳፍነት ድሮን ዘይሕሰብ'ዩ በሃልቲ እዮም ሰብ ፈጠራ።

ኣብዚ ቀረባ እዋን ድሮን ንምዝማን ኢንተል ብዝገበርዎ ፈተነ፡ ስጋብ 500 ዝኣኸላ ብሓደ ግዜ ኣብ ሰማይ ብምብራር፡ ርሕቀተንን ኪጋንፍ ንዝኽእል ምግጫውን ብምቁጽጻር፡ ብኔርትዎርክ ብምርድድኣን ሓሳብ ንሓሳብ ምልውዋጥን፡ ኣብ ዓበይቲ በዓላት ኣብ ክንዲ ብነፈርቲ፡ ብድሮን ጽሑፋት ብምዝርጋሕ፡ ብዙሓት ድሮናት ነሕድዶም ክዘራረቡን ክረዳድኡን ሓበሬታ ክለዋወጡን ከምዝኽእሉ፡ ብግብሪ ኣበሲሮም ኣለዉ። በዚ ኣገባብ ከኣ ድሮናት እንዳተረዳድኡ፡ ኣድማዒ ስርሓት ኣብ ሲቪላውን ወተሃደራውን ስራሓት ብምክያድ ተኣምር ክሰርሑ እዮም ዝብል ሓበሬታታት'ዩ ብዝተፈላለይ መርበብ ሓበሬታት ዝግለጽ ዘሎ። ኣማዞን ሓደ ካብቶም ተጠቃሰቲ ቀንዲ ዓሚል ናይዚ ትስፉው ናይ ዘመና ተክኖሎጂ ድሮን ኮይኑ፡ ካብ 2.25 ኪሎግራም ንታሕቲ ንዘፍጸም ትእዛዛት ብተለፎን፡ ኣይፓድን ኮምፒተርን ኣብ ውሽጢ ሓጺር ደቓይቕ ሳላ ተጠቓምነት ድሮን ብምብጽጹሑ፡ ዘለዎ እምነት ዓማዊሉ የውሕስ ኣሎ።

ድሮን ኣብዚ እዋን ዘይሳተፎ ጽላት ኣሎ ኣብ ዘይበሃለሉ ደረጃ እዩ ዝብጸሕ ዘሎ። ኣብ ምክያድ ዳህሳሳዊ መጽናዕትታን ዘድሊ ዕላማ ምጥቃዕን ከይተሓጽረ፡ ንንግዳውን ስቪላውን፡ ሕክምናውን ሕርሻውን ንጥፈታት ዘገልግሉ መሳለጥያ (logistics) ምብጽጻሕ ብስፍሓት ዝነጥፍ ተክኖሎጂ ኮይኑ፡ ዓበይቲ ናይ ልምዓት ፕሮጀክታት ኣብ ምስላጥ ተርኡ ብተግባር ዘመስክር ዘሎ፡ ትስፉው ፈጠራዊ ስራሕ ዘመንና ድሮን እዩ።

# መርበባዊ ኲናት

*cyber attack*

እንጅ. ሚኪኤል ኣዳም

ተመራመርቲ መርበባዊ ድሕነት ወይ "ሳይበር ሰክዩሪቲ"፡ ኣሉታዊ ጽልዋ መርበባዊ መጥቃዕትታት ኣብ ውልቀ ሰባት፡ ንግድን ሃገራትን ኣጽኒዖም ኣለዉ። እቲ ውጺኢት ድማ ንህይወት ውልቀ ሰባት ዝፈታተኑ፡ ጸቕጢ ዘስዕቡ፡ ዕለታዊ ናብራ ዘጐናድቡን 57 መገድታት ረኺቡ ኣሎ። እዚ ሓበሬታ`ዚ ካብ "ጆርናል ኦቭ ሳይበር ሰኩሪቲ" ዝተረኽበ እዩ። መርበባዊ መጥቃዕቲ ግን እንታይ እዩ፧ ናይ ሎሚ ጽሑፍና ዳህሲስዎ ኣሎ፥

መርበባዊ መጥቃዕትታት ብማሕበራዊ ወይ ፖለቲካዊ ድርኺት ተደሪኾ፡ ብቐንዱ ብመገዲ ኢንተርነት ዝግበር መጥቃዕቲ እዩ። ቀንዲ ዕላማ ናይ'ዞም መጥቃዕትታት ውልቀ ሰባት፡ ሃገራውያን ትካላትን ገዘፍቲ ኮርፖረሽናትን ኰይኖም፡ እቲ መጥቃዕቲ ብምዝርጋሕ ቫይረስ ዘለዎም ፕሮግራማት (malicious programs)፡ ዘይተፈቐደ ናይ መርበብ ምትእትታው፡ ናይ ሓሶት ዌብ ሳይታትን ካልእ ዓይነት ምስራቕ ወሊቃዊ ኰነ ትካላዊ ሓበሬታት ናይ'ቶም ዕላማ ዝኾኑ ኣካላት ይካየድ።

መጥቃዕቲ እንተኢልና ኣጽዋር ክንብል ግድን እዩ። ንመርበባዊ መጥቃዕቲ ድማ መርበባዊ ኣጽዋር የድልዮ እዩ። መርበባዊ መጥቃዕቲ ብርቱዕ እዩ። እቲ ምንታይ ዓለምና ኣብዚ እዋን`ዚ ብዳታ እያ ትምራሕ ዘላ። ንመላእ ሃገር ዕላማ ጌርካ ዝግበር ሳይበራዊ መጥቃዕቲ ንናይ ህጹጽ ሓደጋ ኣገልግሎታት ንመዓልታት ከሰናኽል፡ ንቐኊጠባ ኸዕኑ፡ ንወተሃደራዊ ግብረ መልሲ ናይታ ዕላማ ዝኾነት ሃገር ከልምስ ይኽእል። መርበባዊ ኲናት ኣብ ዝኾነ እዋን ክፍነወልካ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ትጽቢት ጌርካ ክትዓግቶ ኮነ ከተምክኖ ዘይከኣል ይገብሮ።

ዝተወሃሃደ መጥቃዕቲ ሳይበር ንመብራህትታት ትራፊክ ከዛብዕ፡ ንዋጋ ብርኪታት ክለዋውጥ እንተላይ ንናይ ሕክምና መዛግብቲ ከዛብዕ ይኽእል። በዚ ድማ መርበባዊ መጥቃዕቲ ካብቲ ብመገዲ ሚሳይላት ዝግበር ምጥቕቃዕ ዝስዕብ ዕንወት ዝገድድ ሳዕቤን ኣለዎ።

መርበባዊ መጥቓዕቲ ኣብ ኮምፒዩተራዊ ስርዓት ገለ ሃገራት ዕንወት ኣኸቲሉ እዩ። እቲ ብመገዲ ኢንተርነት ዝዝርጋሕ ኣጋጋዪ ሓበሬታ ድማ ንፕረዝደንታዊ ምርጫታት ገለ ሃገራት ከቢድ ነውጺ ፈጢሩሉ እዩ።

ገለ ገለ ተንተንቲ ከም ዝብልዎ ሩስያን ቻይናን እተን መርበባዊ መጥቓዕቲ ንምክያድ ዝለዓለ ብቕዓት ዘለወን ሃገራት እየን። እዚ ድማ ንኻልኦት ሃገራት ዓለም ምስ ናይ ውድድር ምምዕባል ኣጽዋር ዝዳረግ፡ መርበባዊ ኣጽዋር ናይ ምዕጣቕ ውድድር ከምዝሸመማ ጌሩወን ኣሎ። ኣብዚ ውድድር እዚ ልዕሊ 30 ሃገራት ዝተራቐቐ ክእለት ንምምዕባል ይጓየያ ከምዘለዋ ይሕበር። እዚ ግን ማዕረ ማዕር`ቲ ወተሃደራዊ ሓይለን ኣብ ምጉልባት ዘካይደኦ ጻዕሪ እዩ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ንኣጠቓቕማ መርበባዊ ኣጽዋር ዝምልከት ንጹር ኣህጉራዊ ሕጊ የልቦን። ብጉጅለ ምሁራን ዝረቐቐ ዓመታት ዝወሰደ ንመርበባዊ ኣጽዋርን ኣጠቓቕማኡን ዝምልከት ሕጊ ብታሊን ማንዋል ዝፍለጥ ረቒቑ ኔሩ እዩ። እዚ ድማ ብኔቶ ዝተመወለ እዩ።





ታሊን ርእሰ ከተማ ኢስቶንያ እያ።

እንተ`ኾነ መንነት ሰርሰርቲ ንምፍላጥ ኣሸጋሪ ብምዃኑ፡ ውልቀ ሰርሳሪ ይኹን ጉጅለ ሰርሰርቲ ናይ መንግስታት ደገፍ ኣለዎምን የብሎምን ኢልካ ክትዛረብ ዝከኣል ኣይኮነን።

መርበባዊ መጥቃዕቲ ኣብ ወሰንቲ ዝኾኑ ትሕተ ቕርጺ ሃገራት ዘተኮረ እዩ። ኣብዚ መጥቃዕቲ`ዚ ቀንዲ ተሳተፍቲ ድማ ሕ.መ.ኣ፡ ሩስያ፡ ቻይና ክኾና ኸለዋ ከም ኢራን፡ ደቡብ ኮርያን ስዑድን እውን ኣካል ናይ'ቲ መጥቃዕቲ እየን። ኣብ'ዚ ገለ ተንተንቲ ከም ዝብልዎ ቻይና፡ ኢራንን ሩስያን ኣንጻር`ቲ ንሳተን ገባቲ ዝብልኦ ናይ ሓደ ቀጽሪ ፖሊሲ ኣመሪካ ሓደ ስሙር ግንባር ክምስርታ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።

ብዓይኒ ሓቂ`ውን እዘን ሰለስተ ሃገራት ናተን ናይ ገዛእ ርእሰን ምኽንያታት`ኳ እንተሃለወን፡ ኣንጻር ዕብለላን ምግባትን ሓደ ስሙር ግንባር ንምምስራት ድሕር ኣይክብላን እየን።

ኣብዚ እዋን`ዚ ሳይበራዊ መጥቃዕቲ ብሰብ እዩ ዝካየድ ዘሎ። ካብ ምውጣን ኣትሒዝካ ክሳብ ምፍጻም። ኣብ መጻኢ ግን ብኣርተፍሻላዊ ብልሒ (ኣርተፊሻል ኢንተሊጀንስ) እዩ ክካየድ። ኣርተፍሻላዊ ብልሒ፡ ንኣዝዩ ጽኑዕ ዝኾነ ስርዓታት ብምጽናዕ ክሰርስር እዩ። እቲ ንጥፈት ድማ ካብዚ ብሰርሰርቲ ዝግበር ዘሎ ንጥፈት ዝሓየለን ዝቐልጠፈን ክኸውን እዩ። በዚ መሰረት፡ ካብዚ ሕጂ ዘጋጥም ዘሎ ዕንወት ዝኸፍአ-ብመጠንን ዓይነትን- ኣሰንባዲ መጥቓትታት ክንርኢ ኢና።

ስፖርት

ሳምሶን ሃይለ

# ብንያም ግርማይ
# ኮኾብ ቅድድም ብሽክለታ ኣፍሪቃ 2020
## ኣርባዕተ ኤርትራውያን ምስ 10 ብሉጻት!!

ኤርትራ ኣብ ቅድድም ብሽክለታ ዘለዋ ዕቑር ጸጋ ንብዙሓት ኣብ ስፖርት ቅድድም ዝነጥፉ ህቡባት ኣህጉራውያን ተቐዳደምቲ የገርሞም እዩ እሞ ኣብ ከም በርናንድ ሂኖልትን!! ሂኖልት ሓሙሽተ ግዜ እዩ ኣብ ቱር ደ ፍራንስ ተዓዊቱ። ኣብቲ ናይ ዓለምና ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስራዕ ውድድር ኣይኮነንዶ ብውህሉል ነጥቢ ሓሙሽተ ግዜ ክትዕወት፡ ኣብ ሓደ ናይ መድረኽ ውድድር ቀዳማይ ምውጻእ'ውን ዓቢ ክብሪ ዝምጡ እዩ።




ሂኖውት ኣቦ መንበር ኣዳላዊት ኮሚቴ ዙር ኣሚሳ ቦንጎ - ጋቦን እዩ። ኣሚሳ ቦንጎ 2.1 ዝልካዕ ናይዛ ኣህጉር ዝዓበየ ውድድር እዩ። ብሉጻት ናይ ፈረንሳን ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳን ፕሮፌሽናል ተቐዳደምቲ፡ ኣሰልጠንትን ጋንታታትን ስለዝሳተፉዎ ከኣ እቲ ካልእ ብልጫኡ እዩ። ሂኖልትን ጉጅለኡን እምበኣር እዮም ነቲ ናይ ኣፍሪቃ ዝበለጸ ተቐዳዳማይ ብሽክለታ ተባሂሉ ክሽለም ዝግብኦ ኣትሌት ዝረቑሕዎ። ኣብ ውሽጢ'ቲ ዓመት ኣብ ቅድድም ብሽክለታ ንዘመዝገቦ ዓበይቲ ዓወታት ደማሚሮም መወዳእታኡ ንሽልማት ይመዞዎ። ከምዚ ኣብ ኲዕሶ እግሪ ንተሸላሚ ባሎን ዲ ኦር ዝወሃብ ሽልማት ማለት እዩ።

በዚ መሰረት ብንያም ግርማይ ኣብ 2020 ብዘዋህለሎ ኣህጉራዊ ዓወታት ካብቲ 25 ኣባላት ዝሓቁፍ ኮሚቴ ዝለዓለ ድምጺ ረኺቡ። ሓደ ካብኣቶም ሎሚ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ፈረንሳ ኮይኑ ዘሎ ቶማስ ቮክለር እዩ። ቶማስ ቮክለር ቅድሚ ገለ ዓመታት ምስ ኤርትራዊ ናትናኤል ብርሃነ ኣብ ሓንቲ ናይ ፈረንሳ ጋንታ ተሰሊፉ እተጻወተ ዓቢ ፕሮፌሽናል ተቐዳዳማይ እዩ ነይሩ። ብዘይካዚ ኣብ ቅድድም ብሽክለታ ፍሉይ ኣድህቦ ዝገብሩ ፍሉጣት ጋዜጠኛታት ስፖርት ገለ ካብቶም ፈራዶ እዮም።

ብንያም ኣብዚ ዓመት'ዚ ኣብ ዝተገብረ ውድድር ኣሚሳ ቦንጎ - ጋቦን ኣብ ክልተ መድረኻት ቀዳማይ ኮይኑ ክዕወት እንከሎ፡ ምስ ጋንታኡ ኒፖ ደልኮ ዋን ፕሮቨንስ ተሰሊፉ ኣብ ፈረንሳ ኣንጸባራቒ ብቕዓት ኣርእዩ፡ ኣብ ኢጣልያ ላይጐልያ ኣብ ዝተባህለ ዓቢ ውድድር ከኣ ካልኣይ ኮይኑ ተዓዊቱ።

ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ሽልማት ብሉጽ ተቐዳዳማይ ብሽክለታ ኣፍሪቃ ካልእ ንኤርትራ ክትደምቕ ዘብቅዓ ውጽኢት ውልዶ ተቐዳዳማይ ናትናኤል ተስፋጼን ካልኣይ ኮይኑ ምዕዋቱ እዩ። ካብ 10 ብሉጻት ተቐዳደምቲ ኣፍሪቃ እቶም ሓሙሽተ ኤርትራውያን ምኺኖም'ውን እቲ ካልእ ከቢድ ሚዛን ዝወሃቦ ብልጫ እዩ።

**ውጽኢት ናይ 10 ብሉጻት ተቐዳደምቲ ኣፍሪቃ 2020**

1. ብንያም ግርማይ - ኤርትራ
2. ናትናኤል ተስፋጽዮን - ኤርትራ
3. ሞይሽ ሙጊሻ - ርዋንዳ
4. ሄኖክ ምሉእብርሃን - ኤርትራ
5. ዳሪል ኢምፐይ - ደቡብ ኣፍሪቃ
6. ፖል ዳውሞንት - ቡርኪናፋሶ
7. ክሎቪስ ካምዞንግ - ካሜሩን
8. ዩሱፍ ሩጊጊ - ኣልጀርያ
9. ያቆብ ደበሳይ - ኤርትራ
10. ሙሉ ሃይለሚካኤል - ኢትዮጵያ እዮም።

ኤርትራ ብደረጃ ኣፍሪቃ እምብዛ ዓብላሊት ኮይና ምህላዋ ዘርኢ ካልእ መምዘኒ ድማ ካብቶም ኣብ ዝሓለፈ ትሽዓተ ዓመታት ናይ ኣፍሪቃ 10 ብሉጻት ተቐዳደምቲ ኮይኖም ዝተሸለሙ፡ እቶም ሓሙሽተ ኤርትራውያን ምዃኖም እዩ! ንመልከት፡-

- 2012 ዓ.ም ናትናኤል ብርሃነ - ኤርትራ
- 2013 ልዊስ መንተስ - ደቡብ ኣፍሪቃ
- 2014 መኽሰብ ደበሳይ - ኤርትራ
- 2015 ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት - ኤርትራ
- 2016 ተስፎም ዑቕባማርያም - ኤርትራ
- 2017 ልዊስ መንተስ - ደቡብ ኣፍሪቃ
- 2018 ጆሴፍ ኣሩርያ - ርዋንዳ
- 2019 ዳሪል ኢምፐይ - ደቡብ ኣፍሪቃ
- 2020 ብንያም ግርማይ - ኤርትራ!!








# ከዋኽብቲ ብሓባር እንኪወድቑ!

## ማራዶናን ሮሲን



ዲያጎ ማራዶናን ፓውሎ ሮሲን ናይ 1970ታትን 1980ታትን ከዋኽብቲ ተጻወትቲ ኲዕሶ እግሪ እዮም። ክልቲኦም ብሓባር ናብ መላእ ዓለም እተዘርግሐ ጽቡቕ ስም ኣትሪፎም። ክልቲኦም መምስ ሃገራቶም ተሰሊፎም ዋንጫ ዓለም ዓቲሮም። ሮሲ ዝበዝሐ ሸቶታት ብምምዝጋብ ሃገሩ ኢጣልያ ኣብ 1982 ዋንጫ ዓለም ክትዓትር ዝለዓለ ኣበርክቶ ገይሩ። ማራዶና ብወገኑ ኣርጀንቲና ዋንጫ ዓለም 1986 ኣብ ዝጨበጠትሉ መስተንክራዊ ብቕዕዓት ኣንጸባሪቑ። ኣብ ክልቲኡ ዋንጫ ዓለም መተሃላልኽቲ ነይሮም። እቲ ሓደ ንሃገሩ ሸቶ እንተመዝገቡ እቲ ሓደ ድማ ንዓኣ ትዝርዝ ሸቶ ከመዝግብ ይጽዕር። ፓውሎ ሮሲ ንማራዶና ብኣርባዕተ ዓመት ስለዝመርሖ ዝያዳ ተመኩሮ ነይሩዎ። ማራዶና ድማ ንህዝቢ ዓለም ዘርመመ ተክኒካዊ ምልከት ይውንን ብምንባሩ ክልቲኦም ተቐራራቢ ብቕዓት ነይሩዎም። ሮሲ ኣብ ኢጣልያ “ናይ ኩሉ እዋን ኮኾብ ተጻዋታይ” ተባሂሉ ብኽብሪ ይጽዋዕ። ማራዶና ድማ ምስ ፔለ ብሓባር “ናይ ዓለምና ናይ ኩሉ እዋን ዝበለጸ ተጻዋታይ” ተሰምዩ ብፊፋ ተሸሊሙ።




እዞም ኣብ ተመሳሳሊ መድርኽ ብሓባር ዝተጻወቱን ኣብ ኲዕሶ እግሪ ልዑል ስም ዝተረፉን ህቡባት ተጻወትቲ ዓለም ግና ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ሎሚ ክልቲኦም ኣብ ዓለም የለዉን። ኣብ ናይ ሒደት መዓልታት ፍልልይ ነዛ ተኣምራታዊ ኣበርክቶ ዝገበሩላ ዓለም ንሓዋሩ ተሰናቢቶማ።

እዞም ብሓባር ዝዘለሉ፡ ዝተሰምዩን ዝተሸለሙን ኮዋኽብቲ ብሓባር ወዲቖም!! ማራዶና ብ25 ሕዳር 2020 ማለት ቅድሚ ኣስታት ክልተ ወርሒ ዓሪፉ፡ ሮሲ ከኣ ብ9 ታሕሳስ 2020 ሞይቱ። ናይ 12 መዓልታት ጥራይ ፍልልይ!!! እዞም ነገር ፈጣሪ ኮይኑ ብሓባር ዝተፈልዩ ኮዋኽብቲ ብሓባር ክዝከሩ ክኑብሩ እዮም።

# ዲየጎ ማራዶና

ምሉእ ስም፦ ዲየጎ ኣርማንዶ ማራዶና

ሃገር፦ ኣርጀንቲና

ዕለተ ልደት፦ 30 ጥቅምቲ 1960

ዕለተ ዕረፍቲ፦ 25 ሕዳር 2020

ዝስለፈሉ ቦታ፦ ኣከፋፋሊ፡ ካልኣይ ኣጥቃዓይ

ዝተሰለፈን ጋንታታት፦ ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና፡ ቦካ ጁንዮርስ፡ ባርሴሎና፡ ናፖሊ፡ ሰቪያ

ምስ ብራዚላዊ ፔለ ብሓባር ናይ መበል 20 ክፍለ ዘመን ዝበለጸ ተጻወታይ ዓለም ተባሂሉ ዝተሸለመ ድንቂ ኣትሌት እዩ ዲየጎ ኣርማንዶ ማራዶና። እምብዛ ሓጺር፡ ግና ከኣ ምሉእ ሰብነቱ! ማራዶና ኲዕሶ ብምቁጽጻር፡ ንበጻዩ ብዘደንቕ ኣገባብ ብምቕባል ከምኡ'ውን ኲዕሶ እናኾብኮብካ ውሽጢ ሳንዱቕ ልዳት ኣንጻር ጋንታ ብምእታው ዝያዳ ይልለ፡ ናይ ናጻ ቅላዕ ስፔሻሊስት ድማ። ንሰለስተ ኣርባዕተ ተጻወትቲ ኣሽኪዕካ ኀል ምምዝጋብ ወይ ኲዕሶ ንበጻይካ ምቕባል ካብቲ ዝያዳ ኣደናቒ ዝገበሮ ብቕዓቱ እዩ። ቀዳማይ ኣጥቃዓይ ዘይኮነ ክነሱ ሸቶታት ብምምዝጋብ'ውን ፍሉጥ እዩ። ንሱ እንተተሰሊፉ ደቂ ጋንታኡ ርእሰ ተኣማንነቶም ይብርኽ።



ሓለቓ ጋንታ ብምዃኑ ኣብ ውሽጢ ሜዳ ፍሉይ ናይ ምምራሕ ክእለት ይውንን። ኮታስ ማራዶና ዘይመልኮ ኣገባብ ኣጻዋውታ የብሉን - ብዘይካ ብየማናይ እግሪ ምቕላዕ! የማነይቲ እግሩ ኣይመባልዕቱን እያ። ድስፕሊንውን ውሑድ ይብሎ ይኸውን እዩ! ምስዚ ኹሉ ግን ማራዶና ዓለምና ካብ ዝረኣየቶም ኣደነቕቲ ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ጸብለል ኢሉ እዩ ናይ ስፖርት ግዜኡ ሓሊፉዎ። ኣብ ኣርጀንቲና "እቲ ወርቃዊ መንእሰይ" እትብል ሳጓኡ ከኣ ክሳብ ዕለተ ሞቱ ኣሰንዩቶ።

ማራዶና ክልተ ግዜ ብዝለዓለ ዋጋ ካብ ክለብ ናብ ክለብ ዝተሰጋገረ ተጻዋይ እዩ። ኣብ 1982 ካብ ቦካ ጁንየርስ ናብ ባርሴሎና ብ5 ሚልዮን ፓውንድ ክሰጋገር እንከሎ ዝኸበረ ተጻዋታይ ዓለም ብምዃን ሪከርድ ጨቢጡ። ኣብ 1984 ናብ ናፖሊ ብ6.9 ሚልዮን ፓውንድ ኣብ ዝተጸንበረሉ እውን ንኻልኣይ ግዜኡ ዝኸበረ ተጻዋታይ ዓለም ክኸውን በቒዑ እዩ። ብደረጃ ክለባት ኣብ ዝተጻወተሉ ማራዶና ኣውራ ምስ ባርሴሎናን ናፖሊን ሓያሎ ዋናጩን ካልእ ክብርታትን ክጭብጥ ክኢሉ እዩ።

ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና እውን እንተኾነ ዲየጎ ማራዶና ብድምር 91 ዋናጩ ክዓትር እንከሎ፡ ኣከፋፋሊ ክነሱ ድማ 34 ሸቶታት ኣመዝጊቡ። ኣብ 1986 ኣብ ሜክሲኮ ኣብ ዝተገብረ ዋንጫ ሃገራት ዓለም ኣርጀንቲና ንምዕራብ ጀርመን ረቲዓ ዋንጫ ኣብ ዝዓተረትሉ ተራ ማራዶና እጹብ-ድንቂ ዘብል እዩ ነይሩ። በዚን ካልእን ድማ ወርቃዊት ኩዕሶ ክሽለም በቒዑ።

ኣርጀንቲና ንእንግሊዝ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ 2-1 ስዒራ እያ ንግጥም ንዋንጫ ሓሊፉ ምስ ምዕራብ ጀርመን ተራኺባ። ክልቲኤን ናብ እንግሊዝ ዝተመዝገባ ሸቶታት ናይ ማራዶና እየን፡ ክልቲኤን ድማ ኣብ ዓለም ብፍሉይነተን ንዘንተ እለት ተዘከርቲ እየን። እታ ቀዳመይቲ ሸቶ ማራዶና ዘሊሉ ምርካብ ምስ ሰኣና ኢዱ ሓዊሱ ዘመዝገባ እያ። ብጋዜጠኛታት ምስ ተሓተተ "ኢድ ኣምላኽ" ኢሉ ዝሰመያ ኣዝያ ተዘካሪት ሸቶ ድማ እያ። እታ ካልኣይቲ ከኣ ማራዶና ካብ ኣስታት 60 ሜትሮ ርሕቀት እናኾብኮበ ዝወሰዳ ኩዕሶ ንሓሙሽተ ተጻወትቲ እንግሊዝ ኣሸኪዑ ዘመዝገባ እያ። እዛ ሸቶ'ዚኣ ናይ መበል 20 ክፍለ ዘመን ዝበለጸት ተባሂላ ኣብ 2002 ብማሕበር ኩዕሶ እግሪ ዓለም ማለት ፊፋ እተሸለመት ብምዃና'ውን ንውሉድ ወለዶ እናተዘከረት ክትነብር እያ።

ካብ ድኻታት ስድራቤት ኣብ ሻውላት ብዎኖስ ኣይረስ እተወልደ ዲየጎ ማራዶና፡ ድሕሪ ኣርባዕተ ኣዋልድ እተወልደ ናይ ፈለማ ወዲ ተባዕታይ እዩ። ድሕሪኡ እተወልዱ ክልተ ኣወዳት ናቱ ጽልዋ ሓዲሩዎም ፕሮፌሽናል ተጻወትቲ ክኾኑ በቒዖም። ወለዲ ማራዶና - ኣቦኡ ኣብ መበል መበል 88 ዓመት ኣብ 2015፡ ኢጣልያዊ መበቈል ዘለዋ ኣደኡ ከኣ ኣብ መበል 81 ዓመታ ኣብ 2011 ኣብ ናይ ኣርባዕተ ዓመት ፍልልይ ዓሪፎም።

ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ ማራዶና ክቱር ሃገራዊ ስምዒት ከምዘለዎ እዩ ዝንገረሉ። ኣብ 1980ታት ሃገሩ ኣንጻር ብሪጣንያ ኲናት ኣብ ዝገጠመትሉ እዋን ንብሪጣንያ ዘዋርድ ዘረባታት የሰምዕ ነይሩ። ናብታ ሃገር'ውን ከይኣቱ ተኣጊዱ ነይሩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ፖለቲከኛ እኳ እንተዘይኮነ ብስምዒት ደጋፊ ሰውራውያን እዩ። ምስ ፊደል ካስትሮ፡ መራሒ ቦሊቭያ ኢቮ ሞራለስ፡ ምስ መራሒ ቬኑዝዌላ ዝነበረ ኡጎ ቻቬዝ ፍሉይ ዕርክነት ኣለዎ። ኣብ የማናይ ቅልጽሙ ምስሊ ካስትሮ ኣብ ጸጋማይ ቅልጽሙ ድማ ምስሊ ኣርጀንቲናዊ ተቓላሳይ ዝነበረ ቼ ጉቬራ ውቃጦ ኣለዎ። ኣብ ጉዳይ እስራኤልን ፍልስጤምን ከኣ ንፍልስጤማውያን ደጊፉ ብዙሕ እዋን ኣንጻር እስራኤል ዝተፈላለየ ዘለፋታት ኣስሚዑ እዩ። ኣብ 2004 ኣንጻር'ቲ ኣመሪካ ኣብ ዒራቕ ዘካየደቶ ወራር ኣብ ዝቖነ ሰፊሕ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ'ውን ተሳቲፉ ነይሩ። ብዛዕባዚ ኣብ ዝተሓተተሉ ድማ፡ "ኣብ ልዕሊ ኣመሪካ ክቱር ጽልኢ ኣለኒ" ክብል መሊሱ።

ዲየጎ ማራዶና ምስዚ ኹሉ ብቕዓቱ ኣብ ስፖርታዊ ድስፕሊን ንኡድ ኣይነበረን። ገና ተጻዋታይ እንከሎ ኣብ 1991 ከምኡ'ውን ኣብ 1994 ሓሽሽ ኪወስድ ስለዝተረኽበ ንነውሕ ዝበለ ግዜ ተቐጺዑ ነይሩ እዩ። እዚ ናይ ሓሽሽ ወልፊ ክሳብ ዕለተ ሞቱ ኣይለቐቖን። ማራዶና ካልእ ብሕማቕ ግና ድማ መስሓቕ ጠባዩ ዝልለየሉ ተግባር ከኣ ከዘራርብዎ ወይ ክስእልዎ ምስ ዝመጽኡ ጋዜጠኛታት ወትሩ ኣብ ባእስን ቈይቀትን ዝጽመድ ምዃኑ እዩ። ሓደ እዋን ንገለ ጋዜጠኛታት ሽጉጥ ስለዝመዘዘሎም ንክልተ ዓመትን መንፈቕን ተኣሲሩ ነይሩ። ሓደ መዓልቲ ድማ ምስ በዓልቲ ቤቱን ደቁን እናተዛወረ እንከሎ ክስእሎ ንዝቐረበ ጋዜጠኛ ብጽፍዒት ኣላዒዱዎ እዩ። ስለምንታይ ከምኡ ከምዝገበረ ብፖሊስ ምስ ተሓተተ፡ "ንበዓልቲ ቤተይ ዓይኑ ጸቒጡላ" ክብል እዩ ቃሉ ሂቡ። ብስሓቕ



ትዋሕ ዝበሉ ፖሊስን ከሳሲኡን ድማ ናጻ ለቒቖምዎ።

ኣብ ጉዳይ ኣተሓሕዛ ገንዘብ ማራዶና ጸገም ኣለዎ። እዚ ኹሉ ፕሮፌሽናል ተጻዋታይን ኣሰልጣኒን ኮይኑ ክሳብ ዕለተ ሞቱ ቀጺሉ ክነሱ ገንዘብ ዝበሃል የብሉን። ኣብ ኢጣልያ ግብሪ ናይ ዘይከፈሎ 37 ሚልዮን ኤውሮ ውንዙፍ ዕዳ ኣለዎ። ሓደ እዋን ክበጽሕ ናብታ ሃገር ምስ ከደ ፖሊስ ሒዞም ቤት ማእሰርቲ ወሲዶምዎ። ዕዳኡ ክኽፍል ምስ ሓተትዎ ከኣ "ዘለኒ የብለይን" ክብል መሊሱ። "ብብቕሩብ ክኽፍለኩም እየ" ድሕሪ ምባል ብድምር 42 ሽሕ ኤውሮ ዝዋጋእን ወርቃዊት ሰዓቱን ናይ ክልተ እዝኑ ስቑሪንን ኣውጺኡ "እዚኤን እየን ትሕዝቶይ" ብምባል ኣረኪብዎም! ዝተረፈ ከይከፈሎ ሞት ኣርኪብዎ።

ልዕሊ ዓቕን ከሲ ው ዝነበረ ማራዶና ብዝተፈላለየ ሕዱር ሕማማት ክሳቐ ዝጸንሐ ኮይኑ ብ2 ሕዳር 2020 ኣብ ሓንጎሉ ደም ፈሲሱዎ ሆስፒታል ኣትዩ። ዕዉት መጥባሕቲ ተኻይዱሉ ግና ድሒሑ ካብ ሆስፒታል ወጺኡ። እንተኾነ ኣብ ሰለስተ ቅነኡ ብ25 ሕዳር 2020 ኣብ መንበሪ ገዝኡ {ከተማ ብዌኖስ ኣይረስ} እንከሎ ብሃንደበታዊ ወቕዒ ልቢ ዓሪፉ!! ስነ ስርዓት ቀብሩ ድማ 10ታት ኣሽሓት ቀባር ኣብ ዝተረኽብሉ ብኽብ ዝበለ ኣገባብ ተፈጺሙ!!

# ፓውሎ ሮሲ



ምሉእ ስም፡- ፓውሎ ሮሲ

ሃገር፡- ኢጣልያ

ዕለተ ልደት፡- 23 መስከረም 1956

ዕለተ ዕረፍቲ፡- 9 ታሕሳስ 2020

ዝስለፈሉ ቦታ፡- ኣጥቃዓይ

በዓልቲ ቤት፡- ፈደሪካ ካፐለቲ {ካልኣይቲ ሰበይቱ}

ውላድ፡- ሰለስተ - ኣለሳንድሮ፡ ሶፍያ ኢለና፡ ማርያ ቪቶርያ

ፓውሎ ሮሲ ኣውራ ኣብ 1982 ኣብ ዝተኻየደ ዋንጫ ዓለም ብዝሰርሖ ቅያ እዩ ዝፍለጥ። ናይቲ ውድድር ዝበዝሐ ሸቶታት ብምምዝጋብ ንሃገሩ ኢጣልያ ዋንጫ ኣሕቂፉዋ! ንባዕሉ ድማ ዝበዝሐ ሸቶታት ዘእተወ ተባሂሉ ወርቃዊ ጫማ፣ ኣብቲ ውድድር ዝበለጸ ብቕዓት ዘንጸባረቐ ተባሂሉ ከኣ ወርቃዊት ኩዕሶ - ድርብ ሽልማት ክዓትር ዝበቕዐ በዓል ቅያ ኣትሌት እዩ። ሮሲ ካልእ ዝዝከረሉ ኣጋጣሚ ኣብ ተመሳሳሊ ዓመት ብሉጽ ተጻዋታይ ኤውሮጳ ባሎን ደ ኦር ምስማዩ እዩ። ምስ ሮቤርቶ ባጅዮን ክሪስትያን ቬሪን ብማዕረ ሽዱሽተ ሸቶታት ብምምዝጋብ'ውን ኣብ ታሪኽ ኢጣልያ ኣብ ዋንጫ ዓለም ዝበዝሐ ሸቶታት ዘቖጸረ ተጻዋታይ ዝብል ክብሪ ለቢሱ እዩ።

ብደረጃ ክለብ ፓውሎ ሮሲ ምስ ቪቸንሳ፡ ጁቨንቱስ ከምኡ'ውን ኤሲሚላን ተሰሊፉ ብዙሕ እዋን ኮኾብ ኣመዝጋቢ ሸቶ ኮይኑ ተሸሊሙ። ሰረ ኣ ኢጣልያ፡ ኮፓ ኢጣልያ፡ ዌፋ ሱፐር ካፕ፡ ዩሮፕያን ካፕን ካልኦትን ዋናጩ ክጭብጥ ዝበቕዐ ዕዉት ስፖርተኛ እዩ።

ፓውሎ ሮሲ ካብ ኩዕሶ እግሪ ድሕሪ ምጥራቱ ኣብ ክልተ ዓውደ ስራሓት ተዋፊሩ እዩ መነባብሮኡ ክመርሕ ጸኒሑ። ምስ ሓደ መሻርኽቱ ዝውንኖ ፋብሪካ የካይድ። ካብ ኩዕሶ እግሪ ንዘይምርሓቕ ድማ ኣብ ከም ተለቪዥን ስካይ፡ ሚድያ ሰት ከምኡ'ውን ራይ ስፖርት ከም ተንታኒ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኮይኑ ክሳብ ዕለተ ሞቱ ሰሪሑ።

ሮሲ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ናይ 2020 ብሕማም ካብ ዓለም ተፈልዩ። በዓልቲ ቤቱ ፈደሪካ ፐለቲ ኣብ ማሕበራዊ ገጻታ ፌየስቡክን ኢንስታግራምን ኣብ ዝዘርግሓቶ ናይ ሓዘን መእልኽቲ፡ "እቲ በዓል ብዙሕ ክብርታት ፓውሎ ካብ ሎሚ ንነዮ ምሳና የለን" ኢላ። ብምንታይ ከምዝሞተ ኣይገለጸትን፣ እንተኾነ ብከቢድ ሕማም መንሽሮ ይሳቐ ብምንባሩ ጠንቂ ሞቱ ንሱ ክኸውን ከምዝኽእል ይግመት። ስነ ስርዓት ቀብሩ ብኣሽሓት ፈተውቱን ኣድነቕቱን ተሰንዩ ብ12 ታሕሳስ ኣብ ዝተፈጸመሉ እዋን፡ መንበሪ ገዝኡ ሰረቕቲ ኣትዮም ክቡር ክቡር ዝበሃል ንብረቱ ተወሲዱ ጸኒሑ! እታ ብመርበብ ማፍያ ግንንቲ ዝኾነት ሃገር ስርቂ ዛጊት ከምዘይበለየላ ዘርኢ ዘሕዝን ፍጻመ!!

## መለሳ

# ኣየነይተን ተስሕቕ

*1*

ሰበይቲ ንበዓል ቤታ፥ "ገንዘብና ኣብ ዘቐመጥኩ ኣቐምጦ፡ እዚ ሞኾታ ወድና ይሰርቔ'ሎ"። ሕጂስ ኣበይ ከም ዝቐምጦ ከማን ጨኒቑኒ። እንታይ ተማኽረኒ፡"

ሰብኣይ፥ "ኣብ ማእከል መጻሕፍቱ ዘይተቐምጥዮ። ቁሊሕ ኢሉ ኣይክርእዮን እዩ።"

*2*

ሰብኣይን ሰበይትን ሓደ ጉዳይ ኣልዒሎም ይታረኹ ነበሩ። ክልቲኦም ካብ ሓድሕድ ኣይሕሹን እዮም። ሰብኣይ ይዛረብ፡ ሰበይቲ'ውን ተቐቢላ ማዕረ ማዕረኡ።

ሰብኣይ ከናፍሩ ረምጢጡ ርእሱ የማነ ጸጋም እናወዛወዘ፥

"ፈሊጥኪ፡ እንታይ ደፊኑኒ ኣይፈልጥን፡ ኣነ ንዓኺ ክምርያ ክውሰን ከለኹ፡ ናብ ብሓቂ ዓሻ'የ ነይረ" ይብላ።

ሰበይቲ ድማ ርእሳ ንላዕልን ቁልቁልን እናወዛዝወዘት፣-

"ሓቅኻ! ኣነ'ውን ብፍቕሪ ዓዊረ ስለዝነበርኩ፡ ንዕኡ ከየስተብሃልኩ'የ ክምርዓወካ ፍቓደኛ ኾይነ"

*3*

መምህር፣ "ስለምንታይ ደንጕኻ?"

ተመሃራይ፣ "ድቃስ ጠሊሙኒ"

መምህር፣ "ዋእ! ዋላ ኣብ ገዛ ዲኻ ትድቅስ፤!"

*4*

ሕቶ፥ "ሃካይ ዝሰብኣያ ሰበይቲ፡ ሰብኣያ ምዛር ከም ዝለመደ ብኸመይ ትፈልጦ?"

መልሲ፥ "ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ 'ሻወር' ክገብር እንተጀሚሩ"

*5*

ረዘነ ኣብ ኩርናዕ ናይ ሓደ መንደቕ ተጸጊዑ ሽጋራ የትክኽ ንዝነበረ ዓርኩ፥

"ስማዕስከ ሰበይትኻ ስለዘይትፈቕደልካ ዲኻ ደኣ ኣብዚ ተሸኒግካ ተትክኽ ዘሎኻ?" ክብል ሓተቶ።

"ሰበይተይ ኣብ ዝኾነ ቦታ ኮይነ ከትክኽ ኣይፈቕደለይን እያ።" መግለጺ ጀመረ ከሰተ፥ "ምኽንያት ምስ ሓተትክዋ"

"'ንዓይን ንሽጋራን ዝኸውን ዓቕሚ የብልካን' እያ ትብለኒ" ወሰኸ።

*6*

ኣብ ሓደ ለይታዊ ትልሂት እዩ። ሄኖክን ሄለንን ብሓደ እናሳዕሰዑ

ሄኖክ፥ "ዋው ቤላ ኢኺ ትስዕስዒ!"

ሄለን፥ "የቐንየለይ! እ... ኣነ'ውን ከምኡ ክብለካ ኣዝዩ ባህ ምበለኒ። ግና ሓቂ ሓይሽ..."

ሄኖክ፥ "ደርጕሕዮ እምበር! 'ተኸፍኣ ከምዚ ናተይዶ ምሕሳው ከይትስእኒ?"



# ቅኔ ትግርኛ

ቅኔ ሓደ ሕብረ ቃል ተጠቒምና ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ትርጉም እንረኽበሉ ኣገባብ እዩ። ካብ'ዚ ብምቕጻል፡ ደራሲ ብርሃነ ዘርኣይ "ቅኔ ትግርኛ" ኣብ ዘርእስታ መጽሓፉ ካብ ዘስፈሮም ንሎሚ ናይ 5 ቅኔ ምስ መልሶም (ንባቦምን ምስጢሮምን) ኣቕሪብና ኣሎና። ቅድሚ መልሲ ምርኣይናን ንፈትኖም።

1. ትዕዝብ እንተበልክዋ ጠባያ ልማዳ
   ልባስ ኣይትህብን ናይ ሓፍታ ወሲዳ

2. ነዊሕ እዩ መገዱ ኣጽኒዕካ ጽዓኖ
   ካልእ ዋጋ የብሉን ንቕድም ወድኖ

3. እርምቲ'ያ ጠባያ ንሳስ ካብ ቀደማ
   ከመይ'ሉ ደኣ ሕጂ ኢሉዋ ሓሲማ

4. እንታይ ረኺብዋ ንታሕቲ ዓንዲራ
   ዘይተሓሰበ ድንገት መጺእዋ ዛራ

5. ከምዝን ኢሉ ርእየዮ ትማሊ
   ምስኣቶም ክጓነጽ ኣይረኸበን ሓይሊ

## መልሲ

1

ንባቡ፥ ጠባያን ልማዳን እንተተዓዘብክዋ፡ ልክዕ ከም ሓፍታ ብቐሊሉ ልባ ኣይትህብን።

ምስጢር፥ ጠባያን ልማዳን እንተተዓዘብክዋ፡ ልክዕ ከም ሓፍታ ሓድሽ እምበር ዝተለብሰ ኣይትህብን።

2

ንባቡ፥ እቲ መገዲ ነዊሕ ስለዝኾነ፡ ኩሉ ገዲፍካ ብቐዳምነት ነቲ ዝጸዓን ሚዛኑ ሓሊኻ ክትውድኖ፡ ኣብ ማእከል ክትኣስሮ ይግባእ።

ምስጢሩ፥ እቲ መገዲ ነዊሕ ስለዝኾነ፡ ጽዕነትካ ሒዝካ ምስ ካልእ ካብ ምኻድ ወድኖኻ ምፍታው የድሊ።

3

ንባቡ፥ ንሳ ካብ ቀደማ ጠባያ እርምትን ወረጃን እያ። ከመይ`ሉ ንሱ ሕስምትን ርግምትን ይብላ ኣሎ።

ምስጢር፥ ንሳ ካብ ቀደማ እርምትን ትዕግስተኛን እያ። ንሱ ደኣ ሕጂ ከመይ ኢሉ ብጓላ ኣይጸንሓትንን ይብል።

4

ንባቡ፥ እንታይ ደኣ ኾይና ንታሕቲ ገጻ ትዕንድር፡ ብድንገት ሕማማ ስለዝመጻ እዩ።

ምስጢሩ፥ ንታሕቲ ገጻ እናዓንደረት ዝኸደት ሃንደበት ዘይተሓስበ ዛራ ማይ (ውሕጅ) ስለዝመጻ እዩ።

5

ንባቡ፥ ከምዝን ኢሉ ትማሊ ርእየዮ ነይረ፡ ግና ምስቶም ዘምዝኑ ክጓነጽ ኣይከኣለን።

ምስጢር፥ ከም ፍዝዝ ኢሉ ትማሊ ርእየዮ ነይረ፡ ምስቶም

# ሕማም ረሲዕ ንምክልኻል ዝጠቅም ኣመጋግባ



ኣብ ህንዲ ዝበቑሉ ቀመማት፡ ንኣረግቶት ዘጥቅዑ ሕማማት ኣእምሮ ኣብ ምክልኻል ክጠቅሙ ከም ዝኽእሉ ምንጭታት ሓቢሮም። ሰባት ብዕድመ ኣብ ዝደፍኡሉ ግዜ ናይ ምዝካር ክእለቶም እናደኸመ ከም ዝኸይድ ይፍለጥ። ኣብ ገለ ኩነታት ግና ኣእምሮ ክሳዕ ምስሓት ዘብጽሕ ሕማም 'ረሲዕ' ከማዕብሉ ይኽእሉ። ብሰንኪ እርጋን ሓንጐል እናደኸመ ዝኸደሉ ኩነታት፡ ዝተወሰኑ ዓይነታት መግቢ ብምዝውታር ክእገድ ከምዝከኣል ክኢላታት ህንድን ኣውስትራልያን ይሕብሩ።

እቶም ክኢላታት ካብ ዝጠቕስዎ ናይ ቀመም ዓይነት፡ ህሩድ ክኸውን እንከሎ ዓሳን ዘይቲ ዓሳን እውን ተመሳሳሊ ረብሓ ኣለዎም። ካብ መስተ ኸኣ ቀይሕ ነቢት ጠቓሚ ከም ዝኾነ እቲ ሓበሬታ የረድእ። ብሕማም ረሲዕ ኣብ ዝተታሕዙ ናይ ኣረግቶት ሓንጐል ዝርከቡ ዋህዮታት፡ ኣሚሎይድስ ብዝተባህለ ዓይነት ፕሮቲን እናተሰመሙ ካብ ጠቕሚ ወጻኢ እናኾኑ ይኸዱ። ነቲ ኣሚሎይድስ ዝተባህለ መርዛም ፕሮቲን ክኣሊ ዝኽእል ኣንቲ ኦክሲዳንት' ድማ ኣብ ህሩድን ኣብ'ቶም ዝተጠቕሱ መግብታትን ከም ዝርከብ እቲ ጸብጻብ የረድእ።

ብዕድመ እናደፍኡ ዝኸዱ ሰባት፡ ኣብ መዓልቲ ናይ ፍርቂ ሰዓት ጉዕዞ እግሪ ወይ ኣካላዊ ምውስዋስ (ኤሮቢክስ) እንተገይሮም ሕማም ከየማዕብሉ ክሕግዞም ይኽእል። ምስ'ዚ ብዝተታሓሓዘ ክኢላታት ኣውስትራልያ፡ ሕማም ረሲዕ ቅድሚ ምምዕባሉ ዕስራ ዓመት እቲ ሕማም ከም ዝጋሃድ ክቕልዕ ዝኽእል መሳርሒ ከም ዝተማህዘ ኣፍሊጦም ኣለዉ።

ህሩድ ምምጋብ ሽኮርያ ዘለዎም ሰባት ናይ ምርኣይ ጸገም ከየማዕብሉ ከም ዝሕግዝ ምንጭታት ብተወሳኺ የረድኡ።

# ዘስደምሙ ሓቅታት

ሺሃብ ኣርኣያ

## ኣብ እንስሳታት’ውን ቅልውላው መንነት?!

ናይ መንነት ቅሉውላው ዘለዎም ሰባት ኣጋጢሞምና ይኾኑ’ዮም። እንስሳኸ ከምዚ ዓይነት ጸገም ይሕዞ ድዩ፧ ኣብ መካነ እንስሳታት ሊንግሌት ሳፋሪ ፓርክ ዓባይ ብሪጣንያ ዝርከብ ሓደ ተባዕታይ ሰገን፡ ምስ ኣድጊ በረኻ ብምትዕርራኽ፡ ልክዕ ከም ናታቶም ባህርያት ከንጸባርቕ ጀሚሩ። ሰራሕተኛታት’ቲ መካነ እንስሳ፡ እቲ ተባዕታይ ሰገን፡ ምስ’ቶም ኣድጊ በረኻ ክውዕል፡ ክጐዪ፡ ክምገብ፡ ጭራኦም ከንቀሳቕሱ እንከለዉ ንሱ’ውን ከምኡ ክገብር ክፍትንን ምሳኦም ዘወን ምባልን ከም ዝፈቱ ምስ ተዓዘቡ ጋንዩ ኰይንዎ።

እቲ ዝገደደ ብመሰረት ባህሪ ሰገን፡ እቲ ተባዕታይ ሰገን ኣብ ክንዲ ኣብ ልዕሊ’ቲ መጻምድቱ ዝወለደቶ እንቋቑሖ ብምድቃስ፡ ክሳብ ዝጫጫሕ ዝተሓጋገዛ፡ ንዕማሙ ምርሕራሑ’ዩ።

ጀሚስ ሁክ ዝተባህለ ሓደ ካብ ሰራሕተኛታት’ቲ ትካል፡ “ ነቲ ዝተወልደ እንቋቑሖ ከይንኸስር፡ ካልእ ተባዕታይ ሰገን ከነምጽእ ኢና’ምበር፡ እዚ ናትናስ ኣድጊ በረኻ ኰይኑ ይስማዖ ስለ ዘሎ፡ ኣይክሰምዓናን’ዩ” ብምባል፡ ብምግራም ይዛረብ።



## እቲ ስኒ ኣልቦ ኣፍቃሪ ጊነስ

ሪት ቺ ዝበሃል ሽማግለ ሂንዳዊ፡ ስሙ ኣብ መጽሓፍ ጊነስ ምእንቲ ክጸሓፍ ናይ 200 ዝተፈላለያ ሃገራት ባንዴራን፡ ኣርማ 166 ዝተፈላለያ ኣሃዱታት ሰራዊትን ኣብ ነብሱ ተወቂጡ።



እዚ ሽማግለ ቅድሚ ሕጂ’ውን ኣብ ኣፉ 946 ፍረ ክርቢት ብምእታውን፡ ኣብ 39 ካልኢት ምልእቲ ጥርሙዝ ካችኣብ ብምስታይን ስሙ ኣብ ጊነስ ኣስፊሩ’ዩ። እቲ ዘገርም ኣብ ኣፉ ነቲ ፍረ ክርቢት ዝኸውን ቦታ ምእንቲ ክረክብ፡ ነተን ዝርካበን ኣስናኑ ምስዳዱ’ዩ።

ድሕሪ’ቲ ፍጻመ ጋዜጣ ደይሊ መይል “እቲ ኣስናን ዘይብሉ ኣፍቃሪ ጊነስ” ዝብል መጸውዒ ሂባቶ’ላ።

## ኣብ ትሕቲ ዓራት እተረኽቡ ጉዳም ነገራት

ኡዲ እተባህለ መርበብ ሓበሬታ፡ እዞም ዚስዕቡ ኣብ ትሕቲ ዓራት እተረኽቡ ኣገረምቲ ነገራት ዝበሎም ዘርዚሩ’ሎ፥

- ኣብ 2013 ውሩይ ተጻዋታይ ክሪኬት ጋይ ዋይቶል፡ ኣብ’ቲ ውቑብ መንበሪ ቤቱ ደቂሱ እንከሎ ሃተፍተፍ ዝመልኣ ለይቲ ኣሕለፈ። ንጽባሒቱ ድማ ክልተ ሜትሮን ፈረቓን ዝቘመቱ ሓርገጽ ኣብ ትሕቲ ዓራቱ ደቂሱ ጸኒሕዎ።



- ሓደ ዓሚል ብዛዕባ ሕማቕ ሽታ’ቲ ደቂሱሉ ዝነበረ ክፍሊ ጥርዓን ድሕሪ ምቕራቡ፡ ሰራሕተኛታት ጽሬት ናይ’ቲ ኣብ ከተማ ኪንሳስ ክፍሊ ሃገር ሚዞሪ ኣመሪካ ዝርከብ ሆቴል ካፕሪ ብዘካየድዎ ተፍቲሽ፡ ኣብ ትሕቲ ዓራት ዝመሽመሸ ሬሳ ረኺቦም። እቲ ሬሳ ብኸመይ’ዩ ናብ’ቲ ክፍሊ ኣትዩ ምጽራይ ጀሚሮም ከም ዘለዉ ድማ ኣዛዚ ፖሊስ እታ ከተማ ሓቢሩ’ሎ።
- ናኦሚ ዛህሪ ዝተባህለት ኣመሪካዊት ንኽልባ ክትደሊ ኣብ ትሕቲ ዓራት ምስ ጠመተት፡ ድቃስ ዝጠለሞ ሰራቒ ኣብ ቤታ ጸኒሕዋ።
- ሓደ ቻይናዊ፡ እቲ ኣብ 2015 ኣብ ዞባ ጉዋንዱንግ ዝርከብ መንበሪ ቤቱ ተኻርዩ ዝነበረ መንእሰይ ሃንደበት ስለ ዝጠፍአ፡ እቲ ገዛ ንኻልእ ተኻራያይ ቅድሚ ምክራዩ ከጽርዮ ብዝብል ሓሳብ ናብ ትሕቲ ዓራት ምስ ጠመተ፡ ኣስታት ሓደ ሚልዮን ዶላር ኣመሪካ ዝሓዘ ኣርባዕተ ባኮታት ጸኒሕዎ።
- እቲ ቅድሚ 274 ዓመት ዝተሰርሐ “ቪውኦክቶምበስ” ዝጽዋዕ ቫዮሊን፡ ኣብ ዓለም እቲ ዝኸበረን ዓበይቲ ሙዚቀኛታት ዝተጻወቱሉን መሳርሒ ሙዚቃ’ዩ። እዚ ቫዮሊን ንኣስታት ፍርቂ ዘበን ኣብ ትሕቲ ዓራት ዋንኡ ተረሲዑ ብምጽናሕ፡ ኣብ 2014 ድሕሪ ምርካቡ፡ ብጨረታ ብ16 ሚልዮን ዶላር ተሸይጡ።

ንስኹም’ውን ኣብ ዝሓደርኩምዋ ሆቴልን ዝኣተኹም ሓዲሽ ገዛን ኣብ ትሕቲ ዓራት ፈትሹ። መን ይፈልጥ፡ እንተስ ክዘምተኩም ዝኣተወ ፈገር፡ እንተስ ዝተረሰዐ ገንዘብ ትረኽቡ ትኾኑ።

## ኣገረምቲ ሕግታት



ኣብ መላእ ሃገራት ዓለምና ዝተሰነዱ ኣገረምቲ ሕግታት ኣለዉ። እዞም ሕግታት ዋላ'ኳ ሎሚ ኣብ ግብሪ ክውዕሉ ኣጸገምቲ እንተኾኑ፡ ክሳብ ሕጂ ግና ኣብ ወረቐት ተሰኒዶም ኣለዉ። ክሳብ ዘይተሰረዙ ድማ፡ እንተተጣሒሶም ከቕጽዑኻ ይኽእሉ'ዮም።

◆ ኣብ ዴንማርክ ማኪናኻ ቅድሚ ምዝዋርካ ኣብ ትሕቲኣ ደኒንካ ብምጥማት ሰብ ወይ እንስሳ ደቂሱ ከይህሉ ከተረጋግጽ ዘገድድ ሕጊ ኣሎ። ሰንበት መዓልቲ ድማ ሓሰማታት ምሕጻብ ኩልኩል'ዩ።

◆ ኣብ ኣየርላንድ ኣብ ቅድሚ ከብቲ ቢራ ምስታይ ኣይፍቀድን'ዩ።

◆ ኣብ እስራኤል ቀዳም መዓልቲ ልዕሊ 13 ስጉሚ ክትከይድ ኣይፍቀድን።

◆ ኣብ ቡሩንዲ፡ ሓሙሽተ ህጻናት ዝወለደት ኣደ ድሙ ከተዕቢ ኣይፍቀዳን'ዩ።

◆ ኣብ ሃንጋሪ ኣብ ቅድሚ ባንክ ደው ኢልካ ኣይስክሬም ምብላዕ 50 ዶላር የቕጽዕ።

◆ ኣብ ናይጀርያ፡ ዝኾነ ተመሃራይ ኣብ ዓመት ክልተ መዓልታት ከብኩር ፍቓድ ኣለዎ።

◆ኣብ ፐንሰልቨንያ ሕ.መ.ኣመሪካ፡ ነብስኻ እናተሓጸብካ ዓው ኢልካ እንተደሪፍካ 50 ዶላር ትቕጻዕ።

◆ ኣብ ቨርሞንት፡ ዝኾነት ሰበይቲ ብዘይ ፍቓድ በዓል-ቤታ ኣርተፊሻል ስኒ ክትገብር ኣይፍቀዳን'ዩ። ስለ'ዚ በዓል-ቤትኪ ባህ እንተዘይኢሉዎ ጓህማም ኰይንኪ ክትነብሪ ኢኺ ማለት'ዩ። እተን ደቀንስትዮ ተኸታተልትና እንድዒ'ምበር፡ ደቂ-ተባዕትዮ ግና፡ “እዛ ሕጊ ኬፍ ኣለዋ” ትብሉ ምህላውኩም ዳርጋ ርጉጽ'ዩ። ተስፋ ንገብር ኣሓትና ዘለወን ርእይቶ ክካፍላና።

# ኮሮና ዝሰዓረት በዓልቲ ጸጋ ዕድመ

ሓንቲ ጓል 99 ዓመት ናይ ዕድመ በዓልቲ-ጸጋ ንኮቪድ-19 ብምስዓር ምሉእ ብምሉእ ካብ'ቲ ሕማም ናጻ ድሕሪ ምዃና፡ መዛረቢ ማዕከናት ዜና ዓለምና ክትከውን ኪኢላ።

እዛ ማርግሬታ ክራንጂሲክ ዝተባህለት ዩክሬናዊት ሽማግለ፡ ኣብ'ቲ እትነብረሉ መእለዪ ኣረጋውያን ተለኺፋ ኣብ ሆስፒታል ከተማ ማርሎቫክ ብዝተገብረላ ክንክን፡ ድሕሪ ሰለስተ ሰሙን'ያ ምሕዋያ ተረጋጊጹ።

“ዘለዋ እርጋንን ድኸመት ኣካላታን ኣብ ግምት ብምእታዉ ንኮሮና ክትስዕር ምኽኣላ፡



ኪኖ ትኣምር፡ ካልእ እንበሎ የብልናን” ይብሉ ሓካይም ከተማ ማርሎቫክ። እንተ'ታ ሽማግለ ናይ ዕድመ በዓልቲ-ጸጋ ግና፡ “ሚእቲ እንተዘይመሊኣያስ?!” ክትብል'ያ ተሰሚዓ።

# ፍቕሪ ብምልምማድ`ዩ

ብፍቕሪ ሓንቲ ጐርዞ ዝተሰነፈ ታይዋናዊ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት 1320 ደብዳበታትን ዕምባባታትን ፍቕሪ ብፍቕሪ ናብ ዝበሃጋ ጎርዞ ለኣኸ። “ኣመናየ ዘፍቅረኪ፡ መን ምዃነይ ግና ሕራይ ምስ በልክኒ'የ ዝገልጸልኪ” ዝብል መዛዘሚ መልእኽቲ ዘለዎ፡ ብፍቕራዊ ቃላት ዝወቀበ ካብ ስም ኣልቦ ሰዓዲ ብዝውሕዝ ደብዳበ ፍቕሪ ዝተደብደበት ጐርዞ፡ ዓቕላ ምስ ጸበባ ጸገማ ንፖሊስ ሓበረት።

ፖሊስ ድሕሪ ዝገበሮ ምጽራይ፡ ኣብ ጋዜጣታት ታይዋን “እቲ ሓናኽ ኣፍቃሪ” ዝብል ስያመ ዝተዋህቦ መንእሰይ፡ ኣብ'ቲ እታ ዘፍቀራ ጎርዞ እትሰርሓሉ ትካል ንሰለስተ ዓመት ዝሰርሐ ኮይኑ ረኺቦ።

እታ ጎርዞ ብመሳርሕታን ነቲ ዛንታ ብዘንበቡ ሰባትን ድሕሪ ዝተገብረላ ምሕጽንታ፡ ዋላ'ኳ ምስ ሰዓዲ ደብዳበ ብፍቕሪ ክትቁረን ፍቓደኛ እንተዘይነበረት፡ ኣብ ልዕሊኡ ግና ክሲ ኣይመስረተትን። “ኣይትሓዘለይ፡ ኣየፍቅረካን'የ” ብምባል ጥራይ'ያ ንብዙሓት ዘሕዘነ መልሲ ሂባቶ።

እቲ ካልእ ገጽ ዘገርም ናይ'ዚ ዛንታ ድማ፡ እታ ጎርዞ ምስ'ቲ ንኽልተ ዓመት መመላእታ መዓልታዊ ዕምባባን ደብዳበን ዘመላልሰላ ዝነበረ ሰራሕተኛ ጾስጣ ፍቕራዊ ዝምድና ምጅማራ'ዩ። ፍቕሪ ብምልምማድ'ዩ ክብልኹም ከምዚ'ዩ።



## ተባዕ ኣሳሳዪት

ሓደ ሃብታም ሊብኖሳዊ መንእሰይ ንማዕከናት ዜና ዓዲሙ፡ ንታ ኣብ ክቡር ቤት መግቢ ዝቚጸራ ኣፍቃሪቱ፡ ኣብ ቅድሚ ዕዱማትን መራሒ ሃይማኖትን ተንበርኪኹ ካትም ቃል ኪዳን ብምሓዝ ናይ ተመርዓውኒ ሕቶ ኣቕረበላ። እታ ብሃብታ ካብኡ ዘይትሰንፍ መንእሰይ ግን ንሕቶኡ ብምንጻግ "ኣይምርዓወካን'የ" ዝብል መልሲ ሂባ ካብ'ቲ ቤት መግቢ ወጸት።

ድሕሪ'ዚ፡ ሓንቲ ኣብ'ቲ ቤት መግቢ እትሰርሕ ኣሳሳይት ናብ'ቲ ብሕፍረት ተዋሒጡ ዝነበረ መንእሰይ ቀሪባ፡ "ኣነ ክምርዓወካ" ብምባል ንታ ናይ ቃል ኪዳን ካትም ኣብ ጻብዕታ ከእትወላ ለመነቶ። እቲ መንእሰይ እንተስ ንታ ናይ ቅድም ኣፍቃሪቱ ከጕሂ እንተስ ብተግባራት እታ ኣሳሳይት ተመሲጡ፡ ንታ ንኣፍቃሪቱ ዝሓሰባ ካትም ኣብ ጻብዕቲ እታ ሰራሕተኛ ብምስኳዕ ሽዑ ንሽዑ ቃል ኪዳን ኣሰረላ። እታ ብማዕከናት ዜና ሊብኖስ "ዕድለኛ" ዝብል ስም ዝረኸበት ኣሳሳይትን እቲ መንእሰይን ድማ ሕጽኖቶም ኣብ ቱርኪ የሕልፍዎ ኣለዉ።

ቀጻልነት ናይ`ቲ ሓዳር ንብዙሓት የካትዕ'ኳ እንተሎ፡ ኣብ መወዳእታ ግና እታ ኣሳሳይት ዋላ ፍትሕ እንተጋጠማ ኸማን፡ ረቢሓ ከም እትወጽእ ብዙሓት ይሰማምዑ። ተባዕን ትኪን መውጽኢ ኣይስእኑን ይብልኹም ነዚ`ዩ።



## ዜሰደምም ባህሊ ጽንብላት መርዓ



ጽንብል መርዓ ጀርመናውያን ምስ ተዛዘመ ኣዝማድን ኣዕሩኽን መርዑት፡ ነቲ ዝበልዕሉን ዝሰተዩሉን ፕያቲታትን ብርጭቆታትን ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ድሕሪ ምስባርን ዛሕዛሕ ምባልን ናብ ቤቶም የምርሑ። መርዓውቲ ድማ ካብ'ታ ቀዳመይቲ ዕለተ መርዓኦም ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ልምዲ ከማዕብሉ ብምሕሳብ፡ ነቲ ኣብ ክፍልታቶም ዝርከብ ስብርባርን ርስሓትን ከጽርዩዎ ይሓድሩ።

ኣብ ኬንያ፡ ሕጽኖት ምስ ተወደአ መርዓዊ ንሰለስተ መዓልቲ ክዳን ደቂ ኣንስትዮ ክኽደን ይግደድ። እዚ፡ ተራ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምእላይ ገዛ ዓቢ ምዃኑን ብዘይብእኣን ዋጋ ከምዘይብሉን ምእንቲ ክስቆሮ ተባሂሉ ዝፍጸም ልምዲ'ዩ።

ኣብ ኣልባንያ፡ መርዓት ሓዳራ ምስ ወጸት ኑቶም ኣብ ቀጻሊ ምስ ሰብኣያ ከባእስዋ ይኽእሉ'ዮም ኢላ ትኣምነሎም መናፍስቲ ንምብራር ንሰለስተ መዓልቲ ብዘይዕረፍቲ ስራሕ ገዛ ክትሰርሕ ትግደድ።

ኣብ ስሪላንካ ኣመንቲ እምነት ሳንሃል፡ 'ዝኾነ ሓዳር ክዕወት እንተኾይኑ፡ እቶም ክልተ ተጻመድቲ ኣብ ተመሳሳሊ ወርሒ ዝተወልዱ ክኾኑ ኣለዎም' ዝብል ጽኑዕ እምነት ስለ ዘለዎም፡ መንእሰያት ፍቕራዊ ዝምድና ኣብ ዝሓስቡሉ እዋን ብዛዕባ መልክዕን ትሕዝቶን'ታ ጕርዞ ዘይኰነ ኣቕዲሞም ብዛዕባ ዝተወልደትሉ ወርሒ'ዮም ዘጻርዩ። ዕለት ትውልዶም ዝሰማማዕ እንተኾይኑ ድማ ቅዳሕ ዝተውልድሉ ወርሒ ናብ ስድራ'ታ ጓርዞ ይሰዱ።

እንዳ-ጓል "ሕራይ" እንተኾይኑ መልሶም፡ እቲ መርዓ ኣብ ተመሳሳሊ ወርሒ ይካየድ። ኖእ እንተኾይኑ ድማ፡ ክሳብ ተመሳሳሊ ወርሒ ዘለዎ መንእሰይ ዝመጻ ይጽበዩ።

እቲ ዘገርም ኣብ መንጎ ኣመንቲ እምነት ሳንሃል ፍትሕ ኣየጋጥምን'ዩ።

# ዝተጠልመ ኣፍቃሪ

ሪቻርድ ባቲስታ ዝተባህለ ኣመሪካዊ ሓኪም፡ በዓልቲ ቤቱ ናይ ፍትሕ ጠለብ ምስ ኣቕረበትሉ "ክፈትሓኪ እንተኾይነ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመታት ዝለገስኩልኪ ኩሊተይ ምለስለይ" ከም ዝበላ ኒውስ ደይ ዝተባህለ መጽሔት ሓቢሩ።

እቲ ዛንታ ከምዚ'ዩ። ተጻመድቲ ሪቻርድን ዳንወልን ንኣርባዕተ ዓመት ምዉቕ ፍቕራዊ ህይወት ድሕሪ ምሕላፎም፡ ዳንወል ብሕማም ኩሊት ክትሳቐ ጀሚራ። ነዚ ንምፍዋስ ድማ ሪቻርድ ኣብ መዓልቲ ፍቑራት 2012 ሓንቲ ኩሊቱ ከም ህያብ ይልግሰላ'ሞ፡ መተካእታ ዝረኸበት ዳንወል ካብ ሕማማ ምሉእ ብምሉእ ትሓዊ። ድሕሪ'ዚ እዞም ክልተ ሰባት ሓዳር መስሪቶም ክልተ ውሉዳት'ውን የፍርዩ። እንተኾነ፡ ኣብ ሓዳር ምስምማዕ ስለ ዝሰኣኑ፡ ዳንወል ናብ ቤት ፍርዲ ከይዳ ናይ ፍትሕ ክሲ ትምስርት። "ተጠሊመ'የ" ዝበለ ሪቻርድ ድማ "ዋላ'ኳ ንዘተሃስየ ልበይ ክጽግን እንተዘይከኣልኩ፡ ኩሊተይ ግን ክትመልሰለይ ኣለዋ" ዝበል ካልእ ጥርዓን የቕርብ።

ጠበቓ ሪቻርድ ዶሞኒክ ባርበራ፡ ነዚ ጉዳይ ኣመልኪታ፡ "ዓሚለይ ብፍቕሪ ተሓባቢሉ ንዳንወል ኩሊቱ ለጊሱላ'ዩ። ሪቻርድ ንፍቕሮም ክብል መስዋእቲ ከም ዝኸፈለ ኢና ንፈልጥ። ዳንወል ግና ሓዳሮም ክቕጽል ክትጽመምን መስዋእቲ ክትከፍልን ፍቓደኛ ኣይኮነትን። ስለዚ፡ ኩሊት ብግብሪ ክትህቦ ዘይከኣል'ኳ እንተኾነ፡ ናይ 1.5 ሚልዮን ዶላር ካሕሳ ክትከፍለና ግና ሓቲትና ኣለና፡" ትብል።



ኣብ ዩንቨርሲቲ ጆርጅ ታውን መምህር ስነ ምግባር ሮበርት ፊትሽ ብዛዕባ'ዚ፡ "ረዲኻ ብውህብቶ ዝሃብካዮ ነገር ክትመልስ ኣይከኣልን'ዩ" ድሕሪ ምባል፡ ሪቻርድ ድሕሪ ሕጂ ኣብ ዝምስርቶ ፍቕራዊ ዝምድናታት ኣካላቱ ከም ህያብ ካብ ምሃብ ክቑጠብ ምዒዱ ኣሎ።

# ቅርሱብ ሰራቒ



ሓደ ሰራቒ፡ ዝሰረቓ መኪና ምስ ተበላሸወቶ፡ ናብ ጋራዥ ወሰዳ። እቲ ዘገርም ድማ፡ ዋና'ቲ ጋራዥ ዋና ናይ'ታ መኪና ምዃኑ'ዩ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ ሰራቒ ዘየስተብሃለሉ ኣብ'ታ ማኪና 20 ሺሕ ዶላር ምንባሩ'ዩ።

ጋዜጣ ደይሊ መይል ነቲ ሰራቒ "ናይ'ዚ ዓመት ናይ ዓለም ቅርሱስ ሰራቒ" ክትብል ሰምያቶ'ላ።

# መፈተኒ ትብዓት



ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ኣፍሪቃ ዝርከቡ ቀቢላ ፎላን፡ ወይ ድማ ሃውሳ፡ 'ፈተና ትብዓት' ዝጽዋዕ ፌስቲቫል ኣለዎም፡፡ ሰብኣይ'የ ኢሉ ንነብሱ ዝኣመነላ ጎበዝ ድማ፡ ጥራይ ዝባኑ ኰይኑ ሚእቲ ግዜ ብዅርማጅ ይግረፍ።

ኣብ`ዚ ናይ መግረፍቲ እዋን፡ ዝኾነ ናይ ቃንዛ ድምጺ ከስምዕ የብሉን። ኣብቲ ግዜ መቕርቡ "ኣጆኻ ኣይተሕፍረና" ዝብልን ካልእን መተባብዒ ቃላት የውሕዙሉ። ኣብ'ቲ ፈስቲቫል ዘይተሳተፈ መንእሰይ፡ ብጎራዙ'ቲ ቀቢላ ይጽላእን ንመርዓ'ውን ኣይምረጽን። ኩሉ ወዮ እዩ፡ ተሳቲፍካ ወዮ፡ ኣይተሳተፍካን ከኣ ወዮ።

# ብእስኮሜሳ ተለፎን ዝወሓጠ

ሓደ ወዲ 28 ግብጻዊ ከቢድ ቃንዛ ጌርሉ ናብ ሕክምና ብምኻድ ድሕሪ ዝተገብረሉ ናይ ራጂ መርመራ፡ ኖክያ ዝዓይነታ ሞባይል ውሒጡ ጸኒሑ። እቲ መንእሰይ ድሕሪ ምሕዋዩ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ምስ ኣዕሩኽቱ፡ "ነዛ ሞባይል እውሕጣ'የ፤ ኣይትውሕጣን ኢኻ" ዘንቀሎ ምውርራድ፡ ፡ ቅድሚ ሰለስተ ኣዋርሕ ከም ዝወሓጣ ገሊጹ። ቀልቀል ክወጽእ እንከሎ፡ ምስ'ቲ ቀልቀል ተሓዊሳ ክትወጽእ'ያ ዝብል ግምት ከም ዝነበሮ'ውን ወሲኹ።

ነቲ መንእሰይ መጥባሕቲ ዘካየደሉ፡ መሓመድ ኣልሃዲ ዝተባህለ ዶክተር፡ "ኣብ ህይወተይ ከም'ዚ ዓይነት ነገር ኣጋጢሙኒ ኣይፈልጥን'ዩ" ብምባል፡ ስኮሜሳ ክንገብር እንከለና፡ ፍኹስ ዝበለን ዝሓቅቕን ነገራት ክንውሕጥ ይምዕድ። እቲ ካልእ ኣገራሚ ነገር፡



ዋጋ'ቲ ስኮሜሳ'ዩ። እዚ ተሌፎን ምልእቲ ዝወሓጠ መንእሰይ 10 ዶላር ጥራይ'ዩ ስዒሩ።